# ዘልኣለማዊ ናይ ደም ኪዳን

ብላርይ ችኮረፍ

**ዘልኣለማዊ ናይ ደም ኪዳን**

ብ ላሪይ ችኮረፍ

ፍሉይ ቅዳሕ 2.6
ISBN – 978-0-9676731-8-9
ክረምቲ 2008

Copyright © 2004 ብ ላሪይ ችኮረፍ
ብዓለምለኻዊ ቤት ትምህርቲ መጽሓፍ ቕዱስ ተሓትመ፣ ማሬየታ፣ ጂኤ፣ ሕ.መ.ኣ

ዘልኣለማዊ ናይ ደም ኪዳን! ብናይ ወደ-መዝሙር ስርዓተ ትምህርቲ፣
ኣብ ዓለምለኻዊ ቤት ትምህርቲ መጽሓፍ ቕዱስ ተሓትመ
ማሬየታ፣ ጂኤ

ምሉእ ዋንነት እዚ መጽሓፍ ናይ ጸሓፊኡ ኮይኑ፣ ግናኸ ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ብምሉእ ንምዝርጋሕን ምብዛሕን ይከኣል እዩ። ብዘይ ናይ ጸሓፊ ወይ ሓታሚ ፍቓድ ዝኾነ ዓይነት ምምሕያሽ (ለውጢ) ኣይፍቐድን፣ ብዘይ ፍቓድ ምሻጡን ደጊምካ ምብዝሑን ክልኩልን ሓጢኣት'ውን እዩ።

ኤለክትሮኒክስዊ ሓበሬታን info@isob-bible.org ወይ www.isob-bible.org

ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ፣ ብፍላይ እንተዘይተጠቂሱ፣ ካብቲ ብ1957 ዝተሓትመ፣ ቀዳማይ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ ትግርኛ ዝተወሰደ እዩ።

ናይ ገበር ስእሊ፣ ትሬስይ ዲይዝ

## መቕድም

ኣብ 1ይ ቈረንጦስ 1፣18ን 2፣5 ሃዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፣ ኣነስ ነቲ እተሰቕለ ክርስቶስ ጥራይ ክሰብክ'ምበር፣ ብብሉጽ ዘረባ ወይ ብጥበብ ክዛረብ ኣይመጻእኩን። እዚ ዘመልከተልና እቲ ሓይሊ ኣብ መስቀል ወይ ኣብ ናይ የሱስ ደም ከም ዘሎ። ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 17 ኣብ ኣቴንስ ምስቶም ሊቃውንትን ጸሓፍትን ተካቲዑ ከም ዝጎሃየ ካብ ተመኩርኡ ንርኢ።

ካብ ተመኩሮይን ካብ ናይ ካልኦት ዝፈልጦም ተመኩሮን፣ ኪዳን ናይ ደም ምስ ኣንበብና ምርዳእና ካብ ኣእምሮና ሓሊፉ ናብ ልብና ከም ዝኣተወ፣ ብካልእ ኣዘራርባ ኪዳን ናይ ደም ብየማናይ ክፋል ኣእምሮና (ሓንጎልና) ጌርና ከም እንርድኦ ኣርኢዩና፣ ምኽንያቱ የማናይ ክፋል ሓንጎልና ኣብ ናይ ልቢ ቛንቛን ኣብ ፈጠራታትናን እዩ ዝነጥፍ፣ ጸጋማይ ክፋል ግን ኣብ ኣእምሮኣዊን ኣተሕሳስባን እዩ ዝነጥፍ።

ኣዳምን ሄዋንን ካብታ ጽቡቕን ሕማቕን እተፍልጥ ኦም ክበልዑ መሪጾም። እዚ ከኣ ካብ ኣተሓሳስበኦም እዩ። እታ ኦም ህይወት ግን ቓል ናይ ኣምላኽ እያ ኔራ።

ብዙሓት ዝፈልጦም ክርስትያናት፣ ብዙሕ ፍልጠት ኣብ ርእሶም (ሓንጎሎም) ዘለዎም ግን ዝምድነኦም ምስ የሱስ ሓቀኛ ካብ ልቢ ዘይኮነ።

ምዕራፋት ዘልኣለማዊ ናይ ደም ኪዳን ክተንብቡ እንከለኹም፣ ናብ መንፈስኩም ክሰሉክ ኣፍቅዱሉ። ልክዕ ንየሱስ ክትመስሉ ዘኽእለኩም ቀረብ ተቐሪብልኩም ኣሎ። ንነፍስኹም ከምቲ ኣምላኽ ዝርእያ ከም ሓዳሽ ፍጥረት፣ ኣብ ሓድሽ ዓሌት ከም ዝተወለድኩም፣ ኣብ ልዕሊ መንፈሳዊ ጸላእትኩም ስልጣን ከምዘለኩም ጌርኩም ክትርእይዎ ኢኩም። ጊልያነት፣ ወልፍታት፣ ሕማቕ ኣመላኽታታት፣ ጸቕጥታት፣ ፍርሒታት፣ ጭቕናታት፣ ተስፋ ኣልቦ ምኺን ብናይ ኣምላኽ ፍቕሪ ክትካእ እዩ።

## ምስጋና

ነዛ መጽሓፍ ክጽሕፍ ዝሓገዘትንን ዘተባበዐትንን ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ካሮል ከመስግና ይደሊ።። ብሓቒ ክዛረብ እንተኮይነ ነዛ መጽሓፍ ክጽሕፍ ዝደፋፈአትኒ ካሮል እያ። እዞም ምዕራፋት ናይ'ዛ መጽሓፍ ኣብቲ ናይ ዓለምለኻዊ ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ ቤት ትምህርትና፣ ኣብ ማውንት ፓራን ሰሜን ቤተ ክርስትያን ኣምላኽ (Mount Paran North Church of God) ንምህሮም እዮም።

ኣዕሩኽተይ ኣንቢቦም ስለቲ ዕዙዝ ምክሪ ዝሃቡኒ። ንማውንት ፓራን ሰሜን ቤ/ክ ናይ ኣምላኽ (Mount Paran North Church of God) ስለቲ ነዛ ትምህርቲ ኣምጺኦም ዘደንቅ ስራሕ ብምስርሖም፣ ንኩሎም ናይ ዓለምለኻዊ ቤት ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ መሳርሕተይ ንማሕተም ክትበቐዕ ዘተባበዑና።

ንኩሎም ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ህይወቶም ፈተነ ስዒሮም፣ ነዚ ነገር ከነካይድ ዘፍቀዱልና፣ ንኩሎም ብሓፈሻ ከመስግኖም ይፈቱ።

2006

# ትሕዝቶ

መእተዊ 6

ምዕራፍ 1፣ ሃይማኖት ወይ ደም? 8

ምዕራፍ 2፣ ብኣዳም ድዩ ተጀሚሩ? 14

ምዕራፍ 3፣ ጸጋ ብውርሻ 19

ምዕራፍ 4፣ ዝያዳ ኩሉ ብዛዕባ ናይ ደም ኪዳን 25

ምዕራፍ 5፣ ቃኤልን ኣቤልን 33

ምዕራፍ 6፣ ኖህ ጸጋ ረኺቡ 41

ምዕራፍ 7፣ ኣብርሃም ጸጋ ተቐቢሉ 51

ምዕራፍ 8፣ ጸጋን ናይ ደም ኪዳንን 58

ምዕራፍ 9፣ እቲ ደማዊ ጉድጓድ 65

ምዕራፍ 10፣ ግብረ መልሲ ናይ ኣብራም ንኪዳን 71

ምዕራፍ 11፣ መርገም ብኪዳን እዩ ዝስበር 78

ምዕራፍ 12፣ ጊልያ ኮይንካ ትፈልጥ'ዶ? 84

ምዕራፍ 13፣ ዕምቖት ናይቲ ዝምድና 94

ምዕራፍ 14፣ ማዕበላት ኣብ ህይወትካ ብከመይ ተህድኦ 103

ምዕራፍ 15፣ መን እዩ እቲ ዘይግዙር ፍልስጤማዊ? 112

ምዕራፍ 16፣ ካብ ሎ'ደባር ናብ የርሳሌም 121

ምዕራፍ 17፣ ዕላማ ናይ ደም ኪዳን - ኣብ ህይወትካ 129

ምዕራፍ 18፣ መንፈስ ቅዱስ 135

ምዕራፍ 19፣ እቲ ደም ንፈውሲ እዩ 141

ምዕራፍ 20፣ ናይ ይሁዳ ኣንበሳ 149

ምዕራፍ 21፣ ትንቢት ኢሳይያስ ምዕራፍ 53 155

መወሰኸታ፣

# መእተዊ

ነፍስኻ ኣብ ሓዊ ናይ ህይወት ረኪብካያ ትፈልጥ'ዶ? ብህይወት'ከ ተሳዒርካ ትፈልጥ'ዶ? እቲ ኩሉ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽ፣ እዚ ናይ ዓለም ናብራ ብናይ ደም ኪዳን ምሳኻ ክቃየሮ ይብል ኣሎ።

ኣብ ትንቢት ዳንኤል ምዕራፍ3፣ ዛንታ ብዛዕባ ሓደ ንጉስ ኣሎ። ንጉስ ነቡካድነጻር ንምስሉ ብምስራሕ ኩሉ ሰብ ክሰግደሉ ኣዚዙ። ዝኾነ ሰብ እዚ ምስ ዘይገብር ናብ ግሁር እቶን ሓዊ ክድርበ ኣዋጅ ኣዊጁ። እቶም 3 ኣይሁዳውያን ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ግን ነቲ ምስሊ ናይቲ ንጉስ ምምላክ (ምስጋድ) ኣበዩ።

*"ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ነቲ ንጉስ ከምዚ ኢሎም መለሱሉ፣ ዎ ነቡካድነጻር፣ በዚ ነገርዚ ምላሽ ክንህበካ ኣየድለየናን። ዎ ንጉስ፣ እቲ እነምልኮ ኣምላኽ ካብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ኼናግፈና ይኽእል እዩ። ካብ ኢድካ'ውን ኬናግፈና እዩ። ዎ ንጉስ ንሱ ኼናግፈና እንተዘይፈተወ፣ ንሕናስ ንኣማልኽትኻ ኸም ዘይነምልኾም፣ ነቲ ዘቘምካዮ ምስሊ ወርቂውን ከም ዘይንሰግደሉ ፍለጥ በልዎ።"* (ዳን 3፣16-18) እቶም ኣይሁድ ኣብቲ ሓዊ እምነቶም ኣንቢሮም፣ እቲ ሓዊ'ውን መስዋእቲ ናይ ደም ኪዳን ዘኪሩ፣ ነቲ ንጹህ ገንሸል ኣብ ክንድኦም ሰወአ።

እዚ ዝኾነ ነገር ተኣምር እዩ። *"ሽው ነቡካድነጻር ብሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ብዙሕ ተናደደ። ትርኢት ገጹ'ውን ተለወጠ። ነቲ እቶን ካብቲ ዝነበሮ ሾብዓተ ኢድ ዝበለጸ ኼንድድዎ ኣዘዘ። ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ኪኣሰርዎም እሞ ናብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ኺድርብይዎም፣ ካብቲ ሰራዊቱ ሓያላት ሰባት ኣዘዘ። ሽው እዞም ሰባት እዚኣቶም ብቐምሾምን ባርኖሶምን መጎናጸፍያኦምን ብኹሉ ኽዳውንቶምን ተኣሰሩ፣ ናብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ከኣ ተደርበዩ። እቲ ትእዛዝ ንጉስ እምብዛ ስለ ዝገንሔ፣ እቲ እቶን ድማ ኣዝዩ ስለ ዝረሰነ፣ እቲ ሃልሃልታ ሓዊ ነቶም ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ዝደርበይዎም ሰባት ቀተሎም። እዞም ሰለስተ ሰባት እዚኦም ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን፣ ብእሱራቶም ናብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ወደቑ። ሽው እቲ ንጉስ ነቡካድነጻር ሰምበደ፣ ተቐላጢፉ'ውን ተንስኤ። ነማኸርቱ ድማ እቶም ኣሲርና ናብ ሓዊ ዝደርበናዮምሲ ሰለስተ ሰባትዶ ኣይኮኑን በሎም። ንሳቶም ከኣ ንንጉስ፣ ርግጽ እዩ ዎ ንጉስ ኢሎም መለሱሉ፣ ንሱ ኸኣ እንሆ ኣነ ኣርባዕተ ፍቱሓት ሰባት፣ ገለ እኳ ኺይተጎድኡ፣ ኣብ ማእከል ሓዊ ኪመላለሱ እርኢ ኣሎኹ፣ ትርኢት እቲ ራብዓይ ድማ ወዲ ኣምላኽ ይመስል፣ ኢሉውን መለሰ።"* (ዳኒ 3፣ 19-25)።

**እቲ እቶን ኣርባዕተ ሰባት ኔሮሞ እንተኾነ ግን ሰለስተ ሰባት ወጺኦም።**

*"ድሕሪዚ ነቡካድነጻር ናብ ኣፍ እቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ቐረበ እሞ፣ ሲድራቅ፣ ሚሳቅ፣ ዓብድ-ኔጎን፣ ኣቱም ባሮት ልዑል ኣምላኽ፣ ውጹ ናብዚ ንዑ ኢሉ ተዛረበ ሽው ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ካብቲ ሓዊ ወጹ። እቶም መሳፍንትን ሹመኛታትን ራእስታትን ኣማኸርቲ ንጉስን ተኣኪቦም ነቶም ሰባት እቲ ሓዊ ኣብ ስጋኦም ገለ ሓዊ ኸም ዘይነበሮ ረኣዩ። ጸጉሪ ርእሶም ኣይቃረየን፣ ክዳውንቶም ኣይተለወጠን፣ ኣረ ጨና ሓዊ እኳ ኣይሓለፎምን።"* (ዳኒ 3፣ 26-27)።

እቲ ራብዓይ ሰብኣይ፣ ኣምላኽ፣ ወዲ እግዚኣብሄር እዩ። ንሱ ኸኣ ነቲ ናይ ሞት መቕጻዕቶም ከኽንድኦም ተቀበሎ። ኣብቲ ሓዊ ምስኦም ብምእታው፣ ከምቲ ኩላትና ንፈልጦ ንሞት ስዒሩ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ከምዝተሰአ፣ ንዓካ ከኣ ከምኡ ክገብረልካ እዩ። ህይወትካ ኣብ ዝሃለወት ሃሊያ ጊልያነት፣ ቤት ማእሰርቲ፣ ስቃይ፣ ተስፋ ኣልቦ ኣብ ክንዳካ ነዚ ኩሉ ሕማቕ ህይወት ወሲዱ ነጻ ኸውጸኣካ እዩ።

**እዞም ሰለስተ ኣይሁዳውያን ብእምነት ቅኑዕ ዝኮነ ስጉምቲ ወሲዶም።**

ኣብ ሮሜ 3፣23 ኩሎም ሓጢኦም ይብል ወላ እዞም ሰለስተ ኣይሁዳውያን ሰብኡት። ኣብ ሮሜ 6፣22-23 *"ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፣ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጎይታና ናይ ዘልኣለም ህይወት እዩ። ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም፣ ንኣምላኽ'ውን ስለ እተገዛእኩምዎ፣ ፍሬኹም ንቕድስና ኾይኑ ኣሎ። መወዳእታኡ ከኣ ናይ ዘልኣለም ህይወት እዩ።"* ንኣብነት እዞም ኣይሁዳውያን ሰብኡት፣ ከምቲ ኣብ ዳኒ 3 ዘሎ *"ብካልእ ዓለባ ተኪድኑ"* ኣብ ኢሳ 61፣10 ከምዚ ይብል *"ከምቲ ኣኽሊል ኣብ ርእሱ ዝደፍአ መርዓዊ፣ ከምታ ብስልማት እተሰለመት መርዓት፣ እግዚኣብሄር ልብሲ ምድሓን ኣልቢሱኒ፣ ብመርግፍ ጽድቂ'ውን ኣጎልቢቡኒ እዩ'ሞ፣ ብእግዚኣብሄር ኣዝየ እሕጎስ፣ ነፍሰይ ብኣምላኸይ ባህ ይብላ ኣሎ።"*

ምኽንያት ዘይመንደዲኦ ክንርእይ ከለና፣ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ነቲ ሓጢኣቶም ወሲዱ ኣብ ክንድኦም ተቃጸለ። ነቲ ቅኑዕ የሱስ ስለዝተከተሉ ከኣ ከይተጎድኡ ካብቲ ሓዊ ኣምሊጦም።

ውጽኢት ሓራ ምውጻእ ናይዞም ሰለስተ ሰብኡት፣ ነባሪ ጥቅሚ ኔርዎ። ንጉስ ነቡካድነጻር ነቲ ዝኮነ ምስ ረኣየ ኣብ ምሉእ ዓለም ኣዋጅ ኣዊጁ። ኩሉ ሰብ ኣምላኽ ናይ ኣይሁድ ከምልኽ፣ እዚ ከኣ ብዝወሓደ ኽሳዕ እቲ ጫፍ ግዝኣቱ በጽሐ።

ኣብ ዳኒ 3፣28-30 ንጉስ ነቡካድነጻር ከምዚ ኢሉ መለሰ *“እቲ ንቶም ባሮቱ መልኣኹ ሰዲዱ ዘናገፎም ኣምላኽ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ይባረኽ። ንሳቶም ኣብኡ ተወኪሎም ትእዛዝ ንጉስ ኣበዩ፣ ብዘይ ንኣምላኾም ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኸየምልኹን ከይሰግዱንሲ ስጋኦም ወፈዩ፣ ከምኡ ጌሩ ኼናግፍ ዚኽእል የልቦን'ም ስለዚ ኣነ ዝኾነ ይኹን ካብ ብዘለው ኣህዛብን ወገናትን ቋንቋታትን ንኣምላኽ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ሕሱም ቃል ዜውጽእ፣ ንሱ ክስየፍ ቤቱ ከኣ መደርበይ ጎሓፍ ኽኸውን እእዝዝ ኣሎኹ ኢሉ መለሰ። ድሕሪዚ እቲ ንጉስ ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ኣብ ኣውራጃ ባቢሎን ሾሞም።”*


ክልተ ወገናት ቦታ ክቀያየሩ ከለው፣ እዚ ኣምር ናይ ደም ኪዳን እዩ፣ ቦታካ (ህይወትካ) ምስ ገለ ሰብ ክትቅያየር ትደሊዶ? ሓድሽ ህይወት ክትጅምር'ከ ወይ እንደገና ክትውለድ? ካብዚ ኩሉ ሓደ ትደሊ እንተኮንካ፣ እዛ መጽሓፍ ንዓካ እያ ኣንብባ።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገንዘብካዮ ፍቕሪ ናይ ኣምላኽ ኣብ ዘልኣለማዊ ናይ ደም ኪዳን እዩ ዝርከብ ስለዚ ንዕኡ ብእምነት ተቐቢልካ (ኣምጺእካ) ልክዕ ከምቶም ኣይሁድ ሰብኡት ኣምልኽ፣ እዚ ከኣ ክልተ ጥቅሚ ኣለዎ ሓደ፣ እቲ ህይወትካ “ትኪ እኻ ኣይጨንውን እዩ” እዚ ከምቲ ጂርይ ሰቪልል ሓደ ግዜ ዝበሎ “እንተዘይደነንካ ኣይክትነድድን ኢካ።” ካልኣይ፣ ብዙሓት ብኣካ ተጻልዮም ንኣምላኽ ክፈልጥዎ እዮም።

መን ምኧን'ኻ ንስካ ኣብ ክርስቶስ ብቐጻሊ ክርድኣካ ክጅምር እዩ። እቶም ሓሳባት ናይ ደም ኪዳን ንሓንጎልካ ንጎድኒ ገዲፎም ብቐጥታ ናብ ልብካ ክኣትው እዮም እዚ ከኣ እቲ ሓቐኛ ምስልካ ክርእየካ እዩ፣ ንዓካ ዘይበቕዕ ምኻኑ ኣርእዩ ነቲ ምሳካ ለጊቡ ዘሎ ሓሶታት ክሰጎልካ እዩ፣ ነቲ ሓድሽ ምስልካ ምስ ራእካ ጥራሕ ኣነባብራካ ክትቅይር ኢካ።

# ምዕራፍ 1

## ደም ወይ ሃይማኖት?



*“የሱስ በሎም ስጋ ወዲ ሰብ እንተ ዘይበላዕኩም ደሙውን እንተ ዘይሰተኩምሲስ፣ ህይወት ከም ዘይብልኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ፣ ስጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣላቶ፣ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኽተንስኦ እየ፣ ስጋይ ብልዒ ሓቂ እዩ’ሞ ። ደመይ ከኣ መስተ ሓቂ እዩ። እቲ ስጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ኣባይ ይነብር፣ ኣነውን ኣብኡ።”* (ዮሃ 6፣ 53-56)።

### ተኣምራት ምቅባል (ምእማን) ኣቢካ’ዶ ትፈልጥ?

ከም ኣመንቲ ሓደገኛ ኩነታት ኣጋጢሙና ይፈልጥ ይከውን፣ ኣብ ከምዚ ኩነታት እዩ ኣምላኽ ተኣምራት ክገብረልና ንጽበ። ኩሉ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ተኣምራቱን ከም ዘፍቅረናን ነንብብ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ ኣብ ኩነታትና ኣምላኽ ተኣምራቱ ክገብረልና (ከርእየና) ንልምኖ፣ ሓንሳብ ሓንሳብ ክወሃበና ከሎ ዝበዝሐ ግዜ ግን ኣይፍጻምን እዩ፣

### እንታይ ኢካ ትኣምን? ኣምላኽ ኣብ ጸበባካስ ኣበይ እዩ ዘሎ?

ምናልባት ካብ ኣብ ወንጌል ምዕራፍ6 ዘሎ ፍጻሜታት ንመሃር ንከውን፣ የሱስ ብመለኮታዊ ሓይሊ ልዕሊ 5,000 ከም ዝመገበ ንርኢ። ንሱ 5 ባኒን 2 ዓሳን ወሲዱ ንኩሉ ሰብ ዘገርም ተኣምራት ሰሪሑ፣ ሽዑ ንሳቶም እንታይ ኢሎም ሓሲቦም እዚ እቲ ሙሴ ዝተዛረበሉ ነብይ እዩ። እቲ ካብ ሰማይ እንደገና ማና ዘውርድ እዩ፣ *“የሱስ ድማ መጺኦም መንዚዖም ከንግስዎ ኸም ዝደለዩ ፈሊጡ ከም ብሓድሽ በይኑ ናብ ከረን ኣግለሰ፣”* (ዮሃ 6፣ 15)።

ደቂ መዛሙርቱ ብጃልባ ጌሮም፣ የሱስ ከኣ ባሕሪ ባሕሪ እናኸደ ብሓንሳብ ባሕሪ ተሳገሩ። እቶም ዝተመገቡ ህዝቢ ግን ካልእ ተኣምራታት ከርእዮም ንየሱስ ይደልይዎ ነበሩ። ምስ ወግሐ ከኣ ረኸብዎ።

### የሱስ ግና ነቲ ጠለቦም (ሕተኦም) ኣይገበረሎምን፣

*“የሱስ ድማ እትደልዩኒ ዘሎኩምሲ እንጌራ ስለ ዝበላዕኩምን ዝጸገብኩምን ኢኩም እምበር፣ ተኣምራት ስለ ዝርኤኩም ከም ዘይክንኩም፣ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ወዲ ሰብ ንእኡ ኣቦ ንሱ ከኣ ኣምላኽ ሓቲምዎ እዩ እሞ፣ ነቲ ንሱ ዚህበኩም ንዘለኣለም ህይወት ዚነብር ብልዒ እምበር፣ ነዚ ሓላፊ ብልዒ ኣይትግበሩ ኢሉ መለሰሎም።”* (ዮሃ 6፣26, 27)

የሱስ ከምዚ ክብል ገሰጾም፣ ጻዕርኩምሲ ንኣምላኽ ምድላይ ይኩን፣ ንእኦም እንደገና ምምጋብ ናይ ሓጺር ግዜ መፍትሒ’ምበር ነቲ ሓቀኛ ሽግር ኣብ ልብን መንፈስን ሰፊሩ ዘሎ ከምዘይፈትሖ ፈለጠ፣ የሱስ ነቲ ድሌታትና የማልእ እዩ እዚ ግን ድሌታትና ካብ ውሽጥና ንደገ እምበር ካብ ደገ ንውሽጥና ክከውን የብሉን፣ *“የሱስ ከኣ ግብሪ ኣምላኽ በቲ ንሱ ዝለኣኾ ኽትኣምኑ እዩ በሎም።”* (ዮሃ 6፣29)

ሽዑ የሱስ ሓደ መጻወድያ ቀረበሎም፣ ኩሉ ሻዕ ንሕና ብዛዕባ ንዋትን ዓለማዊን ጥራሕ ኢና ንሓስብ፣ ንሱ ከኣ ናብቲ ቀንዲ ጉዳይ ኣቃልቦና ዝስሕቦ።

*“ኣቦታትና ከምቲ ኪበልዑ ኻብ ሰማይ እንጌራ ሃቦም ዚብል እተጻሕፈ፣ ኣብ በረካ ማና በልዑ በልዎ። ሽዑ የሱስ እቲ ኻብ ሰማይ ዚወርድ ንዓለምውን ህይወት ዚህብ ናይ ኣምላኽ እንጌራ እዩ’ሞ፣ ነቲ እንጌራ ሓቂ ኻብ ሰማይ ዚሃበኩም ኣቦይ እዩ እምበር፣ ነቲ እንጌራ እቲ ካብ ሰማይ ዝሃበኩምሲ ሙሴ ከም ዘይኮነ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ በሎም። ሽዑ ንሳቶም ጎይታይ እቲ እንጌራ እቲከ ኩሉ ሳዕ ሃበና በልዎ። የሱስ በሎም፣ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ ናባይ ዚመጽእ ኣይጠምን፣ ብኣይ ዚኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን እዩ።”* (ዮሃ 6፣ 31-35)

ኣደናቂ ዝኮነ መልሲ ከኣ መለሰሉ፣ *“ሽዑ ድማ እቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ኣነ እየ፣ ስለ ዝበለ ኣይሁድ ብዛዕባኡ ኣጕረምረሙ።”* (ዮሃ 6 ፣ 41)

ዓሚቅን ዘገርምን መልሲ ሃቦም፣ *"እቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ሀይወት ኣነ እየ። ካብዚ እንጌራ እዚ ዝበልዓ ዘበለ ንዘልኣለም ኪነብር እዩ። እዚ ኣነ ምእንቲ ሀይወት ዓለም ዝህቦ እንጌራ ኸኣ ስጋይ እዩ።"* (ዮሃ 6፣51)። *"እቲ ስጋይ ዚበልዐ ደመይውን ዝሰቲ ኣባይ ይነብር፣ ኣነውን ኣብኡ።"* (ዮሃ 6፣56)

የሱስ ምስ ንዓለም ዝሰርሓ ኮይኑ ናይ ደም ኪዳን ክረክቡ ዕድል ሃቦም፣ የሱስ ኣብቲ ዘረባ ዝተጠቀመሉ ቃንቃ መለኮታዊ ናይ ደም ኪዳን እዩ።

እዚ እዩ ኸኣ ንዓይን ንዓኻን ዝሃበና ዕድል፣ ሓሲብካዮ'ዶ ትፈልጥ? እቲ ኩሉ ዝከኣሎ ኣምላኽ ቅዱስን ሓጢኣት ኣልቦን ዝኮነ፣ ምሳይን ምሳካን ሓጢኣተኛታት ሰባት ቦታ ክንቀያየር ዕድል ሂቡና፣ ሰባት ምስኡ፣ ምስ የሱስ ሓደ ክንከውን እንክእል በቲ ናይ ደም ኪዳን ምኮኑ ፈለጠ፣ ሰባት ነቲ ኪዳን እንተተቀቢሎሞ፣ ኩሉ ድሌታቶም ክማላኣሎም እዩ፣ ንሳቶም ብእኡ ይኣምኑ። ንሱ ከኣ ኣብኦም ይነብር፣ ስለዚ ኣየናይ ይሕሸካ ተኣምር ነዚ ናይ ሎሚ መዓልቲ ሽግርካ ዝፈትሕ'ዶ ወላስ እቲ መለኮታዊ (ኣምላኽነት) ኪዳን ናይ ደም?

"ብዙሓት ካብ ደቀመዛሙርቱ ነዚ ሰሚዖም። *"እዚ ዘረባ እዝስ ጭንቂ እዩ። መን ክሰምዖ ይክእል በሉ"* (ዮሃ 6፣60)።

የሱስ ዝገደደ ከቢድ ዝኮነ ዘረባታት ቀጸለ፣ እንተዝገድፈኩም'ሞ ደመይ ክትሰትዩን፣ ስጋይ ክትበልዑን ምሓዘይ እንተትስእኡ ክንዲ ምንታይ'ከ ምሓረቅኩም ኔርኩም፣ ንሱ ብዛዕባ ሞቱን ትንሳኤን እዩ ዝዛረብ ዌሩ፣ (ዮሃ 6፣62)። ባህሪ ናይ ሰብ ዓይንና ዘደንቅ ነገር ክንርኢ እዩ ትምኒትና።

**እቲ ቀንዲ ሓሳብ**

*"መንፈስ እዩ ህያው ዚገብር፣ ስጋስ ገለ እኳ ኣይጠቅምን እዩ፣ እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቓላት፣ መንፈስ እየን ህይወትውን እየን፣"* (ዮሃ 6፣63)። ብካልእ ኣዘራርባ ከምዚ እዩ ዝብል ዝነበረ 'ብሓቂ በላዕቲ ሰብ ተቀይርኩም ስጋይ ክትበልዑ፣ ደመይ'ውን ክትሰትዩ ዘይኮነስ፣ ግን ናይ ደም ኪዳን ምሳይ ክትኣትው እንተደሊኩም ንቃላተይ ብልዑ ምክንያቱ ቃለይን ኣነን ሓደ ኢና፣ ቃላተይ መለኾታዊ እዩ፣ ዝያዳ ንቃላተይ ዝሓዘ። ዝያዳ ደመይ ዝረከበ ማለት እዩ፣ ኪዳናት ብቃላት እዮም ዝስርሑ፣ ኣብዚ ከኣ እቲ ደም በቶም ቃላት ይትካእ ኣሎ ማለት እዩ፣ ሓቂ እዩ የሱስ ደሙ ኣፍሲሱ፣ ብቃሉ እቲ ደሙ ናባና ይቅየር (ይበጽሕ)። ንሱ ኩሉ ናቱ ዝኮነ ንዓካ ሂቡካ እዩ፣ ናይ ግድን እዩ ከኣ ኩሉ ናትካ ዝኮነ ከኣ ናቱ እዩ፣ ነቲ ውዕል ናይ ደም ኪዳን ከተቕርጾ ከኣ መጸዋዕታ ኣለካ፣ የሱስ ተጣዒሰ ብዘይ ተኣምራት፣ ካብዚ ኪዳን ወጺኦ ኣሎኩ።

*"ካብ ሽዑ ጀሚሮም ብዙሓት ካብ ደቂ መዛሙርቱ ንድሕሪት ተመልሱ ምስኡውን ኣይከዱን"* (ዮሃ 6፣66)።

ገለ ካብኣቶም ግን ተረፉ "ስለዚ የሱስ ነቶም ዓሰርተው ክልተ ። ንስካትኩምከ ክትከዱ'ዶ ትደልዩ ኣሎኩም በሎም፣ ስምኦን ጴጥሮስ ከኣ ጎይታይ ንስካ ናይ ዘልኣለም ህይወት ቃል ኣሎኩ። ናብ መን እሞ ክንከይድ ። ንሕናስ ንስካ ኽርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ምኮንካ ኣሚንናን ፈሊጥናን ኣሎና ኢሉ መለሰሉ ፣ (ዮሃ6:67-69)

የሱስ ሓይሊ ናይ ትንሳኤ ምውታን፣ በቲ ኪዳን ናይ ደም ጌሩ ተላዊጡ ሃበና፣ ስለዚ እቲ ሓይሊ ብስሙ ጌርና ኣብዚ መሬት ክንሰርሓሉ ተዋህበና።

ቅልጡፍ ምዕራይን ተኣምራትን ንጠባይካ ኣይሃንጾን እዩ፣ እንታይ ደኣ ባርያ ወይ ጽግዕተኛ እዩ ዝገብረካ፣ "ከይተዋረድኩ ተጋጊኩ፣ ሕጂ ግና ቃልካ እሕሉ ኣሎኩ፣" (መዝ 119፣67)። እግዚኣብሄር ዝፈጠረናስ ካብ ውሽጥና እምበር ካብ ወጻኢ ክንምገብ ኣይኮነን፣ ኣብ ማቴ6፣28 ከምዚ ዝብል ንዝከር ሊሊ (ዓይነት ፍዮሪ) ካብ ሰሎሞን ኣብሊጻን ይክደና ምክንያቱ ኣብ ውሽጠን ህይወት ስለ ዝርከብ፣ ምስንዳእናን፣ ድሌታትናን፣ ስምዒታትናን፣ መንፈሳውነትናን፣ ባህርያትናን ካብ ህይወት ናይ ኣምላኽ፣ ካብ ውሽጥና ደኣ ይምጻእ እምበር ካብ ካልእ ኣይኩን።

**ኪዳን ናይ ደም ኣብቲ ባህርይ ናይ ወድሰብ እዩ ተሰሪቱ፣**

ታሪኽ ከምዝሕብረና መብዛሕቱ ባህልታት ኣብ ዓለም ዘለው ነዚ ኪዳን ናይ ደም ከምዝፈልጥዎ፣ ኣብዚ ቀረባ ግዝያት ሰባት ብትምህርቲ ክስልጥኑ ጀሚሮም ስለዚ ከኣ ካብቲ እንታይነት (ትርጉም) ናይ ደም ኪዳን ምክንያት እንዳምጽኡ ክወጹ ጀሚሮም።

ኣብዚ ሎሚ ናይ ዓለምና ምዕባለ ኪዳን ብኮንትራት (ውዕል) ክንዛረበሉን ንክእል፣ ኮንትራት ዝበሃል ሰነድ ናይ ስምምዕ ኮይኑ ኣብ መንጎ ክልተ ዝተፈላለዩ ክፋላት ዝካየድ እዩ። ምስኡ ኣብቲ ውሽጢ ኮንትራት ዝስነድ ካልእ ከኣ እቲ ውዕል ምስፈረሰ ዝትግበር እዩ፣ እዚ ኩሉ ግን ስሰዕ እዩ። ምክያቱ እቶም ተኮናተርቲ ነቲ ውዕል ከምዘፍርስዎ ተገሚቱ፣

ኪዳን መሰረት ናይ ዝምድና እዩ፣ ፍቕሪ ኣብ መንጎ እቶም ተሳተፍቲ (ፓርቲ) ይገልጽ፣ ኪዳን መንፈሳዊ ልግሲ፣ መስዋእቲ፣ መወዳእታ ንነብስካ ምፍታው ትጸውር። ካልእውን መንፈሳዊ ትንሳኤ፣ ምሕዝነት ተጠቓልል፣ እዚ ውዕል ንምሉእ ህይወቶም እዩ ነቶም ተወዓዓልቲ፣ ነፍሲ ወከፎም ዘውንንዎ፣ ሓይሎምን ሃብቶምን ካልእን ይወሃሃቡ፣ ኣብ ናይ ኪዳን ዝምድና ነፍሲ ወከፍ ተሳታፊ ናቱ ድልየት ቀቲሉ፣ ናይቲ ካልኣዩ ድሌት ከማልእ ኣለዎ።

ኪዳን ኩሉ ሳዕ ኣብ መንጎ ማዕረ ዘይኮኑ ፓርትታት እዩ ዝፍጸም ንኣብነት ኣብቲ ጥንታዊ ባህሊ ምስ ንርኢ። ሓደ ፓርቲ ዓብይ ከእለት ኣብ ሕርሻ ይህልዋም ግን ኣብቲ ወተሃደራዊ ምክልካሎም ግን ንቑዓት ዘይኮኑ፣ እቶም ሓደ ከኣ ኣብቲ ምክልካል ሓያላት ክኮኑ ከለው ንህዝቦም ምምጋብ  ግን ከቢድ ጸገም  ይህልዎም ስለዚ እቲ ኪዳን ናይ ደም ዝምስርትዎ ናይ ሓባር ስምምዕ ኮይኑ ነንሕድሕዶም ድካሞም ክተካከሉ ወይም ክተሓላለዩ እዩ፣ ናይ ዝጠለመ መቕጻዕቲ ከኣ ሞት እዩ፣

ቀያሕቲ ህንዳውያን ክሰዓሩ(ክሞቱ) ምኮኖም እንዳፈለጡ ንጸዓዱ ኣጥቂያሞም፣ ስለምንታይ? ምኽንያቱ እቶም ጸዓዱ ዝኣተውዎ ኪዳን (ውዕል) ስለዘፍረሱ፣ እቶም ቀያሕቲ ህንዳውያን ንሞት ክናድይዋ መንፈሳዊ ግዴታ ኣለዎም፣ እዚ ማለት ከኣ እቲ ግዴታ ይዓቢ ካብቲ ዕንወቶም፣

ኣምላኽ ሓንጎልና ክሓድሶ ከነፍቅደሉ ይግባእ ምኽንያቱ ነቲ ኪዳን ኣጸቢቕና ክንርድኦን፣ ከነስተማቅሮን፣ ነቲ ኪዳን ብግቡእ እንተዘይተረዲእናዮ። መጽሓፍ ቅዱስ ሓይሉ:ስልጣኑ: ፍቕሩ:ኽንግንዘቦ ኣይንኽእልን ኢና። ኣብፍቅሪ ኣምላኽ ዓሚቕ ርድኢት እንተዘይሃልዩና። ኩሉ ሳዕ ነቲ ፍቕሩ በቲ ናትና  መዳይ ጥራሕ ኢና ንመዝኖ፣

ናይ ኪዳን ፍቕሪ መወዳድርቲ የብሉን። ብእብስራይጥ ምሕረት ኢሉ እዩ ዝግለጽ። እዚ ማለት ከኣ ፈቓር። ሕያዋይ ከምቲ ኣብ መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ23 ተገሊጹ ዘሎ፣ "ብሓቂ ሳህልን ምሕረትን ብኩሉ ዕድመይ ኪስዕባኒ እየን። ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ንዘልኣለም ክነብር እየ።" (መዝ23። 6)

ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ብግሪክ ኣጋፔ ዝብል ቃል ኣሎ። እዚ ማለት ከኣ ንሓደ ሰብ ሃረር ዘብል ፍቕሪ ክውሕዘካ ከሎ፣ እዚ ከኣ ኣብ ኤፌ 2፣4-7 ተገሊጹ ኣሎ ከምዚ ከኣ ይብል፣ "ግናኸ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኮነ ኣምላኽ ምእንቲ እታ ብእኣ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቕሩ። ንኣና ብበደልና ምውታት ከሎናስ። ምስ ክርስቶስ ህያዋን ገበረና። ብጸጋ ኢኩም ዝደሓንኩም። ምስኡውን ኣተንስኣና ኣብቲ ዝመጽእ ዘመናት ብሕያውነቱ እቲ ብሉጽ ሃብቲ ጸጋኡ ብክርስቶስ የሱስ ኣባታትና ምእንቲ ኼርኢ። ኣብ ሰማያት ብክርስቶስ የሱስ ምስኡ ኣቀመጠና።" (ኤፌ2 ፡፡ 4-7)

ንኩላትና ምስኡ ኣተንስኣና'ሞ ኣብቲ  መንግስተሰማያቱ ከኣ ኮፍ ኣበለና። እዚ ኩሉ ከኣ ብጎይታና የሱስ ክርስቶስ እቲ መሲሕ ኮነ።

እዚ ኩሉ ኣብ መዋእላት ዝገበሮ ብንጹር ከረድኣና ስለዝደለየ እዩ። እቲ መዐቀኒ ዘይብሉ ነጻ ዝኮነ ጸጋኡ። ምሕረቱን:ሕያውነቱን:ካብ ልቡ ዝኮነ ለውሃቱን ብጎይታና የሱስ ክርስቶስ ገለጾ።

**መግለጺ ናይ ደም ኪዳን**

ናይ ደም ኪዳን ዝበሃል ወግዒ (ጽምብል) ኣብ መንጎ ክልተ ሰባት ዝካየድ ኮይኑ። ነንሕድሕዶም ደሞም ክሰታተዩ(ደሞም ክመሓላለፉ) ከለው ይፍጸም። ሽዑ እቲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ምትእስሳር ጽኑዕ ዝኮነ።  ካብ ናይ ኣሕዋት ዝዓበየ ሕውነት ይፍጠር ማለት ኣ። እዚ ናይ ደም ኪዳን ኣብ ብዙሓት ዓድታት። ዝሰልጠኑን ዘይሰልጠኑን ወላውን ኣብ ጥንታዊ ግብጻውያን ኔሩ እዩ፣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ተደጋጊሙ ንረክቦ ኢና፣ ዶክተር ክለይ ትሩምበል። ዝበሃል ኣብዚ ኣርእስቲ ሳይንሳዊ መጽናዕቲ ዝገበረ እ። ከምዚ ከኣ ይብል "መበቆል ናይዚ ኪዳን ካብ ጥንታዊ እምነት እዩ ዝጅምር። ጥንታውያን ሰባት ከምዚ ዝብል ኣተሓሳስባ ኔርዎም 'ኣብ ሰብ እታ ህይወት ትበሃል ደም እያ። ልቢ ከኣ ምንጪ ናይ ደምን መንፈሳዊ መንነትናን እያ። ስለዚ ደም ምትሕልላፍ ማለት ነፍሲ ምትሕልላፍ ማለት እዩ፣" ደም ምምቃል። መለኮታዊ ሰብ ሙኻን። ሀዱእ ዝኮነ ሕብረት ኣብ መንጎ እቶም ኪዳን ዝኣትው ዘለው። ህብረት ኣብ መንጎ ባህርይ ናይ ሰባትን ምስ መለኮታዊ ሓይልን። እዚ ኩሉ ነገር ብናይ ሓንጎል ናይ ሰባት ክፍጸም። እቲ ዝለዓለ ፍጹም ዓወት እዩ። መሰረት ናይቲ ኪዳን  ኣብቲ ዘይሰልጠነን ግዜ ኣብ በላዕቲ ሰብ እዩ ነይሩ። ዕላማኡ ከኣ መስዋእቲ ምግባር እዩ። ኣብ ክንዲ ናይ ደም ሰብ ግን ሓደ እንስሳ ንጣኦቶም የወፍዩ ነበሩ ፣ ኣብ ገለ ገሊኡ ከኣ ቁሩብ ካብቲ ደም ኣብ መስተ ወይ ነቢት የንጥብሉ'ሞ ሽዑ ነቲ ደም ዘይብሉ ነቢት ይሰትይዎ። ካብቲ ነቢት ከኣ ንመርዓን ዕርክነትን ከም መብጽዓ ይጥቀምሉ። ኣብ ኣይሁድ ከኣ ምልክት ናይ ግዝረት እዩ። ኣብ ክርስትያናት ከኣ ኣብ ሃይማኖታዊ ጽምብል ንኣብነት ጥምቀት፣ ቁርባን ..... ወዘተ ይጥቀምሉ"።

ኣየናይ'ዩ ከም ተመክሮ ምሓዝ ዝሕሸካ። ሓደ ተኣምር ነዚ ዘሎ ጸገምካ ዝፈትሖ'ዶ ወላስ ተኣምር ናይቲ ኪዳን ደም ምስ ፈጣሪ ዝዓለም?

ከምቶም ደቂ መዛምርቱ ንየሱስ ዝገደፍዎ ኣብ ዮሃንስ ምዕራፍ6 ዝራእናዮ። ከምኣቶም ኣይትኩኑ። ብዙሓት ክርስትያናት ብሓንጎሎም'ኻ እንተዘይረሓቑ ግን ነቲ ናይ ኣምላኽ ቃል ኣይሕብሕብዋን እዮም። ከምቲ ኣብቲ ኪዳን ዝብሎ፣

ኢሳ5፣33 "ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን እዩ። ብዓል ስቃይ ብሕማም ልዱይ ከምቲ ኣብ ቅድሚኡ ገጾም ዚጉልብቡሉ ሰብ እተዋረደ እዩ። ንሕናውን ገለ እኳ ኣይቖጸርናዮን፣" ኣብዚ ቅዱስ ጽሑፍ ብዛዕባ መን'ዩ ዝዛረብ ዘሎ? የሱስ መን'ዩ የሱስ ? የሱስ ቃል ናይ ኣምላኽ ማለት እዩ። ምንዓቅ ማለት ዋጋ ዘይብሉ ማለት እዩ ስለዚ ስለምንታይ ደኣ እዮም ብዙሓት ክርስትያናት ነቲ ቃል ኣምላኽ ዝንዕቅዎን ዋጋ ዘይህብዎን።

ነቲ ቃል ኣምላኽ ምስሰማዕናዮን ምስተኣዘዝናዮን ባርኮትና ይዓዝዝ መርገምና ከኣ ካብ ህይወትና ይርሕቕ፣ ኦሪት ዘጸ 28፣2 "ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተሰሚዕካስ። እዚ ኩሉ በረከት ኪመጸካን ኪረክበካን እዩ"ኦሪት ዘጸ 28፣15 "ግናከ ኪኸውን እዩ። ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካስ እንተ ዘይሰማዕካ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘለኹ ኹሉ ትእዛዛቱን ሕጋጋቱን ንምግባሩ ድማ እንተ ዘይተጠንቀቕካ እዚ ኩሉ መርገም ኪመጸካን ኪረክበካን እዩ፣"

ግሁድ ዝኾነ ተኣምር ክሳዕ ሕጂ ኣይራእካን። ክትርእይ ድሌት እንተሃልዩካ ነዚ ፈጽም። ተጊህካ ቃል ኣምላኽ ስማዕ። ውዕል ናይቲ ኪዳን ደም ከኣ ኣጽኒዕካ ሓዞ። ዝኾነ እንተኾነ'ውን ነቲ ቃል ኣተግብር። እዚ ቃል ናይ ኣምላኽ ብቀጥታ ካብ ከናፍር ናይ የሱስ ናብ ልብካ ዝኣትው። ስለዚ ነዚ ዝምድና ዉሉፍ ክትከውን ኢካ፣

ኣነ ዝጽልየልካ ካብቲ ትደልዮ ነገር ንላዕሊ ክትጽለው ከምኡ'ውን ምስቲ ፈጣሪ ዓለም ቃል ኪዳን ከምዝኣተካ ምስተገንዘብካ። ዝምስጥ ተመክሮ ናይ ኣረኣእያን ኣክብሮትን ክትረክብ እየ ዝደልየልካ፣ ነቲ መለኮታዊ ባህርይ ክትሕዞ። እዚ ከኣ እኩል ኮይኑ ይስመዓኒ ካብ ነብስካን ግዝያዊ ድሌታትካን ወጺእካ ናብ የሱስ ክትምለስ፣

ሓንቲ ዛንታ ሰሚዐ ኔረ ብዛዕባ ሓደ ናይ ሓኪም ኣእምሮ ምስ ሓንቲ ሰበይቲ ምክሪ ዝደለየት። ንሳ ንሓምሻይ ግዚኣ እያ ትመጽእ ኔራ። እቲ ሓኪም እንታይ ይብላ "እሞ መድሃኒት ክጽሕፈልኪ እየ። እዚ ከኣ ምሉእ ብምሉእ ክሕውየኪ እየ" ንሳ ከኣ "ሐራይ ጽቡቕ። በል ክርእዮ" ትብሎ። ንሳ ምስረኣየቶ ነቲ ዝኣዘዘላ "እዚ መስሓቕ እዩ ወረ የሕፍር ገንዘበይ ወሲድካ'ከ ከመይ ጌርካ ከምዚ ትህበኒ? እዚ ዝብል ዘሎ ናብ ሓደ ጽቡቕ ሆቴል ክኣትው ሽዑ ንኣርባዕተ መዓልቲ ኣብ ሓደ ደንደስ ናይ ቴራሶ ኮይነ ክዕዘብ እዝስ ከመይ ጌሩ ዝሕግዘኒ?" በለቶ። እቲ ሓኪም ከምዚ ኢሉ መለሰላ "ን5 ሰሙን ዝከውን ብዛዕባ ሕልምኪ፣ ጸገምኪ፣ ካልኦት ሰባት ከመይ ከም ዝሃሰዩኪ፣ ካልኦት ሰባት ርእይተኦም ብዛዕባኪ .....ወዘተ ። ስለዚ ኣነ ክርእየኪ ደልየ ዘለኹ ካባኪ ዝዓቢ ነገር ከምዘሎ'ሞ ኩሉሳዕ ብዛዕባ ነብስኪ ምሕሳብ ክትገድፍዮ"እየ በላ፣

ቃል እተወሉ ንየሱስ። ነቲ ናይ ኪዳን ደም ቃል ከምትስዕቦ። ኣብቲ ዝተቀበልካዮ ተምሳጣዊ ዝኾነ ኪዳን ደው በል ብፍጹም ከኣ ዝተፈልየ ሰብ ክትከውን ኢካ፣

# ምዕራፍ 2

## ብኣዳም ድዩ ተጀሚሩ?

ካብ ታሪክ እንተዘይተማሂርና ዓያሹ ኢና፣ ኣበይ ከምዘለና ሕጂ ክንፈልጥ ተመሊስና ናብ ታሪክ ክንርኢይ ይግባእ፣ ብዙሓት ሰባት ናብ ናይ ቀደሞም ታሪክ ይምለሱ ምእንቲ ከመይ ዓይነት ናብራ ይነብሩ ኔሮም ክፈልጡ። እዚኣቶም ከኣ እስረኛታት ናይ ትምክሕቲ ይበሃሉ፣

እዚ ምዕራፍ ብዛዕባ እግዚኣብሄር ንሰብ ክፈጥሮ ከሎ ገለ ሓሳባት ክትህበና ዝተጻሕፈት እያ። ኣብዚ ከኣ እግዚኣብሄር ኣበይ ከወስደና ሓሲቡን እቲ ዳግመ ምምላስ ስርሓቱን ብዝበለጸ ክንርእዮ ንክእል፣

**ዛንታ ኣዳም**

ዘፍ 2፣7 "እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ። ኣብ ኣፍንጭኡ ድማ ትንፋስ ህይወት ኡፍ በለሉ'ሞ እቲ ሰብ ህያው ነፍሲ ኮነ፣"

ጎይታ ንስርሓት ካይላ ዝመሳሰል እዩዝሰርሐ። ብብልሕን ብስነፍልጠታውን ጌሩ ንኣዳም ካብ ሓመድ ሰርሖ፣ብገለ መንገዲ ጎይታ ካብ እስትንፋሱ ኡፍ በለሉ'ሞ። እቲ ውጽኢት ከኣ ኣዳም ናይ እግዚኣብሄር ህይወት ተቀበለ፣ እቲ ካልኣይ ውጽኢት ከኣ ናይ ኣዳም ነፍሲ እዩ፣ ኣዳም ናይ እግዚኣብሄር ምሉእ ደም ኔርዎ። ሽሕ'ኳ ኣዳም መለኮታዊ ባህርይ ከም የሱስ እንተዘይነበሮ ሰብ ምስ ኮነ፣

እግዚኣብሄር ንኣዳም እንተዘይተኣዘዝካኒ ሞት ክትመውት ኢካ ኢሉ ኣጠንቀቆ፣ሽዑ ንሽዑ ከኣ መንፈሳዊ ሞት ሞተ፣ድሕሪ 900 ዓመታት ከኣ ስጋዊ ሞት ሞተ፣ ኣካላቱ ሞት ክርድኦ ክንድዚ ዓመታት ወሰደሉ፣ ብጸጋ ኣምላኽ እዩ ከኣ ኣብዚ ዝሞተ ኩነታት ንዘልኣለም ዘይነበረ፣ ኣብ መንግስተ ሰማያት ንኣዳምን ሄዋንን ክንርእዮም ኢና! እታ መሬት'ውን ግብረ መልሲ ክትህብ ጀሚራ። ማዕበላት ዕንወት ከውርዱ ጀሚሮም። እንስሳታት ቀደም ሕያዋት ዝነበሩ ሕሱማትን ሓደገኛታትን ኮይኖም፣

**ኣዳም ካብ መበቆሉ ንመሬት ክገዝኣ ስልጣን ተዋህቦ፣**

ዘፍ1 ፣26-28 "ኣምላኽ ከኣ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር። ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ ለመምታን ይግዝኡ በለ፣ ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ፣ ተባዕታይን ኣንስታይን ገይሩ ፈጠሮም፣ ኣምላኽ ከኣ ባረኾም ኣምላኽ ድማ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኽዋን ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ እንስሳ ከኣ ግዝኡ በሎም፣"

ኣዳም በይኑ ክሰርሕ ዘይኮነስ ምስ እግዚኣብሄር ክተሓባበር ተኣዘዘ፣ እግዚኣብሄር ብቃል ኣምላኽን ብህይወት ናይ ትኽክልን ከነብር ንኣዳም ኣዘዞ፣ ናይ እግዚኣብሄር መደብ ምስ ኣዳም ዕርክነት ምፍጣር እዩ ኔሩ። ንኣዳም ክዛረቦ። ኣዳም ከኣ እቲ መደባቱን ሓሳባቱን ክትግብረሉ ብስራሕ ምእዛዝ ጥራሕ ዘይኮነ ወላ ንሱውን ከማክር፣ ኣዳምን ሄዋንን ውሽጣዊ ዝኮነ ዕርክነት ምስ ኣምላኽ ክገብሩ ተፈጢሩ። ንቅሩብ ግዜ ከምኡ ዓይነት ኣካይዳ ከ። መብዛሕቲኦም ሃይማኖተኛታት ሰባት ነዚ ኣይቅበልዎን እዮም፣ ፍረ ናይዛ ዓለም ካብ ምቅርራብ (ምሕዝነት) ናይ ኣዳምን እግዚኣብሄርን እዩ፣መሬት ብቃል ናይ ሰባት ክትግዛእ እያ ተፈጢራ ኩሉ ኣብ መሬት ዘሎ ንቃል ናይ ሰብ ይምልስ እዩ፣መሬት ብቃል ናይ ሰባት እያ ተገዚኣ ትከይድ፣

መዝ 8፣2 "ምእንቲ ተቃወምትካ ነቲ ጸላእን ፈዳይ ሕነን ስቅ ከተብሎ ካብ ኣፍ ቆልዑን ዚጠብውን ሓይሊ ኣዳሎካ"፣ መዝ8፣6 "ኣብ ልዕሊ ግብሪ ኣእዳውካ ሸምካዮ ንኩሉ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ገርካዮ"

ኣዳም ፍረኣ ኣይትብላዕ ኢሉ ዝተኣዘዘት ኦም። ኦም ህይወት እያ። እዚ ማለት ከኣ ቃል ናይ ኣምላኽ እያ፣ እታ ኦም ከፉእን ጽቡቅን እተፍልጥ እያ ማለት ብዘይ ናይ እግዚኣብሄር ምሕዋስ። ሰብ ባዕሉ ክሓስብ ከሎ፣ኣዳም ምስ እግዚኣብሄር ኣብቲ ዕርክነቱ እንተዝጸንዕ ቃሉ እንተዝሰምዕ እንተዝእዘዞን ንዓለም ከኣ ብቃሉ እንተዝገዝኣ። ሽዑ ኩሉ ነገር ጽቡቅ ምኮነ፣ እቲ ምትእስሳርም ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ኣዳምን ምተዓቀበ። እንተኮነ ግና ኣዳም ካብ ርእሱ ዝኮነ ቃላት ክዛረብ ጀመረ ምኽንያቱ ምስ እግዚኣብሄር ዕርክነት ስለዝነበሮ። ብድሕሪኡ ዘርኡ ከኣ ናይ ሰይጣን ቃላት ክዛረቡ ጀመሩ ፣ ካብኡ ንደሓር ከኣ ዓለም ኣብ ትሕቲ ሓይሊ ናይቲ ጸልማት ኮነት፣

ኣዳም እታ ጽቡቅን ክፉእን እተፍልጥ ኣእም ብምብላዕ ሓጥአ። እዚ ማለት ብካልእ ኣዘራርባ ብቃል ኣምላኽ ምንባር ገዲፉ ብናቱ ኣተሓሳስባ ክነብር መረጸ፣

ሄዋን ከምዚ በለት "ብዛዕባ ፍረ እታ ኣብ ማእከል ገነት ዘላ ኦም ግና ኣምላኽ ከይትሞቱስ ካብኣ ኣይትብልዑ ኣይትተንክይዋውን በለ"(ዘፍ3።3)፣ እግዚኣብሄር ከምዚ ኣይበለን ኣብ ክንድኡ ግና ከምዚ ኣኢሉ ተዛረበ "ካብታ ጽቡቅን ክፉእን እተፍልት ኦም ግና ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢካ'ሞ ካብኣ ኣይትብላዕ ኢሉ ኣዘዞ፣"(ዘፍ2፣17) ስለዚ ሰይጣን ብሓቂ ድዩ ክውቀስ?

**ኣዳም ናይ ርእሱ ቃላት ንናይ ሰይጣንን ክዛረብ ጀሚሩ መሬት ከኣ ግብረ መልሲ ሃበቶ፣**

ኣብቲ ናይ ቅድም ምዕራፋትና። ከመይ ገይሩ የሱስ። ነቲ ናይ ደም ኪዳን ምስ እግዚኣብሄር ከም ዘሐድሶ ርኢና። እዚ እዩ ከኣ ኣዳም ኣጥፊኢዎ ብርእሱ ብምዝራብ፣

ኣዳምን ሄዋንን ኣቲ ዝምድና ምስ እግዚኣብሄር ከምዘለዎ ምስፈለጡ ብቀጥታ "ሃይማኖተኛታት" ኮኑ፣ እንታይ ማለት እዩ ሃይማኖተኛታት? መጀመርያ ንካልኦት ክወቅሱ ጀሚሮም። ሓላፍነት ምስካም ኣቆረጹ፣ ዘረበኦም ኩሉ ካብ ርእሶም ዝፈልፈለ ኮነ ኣክንዲ ናይ እግዚኣብሄር ዝከውን፣ብቆጽሊ በለስ ጌሮምዕርቃኖም ክሽፍኑ ፈተኑ፣ "ሽዑ ኣዒንቲ ክልቲኦም ተከፍታ። ጥራዮም ምኮኖም ድማ ፈለጡ ። ቑጽሊ በለስ ኣሊጋጊቦም ከኣ ተዓጥቁ"(ዘፍ3፣7)

ብምሉኡ እቲ ቅዱስ ጽሑፍ ኣውራ ከኣ ናይ የሱስ ቃል። እቲ ኣሉታዊ ኣዘራርባና ደጋፊ ንእከይ እዩ ኢሉ ኣጠንቂቁና። ኣብ ነብስና ጥራሕ ዘይኮነ እከይ ንዘርእ ወላ ነቶም ኣብ ጥቃና ዝነብሩ ዘለው፣ ንኩሉ ቃላትና ኣብቲ ግዜ ፍርዲ ተሓተትቲ ኢና። ንምንታይ? ምክንያቱ ቃላትና ፈጠርትን። ኣጥፊኣትን እዮም፣

ቃላትና ሸለል ንብሎም እንተኮይና። ናይ እግዚኣብሄር ምህላው ኣብ ህይወትና ይጸልዎ እዩ። ኣብ መዝ 15፣1 ከምዚ ኢሉ ይሓትት "ዎ እግዚኣብሄር ኣብ ድንኮንካ ዚሓድር መን እዩ? ኣብቲ ከረን ቅድስናካ ዚነብርከ መን እዩ? ኣብ እቲ ዝቅጽል ፍቅድታት ብዛዕባ እቶም ጠለባት ዝማልኡ ይዛረብ፣ ንሳቶም ከኣ ብቅንዕና ዚመላለስ። ጽድቂ ዚገብርን ብልቡ ሓቂ ዚዛረብን። ብልሳኑ ዘይሓሚ፣ ንመሓዛኡ ገለ ክፉእ ዘይገብር። ንብጻዩ ዘይጸርፎ። ንጉድኣት ንጹህ ከኣ መማለጃ ዘይቅበል፣

ናይ ሰይጣን ስም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ምክፋእ ማለት እዩ፣ ያዕቆብ ኣብ ምዕራፍ3 መልእክቱ ከምዚ ይብል። ልሳና ንብዘሎ ባህርይና ተንድዶ። ልክዕ ከም ሕዊ ኣብ ገሃነም ዘሎ፣ ከምዚ ክብል ብኣድናቆት ተዛረበ። ልሳን ንምሉእ ሓንጎልና ትገዝኦ እዚ ማለት ከኣ ምሉእ ሰውነትና እዩ፣ ብስነ-ፍልጠት ብርግጽ ዘረባ ንኩሉ ሓንጎል ይቆጻጸሮ ከምዝኮነ ተፈሊጡ፣

ምሳሌ18፣21 "ሞትን ህይወትን ኣብ ስልጣን መልሓስ እዩ። እቲ ዜፍቅራ ከኣ ፍሬኣ ኪበልዕ እዩ፣"

የሱስ ይብል "የሱስ ድማ መለሰ በሎምውን ብኣምላኽ እመኑ። ዝኾነ ይኩን እቲ ዝበሎ ከም ዚከውን ዚኣምን እምበር ብልቡ ዘይወላወል ነዚ ከረን ተንሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሓል እንተበሎ። ንእኡ ከም ዚኮነሉ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣" (ማር 11፣22-24)፣

ስነ ስርዓት ናይ ልሳን ብጣዕሚ እዩ ኣገዳሲ። ክትዝክሮ ኣለካ ኩሉ ሳዕ ትዛረቦ ካብ ምልኣት ልቢ ዝወጽእ እዩ፣ ክፉእ ከይወጽእ ካብ ልሳንካ። ንልሳንካን ልብካን ሓልዎም፣ ብዘይ ኣገባብ ንልሳን ምጥቃም ብኣዳም ዝተጀመረ እዩ። እንተኮነ ግና ንሕና ነዚ ብቃል እግዚኣብሄር ምስማዕ ክንቅይሮ ይግባእ፣ኩሉ ሳዕ የሱስ ንጉስ ከምዝገብረካን ነጋውስ ከኣ ብትእዛዞምን ብቃሎምን ከም ዝገዝኡ ዘክር፣

**እቲ ደም ንነፍሲ ወከፍና እዩ ዝዛረብ ዘሎ፣**

ወላ'ኮ ኣዳም ምስ እግዚኣብሄር ዝምድናኡ እንተበተከ። ንሱን ዘርኡን ነቲ ናይ መጀመርያ ዝምድና ክረክቡ ሃንቀው ይብሉ ነበሩ። እቲ ሃንቀውታውን ልክዕ ከምቲ ሓጥያት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ተመሓላለፈ፣

እቲ ሃረር ምባል ነቲ ናይ ደም ዝምድና ምስ ኣዳም ዝነበረ ሓደ ግዜ ኣብ ኩላትና እዩ ዘሎ። ገሊኦም ባህልታት ኣብቲ ቀልቦም ዘይሙርኮሱ ከምቶም ካልኦት። ነቲ ሃረር ምባል ናይ ደም ኪዳን ብዝለዓለ ይደልይዎ፣ ናይ እግዚኣብሄር መደብብቀጻሊ ናብ ደቁ ክቅይረና'ሞ ነቲ ሃረር ንብሎ ከነስተማቅሮ ይደልየና፣

ብምምዕባልን ብምስሳንን ነቲ ሃረር ንብሎ። “ንመስቀልና ከነልዕል” ጽቡቅ ልምምድ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ድሌትካ ብናይ እግዚኣብሄር ድሌት ፥ ሓሳባትካ ብናይ እግዚኣብሄር ሓሳባት ፥ ስሚዒትካ ብናይ እግዚኣብሄር ስሚዒት ምቅያር፣ነዚ ከተተግብሩ ዝሕግዝ ኣብ ዌብሳይት http://www.isobbible.org/flowingriver.htm ክትረክቡ ትክእሉ፣

ውሳኔ ብምውሳድካ ። እቲ ሓይሊ ኣብ ሂወትካ ዝፍጠር ካብቲ ተራ ዝዓበየ እዩ፣ኣብቲ መንፈሳዊ ዓውዲ ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ክትወስድ ከለካ ገለ ሓያል ነገር ይፍጸም፣ መዓልታዊ ውሳነ ትወስድ እንተኮይንካ ከምቲ ኣብ ሮሜ 12፣1-2 ። “መስቀልካ ኣልዕል” ። ናይ እግዚኣብሄር ቃል ብግሁድ ክትርእዮ ኢካ፣ ብዘይተጸበካዮ ባርኮት ክመጽእ ክትዕዘብ ኢካ። ናይ እግዚኣብሄር ህላወን ቅርበቱን ከተስተማቅር ኢካ፣

ዝስዕብ ካብ ናይ ደም ኪዳን 2 ብዶክተር ማልኮም ስሚዝ ዝተጻሕፈት እየ ክጠቅስ፣ ንሱ እቲ ሃረርታ ናይ ሰብ ከመይ ከምዝተቀየረ ድሕሪ ምውዳቅ ኣዳም እዩ ዘርእየና፣ ዝኮነ ኮይኑ ብቀጻሊ ድሌቱ፣ ሓሳባቱ፣ ስሚዒቱ እንተዓቀብናዮ። ነብስና ካብቲ ወዳቂ ምስሊ ናብ ናይ እግዚኣብሄር ምስሊ(ናይ የሱስ ጠባይ) ክቅየር ክንርእዮ ኢና፣

ሰብ እቲ ዝለዓለ ዝተፈጥረ ብእግዚኣብሄር እዩ፣ ብናይ ምስሊ እግዚኣብሄር ተፈጥረ። ሕጂ ግን ብሰይጣን ዚነብርን። ብጋኔንን ብስጋን ዝሕይል! ሰብ ምስ እግዚኣብሄር “ቃል ኪዳን ክኣስር” እዩ ተመዲቡ። ሰብ ውሱን እዩ። ግን ምስቲ ደረት ኣልቦ ክዛመድ ተወሲኑ፣ ሰብ ኣብቲ ኪዳን ዝነበረሉ ግዜ። ምሉእ ሰብ እዩ ኔሩ። እንተዘይኮይኑ ግን ምዝቡል እዩ! ሰብ ጥራሕ እዩ ነቲ ናይ ፈጣሪኡ ቃል ክኣምን ምርጫ ዝተዋህበ። ኣዳም ግን ነቲ ሓሶት። ነቲ ዝተፈጥረ ሰይጣን ኣሚኑ። ኣብ ክንዲ ነቲ ኩሉ ዝፈጠረ እግዚኣብሄር ዝመርጽ!

ሰብ ብዛዕባ ዕርቃኑ ተረደ። ካብቶም ካልኦት ሰባት ፍሉይ ኮነ። ትርጉም ናይ ነብሱ ደለየ ኣክንዲ ናይ እግዚኣብሄር፣ ነቲ ናይ ህላውኡ ትርጉም ምፍጻም ኣቖረጸ። ንሰይጣን ተጸንበሮ፣ ናይ ሕጂ ሰባት ትርጉም ናይ ህይወቶም። ኣፈጣጥረኦም ይደልዩ። ትርጉም ኣብ መርያኦም፣ ደቆም፣ ገንዘብ፣ መዓረግ፣ ስራሕ፣ ሞያ፣ ትምህርቲ፣ ማሕበራዊ ጉዳያት፣ ሃይማኖት፣ ንሓንጎል ዝቅይሩ ወልፍታት ...ወዘተ፣ ንሰባትን ነገራትን ክድንቁ ጀመሩ፣

ሰብ ምስ ነብሱ ብምንጽጻር እዩ ዝከይድ ዘሎ። ንነብሱ ምስ ካልኦት ትሕቲኡን ልዕሊኡን ዘሎ ብምንጽጻር ይርእያ ኣሎ። ንነብሱ ከም ኣምላኽ እዩ ዝርእያ። ንነብሱ ብካልኦት ሰባት ክፍለጥ። ብናይ ካልኦት ዋጋ ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ክትበጽሕ ይደልያ ። ነብሰ ምድንጋጽ ዝመልኦን። ብካልኦት ክድንገጽ ዝተቃልዐ እዩ፣ ንሞት ዝፈርሕን። ክመውት ምኮኑ ዝፈልጥ ካብ ኩሎም ፍጡራት ሰብ እዩ፣ “ንሞት ክስዕራ” ብፍርሒ እዩ ዝነብር፣ መጽለሊ ይሰርሕ። መግቡን ማይን የናዲ። ወለድኡ ክቕጽል ከኣ ይወልድ፣ ንጥሜት፣ ጽምኢ፣ ሙቀትን፣ ዛሕልን፣ ጀርምስ፣ እርጋን፣ ሓደጋታት፣ ማዕበላት፣ ምንቅጥቃጥ መሬት፣ መገሻታት፣ ካብ ጎረባብቲ ዝቀትሉ እናፈርሑ ይነብሩ፣ ከመይ ገይረ ብህይወት ክጸንሕ እናበለ ብጭንቀት ይነብር፣ ነቲ ክውገድ ዘይከኣል ከጥፍእ ይሰርሕ። ኣብ ዘይጠቅም ስራሓት ይተሓዝ። ወላ ምስ ሞተ ከመይ ኢሉ ምንባር ከም ዝቅጸል ይበላሓት፣ ክመውትከምዘይግበኦ ይፈልጥ እዩ ስለዚ ይቃለስ። ኣብ ናይ ከንቱነት ሃለዋት ከኣ ይነብር፣

ሰብ ኣብ ሓጢኣት እዩ ዝነብር፣ ነቲ ዝተፈጥሮ ዕላማ ረሲዑ። ዝኮነ ነገር ቅኑዕ ኣይገብርን እዩ ምክንያቱ ካብቲ ንመሬት ዝመጾ ዕላማ ስለእተፈላለየ፣

ነቲ ናይ ደም ኪዳን ዝምድና ምስ እግዚኣብሄር ምሕዳስ ብጣዕሚ ሓያል እዩ ምክንያቱ ናይ እግዚኣብሄር ናይ መጀመርያ ዕላምኡ ንሰብ ስለዝኮነ፣

ኣምላኽ ኣትክልቲ (ቡቅሊ) እንተደልዩ። ነቲ ቡቅሊ ዝርከበሉ መሬት ይዛረቦ። ዓሳ ምስ ዝደሊ ነቲ ማያት ወይ እንስሳታት ምስ ዝደሊ ነቶም እንስሳታት ጻይሩ ዘሎ መሬት ይሓቶ፣ እንተኮነ ግና እግዚኣብሄር ንሰብ ክፈጥሮ ከሎ ምስ ነብሱ እዩ ተዛሪቡ። “ኣምላኽ ከኣ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር ። ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዝብል ኩሉ ለመምታን ይግዝኡ በለ፣” (ዘፍ፣፡26)

ኣዳምን ሄዋንን ካብኦም ንደሓር ዘለው ህዝብታት ነቲ ጸገም ናይ ሃይማኖት ከዐርዩ ብጣዕሚ እዮም ሰሪሖም፣

እግዚኣብሄር ነቲ ናይ ሰባት ምውዳቅ ክሽፍኖ ጥራሕ ዘይኮነ። ልዕሊኡ ከምዘድልይ ፈለጠ፣ንሰባትን እግዚኣብሄርን እንደገና ከተኣሳስሮም ከምዘድልይ ይፈልጥ ነበረ፣ሰባት ካብቲ ምንጪ ህይወቶም። ቃል ኣምላኽን ምቅማጥ ምስኡን ተፈላለዩ። ነዚ ከኣ ቆጽሊ በለስ ወይ ሃይማኖት ኣየዐርዮን እዩ፣በቲ ናይ ደም ኪዳን ጥራሕ እዩ ዝፍታሕ። ሃይማኖት ከምቲ ቆጽሊ በለስ መሸፈኒ ጥራሕ እዩ እምበር ምስቲ ሱር ደም ፈጣሪና ኣየሕብረናን እዩ፣

ኣዳም ናይ እግዚኣብሄር ደም እዩ ኔርዋ። ግና ድሕሪ ምሕጥኡ እቲ ደሙ ተበከለ። ካብቲ ህይወት ምስ ኣምላኽ ከኣ ተባተከ። ነቲ ደሙ ክሐድሶ ናይ ደም ኪዳን የድልዮ። እግዚኣብሄር ከኣ ቅሩብ እዩ፣

እቲ ፍታሕ? ናይ ደም ኪዳን ንሰባት ምስ መለኮታዊ ባህርይ ዘተኣሳስር እዩ፣ ደም ኪዳን ዝበሃል ናይ ሓደ ህይወት ምስ ካልእ ዝቀያይርን። ሕብረት ኣብ መንጎ ህይወት ሰብን ናይ ኣምላኽን ጥራሕ እዩ እቲ ፍታሕ፣

ጎይታ መደባቱ ንናይ ደም ኪዳን ነቲ ምትእስሳር ዘሐድሶ ኣብቲ ገነት እዩ ኔሩ ልክዕ ድሕሪ እቲ ምሕጣእ ናይ ሰባት። እቲ ቃሉ ብጣዕሚ ሓያል እ። ንሕጂ ከኣ ተመክሮ ክትወስደሉ ትክእል፣

"ሽዑ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቲ ተመን። እዚ ስለዝገበርካ ካብ ኩሉ እንስሳን ኣራዊት መሮርን ርጉም ኩን። ብከብድካ ክትከይድ። ኩሉ ዘበን ህይወትካ ድማ መሬት ክትበልዕ ኢካ፣ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እዛ ሰበይትን። ኣብ መንጎ ዘርእካን። ኣብ መንጎ ዘርኣን ከኣ ጽልኢ እተክል ኣሎኹ።ንሱ ንርእስካ ክጭፍልቅ እዩ ንስካ ድማ ሸኩናኡ ክትነክስ ኢካ በሎ፣" (ዘፍ3፣14-15)

"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳምን ንሰበይቱን ደበሎ ገይሩ ከደኖም፣" (ዘፍ3፣21)

ጎይታ መንቅብ ዘይብሉ እንስሳ ቀቲሉ። ደሙ ኣፍሲሱ ነቶም ጽምዲ በቲ ቆርበት ከደኖም ክሳዕ የሱስ መጺኡ ደሙ ዘፍስስ ከኣ ኣርማ ናይ ደም ኪዳን ኮይኑ ተዓቀበ፣

የሱስ ናይ መወዳእታ ኣዳም ኢሉ ተጸወዐ ኣብ 1ቆረ 15፣45

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት እቲ ናይ መወዳእታ ኣዳም ማለት የሱስ እታ መፍትሕ ናይ ደም ኪዳን ሃበና፣ ከምዚ ከኣ በለና ደመይ እንተደሊኩም ቃለይ ተኣዘዙ፣ እቲ ኣገዳሲ (ዝድነቅ) ተገራጫዊ ከኣ እቲ ናይ መጀመርያ ኣዳም ብቃሉ ነቲ ደም ኪዳን ኣፍሪስዎ፣

የሱስ ልክዕ ከምቲ ናይ መጀመርያ ኣዳም ናይ እግዚኣብሄር ደም ኣለዎ፣ እንተኮነ ግና ምእንቲ ሓጥያት ናይ እግዚኣብሄር ደም ክህብ ምስ ፈተነ። ኣንጻር ሰይጣን ተዓወተ፣ ስለዚ እቲ መንቅብ ዘይብሉ ዕየት ከከውን በቅዐ። ድሕሪ ምስቃሉን ምትንሳኡን እቲ መንፈሱ ሃበና። እታ ናይ እግዚኣብሄር ደም ዘለዎ። ዝኮነ ኮይኑ ሕጂ ሰይጣን ግዝኣቱ ዘይብላ ዝተንሰአት ነፍሲ ኢና ተረኪብና፣

ብኣዳም ድዩ ተጀሚሩ? እወ ወይ ኣይፋል

# ምዕራፍ 3

# ጸጋ ብውርሻ

ኣብዚ ዝሓለፈ ምዕራፍ፣ ብዛዕባ እቲ ዓቢይ መለኮታዊ መደብ። ናይ ሓጢኣት መልሲ ተዛሪብና ኔርና፣ እግዚኣብሄር ነቲ ኣዳምን ሄዋንን ዘቕረብዎ ናይ ሃይማኖት መልሲ። ነቲ ሓድሽ ኩነታት ምስ እግዚኣብሄር ምፍልላዮም ኣይተቀበሎን፣ እቲ ዝፈረሰ ሓድሽ ጠባዮም ብሕንከት ፥ ብነብሰ ወቀሳን ፥ ብሃይማኖትን ተዋስእዎ፣ እግዚኣብሄር ከኣ መደቡ ኣቕረበ። ሓድሽ ናይ ደም ኪዳን። ደም ካብ ነብሱ ነብቶም ዝወደቁ ፍጡራት ምእንቲ ቅሱናትን ምሉኣትን ሕብረት ኣብ መንጎ ባህርያቶም ክከውን፣

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብሕቶ ኢና ዛዚምናዮ "ብኣዳም ድዩ ተጀሚሩ" እወ ወይ ኣይፋል፣ እቲ ናይ ደም ኪዳን ኣዳም ድሕሪ ምሕጥኡ እዩ ተጀሚሩ እንተኮነ ግና ብርግጽ ብእኡ ኣይተጀመረን፣

ሰባት ህይወትና ምንባር ትጅምር ምስ ተወለድና ኮይኑ እዩ ዝስመዓና። ግና ኣይኮነን! ምስ ተወለድና ድሮ እቲ ባህሪ ወሪስናዮ ኢና። እቲ ባህርያዊ ነገራት ከም ጠባይ። ሕብሪ ጨጉሪ። ሕብሪ ዓይኒ። መልክዕ...ወዘተ ንወርስ፣ ብተወሳኪውን እቲ መንፈሳዊ ነገራት ከም ባርኮት። መርገም ንወርስ። ስለዚ ህይወትና በቲ ዝወረስናዮ። ምርጫ ብዘይብልና ትጅምር። ውድሚ ምፍጣርና ኣዝዩ ብዙሕ ዕድሎት (ጽሕፍቶ) ኣብ ህይወትና ክህልው ይክእል፣

**ጸጋ ብውርሻ ናይ እግዚኣብሄር ኢና ንረክብ፣**

ጸጋ እንታይ ማለት እዩ? ጸጋ ብእግዚኣብሄር ማለት እግዚኣብሄር መንፈስ ቅዱስ ሃበካ ማለት እዩ። ነዚ ሓድሽ ዓሌት ተዋህቦ ምእንቲ እቲ ኣዳማዊ ባህርይ ክጠፍእ፣

ጸጋ ብውርሻ ማለት ከኣ እዚ ጸጋ ከይሰራሕካ ወይ ብቅዓት ከይሃለወካ ብውርሻ ክትወስድ(ክትወሃብ) ከለካ እዩ፣

ጸጋ ወይ ነጻ ህያብ። ምስቲ ፈጣሪና ዝተኣሳሰረ ብናይ ደም ኪዳን ንዘልኣለም ይነብር፣ ቀዳማይ (መበቆላዊ) ናይ እግዚኣብሄር መደብ እዩ!

መዓስ እዩ እግዚኣብሄር ናይ ደም ኪዳን ምቅይያር ፈጺምዎ? እግዚኣብሄር ቅድሚ እቲ ጸገም ምምጽኡ። ነቲ መልሲ ኣዳልይዎ ነበረ፣

ራእይ13፣8 "እቶም ካብ ምምስራት ዓለም ጀሚሩ ስሞም ኣብቲ ናይቲ እተሓርደ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት ዘይተጻሕፈ። ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ኩላቶም ኪሰግድሉ እዮም፣"

1ቈረ 2፣7-8 "ካብ ገዛእቲ እዛ ዓለም እዚኣ ሓደ'ኳ ነዚ ጥበብዚ ኣይፈለጦን። እንተዝፈልጥዎስ ንጎይታ ክብሪ ኣይምሰቀልዎን ኔሮም"፣

ብሓደ መገዲ። እቶም መራሕቲ ናይዚ ዘመን ምርጫ ኣይነበሮምን። ሽሕ'ኳ እግዚኣብሄር ነጻ ምርፃ ንየሱስ ክሰቅልዎ እንተሃቦም። ግና ኢ ኣብ ቅድሚ መላእክትን ሰይጣውንትን ከይተፈጥሩ ዝተበየነን ዝተኣዘዘን እዮም ጌሮም፣ ዝተቆጻጸርዎ ኮይኑ እዮም ዝሓሰቡ። እንተኮነ ግና ብርግጽ ኣብ ኣኢድ እቲ ልዑል እግዚኣብሄር ባምቡላታት እዮም!

እግዚኣብሄር ኩሉ ሳዕ ቅድሚ ሰይጣንን ንሕናን ሓሊፉ እዩ ዝጸንሓና ኣብቲ ናይ ዘልኣለማዊ ታሪኽ። የሱስ ነቲ ናይ ኣዳም ቦታ ሓዘ፣ ስለዚ እዩ ከኣ እግዚኣብሄር ንኣዳምን ሄዋንን ብመንቅብ ዘይብሉ ቆርበት ናይ እንስሳ ዝከደኖም፣ እቲ ደም ንናይ ደም ኪዳን። እግዚኣብሄር ምስ ሰባት ዘተኣሳስሮም እዩ ዝውክል፣

**ዘልኣለማዊ እንታይ እዩ?**

"ኣምላኽ ሰላም ግና ነቲ ብናይ ዘለኣለም ደም ኪዳን ዓብዩ ጎሳ ኣባጊዕ። ጎይታና የሱስ ክርስቶስካብ ምውታት ዘተንስኦ፣" (እብ13።20)

እታ ዘልኣለማዊ ትብል ቃል ሕጂ ወይ ንዘልእለም ዝውዳእ ማለት ኣይኮነን፣ተደጋኣሚ ወይ ነባሪ። መጀመርታ ወይ መወዳእታ ዘይብሉ። ገለ ነገር ኩሉ ሳዕ ዝነብር ካብ ግዜ ወጻኢ ማለት እዩ፣

እስከ ከግምት ኣፍቁዱለይ ነዚ ሓሳብ ክንርድኦ ክሕግዘና እዩ። ፍጡራት ናይ ግዜ ብዛዕባ ዘልኣለም ክንገልጽ ዘይከኣል እዩ ግና ክሳዕ ከንድዚ ቀሪበ ክረድእ ክፍትን እየ፣

ቅድሚ ግዜ። ሰይጣን ተባኢ። ሓደ ስልሲት ካብ መላእክቲ ወሲዱ፣ እግዚኣብሄር ምስቶም ስሉሳን ከምዚ ዝብል ኣኼባ ጌሩ ነይሩ ይኸውን፣

“ፍቁራተይ እስከ ንዛረብ፣ እዚ ዓላዊ ሰይጣን ንክፉእ መሪጹ ኣሎ፣ ብዙሓት መልኣኽቲ ከኣ ስሒብዎም ኣሎ ምስኡ ክዓልው፣ ኩሉኹም ፈሊጥኩም ኣለኹም። ሓደ ዓሌት ኣዳም ወይ ሰብ ዝበሃል ክንፈጥር ኢና። ካብ ሓመድ ናይ ፕላነት። ንዓኣከኣ መሬት ኢልና ክንጽውዓ ኢና ፣ መንፈስ ቅዱስ። ንስካ ኣብ ውሽጢ ሰብ ክትነብር ኢካ ፣ ሰብ ከኣ ነጻ ዝኮነ ድሌት ወይ ዊንታ ክህልዎ እዩ። እንተኮነ ግና ክመርጽ ናትና ግደ እዩ፣ ኩሉ ዝከኣለና ክንገብር ኢና ንሰባት ብፍቅሪ ክንማርኮም፣

ዝኮነ ኮይኑ እዚ ሰብ ግን ተኣፋፊ ብሰይጣን ክከውን እዩ። ሰይጣን ከኣ ንኣዳም ክዓልው ክሓባብሎ እዩ ክዓልው እዩ ከኣ፣ ስለዚ ቅድሚ ንኣዳም ምፍጣርና ካልኣይ ዓሌት ናይ ሰባት ክድልየና እዩ፣ ነዞም ካልኣይ ዓሌት ከኣ ሓደስቲ ፍጡራት ኢልና ክንጽውዓም ኢና፣ ወልድ, እዚ ዋጋ ክሓተካ እዩ ድሉው ዲካ?”

“ኣቦ, እዚ ሓድሽ ወለዶ ብናይ ደም ኪዳን ምትእስሳር(ምዝማድ) ከምዘድልዮ ተረዲአ ኣሎኹ፣ ኣነ ሰብ ኮይነ ። ኣብ መሬት ክቅመጥ ከድልየኒ እዩ ። እቲ ናይ ደም ጉድጎድ ክከዶ። ደመይ ከፍስስ ምእንቲ ኣዳምን ዘርኡን ምኽንያቱ እዞምናይ ኣዳም ዓሌት ነቲ ኪዳን ምሳና ክዕቅብዎ ስለዘይከኣሉ፣ ኣቦ, እዚ ኩሉ ግድን ብደመይ ክከውን ስለዝተረደኣኒ ክገብሮ እየ፣”

ወልድ, ስለዚ ቅድሚ ምምስራት ዓለም  እቲ ተሰቃሊ ኢለ ኣዊጀ ኣሎኹ። ብዙሕ ክትሳቀ ኢካ ። ኣይትሓዘለይ ግና ካልእ መገዲ የለን፣

ነዚ ሓድሽ ዓሌት ኩሉ ነገር ከተማልኣሉ። ኣነውን ክርሕርሐካ እየ። ሕቆይ ክህበካ እየ”

“ኣቦ እዚ እቲ ዝዓበየ ቃንዛ (መቅጻዕቲ) ካብ ምስቃይ እዩ ግን ኣቦ ይኩን፣”

በዚ ምኽንያት'ዚ ኣዳም ክፍጠር ከሎ 2 ዓሌት ዝነበሩ። ኣዳምን እቲ ሓድሽ ፍጥረትን፣ ዘክሮ, የሱስ እቲ መወዳእታ ኣዳም ኢሉ ከምዝተጸወዐ፣

እግዚኣብሄር መጻኢና ቅድሚ ምፍጻሙ ይፈልጦ እዩ ኢልና ከነጠቃልል ንክእል፣ ካብ መጀመርያና ክሳዕ መፈጸምታና ይፈልጦ እዩ፣ ምስ እዚ ህላወ ሕብረት ክትገብር የፍርሕ!

ሮሜ 5፣20 ብዛዕባ እዚ ሓሳብ ኣገዳሲ ስውጠት ኣለዎ፣”ኣበሳ ምእንቲ ኪዓዝዝሲ ሕጊ ኣተወ። ኣብቲ ሓጢኣት ዝዓዘዘ ግና ኣብኡ እቲ ጸጋ ኣዝዩ ዓዘዘ፣”

“ኪዓዝዝ” ትብል ቃል ኣብቲ መጀመርያ ከም ኩናት(ፍላጸ) ሃረመ ማለት እዩ። ኣብቲ ካልኣይ ቃል ግና እቲ ጸጋ ቅድሚ ግዜ ኣብኡ ነበረ ማለት እዩ፣

ኣብ ህይወትካ፣ ሓጥያት ምስረከብካ፣ ብድሆታት ምስ ዓብለሉካ ዘክር። ጸጋ እግዚኣብሄር ቅድሚ ግዜ ጸገማትካ ኣብኡ ከምዘሎ ጸግኡ ንዓካ ክሕግዝን ነቲ ክፉእካ ናብ ባርኮት ክቅይርን!

ኢሳ 65፣24 “ኪከውን ድማ እዩ ። ከይጸውዑ ክመልስ ። ገና ክዛረቡ ከለው ከኣ ክሰምዕ እየ፣”

እንደገና ኣብ እብራውያን 9፣14 እቲ ናይ ደም ኪዳን ቅድሚ ሰብ ምፍጣሩ ከምዝነበረ ተገሊጹ እሎ፣ “ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይጽያፍ ንኣምላኽ ዘቅረበ ግዳ። ንስካትኩም ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ክንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኩም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ?”

እዚ ሓድሽ ናይ ደም ሕብረት ብናይ ዘልኣለማዊ ኪዳን ናይ ደም እዩ። እቲ ዘልኣለማዊ ኪዳን ምስ እቲ ዘልኣለማዊ ህያው ብዋጋ ኪጽብጸብ ዘይከኣል ህያብ እዩ!

ናይ እግዚኣብሄር ባህርይ ወሪስካ ክትበሃል ክትኣምኖ ብጣዕሚ እዩ ዘሸግር! ብዙሓት ክርስትያናት ምስእዚ ዘደንቅ ሓቂ ንክኣምኑ ይቃለሱ ነቲ ሓቂ ካልኣይ ግዜ ብደም ኪዳን ዝተወለድና ዓሌት ምኮና ክኣምንዎ የሸግሮም፣ እዚ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ክኣምንዎ ግና ሓደ ካባና ኮነ ዝብል እዩ፣ (ፊሊጺ2፡8)

**በቲ ሓዲሽ ምውላድካ ኣብ ክብሪ መዝገብ ሰፊርካ ኣሎካ፣**

ኣብ መዝሙር 87 ነቲ ባህርያዊ ምውላድ ብፍሊስጤምን ጢሮስን ዝተገልጸ ምስ መለኮታዊ ምውላድ ብጽዮን። ኣወዳደረ፣ ጽዮን ንመለኮታዊ ናይ እግዚኣብሄርንግስነት እያ ተመልክት፣ (እብ 12)

መዝሙር 87፣5-6 "ብዛዕባ ጽዮን ድማ እዝን እትን ኣብኣ ተወሊዶም ክበሃል እዩ። እቲ ልዑል ውን ባዕሉ ኬጽንዓ እዩ፣ እግዚኣብሄር ነህዛብ ኪጽሕፎም ከሎ። እዚ ኣብኣ ተወሊዱ ኢሉ ኪቆጽር እዩ፣" ብናተይ ኣተሓሳስባ። ኩሉ ሰብ ነቲ ናይ ውርሻ ጸጋን ሓድሽ ምውላድን ተዋሂቡ እዩ። እንተኮነ ግና እግዚኣብሄር ብዙሓት ኣስማት ቅድሚ ግዜ ምውድኡ ክስረዝ እዩ፣

"ጸጋ ብውርሻ" ነቲ ባህርያዊ ምውላድካ ካብ ስድራካ ንኣብነት ዓቢ ክእለት። ብሉጽ ጥዕና። ወይ ገንዘባዊ ሃብቲ(ጸጋ) ክትረክብ ትክእል። እዚ ከኣ ካብ ዓሌትካ ዝመጸ እዩ እምበር ንስካ ዝገበርካዮ ነገር የለን። ኣይሰራሕካን ወይውን ኣየጥረካዮን። ብካልእ ወገን ብዘይ ገበርካዮ መርገምውን ክትወርስ ትክእል ኢካ፣ ዝኮነ ኮይኑ ሕጂ ግን ሓድሽ ውርሻ ኣለካ ከመይ? ናይ ደም ኪዳን ውርሻ ተዋሂቡካ ኣሎ። ትቅበሎ ወይ ትነጽጎ ኣባካ እዩ፣

**እግዚኣብሄር እቲ ኣቦ መበቆል ናይቲ ሓድሽ ትንሳኢ ዓሌት እዩ፣**

ኣቦ እንታይ ማለት እዩ? ብወ. ኢ. ቫይን ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መዝገበ ቃላት ከምዚ ክብል ኣብርሂዎ ኣሎ፣ኣቦ ካብ ግሪክ ዝመጸ ፓተር ዝብል ኮይኑ ትርጉሙ ከኣ ዓንገለ፣ መዕቀቢ።፣ ደጋፊ፣ ናይ ቀረባ ዘርኢ(ኣባሓጎ)፣ መበቆል ናይ ዓሌት ሰብ፣ መሃዚ ናይ ሓደ ስድራቤት ከምናቱ ነፍሲ ዘለዎ ማለት እዩ፣ ምጥጣዕ ካብ ክልተ ቃላት ዝመጸት እያ "ፓሊን" ማለት እንደገና። "መፈለምታ" ማለት ከኣ ምውላድ እዩ፣ ምጥጣዕ ብርግጽ ክንትርጉሞ ከለና ኣቦካ ክትቅይር ከለካ ማለት እዩ፣

እቲ ወ.ኢ. ቫይን መዝገበ ቃላት "ኣባ" ትብል ቃልውን ተርጊምዎ ኣሎ። ብኣረማውያን ዝውቱር ቃል እዩ። ቆልዑ ንኣቦታቶም ዝጽውዑሉ እዩ፣ ኣቦ ውወይ ፓተር፣ ክንትርጉሞ ከለና ነቲ ዝምድና ብግቡእ ምርዳእ የመልክተልና፣ ኣባን ኣቦን፣ ክልቲኦም ቃላት ፍቅርን ኣስተውዓሊ እምነት ናይ ቆልዑ ይገልጹልና፣

እቲ ሓድሽ ምውላድ ኣብ ህይወትካ ምስ ተተግበረ። መበቆልካ ካብ ኣዳም ና እግዚኣብሄር (ኣምላኽ) ይቅየር፣ ስለዚ ኩሉ ነገር ካብኡ ትወርስ፣ እዚ ከኣ ጸጋ እዩ!

ቲቶስ 3፣5 ከምዚ ይብል "ንሱ ብምሕረቱን ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስን እዩ ዘድሓነና እምበር። ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ኣይኮነን፣" ኣንደገና ጠጢዕካ (ተወሊድካ) ስለዚ ሓድሽ ምውራስ ኣለካ፣እዚ ከኣ ጸጋ እዩ!

ኣዳምን ሄውንን እቲ ፍትሒ ናይታ ኣኦም ህይወት ኣጥፍእዎ፣ ካብቲ ገነት ከኣ ወጹ፣ "ከምኡ ንኣዳም ኣውጽኡ። ንምሕላው መገዲ ኦም ህይወት ከኣ ብሸነክ ምብራቅ ገነት ኤደን ምስናይ እተምበልብል ሃልሃልታ ሴፍ። ኪሩቤል ኣቀመጠ፣" (ዘፍ3፣24) ግና ሓድሽ ውርሻን። ጸጋን እንደገና ምውላድን ከምዘለዎም ተመባጽዐሎም፣(ዘፍ 3፣14,15,21) እዚ ዝቅጽል ዝዛረበሉ ግርምቢጥ ኮይኑ ይስመዓኩም ይከውን ብዛዕባ ጸጋ፣

ከምቲ ባህርያዊ ምውላድካ ዘይኮነ። ነዚ ናይ መንፈስ ምውላድካ ብውርሻ ናይ ጸጋ ዝረከብካዮ ግብረ መልሲ ክትህብ ኣለካ፣ መጀመርያ ክትወስዶን ክትቅበሎን ክትውስን ኣሎካ። ብድሕሪኡ እቲ ሓድሽ ባህሪካ ክዓቢ። ክትምግቦ ኣለካ፣ ነቲ ናይ እግዚኣብሄር ኪዳን ኣብ ህይወትካ ከተዕብዮ። ምሕሳብ ብዛዕባ እቲ ኪዳንን ሓንጎልካ ብምሕዳስን ከተዕብዮ ትክእል፣

ሕጂ ምርጫካ እዩ። ተክእሎታት ናይ ዓቢ ውርሻ። ነጻ ህያብ ናይ ጸጋ ብጻዕርካ ክትረክቦ ዘይትክእል ኣለካ። ዝኮነ ኮይኑ ነቲ ኪዳን ግብረ መልሲ ክትህብ ይግባእ! ኣብዚ ከኣ እዩ ብዙሕ ሰብ ዝስሕቶ። ነቲ ኪዳን ደም መልሲ ምሃብ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብቲ መንፈሳዊ ኩናት ኣንጻር ሰይጣንን ትሕቲኡ ዘለዉን ነቲ ውርሻካ ክሰርቁ ህርድግ ዝብሉ ክትሳትፍን ክትስዕሮም ኣለካ፣

**"ነጻ" ውርሻ ክትቅበል እንተኮይንካ ገለ ከተማልኦም ዘለካ ኩነታት ኣለው፣**

ዮና 2፣8-10 "ነፍሰይ ኣብ ውሽጠይ ምስ ኣሕለለወት። ንእግዚኣብሄር ዘከርክዎ። ጸሎተይ ናብካ ናብቲ ቅዱስ መቅደስካ ኣተወ፣ እቶም ናብ ሓሰውቲ ከንቱነት ዜድህቡ። ጸገኦም ይሓድጉ። ኣነ ግና ብድምጺ ምስጋና ክሰውኣልካ። ነቲ እተመባጸዕኩዎ ከኣ ክፍጽሞ እየ። ምድሓን ካብ እግዚኣብሄር እዩ፣"

ዮናስ ምስ ተምበርኸኸ። እቲ ዋጋ ዘይብሉ ጣኦት ደርበዮ፣ እምነቱ ናብ እግዚኣብሄር ኣበለ። ብዘደንቅ ምሕረትን ጸጋን ኣድሓኖ፣ ዮናስ ነጻ ትኬት ብጸጋ ረኪቡ ኣብቲ እግዚኣብሄር ዝመደበሉ ከኣ ዓለበ(ወረደ)፣

መዝ 32፣10 "ንረሲእ ብዙሕ ስቃይ ኣለዎ ነቲ ኣብ ኣግ/ር ዝውከል ግና ። ንእኡ ብጸጋ ኪከቦ እዩ፣"

**ስለዚ ነቲ ደም ኪዳን ግብረ መልሲ ክትህቦ ኣለካ ፣ ንየሱስ ብምኽታል ፣ ከመይ?**

እግዚኣብሄር ነቲ ዝመጸካ ሽግራት ኣብ ሂወት ባዕልካ ፍትሓዮ ኢሉ ኣይገድፈካን እዩ፣ ነቲ ሂወትካ ከተመዓራርዮን ምስኡ ዝምድና ክትገብርን። ክትፈልጦን እዩ ዝደሊ ዘሎ፣ ናቱ ሓይሊ ክሰርሓልካ እዩ። ከምቲ ዝበለካ እንተጌርካ እዚ ከኣ ጸጋ እዩ! ዝኮነ ኮይኑ ነቲ ጸጋ። ብምልምማድ ነቲ ዝምድና ክንቅበሎ ኣለና ምክንያቱ ምትእስሳር ምስኡ ስለዘለካ። ብሕጊ እቲ ውርሻ ተዋሂቡካ እዩ። ግና ምስ እግዚኣብሄር ምቅርራብ ክህልወካን ምልምማድ ናይቲ ዝምድናን ነቲ ሓቀኛ ውርሻካ ኣብ መዓላ ከውዕሎ ይክእል፣

**ናይ ዝምድና ስነ ስርዓታትን ክእለትን፣**

እግዚኣብሄር ህይወትካ ኣመዓራሪካን ምስኡ ክትዛመድን ክትፈልጦን ይዕድመካ ኣሎ፣ ብከምዚ ገይሩ እዩ ከኣ ባርኮት ናይ ደም ኪዳን ናብ ህይወትካ ዝፈስስ፣

1. ነቲ ዝምድና ክትሰዕቦ ምኾንካ ወስን፣ ምሉእ ህይወትካ ንእግዚኣብሄር ወፍዮ፣(ሮሜ12፣1-2) እዚ እዩ ከኣ ነቲ ናይ ደም ኪዳን ግብረ መልሲ ንህብ፣
2. ቃሉ ክትሰምዕ እኹል ግዜ ሃብ ። ቃሉ ናይ ደም ኪዳን መትሓዚ እዩ፣ ኣበየናይ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕቲ ክትኣትው ከምዘለካንመንፈስ ቅዱስ ከርእየካ ሕተቶ፣
3. ንክትዛረብ እኹል ግዜ ሃብ፣ ቃላትካ ተዛረቦም ፣ ገለ ሰባት ሓሳባትካን ስምዒትካን ከኣ ጠቃሚ እዩ፣ ቅንዕና ይሃሉካ ምስቲ ናይ ደም ኪዳን ብጸይካ የሱስ ምእንቲ ኩሉ ሓጥያትካ ናብኡ ክከይድ፣ ብዘይ ቅንዕና ዝምድና ክትገብር ኣይከኣልን እዩ፣
4. ክትዛረብ ከሎካ ግዜ ወሲድካ ተዛረብ፣ ቃላቱ ተዛረቦም፣ ብመዓልቲ መዝሙር ዳዊትን ምሳሌን ኣንብብ፣ ሓደ ሰዓቢ 5 ምዕራፋት ናይ መዝሙር ዳዊት ዓው ኢሉ ከንብብ ኣለዎ፣ ስርዓተ ዓውደ ኣዋርሕ ተጠቀም ንኣብነት ኣብ ወርሒ 24። መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 24,54,84,114,144 ኣንብብ፣በዚ ስርዓት ኩሉ መዝሙራትን ምሳሌታትን ክትውድኦ ትክእል። ከምዚ ጌርና እንተኣንቢብና ሓንጎልና ይሕደስ። ንሰይጣን እቲ ቃላት ነንብበሉ። ስምዒትካ ከኣ ምስቲ ጽሑፍ ክዛመድ ይክእል፣ ምሳሌ ኣብ 31 መዓልቲ መዝሙር ዳዊት ከኣ ኣብ 119 መዓልታት ክንውድኦ ንክእል፣ በዚ እንተጀሚርካ እግዚኣብሄር ናብቲ ካልእ ጽሑፋት ቀስ ብቀስ ክመርሓና እዩ። በዚ ከኣ ንምሉእ ሂወትካ ብቀጻሊ ክትባረክ ኢካ፣
5. ንእግዚኣብሄር ተኣዘዞ፣ ንእግዚኣብሄር ገለ ናሽተይ ነገር ክህበካ ሕተቶ። መዓልታዊ ገለ ነገር ትእዘዞ። ምናባት ንካልኦት ምትብባዕ ክከውን ይክእል እዩ፣ ምናልባት ካብቲ ወልፍታትካ ትድሕነሉ ወይውን ሓጥያትካ ትንስሓሉ ክከውን ይክእል፣

**እዚ ዓቢ ነገር እዩ!**

ኣብ ዮሃ 14፣21-23 ከምዚ ይብል ቃሉ ምስ እንእዘዝ ዝያዱ ነብሱ የፍልጠና(ይቃለዐና)። ሓንሳብ "ንየሱስ" ኣንተሪእካዮ።እቲ ዝምድና ምስኡ ኣማኒ ጥራሕ ዘይኮንካ ትከውን ግና ወደመዝሙሩውን ትከውን ኢካ፣ ሃዋርያ ፓውሎስ እዚ ድሌት(ሃረርታ ኔርዎ) ኣብ ፍሊጺ 3፣10 ከምዚ ክብል ከሎ "ብዝኮነ ኮይኑ ናብ ትንሳኤምውታት እንተ ኣርከብኩ ኢለ። ብሞቱ እናመሰልክዎ ። ንእኡ ሓይሊ ትንሳኤኡን ሕብረት መከርኡን ምእንቲ ክፈልጥ። ኩሉ ከም ወጽዓ እቆጽሮ ኣሎኩ፣"

6. ቁርባን፣ ብስሩዕ ቁርባን ተኸታተል(ውሰድ) ብዙሓት ሰባት መዓልታዊ እዮም ዝወስድዎ፣
7. ኣብቲ ዝምድና ተመላለስ፣ ኣብቲ ዝምድና ምህላውን ምስ ብርቱዕ መጽሓፍ ቅዱስ እምነትን ብጣዕሚ እዩ ጠቃሚ። ኣመንቲ መንፈስ ዝምልኡ ምእንቲ ክተባብዑን ክሕደሱን፣

[1] Walsh, William S. Curiosities of Popular Customs - Copyright 1897 by J.B. Lippincott Company Copyright 1925 by Katharine Walsh - Main >> Cultures & Beliefs >> Christianity http://hometown.aol.com/

[2] መብዛሕቲኡ እቲ ሓበሬታ ዘሎ። ብማርከርን ቁናን ተጻሒፉ ዘሎ ካብ መጽሓ ናይ ደም ኪዳን ትብል ብዶክተር ማልኮም ስሚዝ ዝተወስደ እዩ፣ Malcolm Smith Ministries, Box 298747 San Antonio, TX 78229

# ምዕራፍ 4

# ዝያዳ ብዛዕባ ናይ ደም ኪዳን

**ህይወት፣ እቲ ሓቀኛ ህይወት ዝበሃል ኣብ ደም እዩ ዘሎ፣**

“ነፍሲ ስጋ ኣብቲ ደም እዩ። ነታ ነፍሲ ዜተዓርቃ እቲ ደም እዩ’ሞ። ኣነ ድማ ናብ ልዕሊ መሰውኢ ንነፍሳትኩም ኬተዐርቅ ኢለ ሃብኩኹም” (ዘሌዋውያን 17፣11)

ናይ ምዕራባውያን ኣተሓሳስባ ምስ ናይ ምብራቃውያን ከነወዳድሮ ከለና ከም እብራውያንን ምብራቃውያንን ኣተሓሳስባ እዩ፣

ሄንሪ ክለይ ትሩምቡል ዝተባህለ ዝበዝሔ ህይወቱ ብዛዕባ ደም ኪዳን ኣብ ጥንታዊ መጽሓፍ ቅድስን ዘሎ ባህልታት ኣጽኒዑ። ኣብቲ ናቱ ናይ ደም ኪዳን፣ መጽሓፉ ከምዚ ኢሉ ጠቀሰ።

ካብ መጀመርያን ኣብ ኩሉ ቦታን ደም ወኪል ህይወት ከምዝኾነ ብግሉሕ ርኢና። ምልውዋጥ ናይ ደም ኪዳን ካብ ሓደ ነፍሲ ናብ ካልእ ከም ምቅይያር ናይ ህይወት እዩ ዝቁጸር፣ ምትሕውዋስ ናይ ደም ብምልውዋጥ ማዕረ እዩ ምስ ምትሕውዋስ ናይ ባህሪ፣ ናይ 2 ባህሪ ምትሕውዋስ ብምልውዋጥ ናይ ደም ኪዳን እዩ ዝካየድ። 1ደም፣ 1 ህይወት፣ 1 ባህሪ፣ 1 መንፈስ፣ ኣብ 2 ነፍሳት ይፍጠር፣ ምትሕውዋስ ናይ ባህሪ ብምልውዋጥ ናይ ደም ኪዳን ኣብ መንጎ ሰብን ትሑታት ነፍሳት ክካየድ ይከኣል እዩ ወላውን ኣብ መንጎ ሰብን ኣምላኽነት ብሓቂ ወይ ብምልክት ኣብ መንጎ ሰብን። ቀረባ ብጻይን ውን ክካየድ ይከኣል እዩ፣

ደም ከም ህይወት ኣባል ናይቲ ፈጣሪ ኩሉ ዓለም እዩ፣ ብፈጣሪ ህይወት ምጥፋእ ነውሪ እዩ፣

ልቢ ናይ ዝነብር ዘሎ ነፍሲ። ምንጪ ናይ ደም፣ መበቆል፣ ወኪል ናይቲ ዋና ሰብኣዊ መፍለጥን ዛዕባን ባህርይን ናይቲ ዋና እዩ።

ኪዳን ናይ ደም ኪዳን ብምትሕውዋስ ናይ ደም እዩ ዝፍጠር። ኪዳን ከኣ ቀረባ፣ ጽኑዕ፣ ተኣማኒ ውዕል ከም ዝኾነ እዩ ዝፍለጥ፣ ከምዚ ኪዳን ዝፍጠር ናይ ሓደ ዝተፈልየ ሂወት ዝነበረ ድሕሪ ምትሕውዋስ ናይ ባህሪ። እቲ ባህሪኦም ዝተፈልየ ካብቲ ናይ ቀደም ይከውን፣ ብዙሓት ሰባት ልዑል ነፍሲ ኣለዎም ምክንያቱ ምስቲ መለኮታዊ ኣምላኽ ናይ ደም ኪዳን ውዕል ክኣትው፣

ደም ኪዳን ዘይመውት እምነት ይሓተና። እዚ እዩ ከኣ እቲ ሓደ ምክንያት ብዙሓት ስልጡናትን ምሁራትን ምዕራባውያን ሰባት ምስ ኣምላኽ ዝምድና ክገብሩ የሸግሮም ምክንያቱ ምልእነት ወይ ፍፁምነት ናይቲ ዝምድና ስለዘይርድኦም እዩ፣ ብዙሓት ምብራቃውያን ምሁራት ክርስትያናት ወላ ኣይኩኑ ግና ብዛዕባ ደም ኪዳን ምስ ፈለጡ። ነቲ ሓሳብ ተቀቢሎ። ምስቲ ሓሳብ ይርዕሙ፣

**እቲ ኪዳን ዘፍረሶ ንሞቱ እዩ፣**

ኤርምያስ 34፣17-20 ከምዚ ይብል “ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ፣ ንሓውን ንብጻዩን ሓርነት ንምእዋጅ ኣይሰማዕኩምንን። እንሆ ኣነ ከኣ ንሰይፍን ንፌራን ንጥሜትን ሓርነት ኣእውጀልኩም እሎኩ። ንኩሎም መንግስትታት ምድሪ መሰክሒ ክትኮኑ ድማ ኣሕሊፈ ክህበኩም እየ ይብል እግዚኣብሄር፣ ኣነ ነቶም ኪዳነይ ዘፍረሱ ነቲ ምራክ ኣብ ክልተ ጨንዲሖም ብመንጎ እቲ ጭንድሑ ከኣ ሓሊፎም። ነቲ ኣብ ቅድመይ ዝኣተውዋ ቃላት ኪዳን ዘይሓለው ሰባት ብመንጎ ጭንዳሕ እቲ ምራክ ዝሓለፉ መሳፍንቲ ይሁዳን መሳፍንቲ የሩሳሌምን ስሉባትን ካህናትን ኩሉ ህዝቢ እታ ሃገርን ነዚኣቶም ኣብ ኢድ ጸላእቶም ኣብ ኢድ እቶም ነፍሶም ዚደልዩን ኣሕሊፈ ክህቦም እየ፣ ሬሳታቶም ከኣ ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት ምድርን ብልዒ ኪከውን እዩ፣”

**ነቲ ኪዳን ብትክክል(ምሉእ) ጌርካ እንተዘይዓቀብካዮ እንታይ የጋጥም?**

እግዚኣብሄር ከምዚ ከምዘጋጥም ይፈልጥ ኔሩ። ስለዚ ኣከንዲ ሰብ በቲ ካናለ ናይ ደም ኪዳን ሓለፈ፣ ኣብ ዝስዕብ ምዕራፍብዛዕባ እዚ ኣስፊሕና ኣብ ዘፍጥረት 15 ክንዛረበሉ ኢና፣ ኣብራም በቲ ናይ ደም ኪዳን ካናለ ከምዘይከደ ክንርኢ ኢና ግና ክልተ መለኮታውያን ኣብቲ ካናለ ናይ ደም ኪዳን ረኣየ፣ እዚኦም ከኣ ኣነ ከም ዝስምዓኒ እቲ ሓደ ኣቦ። እቲ ሓደ ከኣ ወልድ ወይ መንፈስ ቅዱስ እዮም፣ የሱስ ኣከንዳና ሞተ። ናይቲ ኪዳን ሰባሪ! ሽዑ ካብቲ ሞት ምስተሰአ ነቲ ናይ ዝኣረገ ፍጥረት ኣብ ገሃነም እሳት ደርበዮ፣ ከም ሓድሽ ፍጥረት ከኣ ተስአ። እቲ ናይ መጀመርያ ዝተወልደ ኣብቲ ሓድሽ ዓሌት ከኣ እዩ ፣ኣብ ገላ 3፣13-14ከምዚ ይብል "ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ። እቲ በረከት ኣብርሃምውን ብየሱስ ክርሶስ ነህዛብ ምእንቲ ኪከውንሲ። ኣብ ዕንጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ። ተጽሒፉ ኣሎ እሞ፣ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኮይኑ፣ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና፣"

እግዚኣብሄር ኣይሕሱን እዩ! ነቲ ኪዳን ከምዝዕቅቦ መሓለሉ ምክንያቱ ኣብራምን ንስካን ኣነን ከምዘይንዕቅቦ ስለዝፈለጠ፣ ነቲ ኪዳን ብምጥላምና የሱስ ሞተ፣ እንታይ ዓይነት ውዕል!

"ስለዚ ከኣ ኣምላ። እቲ ምክሩ ከም ዘይልወጥ ነቶም ወረስቲ ተስፋ ኣዝዩ ኬርእዮም ምስ ደለየ። ብማሕላ ኣብ መንጎ ኣተወ፣ በተን ኣምላኽ ኪሕለውለን ዘይከኣል ክልተ ዘይልወጣ ነገር ጌርና። ንሕና ነታ ኣብ ቅድሜና ዘላ ተስፋ ንምሓዝ ሃዲምና ዝወጸእና ብርቱዕ ምጽንናዕ ክንረክብ ኢና፣" (እብራውያን 6።17,18)

"በታ እቲ ዘይሕሱ ኣምላኽ ቅድሚ ዘመናት ዘለኣለም ዘተስፈዋ ተስፋ ናይ ዘለኣለም ህይወት፣" (ቲቶስ 1፣2)

ደቪድ ሊቪንግስቶን፣ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ሚሽናሪታት ዝነበረ እዩ። ኣብ ኣስታት 1800 ዓመት ምሕረት ንኣፍሪቃ ብወንጌል ክብውጽሓ ወሲኑ፣ ኣብቲ ጻዕሩ ከኣ ሓደ መዓልቲ ኣብቲ ውሽጢ ሕብረተሰብ ክኣትው እንተኮይኑ ምስቲ ሓለቃ ኪዳን ክኣትው ከምዘለዎ ተነግሮ፣ እቲ ውዕል ከኣ እቲ ሓለቃ ናይ ቀደም ኣቅሑት ኣኪቡ ብገመድ ኣሲሩ ንሊቪንግስቶን ክህቦ ኣከንዲ ጤል ናይ ሊቪንግስቶን ነበረ፣ ሊቪንግስቶን ነታ ጤሉ ንጸባ ንቅሓሩ ንምፍዋስ ይድልያ እዩ ግና እቶም ምስኡ ዝነበሩ ከላወጣ ኣእመንዎ፣ነቲ ኪዳን ከኣ ብደም ተኣታተውዎ። ናብቶም ውሽጣዊ ቀቢላ ከበጽሕ ከሎ ናይቲ ሓለቃ ኣቅሑ የርእዮም እሞ ንሳቶም ከኣ ይሰግድሉን ይኣምንዎን ነበሩ። ምክንያቱ ሊቪንግስቶን ምስቲ ዝሓየለ ሓለቃ ኣብቲ ከባቢ ኪዳን ከምዘለዎ ይፈልጡ ነበሩ። እዚ ከኣ ንሊቪንግስቶን ክርእዩ ከለው ነቲ ሓለቃ ከም ዝርእዩ ኮይኑ ስለዝስምዖም፣ ንስካ'ከ ሰይጣን ክርእየካ ከሎ መን እዩ ዝርኢ?

ማልኮም ስሚዝ፣ ናብ ኣፍሪቃዊት ዓዲ ዝገሾ ዛንታ ከምዚ እናበለ የዕልል። ኣብ መገዲ ኣብ ሓደ ባንክ ጠተው ኢሉ ምእንታን ሓዋላ ከገብር። እታ ካሴር ኣጻብዕታ ኣብ ባንኮ ጌራ ንስሚዝ ከዛረብ ተጸበየቶ። ድሕሪ ምሕታቱ ክልተ ሰባት ብጫፍ ኣጻብዕቶም ደም ክለዋወጡ ኣለዎም ምእንታን ምድንጋር ኣብቲ ሓዋላ ከይህሉ፣

ንጽባሒቱ ስሚዝ ነቲ ሓለቃ ናይቲ ዓዲ ረከቦ። ከምዚ ከኣ በሎ። እግዚኣብሄር ንዓድኩም መልእኽቲ ከብጽሕ ለኣከኒ። እቲ ሓለቃ ብዛዕባ እቲ መልእኽቲ ምስ ሓተቶ። ሽዑ ስሚዝ ነታ ኣጻብዕቱ ሓፍ ኣቢሉ ነቲ ናይ ደም ኪዳን ምልክት ኣርኣዮ፣ እቲ ሓለቃ ነዚ ምስረኣየ ሰምቢዱ ሰገደሉ ንየሱስ ከኣ ተቀበሎ። ፈጣሪ ኩሉ ዓለም ምስኡ ናይ ደም ኪዳን ከገብር ፍጹም ኣይኣመነን፣ ብምሉኣ እታ ዓዲ ከኣ ተቀየረት፣

ኣብ ግዜ ጉዕዞ ናብ ሃይቲ፣ ብዛዕባ ባህልን ደም ኪዳንን ብዙሕ ዛንታታት ሰማዕና። ሓደ ካብኡ ቅድሚ ልዕሊ 200 ዓመታት ብጽምብል ናይ ሓሰማ ደም ጌሮም ንሰይጣን ሃብዋ፣ ሹዱን ካልኦት ዓይነት ሃይማኖትን ብዛዕባ ዋጋ(ክብሪ) ናይ ደም ኪዳን ኣብ መንፈሳውነት ይርድኦም እዩ፣ ሓደ ቀሺ ከምዚ እናበለ የዕለለና። "ሓደ ናይ ሹዱ ቀሺ ብዛዕባ ሃይማኖትኩም ንገረኒ ጽቡቅ ጌረ ክርድኦ ኢሉ መጸኒ ጋኔን ከውጽእ ምስ ረኣየኒ እቲ ናይ ሹዱ ቀሺ እዚ ሓይሊ ካበይ ከም ዝመጽእ ዘሎ ሓተተኒ። እንደገና ከምዚ ክብል የዕለለኒ ሓደ ዝፈትዎ ዓርከይ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ሞይቱ ወላውን ደም ናይ ደርሆ ከሕውዮ ኣይከኣለን ። ሽዑ ኣነ ብዛዕባ ደም ናይ የሱስ ክነግሮ ጀሚረ ። ሽዑ ንሽዑ ከኣ ብዘደንቅ ኣመነ ። ሕጂ ከኣ ኣብ ቤተክርስትያን የገልግል ኣሎ"፣

**እንታይ ማለት እዩ ዓርኪ?**

ዓርኪ ትብል ቃል ኣብ እብራውያን/ምብራቅ ባህሊ ናይ ደምኪዳን ብጻይ ማለት እዩ፣

"ብዙሓት ፈተውቲ ዘለውዎ ሰብ ርጠፍእ። ግናከ ካብ ሓው ኣብሊጹ ጥብቂ ዝኮነ ፈታዊ ኣሎ፣" (መዝ 18፣24)

ብዙሓት ባህልታት ንደም ኪዳን ክሳዕ ሕጂ ክብሪ ዘለዎም ከምዚ ይብሉ "ደም ይሓፍስ ካብ ማይ" እቲ ማይ ዝጥቀስ ዘሎ ማይ ናይ ምውላድ ኣደ ማይ እዩ፣ እዚ ከኣ እቶም ናይ ደም ኪዳን ብጾት ካብ ደቂ ሓንቲ ኣደ ንላዕሊ ከምዝቀራረቡ የመልክተልና፣ ብካልእ መግዲ ከኣ ከምዚ ይብልዎ "ደም ይሓፍስ ካብ ጸባ"

“ዓርኪ” ናይ ኪዳን ቆንቆ እዩ፣ ትርጉሙ ከኣ ተኣማኒ፣ ትክትንፋስ፣ ትሪር ህብረት ኣብመንጎ ሰባት፣ የሱስ ንይሁዳ “ዓርከይ” ኢሉ ክጽውዖ ከሎ ኣብ ጌተሰማኒ ከምዚ ኢሉ እዩ ዘመልክተሉ ዝነበረ ከሓዲ ናይ ደም ኪዳን፣

“እቲ ካብ ኣቦይ ዝሰማዕክዎ ዘበለ ንኣካትኩም ስልዘፍለጥኩኹም እየ ኣዕሩከይ ዝበልኩኩም። ባርያስ ጎይትኡ ዚገብሮ ኣይፈልጥን እዩእሞ ደጊም ባሮት ኣይብለኩምን እየ፣” (የዉ15፣15)

ማፍያታት ብናይ ደምኪዳን ዝምድና እንገብሩ እዮም ዋኒን ዝገብሩ፣ ሓደ ማፍያ ኣብ ልዕሊ ሓው እንተተዛሪቡ። ይቅተል፣እዚ ከኣ ኣመት ከመይ ገይርና ከም ንዛረብ ኣብ ልዕሊ ኣሕዋትና የፍልጠና፣ ደፈረ ኣሉታዊ ቃላት ኣብ ልዕሊ ሰባት ኣይዛረብን ኣንጻር የሱስ እንተተዛሪበ እሞ ከኣ ክፍረደኒ እዩ!

ሰላም ምባል ናይ ደም ኪዳን ስጉምቲ(ኣመት) እዩ፣ ደም ብመበቆል ኣብ መንጎ እቶም ክልተ ብጾት ብምጭባጥ ይመሓላለፍ። ነፍሲ ወከፎም ከኣ መብጽዓ ይኣትው ነንሕድሕዶም ከይተሃሳሰዩ፣

ምስዓም ከኣ ናይደም ኪዳን ተግባር እዩ፣ ኣስተብህሉ ይሁዳ ንየሱስ ከትሕዞ ከሎ ሰዓሞ። ሓደ ሰብ ኣብ ከንፈሩ ንካልእ ሰብ እንተሰዓሞ ኣብ መንጎ ካልእ ዘይሕውስ ዝምድና ከምዘሎ ይሕብር፣ ተጠንቀቅ ንመን ከም ትስዕም ብዙሓት ሃይማኖቶኛታት ሰባት ኣብ ኣፍ ምስዓም ወላ ንበዓል ቤት ወይውን ንደቅካ ነውሪ እዮም ዝብሉ፣

ምዝካር ብጣዕሚ ሓያል ቃል እያ፣ “እንጌራ ኣልዒሉ ድማ ኣመስጊኑ ቆሪሱ። እዚ ምእንታኩም ዚወሃብ ዘሎ ስጋይ እዩ። እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ ኣኢሉ ሃቦም፣” (ሉቃ 19፣22)

ቫይን መዝገበ ቃላይ ንምዝካር ትብል ቃል ከምዚ ኣኢሉ ይትርጉማ። “ብዘይ ደገፍ ምዝካር። ምዝክካር ብካልእ። እንተኮነ ግና ብግሪክ እቶም ቃላት ተለዋወጥቲ እዮም ከምዚ ከኣ የመልክተልና። ምህላው ብፍትወት ንሓደ ሰብ ኣብ ሓንጎልካ ከተምጽኦ ከለካ ።ሓንጎልካ ኣበራቢርካ ኣን ትሕቲ ሕጊ ደም ክትውፈ”

ማልኮም ስሚዝ ኣብታ ናይ ደም ኪዳን መጽሓፉ ብዛዕባ ኢታ ቃል ምዝካር ከምዚ ኢሉ።

“ምዝካር” ትብል ቃል ኣብ ኪዳን ቆንቆ። ብቁዕን ግዴታዊ ተግባራት ክትወስድ ናይ ኪዳን መኣዲ ኣብ መንጎ ኣተወ በቲ ኩሉ ዝገበሮን። በዚ ሕጂ ንገብሮን ብሓይሊ ናይዚ ውዱእ ስራሕ። እቲ የሱስ ዝተሳቀየ ከምፈተነ ሓሲብና ሕዙን ስምዒት ክህልወና የብሉን ፣ኣብ ሂወትና ዝኮነ ነገር ክንገብርን እቲ ንሕና እነብዕሎ ኪዳን ምስቲ ዝምድናና ይጻረር፣

**ትርእዮ ሓድሽ ራእይ ቁርባን ክትወስድ ከለካ**

ቁርባን ክንወስድ ከሎና ብሓሳብና ክንስእሎምን ክንዝክሮምን ዘሎና ነገራት። የሱስ ኣክንዳናን ኣብክንዲ ኣብርሃምን። ናብቲ ናይ ደም ኪዳን ካናለ ከምዝከደልና። የሱስ ኣክንዳና ኣብ መስቀል ከምተሰቅለን ከምተሳቀየን ከምዝደመየን ክስኣለና ኣለዎ። ደሙ ክንዝክር። እቲ መንፈሳዊ ደምና ክንዝክር ነብስና ክንውፈየሉ ከምዘለና። ኣብ ናይ ምትሳእ ሓይልን ሓድሽ ምውላድ ከምዘሎ ክንዝክር ይግባእ፣

***መን ምኮንካ ዘክርን፣ ኩሉ ነገር ብዛዕባ መንነትካ እዩ፣***

ከምቲ ኣብቲ ናይ ደም ኪዳን ዝበሎ። እቲ ቃል ናይ ኣምላኽ ብሓቂ እንተኣስተንተናዮ መን ምኮና ብሓቅን ብርግጽን ክንፈልጥ ኢና! ብዙሓት ክርስትያናት ብልቦም እግዚኣብሄር በቲ ናይደም ኪዳን ከምዝፈጠሮም ኣይኣምኑን እዮም፣

ሰበይተይ ኩሉ ሳዕ ነቶም ንኣሽቱ ወላ ዓበይቲ ደቅና ክወጹ ከለው ካብ ገዛ “መን ምኮንኩም ኩሉ ሳዕ ዘክሩ!” ትብሎም፣

ቁርባን ኣብዚ ቀረባ ግዝያት እናወሰድኩ ከለኩ እግዚኣብሄር ከምዚ በለኒ “ላርይ ነዚ ክትወስዶ ከለካ መን ምኮንካ ዘክር፣” እዚ ከኣ መዘከሪነቲ ዘደንቅ ስራሕ ዝተሰርሐ ካብ ሓጥያትኛታት ናብ ሓደስቲ ፍጥረታት ዝገበረ ናይቲ ኪዳን ጠባይ እዩ፣ ከምኡውን ምስ የሱስ ከም ዝተሰቀልናን ብእኡ ከኣ ከም ዝተሳእናን ብካልእውን መን ምኮና መዘካከሪ እዩ፣

ኣብ 1ቆረ11 ፓውሎስ ከምዚ ክብል ኣጠንቀቀና ብዙሓት ኣመንቲ ይሳቀዩን ወላውን ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ይሞቱ ምኽንያቱ ንቁርባን ብዘይ ክብሪ እናወሰድዎ፣

ነቆረ 11፣29-31 ከምዚ ይብል “እቲ ዚበልዕን ዚሰትን ንስጋ ጎይታ እንተ ዘይለለየ። ንርእሱ እዩ ፍርዲ ዚበልዕን ዚሰትን። በዚ ምኽንያት እዚ እዮም ኣብ ማእከልኩም ብዙሓት ድኩማትን ሕሙማትን ዘለው ዝድቀሱውን ብዙሓት እዮም ግናከ ኣብ ርእስና እንተንፈርድሲ ኣይምተኮናን ኔርና፣”

ብዛዕባ ኣብዚ ላዕሊ ዘሎ ጥቅሲ ብዙሕ ክበሃል ምተኻእለ። ንሕጂ ግን ብዛዕባ ናይ “የሱስ ኣካላት” ኣብ ክልተ መዳይ ክንርአ ኢና፣

**1. ኣድማሳዊ ናይ የሱስ ሰብነት(ኣካላት)፣ ኣካላት ኣመንቲ ኣብ ዓለም እዩ፣**

ብዛዕባ ናይ እግዚኣብሄር ደም ኪዳን ካልኣይ ሓሳብ ምህላውን ምጥርጣርን ብጣዕሚ ሓደገኛ እዩ። ፓውሎስ ነዚኦም ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት 3 መጠንቀቕታ ሂብዎም

1. ኣብ ህብረት ዘይምህላው

2. ቅድሚ ቁርባን ምውሳድካ። ነቲ ዘይኣምላኽዊ ነገራት ምጥፋእ

3. “ብሓቂ(ብቅኑዕ) ዘይምምማይ” እዚ ማለት ብካልእ ኣዘራርባ ናይ የሱስ ኣካላይ ብክብሪ ዘይምፍላጥን ዘይምንጻርን ሰባት ክሳቀዩ ይርእይ እየ ምኽናይቱ ከኣ ነቲ ናይ የሱስ ዓለም ሰብነቱ ብክብሪ ስለዘይሕዝዎ፣

**2. ሰብነትካ ናይ የሱስ ጥሪት እዩ፣**

መቅደስ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምኮንካ ትፈልጥ ኢካ፣ ነብስካ ናትካ ዘይኮነ ናይ የሱስ እዩ፣ ጎዳኢ ዝኮነ ነገራት ኣብ ሂወትካ ክትገብር ከሎኻ። ነቲ ናይ የሱስ ነብሲ ብክብሪ ኣይትሕዚን ኢካዘሎካን ኣብ ነብስካ ከኣ ፍርዲ ተቀምጥ ኣሎካ። ንኣብነት ከዚ ጌርካ'ሞ ሕሰቦ። ኣብ ቅድሜካ ቤተክርስትያን ናይ እግዚኣብሄር ትርእይ ኣሎካ። ጻዕዳ ሓውን ትኽን ዓው ዝበለ ድምጽታትን ካብቲ ቅዱስ ናይ ቅዱሳን ቦታ ይወጽእ ትርኢ ኣሎካ ከይድካ ኣብቲ መንደቅ ናይቲ ቤት መቅደስ ዘየድልየካ ጽሑፋት ክትጽሕፍ ክትግምቶዶ ትኽእል?

ምስ ነብስና ክንዳፈር የብልናን። ገለ ሕማቅ ነገር ክንገብር ከሎና ኣብ ነብስና። ንምንታይ እግዚኣብሄር ዘይኣሕወየና ኢልና ክንድናቅ የብልናን፣ ኣብቲ መግብታት ንወስዶ ከም ሽኮራዊ። ቀመማዊ ነገራት። ልሙድ መግብታትና ክንጥንቀቅ ኣሎና፣ ኣልኮላዊ መስተ። ሽጋራ። ሓሽሽንክንጥቀም የብልናን፣ ክንቀሳቀስ። ብዙሕ ኣሕምልትን ፍረታትን ዝተመጣጠነ መግብን ክንወስድ ኣሎና፣ ኣብዚ 2006 ዓመት። ብዙሓት ኣመሪካውያን ወላውን ንኣሽቱ ብሕማም ሽኮር ክሳቀዩ ጀሚሮም ኣለው ናይዚ ምክንያት ከኣ ዋሕዲ ስፖርትን(ምንቅስቃስን)። ሕማቅ ኣበላልዓን እዩ፣

ስነፍልጠታዊ ጽሑፋት ብዛዕባ ኣልኮል ምስታይ ወላ ቅሩብ። ካንሰር (መንሽሮ) ከም ዘምጽእ ኣብ መንእሰያት። ኣብ ማህጸን ዘለው ቆልዑ ከኣ ዝተመዛበለ ቅርጺ ዘለዎም ቆልዑ ይውለዱ፣ ኣብ ናይ ሓንጎል ዝመራመሩ ሰባት ከኣ ነቲ ናይ ሓንጎል ዋህዮታት ከምዘዕንዎ ይዛረቡ፣ ኣብ ኣፍሪቃ ወይ ሃይቲ ካብ ጥንቀላ ዝደሓኑ ኣመንቲ ክርስትያናት እቶም ጎይተኦም ብኣልኮል ጌሮም ጊልያነት ይገብርዎም ከምዝነበሩ ይዛረቡ፣

ገሊኦም ሰባት ዘይጻወር ወይ ሃይማኖተኛ ኢሎም ይጽውዑኒ። በዚ እምነተይ እዚ ኣነ ግና እቲ ጎይታ ዘርኣየንን ዝተዛረበንን ጥራሕ እየ ዝዛረብ ዘለኩ። ንሱ ተዛረበኒ ኣነ ከኣ ንጥቅመይ ኣመንክዎ። ነዚ ከኣ ከካፍሎ ተቀሲበ ምኽንያቱ ንስካትኩም ከኣ ክትጥቀሙ፣

እግዚኣብሄር ድሕሪ 2 ወርሒ ንዓይ ምስ እድሓነኒ ከምዚ በለኒ ዝኾነ ኣልኮል ኣብ ህይወተይ እንተወሲደ። እቲ ሓጎስ መንፈስ ቅዱስ ክህበኒ ዘዳለወለይ። ከምዘይህበኒ ምኮኑ ነገረኒ ናቱ ቃል ንጹር እዩ ኔሩ። ናይ ካልእ ጽልዋ ወይ ተጽዕኖ ኣብ ህይወተይ ኣይነበረን፣

ቅድሚ ንጎይታ ምፍላጠይ “ሰታይ እየ ነይረ”፣ ስለዚ ጉድኣት ናይ ምስታይን ንዝምድናን ንህይወትን ከበትክ ብዓይነይ ርኢየ እየ፣

ነዚ ኩሉ ተዛሪበ ግን ምስ ብዙሓት ኣሕዋትን ኣሓትን በዚ ዘይሰማምዑ ምሳይ ዝምድነኦም ኣይበትክን እየ። እቲ ኩነታት ንዓይ ኣገዳሲ እዩ ንዕኦም ግና ኣገዳሲ ኣይኮነን። ስለዚ ኣብ ነንሕድሕድና ርእይቶን ምርጫታትን ኣኽብሮት ኣሎና፣ ኣብዚ ኩነታት ከኣ ምስ ዝኮነ ሰብ ክርክር ወይ መንተ ክገብር ኣይደልይን እየ። ዋጋ ከኣ የብሉን ምኽንያቱ ባእስን ምምቅቃልን እዩ ከስዕብ ፣ እዚ ናተይ ምስክርነተይ ጥራሕ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ ንእግዚኣብሄር ሕተቶ ክዛረበካ፣

**እግዚኣብሄር ቅዱስ እዩ!**

ኣብቲ ኪዳን ኢድ ክሀልወካ እንተደሊካ ቅዱስ ኩን። ልክዕ ከምኡ ኩን! እቲ መሬታዊ ነብሱ ብግቡእ ሓዞ። ኣይትሕመን ኣይትንቀፍን። ኣሉታዊ ኣይትዛረብ። ዘይኣምላካዊ ሓሳባት ኣይትወድብ እንታይ ደኣ ናብ መስቀል ውሰዶ። ንድካታት ሃብ። ስሱዕ ኣይትኩን። ንጸላእትካ ኣፍቅር። ፍቕሪ ዘለዎ ህይወት ንበር። ንካልኦት ኣይትፍረዶም፣ ኣብዚ መስርሕ ህይወት ትነብር እንትዘይሃሊካ። ንነብስካ ሕተታ። ሓጥያትካ ተነሳሕ። የሱስ ከኣ ከጽርየካ እዩ፣ ኣብ ነብስካ ዝኮነ ነገር ክትገብር ጸሊካ ተግብር፣ ከምዚ ዓይነት ህይወት ክትነብር እንተዘይኪኢልካ ስለዚ ቁርባን ካብ ምውሳድ ተቆጥብ! ክትቅየር እንተደሊካ። ንየሱስ ብመንፈስ ቅዱስ ብሓውን ከጠምቀካ ሕተቶ! እግዚኣብሄር መን ምኮኑ ዘክር። የሱስ ኣብቲ ኪዳን ክትሳተፍ እንተኮንካ ብቃሉ ጌርካ ምኮኑ ኣነጺሩልና እዩ፣ ነዚ ጽሑፍ ክሳዕ ዝርደኣካ። ደጊምካ ደጋጊምካ ኣንብቦ፣

"የሱስ በሎም ስጋ ወዲ ሰብ እንተዘይበላዕኩም ደሙውን እንተዘይሰተኩምሲ ህይወት ከም ዜብልኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ስጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣላቶ፣ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ከተንስኦ እየ። ስጋይ ብልዒ ሓቂ እዩ እሞ። ደመይ ከኣ መስተ ሓቂ እዩ። እቲ ስጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ኣባይ ትነብር፣ ኣነውን ኣብኡ"(ዮሃ 6፣53-56)

"መንፈስ እዩ ህያው ዚገብር። ስጋስ ገለ'ኳ ኣይጠቅምን እዩ። እዘን ኣነ ዝነገርኩኩም ቃላት መንፈስ እየን ህይወትውን እየን" (ዮሃ6፣63)፣ ናይ እግዚኣብሄር ቃል እመኖ ምክንያቱ እቲ ኪዳን ናባካ ከመሓላለፍ ወኪል እዩ፣ መንግስተሰማያትን መሬትን'ኳ እንተሓለፉ። ቃሉ ግን ንዘልእለም እዩ! ብዙሓት ክርስትያናት ናይ እግዚኣብሄር ቃል ዘይመእመኒኦም ምክንያት ቃሎም ስለዘይኣምኑ እዮም። ብባህሪኦም ዘይእሙናትን ሓሰውትን ሰባት እዮም፣ ከምዚኦም ዓይነት ሰብ እንተኮይንካ ኣይትጨነቅ ጥራይ እሙንን ሓቀኛን ኩን። እግዚኣብሄር ከኣ ስለቲ እምነትካ ቅንዕናካን ክክብረካ እዩ፣

ከመይ ጌርካ ኢካ ንደም ኪዳን ግብረ መልሲ ትህብ? በቲ ደም ኪዳን ኣኢና ውርሻ ዝረከብና ። ሓንሳብ ሓንሳብ ብጣዕሚ ዓቢ ስለዝኮነ ንክትእምኖ የሸግር ። ወላ'ኮ ይሃልወና ብጸጋ ግና ነቲ ውርሻ ክንቅበል ንነብስና ከነመዓራርን ነቲ ደም ኪዳን ከኣ ግብረ መልሲ ክንህብ ይግበኣና፣ ሰይጣን ውርሻና ከይንረክብ ዓጋቲና እዩ። የሱስ ከኣ ብኣንጻሩ ፈራዲና፣ መንገኛና እዩ። ነቲ ኪዳን ክንነጽን ንክእል ኢና ከም ምርጫና እዩ። "ምስናይዚ ድማ ኣምላኽ ከም ፍቃዱ ብትእምርትን ብተኣምራትን በበይኑ ብዝኮነ ሓይልታትን ብምዕዳል መንፈስ ቅዱስ እናመስከረ ። ንሱ ከኣ ብጎይታ ኪንገር ዝጀመረ ካብቶም ዝሰምዕዎ ከኣ ኣባና ዝጸንዔስ ። ንሕና ግዳ ክንድዚ ዝኣክል ምድሓን ዕሽሽ ካብ እንብል ። ከመይ ጌርና ክንሞልቅ ይከኣለና፣"(እብራውያን 2፣3)

እንሆ ገለ መዘከርታት ናይቲ ዝምድና ስነስርዓት። ነዚኦም ዘርዚረዮም ዘለኹ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍን ኣብ መወሰከታ(ድሕሪ ኩሉ ምዕራፋት)ውን ጠቂሰዮም ኣለኹ። ምክንያቱ ጥቕሞም ከጉልሑም ስለዝደለኹ እየ፣ ኩሉ ነገር ኣብቲ ዝምድና እዩ ዘሎ። እቲ ደም ኪዳን ክንብል ከሎና ብዛዕባ ዝምድና ኢና ንዛረብ፣ ብዙሓት ሰባት ነዚ ሓቂ ዋጋ ኣይህብዎን እዮም፣ ኣብቲ ዝምድና ምስ የሱስ። ንስካ ቃልካ ትህቦ ፣ ንሱውን ቃሉ ይህበካ። ኣብዚ ቃላት ምልውዋጥ። እቲ ደም ብክልቲኡ ወገን ይቀያየር። ንስካ ህይወቱ ትርከብ። ንሱ ከኣ ሞትካ ይቅበል!

እግዚኣብሄር ህይወትካ ኣመዓራሪካን ምስኡ ክትዛመድን ክትፈልጦን ይዕድመካ ኣሎ፣ ብከምዚ ገይሩ እዩ ከኣ ባርኮት ናይ ደም ኪዳን ናብ ህይወትካ ዝፈስስ፣

1. ነቲ ዝምድና ክትስዕቦ ምኾንካ ወስን፣ ምሉእ ህይወትካ ንእግዚኣብሄር ወፍዮ፣(ሮሜ12፣1-2) እዚ እዩ ከኣ ነቲ ናይ ደም ኪዳን ግብረ መልሲ ንህብ፣
2. ቃሉ ክትሰምዕ እኩል ግዜ ሃብ፣ ቃሉ ናይ ደም ኪዳን መትሓዚ እዩ፣ ኣበየናይ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕቲ ክትኣትው ከምዘለካንመንፈስ ቅዱስ ክርእየካ ሕተቶ፣
3. ንክትዛረብ እኩል ግዜ ሃብ፣ ቃላትካ ተዛረቦም፣ ገለ ሰባት ሓሳባትካን ስምዒትካን ከኣ ጠቃሚ እዩ፣ ቅንዕና ይሃሉካ ምስቲ ናይ ደም ኪዳን ብጻይካ የሱስ ምእንቲ ኩሉ ሓጥያትካ ናብኡ ክከይድ፣ ብዘይ ቅንዕና ዝምድና ክትገብር ኣይከኣልን እዩ፣
4. ክትዛረብ ከሎካ ግዜ ወሲድካ ተዛረብ፣ ቃላቱ ተዛረቦም፣ ብመዓልቲ መዝሙር ዳዊትን ምሳሌን ኣንብብ፣ ሓደ ሰዓቢ 5 ምዕራፋት ናይ መዝሙር ዳዊት ዓው ኢሉ ከንብብ ኣለዎ፣ ስርዓተ ዓውደ ኣዋርሕ ተጠቀም ንኣብነት ኣብ ወርሒ 24። መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 24,54,84,114,144 ኣንብብ፣በዚ ስርዓት ኩሉ መዝሙራትን ምሳሌታትን ክትውድኦ ትክእል ። ከምዚ ጌርና እንተኣንቢብና ሓንጎልና ይሕደስ። ንሰይጣን እቲ ቃላት ነንብበሉ ። ስምዒትካ ከኣ ምስቲ ጽሑፍ ክዛመድ ይክእል፣ ምሳሌ ኣብ 31 መዓልቲ መዝሙር ዳዊት ከኣ ኣብ 119 መዓልታት ክንውድኦ ንክእል፣ በዚ እንተጀሚርካ እግዚኣብሄር ናብቲ ካልእ ጽሑፋት ቀስ ብቀስ ክመርሓና እዩ። በዚ ከኣ ንምሉእ ሂወትካ ብቀጻሊ ክትባረክ ኢካ፣

5. ንእግዚኣብሄር ተኣዘዞ፣ ንእግዚኣብሄር ገለ ናሽተይ ነገር ክህበካ ሕተቶ። መዓልታዊ ገለ ነገር ትእዘዞ። ምናባት ንካልኦት ምትብባዕ ክከውን ይክእል እዩ፣ ምናልባት ካብቲ ወልፍታትካ ትድሕነሉ ወይውን ሓጥያትካ ትንስሓሉ ክከውን ይክእል፣

**እዚ ዓቢ ነገር እዩ!**

ኣብ ዮሃ 14፣21-23 ከምዚ ይብል ቃሉ ምስ እንእዘዝ ዝያዱ ነብሱ የፍልጠና(ይቃለዐና)። ሓንሳብ "ንየሱስ" ኣንተሪእካዮ።እቲ ዝምድና ምስኡ ኣማኒ ጥራሕ ዘይኮንካ ትከውን ግና ወደመዝሙሩውን ትከውን ኢካ፣ ሃዋርያ ፓውሎስ እዚ ድሌት (ሃረርታ ኔርዎ) ኣብ ፍሊጲ 3፣10 ከምዚ ክብል ከሎ "ብዝኮነ ኮይኑ ናብ ትንሳኤምውታት እንተ ኣርከብኩ ኢለ። ብሞቱ እናመሰልክዎ። ንእኡን ሓይሊ ትንሳኤኡን ሕብረት መከርኡን ምእንቲ ክፈልጥ። ኩሉ ከም ወጽዓ እቖጽሮ ኣሎኩ፣"

6. ቁርባን፣ ብስሩዕ ቁርባን ተኪታተል(ውሰድ) ብዙሓት ሰባት መዓልታዊ እዮም ዝወስድዎ፣


ኣብቲ ዝምድና ተመላለስ። ኣብቲ ዝምድና ምህላውን ምስ ብርቱዕ መጽሓፍ ቅዱስ እምነትን ብጣዕሚ እዩ ጠቃሚ። ኣመንቲ መንፈስ ዝምልኡ ምእንቲ ክተባብዑን ክሕደሱን፣

# ምዕራፍ 5

## ቃኤልን ኣቤልን

“ኣዳም ድማ ንሰበይቱ ሄዋን ፈለጣ። እሞ ጠነሰት። ንቃየል ከኣ ወለደ። ብረድኤት እግዚኣብሄር ሰብ ተቀበልኩ በለት ደማ በለት። ደጊማውን ንሓው ኣቤል ወለደት ፣ ኣቤል ድማ ጎሳ ኣባጊዕ። ቃየል ከኣ ዓያዩ ምድሪ ኾነ፣ ድሕሪ ገለ ወርሓት ድማ ኮነ። ቃየል ካብ ፍረ ምድሪ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ኣምጽኤ፣ ኣቤል ከኣ ካብ በዅራት ኣባጊዕን ካብ ስብሒንን ኣምጽኤ፣ እግዚኣብሄር ድማ ናብ ኣቤልን ናብ መስዋእቱን ግና ባህ ኢልዎ ረኣየ፣ (ኦሪት ዘፍ 4፣1-4)

እቶም ክልተ ደቂ ኣዳምን ሄዋንን ቃኤልን ኣቤልን ተሰመዩ፣ ኣቤል ኣባጊዕ የፋርይ ነበረ። ቃኤል ድማ ሓረስታይ ነበረ። ብናተይ ኣተሓሳስባ። ኣብቲ ግዜቲ ኣምላኽ ስጋ ክበልዑ ንደቂ ሰብ ፍቃድ ኣይሃቦምን ኔሩ። እዚ ክሳዕ ኖህ ዝነበረሉ ግዜ እዩ፣ እዚ ሓቂ ብምኾኑ ኣቤል ነተን ኣባጊዕ ዘፋርየን ዝነበረ ንክዳንን መስዋእትን ጥራሕ እዩ። እዚ እዩ ከኣ ካብ ኣቡኡን ኣዲኡን ዝተመሃሮ።ዝምድና ናይ ቃኤልን ኣቤልን ከኣ ንመስዋእቲ ዝኮኑ እንስሳታት ብመግቢ ክቀያየሩ። ቃኤል ግን ናይ ደም መስዋእቲ ከብጽሕ ኣይደልይን እዩ ዚመስል፣



ኣዳምን ሄዋን ንደቆም መስዋእቲ እንስሳታት ንኣምላኽ ክህቡ መሃርዎም። እዚ ከኣ ምእንቲ ሓጢኣቶም። ምስ ኣምላኽ ዝምድና ክገብሩን። ብናይ ደም ኪዳን ከኣ ምስ ኣምላኽ የዕሩክ ክኮኑ፣ ብጣዕሚ ዘደንቅ ነገር እዩ። ተስፋ ናይ ሄዋን ኣብ ኣቤል እምበር ኣብ ቃኤል ኣይነበረን። እዝስ ናይ ኣደ ምርዳእ'ዶ ምበልካዮ? እስኪ ሄዋን እንታይ ከምዝበለት ንርአ “ኣዳም መሊሱ ንሰበይቱ ፈለጣ። ንሳ ከኣ ወዲ ወለደት። ኣምላኽ ኣብ ክንዲ እቲ ቃየል ዝቀተሎ ኣቤል ካልእ ፍረ ኸርሲ ተኪኡኒ እዩ ኢላ ስሙ ሴት ኣውጸኣትሉ”(ኦሪት ዘፍ 4፣25)፣ ኣምላኽ ናይ እንስሳ መስዋእቲ እቲ ደም ዝፈሰሰ ናይ ኣቤል ከምዝተቀበሎ። እንተኮነ ግና ናይ ቃኤል መስዋእቲ እቲ ናይ ፍረታት ኣይተቀበሎን፣


### ዝምድና ኣብ መንጎ ሃይማኖትን ናይ ደም ኪዳን

ቃኤል ብፍረታት ንኣምላኽ ከህጉሶ ደለየ ኣምላኽ ግና ናይ ደም መስዋእቲ እዩ ዝደልይ ነበረ። ስለዚ ኣቤል ከኣ ናይ ደም መስዋኣቲ ኣምጽአ፣ ቃኤል ሃይማኖት እዩ ተጠቂሙ። ምክንያቱ ቃኤል ብዛዕባ እቲ ዘይሰርሐ ቆጽሊ በለስ ሰሚዑ ኔሩ እዩ። ኣብዚ እዩ ከኣ ንዓይ ግድል ዝኮነኒ። ከመይ ገይሩ እዩ ቃኤል ነቲ ዝድናቅን ዝፍራሕን ኣምላኽ ዘረብኡ ሰሚዑ ከሎ ንኣምላኽ ካብ ፍረታት ምድሪ መስዋእቲ ዘቅረበሉ? መሬት ዝተረገመት እ። ሰብ ከኣ ሃይማኖታዊ ምህዳእ(ምጥባር) ንኣምላኽ ክህቦ ኣየድልይን እዩ። እንታይ ደኣ እንደገና ምስ ነፍስና ክንዛመድ እዚ ዝከውን ከኣ ። ምሉእ ዝኮነ ምልውዋጥ (ምቅይያር) ጠባያት ናይ ኣምላኽ ምስ ሰብ። ናይ ሰብ ከኣ ምስ ኣምላኽ የድልይ፣ ኣምላኽ ናይ ሰብ ሓጢኣት ወሲዱ ምስኡ ክመውት። ሽዑ ጥራሕ እዩ ከኣ ሰብ ሓቀኛ መንነቱ ዝውንን፣ ህይወት ኣብ ደም እዩ ዘሎ !

እንታይ ዓይነት መሓሪ ኣምላኽ እዩ ! ኣምላኽ ንቃኤል ክጠዓስ ዕድል ሃ። ኣብ ኦሪት ዘፍ 4፣6-7 ከምዚ ይብል “እግዚኣብሄር ከኣ ንቃኤል ስለ ምንታይ ኮሬካ። ስለ ምንታይ'ከ ገጽካ ጸለመ። ጽቡቅ እንተትገብርሲ። ገጽካ'ዶ ትክ ኣይምበለን። ጽቡቅ እንተዘይገበርካ ድማ። ሓጢኣት ኣብ ኣፍደገ ትቃጸወካ ኣላ። ሃረርታኣውን ናባካ እዩ። ግናኸ ንስካ ክትገዝኣ ይግብኣካ በሎ፣” ክትገዝኣ ማለት ክትቆጻጸር፣

ከመይ እዩ ገይሩ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ስልጣን ክህልዎ ይክእል? ቃኤል ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ስልጣን ክህልዎ ዝክእል ሓሳባቱን። ምርድኡን ናብ ደም ክወስዶ ከሎ እዩ። ኣብ ናትና ሰፈር ከኣ ናብ መስቀል ማለት እዩ፣ ኣምላኽ ካልኣይ ዕድል ሂብዎ ኔሩ ንቃኤል። ደም ከፍስስ ኣብ ክንዲ ድሌቱንን እቲ ኪዳንን ግን ቃኤል ነቲ ሓሳብ ኣይተቀበሎን፣ ወላ ኣንጻር ናይ ኣምላኽ ድሌት ንኪድ። ኣምላኽ ግን ዕድል ይህበና እዩ ክነጽርዮ ምስቲ ምስኡ ዘሎ ኣቀራርባና፣ እዚ ሓሳባት ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ክንዛረበሉ ኢና፣

“ቃኤል ድማ ንሓው ኣቤል ተዛረቦ። ኮነ ከኣ ኣብ መሮር ከለው። ቃኤል ንሓው ኣቤል ተንስአ ቀተሎ ድማ፣(ኦሪት ዘፍ ምዕ 4፣8)



እንታይ እዩ ፍርዲ ናይ ቅትለት? “ሓደ እኾ ነታ ቤት መቅደስ ኣምላኽ እንተ ኣማሰነ። ኣማልክ ኬማስኖ እዩ፣ ቤት መቅደስ እምላክ ቅድስቲ እያ ። እዛ ቤት መቅደስ እዚኣ'ውን ንስካትኩም ኢኹም” (1ቆረ ምዕ 3፣17)፣

ቃኤል ዝኣተዎ መዋጥር ንርአ። ኣብ ሕርሻ ከምቲ ናይ ቀደሙ ኣይኮነሉን ፥ ህላወ ናይ ኣምላኽ ከምቲ ናይ ቀደም ከሐጉሶ ኣይከኣለን ፥ ሃዳሚ ፥ ሃውታቲ ፥ በቃ ብፍርሕን ኮብለልን ዝነብር ሰብ ኮነ፣

“እግዚኣብሄር ከኣ ንቃኤል። ኣቤል ሓውካ ኣበይ ኣሎ በ። ንሱ ድማ ኣይፈልጥን። ኣነዶ ሓላው ሓወይ እየ በለ፣ ንሱ ከኣ እንታይ ጌርካ ኢካ ድምጺ ደም ሓውካ ካብ ምድሪ ናባይ ይጠርዕ ኣሎ፣ ሕጂ ድማ ንስካ ካብዛ ንደም ሓውካ ካብ ኢድካ ክትቅበል ኣፉ ዝከፈተት ምድሪ ርጉም ኩን። ንምድሪ ምስ እተሓርሳ መሊሳ ሓይላ ኣይክትህበካን እ። ኣብ ምድሪ ኮብላልን ቀባሕባሓይን ኩን በሎ፣ ቃየል ከኣ ንእግዚኣብሄር በሎ። በደለይ ክጸሮ ዘይከኣለኒ ዓብዩ እዩ፣ እንሆ ሎሚ ካብ ገጽ ምድሪ ትሰጎኒ ኣሎካ ኣነ ድማ ካብ ገጽካ ክሕባእ እየ። ኣብ ምድሪ ኮብላልን ቀባሕባሓይን ክከውን እየ። ኪከውን ከኣ እዩ ዚረክበኒ ዘበለ ኩሉ ኪቀትለኒ እዩ፣ እግዚኣብሄር ድማ እምበኣር ንቃኤል ዝቀተለ ኩሉ ሾብዓተ ካዕበት ሕነ ኪፈድዮ እየ በሎ። ዝረከቦ ኩሉ ምእንቲ ከይቀትሎ ከኣ እግዚኣብሄር ንቃኤል ምልክት ገበረሉ”(ኦሪት ዘፍ ምዕ 3፣ 9-15)፣

**እቲ ደም ነቲ ቀታሊ ረጊምዎን። ክእለቱ ኣሰንኪልዎን፣**

ኣስተውዕል'ሞ መሬት ናይ ቃኤል ተረጊማ። እዚ ከኣ ንኩሎም ቀተልቲ ከም መኣከቢ ቦታ ዝተጠቀመሉ እዩ። ናይ ቃኤል ክእለት ደስኪሉ ብደም እቲ ግዳይ ፣ ክንድምንታይ ኾን ይከውን ደም ናይ የሱስ ኣብቲ መሬት ናይ ሰይጣን ምስ ፈሰሰ ንሰይጣን ኣደስኪልዎ “ናብ የሱስ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳንን ናብቲ ካብ ደም ኣቤል ዝሓሼ ዚዛረብ ምንጻግ ደምን በጺሕኩም ኣሎኹም (እብ ምዕ12፣24)፣

ዝኮነ ኮይኑ። ደምና ልክዕ ከም ናይ ኣቤል ኣንጻር ሰይጣን ክዛረብ ኣለዎ። እዚ ከኣ መስቀልና ክነልዕል ከለና። ይቅረ ክንብል ከለና። ንጸላእትና ክንምርቅ ከለና። ካብዚ ናይዚ ዓለም ነገራት ክንርሕቅ ከለና። ምውቃስ ክንገድፍ ከለና። ሽዑ ደምና ንሰይጣን ከረግምን። ናይ ሰይጣን ስራሕ ኣብ ሂወትና ነደስክሎ፣

**ከመይ ጌርና ኢና ንቃኤል ምምሳል ገዲፍና ንኣቤል ክንመስል ንክእል?**

ከመይ ጌርና ኢና ናይ ደም'ምበር ናይ ፍረታት መስዋእቲ ዘየነቅርብ? ብመዓልታዊ ልምምድ ናይ ዝምድናና ክእለት ምዕባይ፣( 2ቆረ ምዕ 4፣10) ንኩሉ ሓሳባትና ኣካኪብና ናብኡ። ናብ መስቀል ብምምጻእ። ኩሉ ሓጢኣትና ኣብ መስቀል ምውራድ። መስቀል ብምልዓል። ኩሉ እቲ ናይ ስጋ ትምኒትን ሓሳባትን ብምንጻግ። ብቅንዕና እቲ ኣምላካዊ ዘይኮነ ድሌትናን ባህግናን ናባኡ ምምጽኡ። ነቲ ቃሉ ምእዛዝ። ምስወደቅና ከኣ ተመሊስና መጺእና ነቲ ክቡር ጸጋኡ ክንቅበሎ ኣለና። እዚ እዩ ከኣ ናይ ደም ኪዳን ዘልኣለማዊ ህይወት ዚበሃል፣ ብዙሕ ግዜ ኣብ ህይወተይ ቅልጡፍ ውጽኢት ርእየ። እቲ ጸሊም ደበና ተቀንጢጡ ህላውነቱ ብግሁድ ርእየዮ። ሽዑ እየ ሞሳይ ኣብ መገዲ ከምዘሎ ፈሊጠ ኣብ 2ቆረ ምዕ10፣4-6 ከምዚ እናበለ ይእዝዘና ሓሳባትኩም ማርኹ፣ ኣነ ከኣ ሓሳባትና ማሪክና ንምሉእ ዕድመ ክንኣስሮ ዘይኮነስ ናይ ሞት መቅጻዕቲ ክንብይነሉ፣

**ክንደይ ዓይነት ኣቀታትላ እዩ ዘሎ?**

ኣንጻር እቲ ናይ ደም ኪዳንካ (ሰብኣይ, ሰበይቲ, ካልኦት ኣመንቲ) ትዛረብ እንተሃሊካ ቀታሊ ኢካ፣ብሓቂ ወላ'ውን እንተማረርካ። ምሕረት እንተዘይሃብካ። ኣብ ውሽጥካ ስምዒት እንተሓባእካ'ውን ቀታሊ ኢካ፣ “ነቶም ቀዳሞት እቲ ዝቀተለ ኪፍረዶ እዩ'ሞ ኣይትቅተል ከም እተባህለሎም ሰሚዕኩም ኣሎኩም፣ኣነ ግና ንሓው ኣታ ተኪዳን ጨርቂ ዚብሎ ድማ ኣብ መጋባእያ ኪፍረዶ። ኣታ ዓሻ ዚብሎውን ንገሃነም ሓዊ ኪፍረዶ እዩ እብለኩም ኣሎኩ፣ እምበኣርከ መባእካ ናብ መሰውኢ እንተ ኣምጻእካ ሓውካ ሓዚኑልካ ምህላው ከኣ ኣብኡ እንተ ሓሰብካ። ነቲ መባእካ ኣብኡ ኣብ ቅድሚ መሰውኢ ሕደጎ ኪድ ቅድም ምስቲ ሓውካ ተዓረቕ። ደሓር ድማ ተመሊስካ መባእካ ኣቕርብ፣ ምስ መባእስትካ ድማ ገና ኣብ መገዲ ከሎካ ቀልጢፍካ ምስኡ ተዓረቕ። እንተ ዘይኮነስ እቲ መባእስትካ ንፈራዲ ኣሕሊፉ ከይህበካ። ፈራዲውን ንጊልያ። ናብ ቤት ማእሰርቲ ከኣ ትኣቱ። እታ መወዳእታ ቐድራንቴን ክሳዕ እትፈዲ ካብኣ ከም ዘይትወጽእ ብሓቂ እብለካ ኣለኩ(ማቴ 5፣21-26)፣

**እምበኣር ብቀሊሉ ክልተ ዓይነት ሰባት እዮም ዘለው፣**

“ጽድቂ ዘይገብርን ንሓው ዘየፍቅርን ካብ ኣምላኽ ኣይኮነን። ውሉድ ኣምላኽን ውሉድ ድያብሎስን በዚ እዮም ዚግለጹ። ንሓድሕድና ክንፋቀር። እዚኣ እታ ካብ መጀመርታ ዝሰማዕኩምዋ መልእኽቲ እያ። ከምቲ ካብ እኩይ ዝነበረ። ንሓው ከኣ ዝቀተለ ቃኤል ኣይንኩን። ስለምንታይ'ከ እዩ ዝቀተሎ ግብሩ እኩይ። ግብሪ ሓው ግና ሰናይ ስለዝነበረ እዩ(1ዮሃ 3፤10-12)፤

ኣነ ዝኣምን ሰብ ቀታሊ ወይ ተቀታሊ እዩ። ንስካ ከኣ ሓዲኡ ክትከውን ትክእል ኢካ፤ ኣብቲ ደም እንተኣመንካ ተቀታሊ ትከውን። ኣብ ካልእ ዝኮነ ነገር እንተኣመንካ ከኣ ቀታሊ ትከውን፤

እንታይ ኣዩ ስውእ? ንየሱስ ደቂ መዛሙርቱ ከምዚ ክብሉ ሓተትዋ መዓስ ኢካ ትምለስ (ለውጠ ሓረግ)። ኣየገድሰኩምን እዩ። ግን ሓይሊ ብመንፈስ ቅዱስ ክህበኩም እየ ሽዑ ከኣ ተቀተልቲ (መስከርቲ) ክትኮኑ ኢኩም (ግብ1፤7-8)፤ እምንቶይ ከኣ ንስካትኩም መስከርቲ ክትኮኑ። መስቀልኩም ምስ ኣልዓልኩምን ናይ ስጋ ነገር ምስ ከሓድኩምን፤ እምንቶይ እዩ'ውን መስከርቲ ክትኮኑ። ኣብ ዝኮነ ግዜ ወንጌልኩም ከምዘይትዓጽፉ። ወላ'ውን ብሓሶት እንተተከሰስኩም ወይ እንተተሳቀኩም፤

**ኩሉ ሳዕ ሃይማኖት ቀታሊ እዩ፤ ናይ ደም ኪዳን ሰብ ግን ወሃቢ ኣዩ፤**

ብዙሓት ኣመንቲ እቲ ሓቀኛ ፍቅሪ ናይ ኣምላኽን ርህራሄን ብጌጋ ኣዮም ዝርድእዎ፤ ብዙሓት ብነብሶም እዱባት ይኮኑ ብዕላማ ዘይኮኑስ ግን ብነብሶም። ኣብቲ ቃል ናይ ኣምላኽን ህላውነቱን ግን የለውን። ሓጢኣቶምውን ኣይናስሑን፤ እቲ ናይ ደም ኪዳን ግና ውሉድ ኣምላኽን ።እዱባት ምስ ኣምላኽ ይገብረና ስለዚ ስለምንታይ ነብሰ ኣዱባት ንከውን። እቲ ዝተወሃበና ህያብ ዘደስት ኣይኮነን?

ኣብቲ ደም እንተኣመንካ ከም ኣቤል። ጠባይ ናይቲ ደም ወሃቢ ኣብዚ ጉዳይ ናይ የሱስ ትወስድ ማለት ኣዩ፤ እንተዘይኣመንካ በቲ ደም ግና። ጠባይ ናይ ሰይጣን ትወስድ ማለት እዩ፤ ብዘየገድስ ክንደይ ሳዕ እቲ ቃል ኣምላኽ ኣንቢብካ ወይ ክንደይ ሳዕ ንቤተክርስትያን ተመላሊስካ ወይውን ክንደይ ጽቡቅ ነገራት ጌርካ ትከውን ግን። ኣብቲ ናይ ደም ኪዳን ዝምድና እንተዘይተሳተፍካ። ንስካ ቀታሊ ኢካ!

ኣብቲ ዝምድና ናይ ደም ኪዳን ምስ ኣምላኽ ብየሱስ ኢካ ትረክቦ። ሽዕኡ ኣብቲ መዓልታዊ ልማድካ ይርኣ እዩ። ሃረር ኢልካ ቦታ ትደሊ። ስሱዕ ኣይትኩን። ጠሚካ ንጥሙያት ሰባት ክትዕንግሎም። ንጉድኣት (ንዝተሳቀዩ) ድኻታት ሰባት ኣጸናንዕ። ብሕልፊ ነዞም ንነብሶም ዝጎድኡ ፤ ሃይማኖት ዝፈንፈኖም (ዝረሓቆም) ሰባት ። ንኣብነት ኣመንዝራታት፥ሓሽሽ ተጠቀምቲ፥መበለታት ፥ዘኪታማት፥ግዳማውያን፥እዚኣም ዕውታት ዘይኮኑ ኣብ ባህሎም ንሓግዞም፣ዝምድና ናይ ደም ኪዳን ምስ የሱስ ትለማመድ እንተለካ። ናቱ ጠባይ ነቶም ዘይፍቀሩ ተፍቅር። ካብ ናትካ ወይ ካብ ናይ ኣምላኽ መለከዒ ዝወጹ ንክትፈርዶም ትፈርሕ። “እቲ ንብጻዩ ዘፍቅር ንሕጊ ፈጺምዋ ኢዩ'ሞ። እታ ንሓድሕድኩም ምፍቃር እንተ ዘይኮይና ንገለ እኻ ዕዳ ኣይሃሉኹም” (ሮሜ ምዕ 13፤8)፤

መዓልታዊ ልምምድ ዝምድና ናይ ደም ኪዳን ምስ የሱስ እንተሃሊዩካ። ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ነገራት ከገድሰካ የብሉን። ስለዚ እቲ ናይ ደም ኪዳን ብጻይካ የሱስ። ኩሉ ነገርካ ንዕኡ እንተኣረከብካዮ ባዕሉ ክሓልፎ እዩ፤ “ግናኸ እዚ እብል ኣሎኹ። እቲ ቀጢቡ ዚዘርእ ቀጢቡ ይዓጽድ። እቲ ብበረከት ዚዘርእ ግና ብበረከት እዩ ዚዓጽድ” (2ቆረ 6) ፥ካልኦት ሰባት ካባካ ንላዕሊ ምካኖም ትፈልጥ፥ትዕቢትካ እንዳቐነሰ ብእኡ መጠን ትሕትናካ እናዓበየ ይከይድ፥ተስፋ ከይቖረጽካ ናብቲ ቕኑዕ መንገዲ ተናዲ፤

እምነት እቲ ዝዓበየ ንኣምላኽ ዘሐጉሶ እዩ፤ “ኣቤል ካብ መስዋእቲ ቓኤል ዚበልጽ መስዋእቲ ንኣምላኽ ብእምነት ኣቕረበ ፤ ኣምላኽ ብናይ መባኡ ክምስክረሉ ከሎ። ጻድቕ ምኳኑ ብእኡ ተመስከረሉ። ብምዉቱ ከኣ ገና ብእኡ ጌሩ ይዛረብ ኣሎ” (እብ ምዕ11፤ 4)

እምነት ብፍቕሪ ኣያ ትሰርሕ፤ “ብክርስቶስ የሱስሲ። እታ ብፍቕሪ እትገብር እምነት ደኣ እምበር። ግዝረት ኮነ ወይ ዘይግዝረት ሐደ ግዛዕ ኣይካኣሎን እዩ” (ገላ ምዕ 5፤6)

ኣማኒ ክትከውን እንተኮይንካ ነቲ መስቐል ኣልዒልካ። ብፍቕሩ ትነብር። ወላ እቲ ንዋታዊ ህይወትካ ኣይትከስሮን ኢካ፤

ቃኤል ነቲ ኪዳን ስለዝነጸገ። ተቐትለ፤ ወረስቲ ናይ ቃኤል ድማ ሙዚቃ። ሸቐጥ። ፖለቲካን ። ባህሊ ናይ ከተማን .... ወዘተ ፈጠሩ፤ ኣምላኽ ከኣ ነዚ ወለዶ ራሕሪሑ። ኪዳን ምስ ሴት መስረተ። እዚ ወለዶ ድማ ክሳዕ ኖህ ኣምረሐ። እቲ ቅኑዕ ወለዶ ከኣ እዚ እዩ ዝነበረ፤ ቃኤል ናይ ደም መስዋእቲ እንተ ዘቅርብ ኔሩ። (ንኣብነት ናይ የሱስ ደም) እቲ ሕነ ኣብ ሰይጣን ደኣ'ምበር ኣብ ነብሱ ኣይምወረደን ፤

የሱስሲ ካብ ሓጥያትና ከንጽሃና ወይ ኪዳና ከሐድሶ ጥራሕ ዘይኮነስ። ባህርይኡ ክንወርስን ብመገዱ ክንመላለስን ኢሉ እዩ፣

ጎይታ ኩሉ ነገር ኣቅሊሉልና እዩ፣ እቲ ንሕና ክንገብሮ ዘለና ጥራሕ። ነቲ ናቱ ጠባይ ምውራስ፥ ብፍቅሪ ምጉዓዝ ፥ ጌጋ ምስ ንገብር ከኣ ምጥዓስ፣ "የሱስ መለሰ እታ ቐዳመይቲ እዚኣ እያ። እስራኤል ስማዕ። እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንሱ በይኑ። እዩ እግዚኣብሄር፣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብካን ብኩሉ ነፍስካን ብኩሉ ሓሳብካን ብኩሉ ሓይልካን ኣፍቅሮ፣ እታ ቀዳመይቲ ትእዛዝ እዚኣ እያ፣ እታ ካልኣይቲ እትመስላ ድማ። ንብጻይካ ከም ነፍስካ ኣፍቅሮ እያ። ካብ እዚኣተን እትዓቢ ካልእ ትእዛዝ የልቦን። እቲ ጸሓፊ ከኣ መምህር ብሓቂ ጽቡቅ ተዛረብካ ። ኣምላኽ ሓደ እዩ ብጀከኡ ድማ ካልእ የልቦን፣ ብምሉእ ልብካን ብምሉእ ኣእምሮካን ብኩሉ ሓይልካን ከተፍቅሮ ንብጻይካውን። ከም ነፍስካ ኽተፍቅሮ። እዚ ካብ ኩሉ ዚሓርር መስዋእትን። ካብ መስዋእቲ ሕሩድን ዚዓቢ እዩ በሎ"(ማሪቆስ ምዕ 12፣29-33)፣ናይዚ ሕያዋይ ሳምራዊ ዛንታ ምስንዕዘብ ጸላኢኡ ጎረቤቱ እዩ፣

ክእለትን ስነስርዓትን ናይ ዝምድናና(ኣብ ወሰከ ሀ ኣብቲ መወዳእታ ገጽ ተመልከት) ኣብ ፍቅሪ እንተዘይተሞርኪሱ። መንፈስ ቅዱስ ክፈርደና እዩ። ናይ ኣምላኽ ባህርይ ከኣ ፍቅሪ እዩ። ብደሙ ጥራሕ ኢና ንረክቦ፣

ኣብ ዮሃ 1፣4-9 ጽቡቅ ጌሩ ገሊጽዎ ኣሎ "ህይወት ኣብኡ ነበረት። እታ ህይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበረት፣ ብርሃን'ውን ኣብ ጸልማት የብርህ ጸልማት ግና ኣይሓዘን፣ ዮሃንስ ዝስሙ ሰብኣይ ካብ ኣምላኽ ተላኢኩ ተንስኤ። ኩሎም ብእኡ ናብ እምነት ምእንቲ ኪበጽሑ። ብዛዕባ ብርሃን ደኣ ኪምስክር። ንሱ ንምስክር መጸ፣ ብዛዕባ ብርሃን ደኣ ኪምስክር መጸ እምበር። ንሱስ ብርሃን ኣይነበረን፣ እቲ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዜብርህ ብርሃን ሓቂ ናብ ዓለም ይመጽእ ነበረ"፣

በቲ ኣምላኽ ዝሃበኒ ህያብ ብጣዕሚ እየ ተደኒቀ ዘለኩ። እንድዒ ብዛዕባኩም'ምበር ኣነስ ብእኡ ብእኡ እየ ተቀቢለዮ፣ ኣብዚ ዓለምና ቢልዮናት ዝኮኑ ህዝቢ እዮም ዝነብሩ ዘለው። ነዚ ሓሳብ ናይ ደም ኪዳን ምስ ኣምላኽ ከኣ ኣይተቀበልዎን፣ ልቦም ክርድኣኒ ኣይከእልን እዩ ምናልባት ከኣ እቲ ሓቀኛ መልእኽቲ ኣይበጽሓምን ይከውዝ። ማዕረ ማዕሪኡ ዘደንቀኒ ከኣ ኣመንቲ እዮም። የሱስ ምእንቲ እቲ ኪዳን ከም እተሰቅለ ዝተቀበሉ ግን ነቲ ባህርይኡ ክወርሱ ግን ዝኣበዩ፣ ከመይ ጌሩ ከምዚ ይከውን? ግን ኩሉ ሰብ ዝመሓየሸሉ መዓልትታት ከምዘሎ እየ ዝኣምን፣

እታ ሓንቲ መገዲ ነቲ ባህርይኡ እንወርሶ። ብቃሉ ጥራሕ ኢና፣ እዚ ከኣ ነቲ ዝተዛረቦ ኩሉ ክንእዝዞ ከሎና ማለት እዩ፣ከም ኣቤል 'ምበር ከም ቃኤል ኣይንኩን። ነቲ ዝተዛረቦ ሰሚዕና ትእዛዙ ከነክብር ኣለና ወላ ናብ ሞት የብጽሓና፣

ገሊኦም ሰባት ዝተዛረብዎ ዘረባ ዝሰማዕክዎ "ሓንሳብ ኣምላኽ ኣብቲ ቅዱስ ጽሑፍ ተዛሪቡ እዩ ብሕጂ ወላ ሓንቲ ቃል ኣይዛረብን እዩ" ይብሉ። መሳኪን ሰባት! ካልኦት ሰባት ዝበልዎ ከኣ "ኩሉ ሳዕ ኣምላኽ ካብቲ ቅዱስ ጽሑፍ ወጻኢ ኣብ መንፈሶም ከም እተዛረቦም፣" ሓደገኛታት ሰባት! ኣብ ሓንቲ ገጠር ናይ ኤስያ። ውሑድ ገጻት እዩ ዘለዎም። ሓንቲ ካብተን ገጻት ከምዚ ዝብል ኣለዋ "ዓይንካ እንተኣሕጠኣካ። ጎጥጊጥካ ኣውጽኣየን"። ነዚ ከኣ ቃሉ ብቃሉ ይጥቀምሉ፣ ኣነ ኣብ ሂወተይ ምስ ሓደ ተካራይየይ ዘጋጠመኒ ከዕልለኩም "ኣምላኽ ገዛኩም ከምእትህቡኒ ተዛሪቡኒ እዩ" በለና፣

ዶር.ማርከ ሩትላንድ ዘዕለሎ ዛንታ ብዛዕባ ምስ ሓደ ቀሺ ኣብ ነፋሪት ዘዕለሎ ክነግረኩም። እቲ ቀሺ ሓደ ካብቶም ። ኣብዚ ግዜ ኣምላኽ ንህዝቡ ይዛረብ ከምዘየሎ ዝኣምን እዩ፣ እቲ ቀሺ ከኣ ንዶር. ማርከ ብዛዕባ እዚ ነገር ርእይቶ ክህቦ ደፋፍኦ። ዶር.ማርከ ከምዚ ክብል ሓተቶ "ቀሺ ክትከውን ተጸዊዕካ'ዶ?

እቲ ቀሺ "እወ" ክብል መለሰሉ። እንደገና ከምዚ ኢሉ ሓተቶ "መን ጸዊዑካ ?" እቲ ቀሺ ከይመለሰ ክሳዱ ናብ መስኮት ጠዊዩ። ብምሉኡ እቲ ጉዕዞ ከይተዛረበ ወደአ፣"

ኣብዚ ጉዳይ ኣምላኽ ይዛረብ እዩ ዝብል። ኣብ ምውድዳር ዘይኮንኩስ ኣብ ሓቂ እየ ዝኣምን፣ ኣብ 1986 ሓደ ሓዊ ከምዚ ክብል ሰሚዐዮ። "ካብ ሕጂ ንንዮሃ ጊልያ ሓጥእ ኣይኮንኩን"፣ ነዚ ክብል ምስ ሰማዕኩዎ። ኣነውን ከም ናቱ ተመክሮ ክህልወኒ ተመንየ። ኣብ ሮሜ ምዕ 6 ከንብብ ከኣ ጠቂሱለይ፣ንሮሜ ምዕ 6 ደጊመ ደጋጊመ ኣንቢበዮ ብርግጽ ከኣ ከምዚ ዝብል ረኪበ፣ " ከምኡ ድማ ንስካትኩም ካብ ሓጢኣት ከም ዝሞትኩም። ብክርስቶስ የሱስ ግና ንኣምላኽ ህያዋን ከም ዝኮንኩም ርእስኩም ቁጸሩ፣ እምበኣርሲ ንትምኒቱ ከይትእዘዙ። ኣብዚ መዋቲ ስጋኩም ሓጢኣት ኣይንገስ (ሮሜ ምዕ 6፣11,12) ፣ "እቲ ዝሞተ ካብ ሓጢኣት ሓራ ወጺኡ እዩ'ሞ። እዚ ደጊም ንሓጢኣት ከይግዛእ። እቲ ናይ ሓጢኣት ስጋ ምእንቲ ኪጠፍእ። እቲ ኣረጊት ሰብና ምስኡ ከም እተሰቅለ። ፈሊጥና ኣሎና"(ሮሜ ምዕ 6፣6)፣

ኣብ ሓንሳእ ምስ የሱስ ከም እተሰቀልኩ እየ ዝኣምን። ግን ናይ ብሓቂ ይፈልጦ ድየ? ኣምላኽ ንዓይ ከምኡ ዝብል ቃል ኣይተዛረበንን፣ ሓደ ግዜ ግን ኣምላኽ ተዛረበኒ። በለኒውን ነዛ ምዕራፍ ዘክራ። ዓው ኢልካውን ብቀጻሊ ውጸኣያ ፣ከምኡ ከኣ ጌረ። ሽዑ እዩ ከኣ ንዓይ ሓቂ ዝኮነኒ፣ የሱስ እዞም ቃላት ምስተዛረበኒ ውሽጢ ልበይን መንፈሰይን ተቃጸሉ። ካብኡ ንደሓር ከኣ ተጠራጢረ ኣይፈልጥን፣

**ፍልጠት ምክፋል**

ኣብ ገላ 4፣9 ከምዚ ክብል ገሊጽዎ ኣሎ። ንኣምላኽ ጥራህ ዘይኮና ንፈልጦ እንታይ ደኣ ብእኡ ከኣ ንፍለጥ። እዚ ማለት ኣምላኽ ከምዘሎ የፍልጠና፣ ከመይ ዘሐጉስ እዩ! ብወጥታ የሱስ ናብ ልበይ ምስተዛረበኒ። እቲ ርሱን ናይ መጀመርያ ስምዒተያብ ህይወተይ እዩ፣ እንተኮነ ግና ቐራጽ ዝኮነ ሓላፍነትን። ቅንዕና ምስ ነብሰይን ምስ ኣምላኽን ከምዘድልይ ፍሊጠ፣

ብመሰረት እቲ ቅዱስ ጽሑፍ። ፍልጠት ምክፋል ካብ የሱስ እዩ ዝርከብ ብመንፈስ ቅዱስ፣ ይፈልጠካ ምኮኑን ይከታተለካ ምህላውን ብቃሉ ኢካ ትፈልጥ፣ ቃሉ ነቲ ናይ ፍርሒ ዘረባታት ፥ ምኩናን፥ ተስፋ ምቁራጽ ኣብ ህይወትካ ፍሩስ እዩ ዝገብሮ፣

የሱስ ንጴጥሮስ ብዛዕባ'ዚ ከምዚ ክብል ኣብ ማቴ 16፣7 ተዛረበ "የሱስ ከኣ መሊሱ በሎ። ስምኦን ወዲ ዮና እዚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ እምበር ስጋን ደምን ኣይገለጸልካን እሞ ብጹእ ኢካ፣"

ክልተ ካብ ደቂ መዛሙርቱ ኣብ መገዲ ናብ ኢማኡስ እናከዱ ብጎይታ የሱስ ክርስቶስ ፍልጠት ተካፈሉ፣ ኣስተውዕሉ ግን መጀመርያ የሱስ እቲ ውሽጣዊ ስምዒቶም እዩ ዘውጽኦ ማለት እቲ ሓቀኛ ስምዒቶምን፣ ጎሂኦምን፣ ዘይምእማኖም የፍስስዎ። ብድሕሪኡ ንሱ ከኣ ስርሑ ይሰርሕ፣ ኣብ ሉቃ 24፣19 የሱስ ከምዚ ክብል ሓተቶም "ንሱ ከኣ እንታይ እዩ(ብዛዕባ እንታይ ኢኩም ጉሁይኩም)?" የሱስ ብዛዕባ እንታይ ከምዘጉሃዮም ይፈልጥ ኔሩ ግና ግና ስሚዒቶም ክገልጹ ስለዝደለየ እዩ።

ብድሕርዚ የሱስ ነቲ ቅዱስ ጽሑፍ ክሰብከሎምን። ከመይ ገይሩ ከም በጊዕ ናይ ኣምላኽን ናይ ደም ኪዳን ከም ዝተወፍየን። ከመይ ገይሩ ሕጂ ብህይወት ከምዘሎን ብዛዕባ ህይወትን መሃሮም፣ "ንሳቶም ከኣ ጎይታ ብሓቂ ተንሲኡ ንስምኦን እኳ ተራእይዎ በሉ" (ሉቃ 24፣34)

ኣምላኽሲ ነቶም ስነ ሃይማኖት ዘጽንዑ ወይ ብጹኣን ሰባት ጥራሕ ዝተሓዝአ ኣይኮነን፣ ንድኩማት፣ንትሑታት፣ልባዊ ንጽህና ዘለዎም ንምእዙዛት። ወላውን ነቶም ድካታት፣መጀመርያ መዓልቲ ክድሕን ከለኩ ብ1979። ኣምላኽ ክዛረብ ሰማዕኩዎ ብድሕሪኡ ኩሉ ሳዕ ክዛረበኒ ጀመረ፣

እቲ ደም ዝዛረብ ዘሎ እንተኮይኑስ። ናይ መን ደም እዩ ዝዛረብ ዘሎ? "ንሱ ኸኣ እንታይ ጌርካ ኢካ ድምጺ ደም ሓውካ ካብ ምድሪ ናባይ ይጠርዕ ኣሎ" (ዘፍ 4፣10)

ኣብ እብ 12፣24-49 ከምዚ ይብል "ናብ የሱስ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳንን ናብቲ ኻብ ደም ኣቤል ዝሓሸ ዚዛረብ ምንጻግ ደምን በጺሕኩም ኣሎኩም፣ እቲኣቶም ኣብ ምድሪ ኺዛረቦም ከሎ ኣብዮም ካብ ዘየምልጡስ ንሕና ነቲ ካብ ሰማይ ዚዛረበና ዝባንና ካብ እንመልሰሉ ግዳ ከመይ ኢልና ከነምልጥ ስለዚ ነቲ ዚዛረበኩም ዘሎ ከይትእብይዎ ትጠንቀቁ። ሽው ድምጹ ንምድሪ ኣንቀጥቀጣ ሕጂ ግና ሓደ ግዜ ደጊመ ንሰማይ ከም ዜንቀጥቅጥ ክገብሮ እየ እምበር ንምድሪ ጥራይ ኣይኮንኩን ኢሉ ተስፋ ይህብ፣ እዛ ሓደ ጊዜ ደጊመ ምባል ከኣ እቲ ዘየንቀጥቅጥ ምእንቲ ኪጸንዕሲ እቲ ዜንቀጥቅጥ ፍጡር ስለ ዝኮነ ምልዋጡ እያ እተመልክት ዘላ፣ ኣምላኽ ዚባላዕ ሕዊ እዩ ስለዚ ንሕና ዘይተንቀጥቅጥ መንግስቲ እንቀበል ካብ ኮንናስ ንኣምላኽ ብዜሐጉሶ ቅዱስ ምክባርን ብፍርሃትን እናኣገልገልና ነመስግን፣"

**ነቲ ኪዳን ዕሸሸ ክንብሎ ንክእል ኢና፣**

"ምስናይዚ ድማ ኣምላኽ ከም ፍቃዱ ብትእምርትን ብተኣምራትን በበይኑ ብዝኮነ ሓይልታትን ብምዕዳል መንፈስ ቕዱስን እናመስከረ ንሱ ከኣ ብጎይታ ኪንገር ዝጀመረ። ካብቶም ዝሰምዕዎ ከኣ ኣባና ዝጸንዔስ ንሕና ግዳ ክንድዚ ዚኣክል ምድሓን ዕሸሸ ካብ እንብል ከመይ ጌርና ክንመልቐ ይከኣለና፣" (እብ 2፣3)

ኣብ ገለ ግዜ ንክትኣምኖ ዘሸግር እዩ። ዝወረስናዮ ጸጋ ተዋሂቡና'ኳ እንተኮነ ግና ንነብስና ኣመዓሪና። ነቲ ኪዳን ግብረ መልሲ ሂብና ነቲ ውርሻና ክንቅበል ኣለና፣ ሰይጣን ከይንረክቦ ክዓግተና እዩ ዝፍትን። የሱስ ግና ጠበቃና፣ ደጋፊና፣መንጎኛና እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት 7 ቀንዲ ናይ ስነ ስርዓት ዝምድና ጠቂስና ኔርና። ኣብዚ ምዕራፍ ከኣ ውጽኢት ናይ ቅንዕናን ትሕዝትኡን ኣተኩችና ርኢና፣ ንቅንዕና ክንትርጉማ እንተኮይና ትሕትናውን ምስኣ ትከይድ እያ፣ ቅንዕናን ትሕትናን እንተሃልዩካ። ኣምላኽ ክዛረብ ከሎ ብዝለዓለ ደረጃ ክትሰምዕ የክእለካ እዩ፣

ክልቲኦም ኣቤልን ቃኤልን ኣምላኽ ክዛረብ ከሎ ንወለዶምውን ብዛዕባ መስዋእቲ ክምህርዎም ከለው ሰሚዖም፣ እንታይ ደኣ እዩ እቲ ፍልልይ? ቃኤል ኣምላኽ ክዛረብ ከሎ ሰሚዕዎ ግና ኣይተኣዘዘን ኣምላኽ ግና ኣብቲ ዘይምእዛዙ ካልኣይ ዕድል ሂብዎ።

"ንምስማዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ ድማ በሎም ብትሰምዕዎ ተጠንቀቑ በቲ እትሰፍርሉ መስፈሪ ኪስፈረልኩም ኪውሰከልኩምውን እዩ። ንዘለዎ ይወሃቦ እዩ'ሞ ነቲ ዜብሉ ግና እታ ዘላቶ እኳ የግድፍዎ ደኣ" (ማሪቆ 4፣23-25)

ኣነ ዝብል እቲ ፍልልይ ኣብ መንጎ ኣቤልን ቃኤልን ኣብ ምስምዖም ዘይኮነስ ኣብ ትዕቢትን ትሕትናን እዩ።

"ንሱ ግና ኣብዚሑ ጸጋ ይህብ። ስለዚ ድማ ኣምላኽ ንዕቡያት ይጻረሮም ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም ይብል፣" (ያእቆብ 4፣6)

"ንትሑታት ብፍርዲ ኪመርሖም። ንትሑታትውን መገዱ ከስተምህሮም እዩ፣" (መዝ 25፣9)


ናይ የሱስ ደም ቀጻሊ ክዛረብ ክትሰምዖ እንተኮይንካ ክትገብሮ ዝግበኣካ ክትተሓባበር። ግዜ ወሲድካ ናይ ኣምላኽ ቃል ክትሰምዕ። ከም ኣቤል ዝገበሮ ክሳዕ መስዋእቲ ክትእዘዝ እዩ። ካብ ቀታሊ ምኮን እዚ ይሓይሽ?

# ምዕራፍ 6

# ኖህ ጿጋ ረኪቡ


ካብ ኣዳም ናብ ኖህ ብግምት 1,500 ዓመታት ኣቢሉ ይገብር። ሰባት ልዕሊ 900 ዓመታት ይገብሩ ኔሮም። ዓለምና ኣብቲ ግዜቲ ዝተፈልየት እያ ኔራ። ጨራታት ካብ ጸሓይ ዝመጹ ዝከላከልሰማያት ኔሮማ። ድሓር ግና ብሰንኪ ዕልቅልቅ ዝመጽእ ተፋኢ ሃፋ ነቲ ሰማያት ከምዘዕነዋ ናይ ዓለምና ሳይንቲስት ይዛረቡ።

እንሆ እቲ ናይ ወለዶታት ታሪክ ምስቲ ግዜ’ቲ ከፋልጠኩም።




ኣብቲ ግዜቲ ህዝቢ ዓለም ኣስታት 3 ቢልዮን ይከውን ኔሩ ይብሉ ገሊኦም ሳይንቲስት መጽሓፍ ቅዱስ ግን ወላሓንቲ ኣይዛረብን እዩ እንትኮነ ግና ብዛዕባ እቶም ሰባት ክፉኣት ከምዝነበሩ ይዛረብ እዩ።

“እግዚኣብሄር ከኣ ክፍኣት ሰብ ኣብ ምድሪ ከም ዝበዝሔን ብሓሳባት ልቡ ዚሕልኖ ድማ ወርትግእ ክፉእ ጥራይ ከም ዝኮነ ረአየ። እግዚኣብሄር ከኣ ንሰብ ኣብ ምድሪ ብምግባሩ ተጣዕሰ ብልቡ ድማ ጎሃየ፣(ዘፍ 6፣5,6)



እግዚኣብሄር ስምዒት ኣሎዎ’ዶ? እወ! ኣብዚ ቅዱስ ጽሑፍ ንመልከት’ሞ ኣምላኽ ንሰባት ብጣዕሚ ስለዘፍቅሮም ብዙሕ ተሳቅዩ እዩ። ዘይሞራላዊ ናብራ እናነበሩ ነብሶም ክጎድኡ ከለው ክርእዮም ተገዲዱ። ከምዚ ኣቦ ወይ ኣደ ደቆም ነብሶም ከሃስዩ ክርእዩ ከለው ማለት እዩ።

ኣብ ግዜ ኖህ ዝነበሩ ሰባት ርኩሳት እዮም ኔሮም። መብዛሕቲኦም ብዛዕባ እግዚኣብሄር ዝግደሱ ኣይነበሩን። ድላዮም ዝገብሩ እዮም ኔሮም። ኩሉ ተግባራቶም ካብ ናይ እግዚኣብሄር ወጻኢ። ከንግምት ጥራሕ ኢና ንክእል፣


ኣምላኽ ነቶም ርኩሳት ሰባት ዘይቅኑዕ ድዩ ኔሩ? ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል። ኣምላኽ ንክጠዓሱ ብዙሕግዜ ሂብዋም እዩ ኖህ ከኣ ይሰብከሎም ነበረ ግን ኣይሰምዕዎን፣(2ጴጥ 2፣5)

**እግዚኣብሄር ንህዝቢ ዓለም ከጥፍእ ወሰነ ብጀካ ኖህን ቤተሰቡን፣**

“ምድሪ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተበላሽያ ነበረት። ምድሪ ድማ ብዓመጻ መልኤት። ስጋ ዘበለ ኩሉ መገዱ ኣብ ምድሪ ኣበላሸዩ ነበረ’ሞ። ኣምላኽ ከኣ ንምድሪ ረኣያ። እንሆ ድማ ተበላሽያ ነበረት። ኣምላኽ ከኣ ንኖህ በሎ ብሰሮም ምድሪ ዓመጻ መሊኣ እያ’ሞ መወዳእታ ኩሉ ስጋ ኣብ ቅድመይ በጽሄ እንሆ ድማ ኣነ ምስታ ምድሪ ከትፍኦም እየ፣”(ዘፍ 6፣11,13)

“ኖህ ግና ኣብ ቅድሚ ኣግዚኣብሄር ሞገስ ረከበ። ወለዶ ኖህ እዚ እዩ። ኖህ ኣብቶም ወለዶታቱ ጻድቅን እንታ ዜብሉን ሰብኣይ ነበረ። ኖህ ምስ ኣምላኽ ተማላለሰ። ኖህ ድማ ሰለስተ ወዲ ሴምን ካምን ያፌትን ወለደ፣” (ዘፍ 6 ፣8-10)

ኣብዚ ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ “ኣንታይ ብዛዕባ ኖ። ንሱን ቤተሰቡን ናብ መርከብ ክእትዎም ዝከኣለ”? እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣብ ዘፍ 7፣1 ኖህ ቅኑዕ ሰብኣይ ነበረ፣ እዚ ማለት ኣብ ዓይኒ እግዚኣብሄር ቅኑዕ በቲ ኪዳን ናይ ደም እምበር በቲ ናቱ ቅንዕና ኣይኮነን፣



ናይ ኣምላኽ መደብ ከምዚ እዩ ዝነበረ። ኖህ መርከብ ክሰርሕ ኣቲ ልክዕ ዓቀንን ስፍሓትን ናይታ መርከብ ከኣ እግዚኣብሄር ሃቦ፣

“ንኣካ ካብ ኦም ጎፌር መርከብ ስራሕ። ነታ መርከብ ክፍልታት ግበረላ። ውሽጣን ግዳማን ከኣ ብቅጥራን ለቅልታ”፣ ቕጥራን ብእብራይስጥ “ገንዘብ ቤዛ ከፊልካ ትድሕነሉ መሸፈኒ ጉቦ እኩብ ገንዘብ” ማለት እዩ። የሱስ ክርስቶስ ከኣ ናይ መርከብና ቅጥራን እዩ።

ሳይንቲስት ብዛዕባ ናይ ኖህ መርከብ ከዛረቡ ከለው ስፍሓታ ይኩን ዓቀና ልክዕ እዩ ብካልኣይ ከኣ ክሳዕ 1844 እታ ዝዓበየት ዝተሰርሐት መርከብ እያ ኔራ፣ እታ መርከብ ንኖህ ከተድሕን ካብቲ ዝመጽእ ፍርዲ ብኣምላኽ ዝተመደበት እያ፣ እቲ ቀንዲ ምክንያት ኖህ በዚ ኣገባብ ጌሩ ክድሕን ዝከኣለ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞጎስን ጸጋን ስለዝረከበ እዩ።

“ምእንቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ህያው ትንፋስ ዘለዎ ኹሉ ስጋ ኺጠፍእሲ እንሆ ድማ ኣነ ማይ ኣይሂ ናብ ምድሪ ከምጽእ እየ እሞ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኩሉ ክመውት እዩ ምሳካ ግና ኪዳነይ ከቅውም እየ ንስካ ምሳካ ድማ ደቅካን ሰበይትካን ኣንስቲ ደቅካን ናብ መርከብ ክትኣቱ ኢካ። ምሳካ ብህይወት ምእንቲ ክትሕልዎም ድማ ካብ ኩሉ ህያው ካብ ስጋ ዘበለ ክክልተ ካብ ኩሉ ዓይነት ናብ መርከብ ኣእቱ ተባዕታይን ኣንስታይን ይኩኑ። ንስካ ብህይወት ምእንቲ ክትሕልዎምሲ ካብ ኣዕዋፍ በብዓይነተን። ካብ እንስሳ በብዓይነቱ ኣብ ምድሪ ለመም ካብ ዚቡል በብዓይነቱ ጌርካ ካብ ዝኮነ ዓሌት ክክልተ ናባካ ይእተው። ካብ ዚብላዕ ኩሉ ዓይነት ብልዒ ድማ ንኣካን ንኣታቶምን ቀለብ ኪኸውን ኣእቲካ ኣባካ ኣክቦ። ኖህ ድማ ከምኡ ገበረ። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ንኩሉ ነገር ከምኡ ገበረ፣” (ዘፍ 6፣17-22)




ኣምላኽ ንኖህ ከምዚ ክብል ኣዘዞ። ሰበይትካ ሰለስተ ደቅካን ኣንስቶምን ንብታ መርከብ ተማላእ ካብቶም ንጹሃት እንስሳ ሸሸውዓተ። ክክልተ ከኣ ካብ ዘይንጹሓት እንስሳ። ንምንታይ እዩ ካብቶም ንጹሓት ሰውዓተ ምክንያቱ ዳሕራይ ንመስዋእቲ ከድልይዋ ስለዝኮኑ፣ መግቡን።መግቢ ኣንስሳታቱን ከኣ ክማላእ ኣዘዞ። ነዚ ኩሉ ኣኪሉ ዝተርፍ ቦታ ነታ መርከብ ኔርዋ።

“ኣብ መበል ሹዱሽተ ሚእቲ ዕድሚኡ ኖህ። ኣብታ ካልኣይቲ ወርሒ ካብታ ወርሒ ድማ ኣብ መበል ዓሰርተው ሸብዓተ መዓልቲ በታ መዓልቲ እቲኣ ናይቲ ዓብይቲ መዓሙቅ ዓይኒ ማያት ተቀደ መሳኩቲ ሰማይ ድማ ተከፍተ' ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ከኣ ኣብ ምድሪ ዘነመ፣”(ዘፍ 7፣11-12)

“እቲ ማይ ድማ ክሳዕ ሚእትን ሓምሳን በርትዔ፣” (ዘፍ 7፣24)

“እቲ ማይ ድማ ካብ ምድሪ እናተመልሰ ሚኢትን ሓምሳን መዓልቲ ከኣ እቲ ማይ ካብታ ወርሒ ድማ ኣብ መበል ዓሰርተ መርከብ ኣብ ኣከራን ኣራራት ዓረፈት፣”

“ንስካን ሰበይትካን ደቅካን ኣንስቲ ደቅካን ዉጹ፣” (ዘፍ 8፣16)



መዓልቲ ኣብ ምድሪ

ከደ። ኣብ መወዳኣታ ጎደለ፣ ብሳብዐይቲ ወርሒ ሸውዓተ መዓልቲ። ኣታ (ዘፍ 8፣3-4)

ከኣ ምሳካ ካብ መርከብ

“ሽዑ ኖህ ደቁን ሰበይቱን ኣንስቲ ደቁን ከኣ ምስኡ ወጹ፣” (ዘፍ 8፣18)

**እስኪ ንመልከት መጀመርያ ኖህ ካብቲ ዕልቅልቅ ምስ ወጸ ዝገበሮ፣**



"ኖህ ድማ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ። ካብ ንጹህ እንስሳ ዘበለን ካብ ኩሉ ንጹሃትኣዕዋፍ ወሲዱ ከኣ ዚሓርር መስዋእቲ ኣብ መሰውኢ ኣዕረገ፣ እግዚኣብሄር ድማ እዚ ጥዑም መኣዛ ኣጫነዎ። እግዚኣብሄር ከኣ ብልቡ ። ሕሊና ልቢ ሰብ ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ክፉእ እዩ እሞ ድሕሪ ደጊም ብሰሪ ሰብ ንምድሪ መሊሰ ኣይረግማን። ድሕሪ ደጊምሲ ከምቲ ዝገበርክዎ ህያው ንዘበለ ኩሉ መሊሰ ኣይክወቅዕን እየ፣" (ዘፍ 8፣20-21)

ብመሰረት እዚ ቅዱስ ጽሑፍ። ኖህ መስዋእቲ ናይ ደም ከም ዝገበረ ንርኢ ከምዚ ብምግባሩ ከኣ ኖህ እምነቱ ኣብ ኣምላኽ በቲ ናይቲ ዕየት ደም ኪዳን ኣርእዩ። እስኪ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ኣዳም፥ ሄዋን፥ ኣቤልን በቲ ዘፍሰስዎ ደም። ጸጋ ከምዝረከቡ ርኢና ኔርና።

ከመይ ጌሩ ኖህ ፍጹም ዝኮነ? ከመይ ኢሉ'ከ ምስ ኣምላኽ ተጎዒዙ? ብከመይ እዩ ፍጹም ዝተቖጽረ? ከመይ ኢሉ እዩ'ከ ጸጋ ናይ እግዚኣብሄር ዝረከበ?

ኖህ ጌጋ ኣይገበረን ወይ ኣይሓጠአን ክንብል ኣይንክእልን ኢና። እዚ'ሞ ዘይከኣል እዩ። ስለዚ ካልእ ምኽንያት ክህሉ ኣለዎ እግዚኣብሄር ፍጹም ኢሉ ዝጸወዖ፣


ጸጋ ማለት እግዚኣብሄር ንኖህ ዝሃቦ ግና ዘይግብኦ ወይ ዘይሰርሓሉ እዩ። ምሕረት ማለት ከኣ ክንቕጽዖ ዝግብኣና መቕጻዕቲ ግና ዘይንቅጽዓሉ እዩ።

ስለምንታይ ኖህ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጸጋ ረኺቡ? ናብቲ ቅዱስ ጽሑፍ ምስ እንምልከት ኖህ ነቲ መስዋእቲ ናይ ደም ኪዳን ክብረት ኔርዎ። በዚ ምኽንያት እዩ ከኣ ፍጹም ዝተባህለ። ከምኡውን ኣምላኽ ክዛረብ ከሎ ክሰምዕ ዘክኣሎን ቀጺሉውን ትእዛዝ ናይ ኣምላኽ ከተግብሮ ዘክኣሎ፣

"ኖህ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ኩሉ ገበረ፣" (ዘፍ 7፣5) "እግዚኣብሄር ድማ ንኖህ በሎ ኣብዛ ወለዶ እዚኣ ኣብ ቅድመይ ጻዲቕካ ረኺበካ እየ'ሞ ምስ ብዘላ ቤትካ ናብ መርከብ እቶ" (ዘፍ 7፣1)

ኖህ ምስ እግዚኣብሄር ዕርክነት ክፈጥር እንተኮይኑ ብደም ናይ ንጹህ እንስሳ ምኮኑ ተረዲኡ ስለዚ ንእግዚኣብሄር ናይ ደም መስዋእቲ ዝገበረ ሰብኣይ እዩ፣ እቲ ውጺኢት ከኣ ናይ እግዚኣብሄር ዘረባ ክሰምዕ ኣክኣሎ ብካልእ ወገን'ውን ኖህ ነቲ እግዚኣብሄር ዝተዛረቦ ከምእተኣዘዞ ንርኢ፣ "ወለዶ ኖህ እዚ እዩ። ኖህ ኣብቶም ወለዶታቱ ጻድቅን ኢንታ ዜብሉን ሰብኣይ ነበረ። ኖህ ምስ ኣምላኽ ተመላለሰ" (ዘፍ 6፣9)

**እግዚኣብሄርን ሰብን ብናይ ደም ኪዳን ጌሮም እዮም ዓሚቕ ዝኮነ ዕርክነት ክተኣሳሰሩ ዝክእሉ።**




ፍጹም ዝኮነ ዕርክነት ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ሰብን ኣይተሓደሰን ኔሩ ኣብቲ ጊዜ። እዚ ዝኮነሉ እቲ ተስፋ ዝተገበረሉ ናይ ደም ኪዳን ዕየት ምስ መጸ ጥራሕ እዩ። እንተኮነ ግና እቲ ደም ንእግዚኣብሄርን ንኖህን ህይወት ዘለዎ ዝምድና ሂብዎም እዩ። በቲ ነገር ከኣ ንሓድሕዶም ተሓጋገዙ።

**እዛ ጥቅሲ ካብ እታ ናይ ደም ኪዳን ዝተባህለት ብ ሀ. ክለይ ትሩምቡል ዝተጻሕፈት መጽሓፍ ዝወሰድክዋ እያ።**

ድሕሪ ምጥፋእ ናይ ደቂ ሰባት ብማይ ኣይሂ። እግዚኣብሄር ከም ብሓድሽ ንዓለም ፈጠራ እዚ ከኣ ምስቶም ኣብ መርከብ ዝነበሩ እዩ ብደም ኪዳን ተመስሪቱ፣ መጀመርያ ኖህ ካብ መርከብ ምስ ወጸ ምስ እግዚኣብሄር ዘለዎ ኪዳን ብናይ ደም መስዋእቲ ኣሐደሶ፣ "ኖህ ድማ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ። ካብ ንጹህ እንስሳ ዘበለን ካብ ኩሉ ንጹሃትኣዕዋፍ ወሲዱ ከኣ ዚሓርር መስዋእቲ ኣብ መሰውኢ ኣዕረገ"(ዘፍ 8፣20)፣

ስለዚ እቲ ኩሉ ኣገባብ ናይ መስዋእቲ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወይ ካብ ናይ ደገ ምንጪ ፈኪጥናዮ ኣሎና፣ ካብ መጀመርያ መስዋእቲ ናይ ደም ክበሃል ከሎ ህይወት ናይ ኣምላኽነት (መለኮታዊ ባህርይ ምርካብ) ማለት እዩ ብነቢት ወይ ብዘይ ነቢት ምውሳክ፣

እግዚኣብሄር ናይ ኖህ መስዋእቲ ምስ ኣጫነዎ ተሓጎሰ፣ ምስ ኖህ ከኣ ሓድሽ ኪዳን ኣተወ ከምዚ ክብል ከኣ ኣዘዞ ነቲ ቅድስና ናይ ደም ኣይተርከሶ፣ "ዚወሳወስ ዘበለ ኩሉ ህያው መብልዕኩም ይኩን። እዚ ኩሉ ከምቲ ልሙዕ ብቁሊ ሂበኩም ኣለኹ። ግናከ ስጋ ምስ ነፍሱ። እቲ ደሙ ኣይትብልዕዎ፣ እቲ ነፍስኩም ዘለዎ ደምኩምሲ ኣነ ክደልዮ እየ። ካብ ኢድ ኩሉ ኣራዊት ክደልዮ እየ። ነፊ ሰብ ድማ ካብ ኢድ ሰብ። ካብ ኢድ ሓው ክደልያ እየ፣ ኣምላኽ ንሰብ ብመልክዑ ገይርዎ እዩ'ሞ እቲ ደም ሰብ ዘፍስስ ደሙ ብሰብ ኪፈስስ እዩ" (ዘፍ 9፣3-6)

ናይዞም ንበልዓም እንስሳታት ደሞም ንመግቢ ከይከውን ተከልኪሉ እዩ ምክንያቱ ባዕሉ ህይወት ስለዝኮነ፣ በዚ ምክንያት ከኣ እዩ ቅድስና ናይቲ ፈጣሪ ዝፍለጥ፣ ናይ ሰብ ደም ብሰብ ክጠፍእ የብሉን። ብዘይካ ካብ ኣምላኽ ዝተላእኩ እንተዘይኮይኑ ፣ ሰብ ብናይ ምስሊ ኣምላኽ እዩ ተፈጢሩ ስለዚ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ከኣ ናይ ሰብ ሂወት ክወስድ ስልጣን ዘለዎብቀጥታ ወይ ብኣገልጋሊኡ፣

ኖህ ኣብ ልዕሊ ደም ኣክብሮት ኔርዎ። ነቲ ኪዳን ደም ከኣ መልሰ ግብሪ ሂቡሉ በዚ ምክንያት ከኣ ኣምላኽ ኣብቲ ክፉእ ግዜ ንዕኡን ስድራቤቱን ኣድሓኖም፣ ንሕና ከኣ ከመይ ጌርና ከምቲ ኖህ ዝገበሮ ክንገብር ንክእል?

1 ናይ ደም ኪዳን ሰባት ንኣምላኽ ክስምዕዎ ሃረር እዮም ዝብሉ፣ ኖህ ከኣ ግዜ ወሲዱ ንኣምላኽ ክሰምዖ ሃረር ይብል ኔሩ።

2 ናይ ደም ኪዳን ሰባት ንኣምላኽ ይእዘዝዎ እዮም፣ ኖህ ከኣ "እቲ ዝተኣዘዞ ዝገበረ እዩ" ወላውን ቅቡል ኣይኩን ኣብቲ ሕብረተሰብ። እቲ ዝገበሮ ግን ንኣምላኽ ኣሐጎሶ፣ ኣብ ዮሃ14፣21-23 ከምዚ ይብል "እቲ ትእዛዛተይ ዘለዎ'ሞ ዚሕልዎ ንሱ እዩ ዘፍቅረኒ። ነቲ ዜፍቅረኒ ድማ ኣቦይ የፍቅሮ እዩ። ኣነውን ኤፍቅሮ ርእሰይ ከኣ እገልጸሉ፣"

3 ናይ ደም ኪዳን ሰባት ሂወቶም ንኣምላኽ ዝወፈዩ እዮም፣ ኖህ ካብ ባህሉን ሕብረተሰቡን ተፈልዩ። ኣብቲ ንሶም ዝገብርዎ ዝነበሩ ኣይሳተፍን እዩ ዝነበረ። ነብስና ክንውፊ እንተኮይና ንየሱስ "ምርኣይ" ከድልየና እዩ እዚ ከኣ ብእኡ ጥራይ እዩ ዝከውን ግን ክንተሓባበሮ ኣለና።

4 ቅኑዓት ወለዲ፣ ሰብኡት፣ ኣንስቲ፣ መጀመርያ ዘቀድሙ ንቤተሰቦምን ንደቆምን እዮም! ሰበይቲ ኖህ ደቁን። ኖህ መጀመርያ ንዕኦም ከምዝሰርዖም ይፈልጡ ኔሮም፣ ብርግጽ ወላውን ነቶም ዘይቅኑዓት ህዝቢ ይሰብከ እንተነበረ ግን እቲ ምግልጋሉ ቅድሚ ስድራቤቱ ኣየቀድሞምን እዩ ኔሩ፣

5 ናይ ደም ኪዳን ሰባት ናይ ኣምላኽ ደም ጥራሕ እዩ ብቁዓት ንሕብረትን ደቂ ማሕበርነት ከምዝገብሮም ይፈልጡ እዮም። ዝኮነ ነብሰ ምእዳብ ኣይገብሩን። ንብጻዮም ከኣ ብምሕረትን ፍቅርን ይሕዝዎም ልክዕ ከምቲ ንብጻዮም ዝገበርሉ ከኣ ኣምላኽ ከምዝህቦም ይፈልጡ፣

ሓደ እግሪ ኣብ ደገ ። ሓደ እግሪ ከኣ ኣብ ውሽጢ፣ ኖህ ወይ ሓደ ካብ ስድራቤቱ ሓንቲ እግሮም ኣብ መርከብ። ሓንቲ እግሮም ከኣ ኣብ ግዳም እንትዝወጽእ እሞ ኣምላኽ ነታ መርከብ እንተዝዓጽዎ እንታይ ኮን መጋጠመ? ኣኣኣ! ክርስትያናት ክልተ ዓይነት ናብራ ክነብሩ ዝፍትኑ።ኩሉ ሳዕ "ሓንካሳት" እዮም እሞ ከኣ ዘይሕጉሳት። ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ዕድል ይህቦም እዩ ክልተ እግሮም ኣብታ ናይ "የሱስ መርከብ" ከብጽሑ፣

ዘይተቀበልካ ክትህብ ኣይትክእልን ኢካ፣ ናይ የሱስ ሓቀኛ ምስሉ ርኢካ ዘይትፈልጥ እንተኮይንካ ንክርእየካ ሕተቶ፣ ኣብ ቃሉ ክትሙርኮስ ክሳዕ ክንድኡ ስቡር ዲኻ ወላስ ካልእ መደብ ኣሎካ? ናትካ መደብ ኩሉ ምስወዳእካ እቲ ናይ መወዳእታ ምርጫካ ኣብ ቃሉን ደሙን ምስኮነ እቲ ናይ ብሓቂ የሱስ ክትርእይ ኢካ! ያዕቆብ ናቱ ኩሉ መደባት ምስወደአ ተቀየረ'ሞ ንእግዚኣብሄር ከኣ ረኣዮ፣ ብናተይ ኣተሓሳስባ ኩላትና ንኣምላኽ ክንርእዮ ንክእል ኢና ግና ናትና መደባትናን። ሓይልና ምስ ወዳእና ጥራይ እዩ ዝከውን፣

6 ኖህ ይሰብክ ነበረ። ብፍቅሪ ክዛረብ ዕሽነት ጌሩ ኣይቆጸሮን፣ ንሰባት ብዛዕባ ኩነኔን ሕጋጋትን ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እናተዛረብና ክንሰብክ የብልናን፣ ብዛዕባ ሓቂ ናይ ደም ኪዳን ውርሻ ረሲያሞ ዝነበሩ ከነዘካክሮም ግቡእና እዩ። ንዝኮነ ሰብ ዘደንቅ ናይ ደም ኪዳን ውርሻ ይጽበዮከምዘሎን እንተኮነ ግና እቲ ናይ "መወዳእታ ማዕበል" ከም ዝቀረበ ክንነግሮም ኣለና፣

ኖህ እንታይ ይሰብክ ነበረ? ናይዛ ሕቶ መልሲ ኣይተነገርናን ግና እዚ ሕጂ ንግሆ ሰንበት ኣብ ቤተ ክርስትያናትና ዝሰበክ ዘሎ ኣይሰበክን እዩ ኔሩ። ምክንያቱ ብዛዕባ ሃይማኖት ወይ ነብሰ ምእዳብ ዝፈልጦ ኣይነበሮን፣ እታ ሓንቲ ዝፈልጣ ብምክንያት ናይ ደም መስዋእቲ ጸጋ ከም እተቀበለ፣

ኣብ 2ጴጥ 2፣5 ከምዚ ይብል "ነታ ቐዳመይቲ ዓለም ድማ ካብ ዘይነሓፉስ። ናብታ ናይ ሓጥኣን ዓለም ማይ ኣይሂ ምስ ኣውረደ ከኣ። ንኖህ ሰባከ ጽድቂ ሻምናይ ርእሱ ሓለዎ፣"

ብናተይ ኣተሓሳስባ ግና ኖህ "ሰባከ ጽድቂ" ኣይኮነን ማለት እቲ ናቶም ህይወት ኣነባብራ ምስቲ ናቱ እንዳወዳደረ ኣይኮነን ከምዚ ብዚሓት ነብሰ እዱባት ክርስትያናትዝገብርዎ፣ንምንታይ ጻድቅ ከም እተባህለ። በቲ ናይ ደም ዕየት ከምዝኮነ ይፈልጥ ኔሩ ስለዚ እዚ እናበለ እየ ዝሰብክ ኔሩ ኮይኑ ዝስመዓኒ፣ ስለዚ ንሰባት ብዛዕባ ምኩናን እንተሰበክናሎም ካብ ኣምላኽ ክሃድሙ እዮም ብዛዕባ ምሕረቱን ቁሩብ ሕጋጋት ናይ ቤተክርስትያን። ክንድምንታይ ሰባት ክፉኣት ምኮኖም ምስ ነብሶም እንዳዋዳደርና ክንምህሮም ይግባእ፣ ኖህ ጸጋ ይሰብክ እንተዘይነብር ኔሩ ናብ መርከብ ኣይምኣተወን ኢለ እየ ዝሓስብ፣

ንሰባት ናይ ዝሓለፈ ጌጋታቶም፣ ሓጢኣቶም፣ ጌጋ ውሳኔኦምን ኣምላኽ ወሲዱ ምሕረትን ጸጋን ከምዝህቦም። ንብምልኡ ክፉእ ዘበለ ኣብ ሓደ ህይወት ዘሎ ናብ ባርኮት ከምዝቕይሮ። እዞም ህይወቶም ናብ የሱስ ዘምጽኡ(ዘቕረቡ) ምኩናን ዝበሃል ከምዘየለ ክንነግሮም ኣለና፣ "እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ሕጊ መንፈስ ህይወት ካብቲ ሕጊ ሓጢኣትን ሞትን ሓራ ኣውጺኡኒ ኢዩ!" (ሮሜ 8፣1-2)

ኖህ እቲ ኣይሂ መዓስ ከምዝከውን ኣይፈለጠን። መዓልታዊ ይሰርሕን ይጽልይን ነቲ እግዚኣብሄር ዝሃቦ ዘደንቅ ንዲ እዩ ዝሰርሕ ኔሩ፣ ሓሲብኩም'ዶ ትፈልጡ ናይ እግዚኣብሄር ቃል ክትሰምዑ ሓንቲ ተደንቅ መርከብ ስራሕ ዝብል? "ኖህ ብዛዕባ እቲ ገና ዘይተራእየ ነገር ራእይ ምስ ረአየ ብፍርሃት ኣምላኽ ተደሪኩ ብእምነት እዩ ንምድሓን ቤቱ እትከውን መርከብ ዘዳለወ። ብኣኣ ገይሩ ንዓለም ኮነና። ነቲ ብእምነት ዚርከብ ጽድቂ ከኣ ወራሲ ኮነ፣"

8 ኖህ ዝገበሮ ነገር እንት ኔሩ ኣብቲ ደም ኣሚኑ "እምነት" ትብል ቃል ዘክሩ'ሞ ኣበር ናይ ኣመንቲ ተደላይ ንጥፍቲ ቃል እያ።

9 ኖህ በቲ ደም ጸጋ ረኪቡ፣ እቲ ደም ከኣ ንኖህ ምስ ኣግዚኣብሄር ሓቀኛ ዝኮነ ዝምድና ክህልዎ ኣክኢልዎ ኣዩ።

10 ኖህ ሰማዒ ጥራሕ ዘይኮነስ ገባኢ ናይቲ ቃል እዩ'ውን፣ "ትዕግስቲ ኣምላኽ ብመዓልታት ኖህ ምስ ተጸበየት። እታ መርከብ ክትስራሕ ከላ። ብኣኣ ሒደት ማለት 8 ነፍሲ። ብማይ ዝደሓናላ ነቶም ቀደም ዘይኣመኑ ሰበከሎም፣" (1ጴጥ 3፣20)

ኣብዚ ግዜ'ዚ ከኣ ከምቲ ናይ ኖህ መዓልታት ዝነበረ እዩ ዘሎ!

ነታ ምዕራፍ ናይ ምመወዳእታ ጽሒፈ እንዳንበብክዎ ከለኹ ብናይ ጎይታ ሓወይ ኣርተር(ዓቃቢ መጽሓፍቲ ኣዩ) ከምዚ በለኒ "ላርይ ሓወይ። ዓለም መወዳእታኣ እያ ዝበጽሐት እያ ትመስል። ከምቲ ናይ ኖህ ምዓልታት እዩ ዝመስል"፣ ኣነን ሰበይተይን ኣብቲ ሰሙን'ውን ከምኡ ንዘራረብ ነበርና። ሕማቅ ኩነታት ኣየር፣ ብዝሒ ጾታዊ ዓመጽ፣ ቅትለት፣ መርዓ ግብረ ሰዶማውያን ብሕጊ ተፈቂዱ ካልእን ብዙሕ ንርኢ ኣሎና፣ ምስዚ ኩሉ ከኣ ክፉእ ስንማ ናይ ምስልምና ናዕቢን ውግእን ተራእዩ ብዘይፈልጥ ንዓለም የናውጻ ኣሎ፣ እዚ ናይ ሞስለም ዛዕባ ኣብ መወዳእታ እንተበጺሑ፣ ስልጣነን፣ ነጻነትን ንናይ ዓለም ኣብቂዑ ማለት እዩ፣ ወላ ነዛ መጽሓፍ እናጸሓፍኩ ኣብ ሓምለ 2006 , እስራኤል ብክፉእ ግብረ ሽበራውያን ተጠቂዓ። ሰላም ዓለምን እስራኤልን ኣብ ዓቢ ፍርሒ እዩ ዘሎ። ኣምላኽ ጣልቃ ኣትዩ ብገለ ነገር ዕላምኡ ከምጽእ እምነት ኣሎኒ፣ ናይ ኣምላኽ መደብ ንኩሉ መጻኢ ፍጻሜታት ይትክእ እዩ። ሰባት'ኸ ክፏን ሕማቅን ኣብ ዓለም ኣንተምጽኡ ኣምላኽ ግና ብፍርዱ ይዕወት እዩ።

ንስካ፣ ስድራቤትካ፣ ኣብ ግዝኣትካ ዘለው ኩሉኩም ኣብቲ መርከብ ናይ ኣምላኽ ክትኣትው ርግጸኛ ኩን ፣ ናይ እግዚኣብሄር ፍርዲ ከምዘሎ ርጉጽ እዩ።

ሓንቲ ቀንዲ ትምህርቲ ካብ ኖህ ንወስዳ። ወላ'ውን መከራ ናብ ዓለም እንተመጸ። ናይ ኣምላኽ ጸጋ ንኩሉ ድሌታትና ከምዝሽፍነልና ክንኣምን ኣለና! ንብደገ ዘርኢ ካብቲ ኣይሂ ዝድሕን ከም ዘይርከብ እዩ እንተኮነ ግና ናይ ኖህ ዛንታ ምስነንብብ እምነት ክህልወና የክእል፣ እግዚኣብሄር ንኖህን ስድራቤቱን ካብቲ ዘይከኣል እንተኣውጺኡዎም። ስለዚ ንዓና ከኣ ከድሕነናን ክከላከለልናን ይክእል እዩ። እንተኮነ ግና ልክዕ ከም ናይ ኖህ ኩነታት ክንእትው ኣለና ብምሉእ ህይወት ክንውፈን ብዘይካ ኣብቲ ደምን ኪዳን ናይ ደምን ኣብ ካልእ ክንኣምን የብልናን። "ክልተ የኢጋርና ናብ መርከብ" ክነእቱ ይግባእ ግዜ ከለና።

ሰባት ብዘሕ ኣይተቀየሩን ካብቲ ናይ ኖህ ዝነበረሉ ግዜ ልክዕ ከምቶም ኣብ ግዜ ኖህ ዝነበሩ ሰባት ፍርዲ ከምዘሎ ዘይኣምኑን። ህይወቶም ኣብ ዘይጠቅምን ነባሪ ዘይብሉን ነገራት ኣቶኲሮም ይነብሩ ኣለው።

ጵጥሮስ ነዚ ፈሊጡ ኣብቲ ካልኣይ መልእክቱ ከምዚ ኢሉ መጠንቀቅታን መግናሕትን ሂቡ መላግጽቲ ኣብቲ መወዳእታ መዓልታት ክመጹ እዮም። ብዝተሰመያም ህርፋን ክከዱ እዮም፣ "ብስስዔን ብዘረባ ጥበራ ገይሮም። መናገዲ ኪገብሩኹም እዮም። ፍርዶም ካብ ቀደም ኣይዐርፈን ጥፍኣቶም'ውን ኣይድቅስን እዩ" (2ጵጥ 3፣3,4)

ግና ፍቁራት ኣብ ጎይታ ሓንቲ መዓልቲ ሽሕ ዓመት እዩ። ሽሕ ዓመት ከኣ ሓንቲ መዓልቲ እዩ። እዚ ከ ኣይትረስዑ፣ ኣምላኽ ኣብቲ መብጽዑ ሸለልዝብል ኣይኮነን። እቲ ጎይታ ዝመጸላ መዓልቲ ከም ሰራቂ ዝመጸላ ለይቲ እያ፣ ሰማያት ብዓቢይ ድምጺ ክናወጹ እዮም። ባእታታት (ነገራት) ብምውቅ ሓይሊ ክመኩ እዮም። ዓለምን ኣብ ዓለም ዘለውን ኩሎም ክቃጸሉ እዮም ( 2ጴጥ 3፣8-10)

**የሱስ ኣጠንቂቑና እዩ!**

"ከምቲ ብዘመን ኖህ ዝኮነ። ምጽኣት ወዲ ሰብ ከኣ ከማኡ ኪከውን እዩ። ከምቲ ብቅድሚ ማይ ኣይሂ ዝነበረ። ክሳዕ እታ ኖህ ናብ መርከብ ዝኣተወላ መዓልቲ ይበልዑን፣ ይሰትዩን ፣የእትዉን፣ የተኣታተኡን ነበሩ'ሞ ማይ ኣይሂ መጺኡ ንኩሉ ክሳዕ ዜጥፍእ እይፈለጡን። ምጽኣት ወዲ ሰብ ድማ ከምኡ ኪከውን እዩ፣ ሽዑ ክልተ ኣብ ዓራት ኪኮኑ እዮም እቲ ሓደ ኪውሰድ። እቲ ሓደ ከኣ ኪሕደግ እዩ። ክልተ ኣንስቲ ኣብ መጥሓን ኪጥሕና እየን ሓንቲ ክትውሰድ ሓንቲ ድማ ክትሕደግ እያ፣ ስለዚ ጎይታኩም በየነይቲ ሰዓት ከምዚመጽእ ኣይትፈልጡን ኢኩም'ሞ ንቅሑ። ግና ብፍላጥ ብዓል ቤት ነታ ሰራቂ ዚመጸላ ጊዜ እንተ ዚፈልጣስ ምነቅሔ ቤቱ ክትኮዓት ከላ'ውን ስቅ ይምበለን ስለዚ ወዲ ሰብ ብዘይሕሰብኩምዎ ግዜ ኪመጽእ እዩ'ሞ ንስካትኩም ድማ እተዳለኩም ኩኑ፣እቲ ጎይታኡ ምግቦም በብጊዚኡ ኪህቦም ኢሉ ኣብ ስድራ ቤቱ ዚሸሞ እሙን ኣስተውዓሊ ባርያ መን ኮን እዩ? ጎይታኡ ኪመጽእ ከሎ ከምዚ እናገበረ ዚረከቦ ባርያ ብጹእ ኣዩ፣ ኣብ ኩሉ ገንዘቡ ከም ዚሸሞ ብሓቂ ኣብለኩም ኣሎኩ። እቲ ክፉእ ባርያ ግና ብልቡ ጎይታይ ይድንጉይ እዩ እንተ በለ። ነትም ብጾቱ ባሮት ምውቃዖም ይጅምር። ምስቶም ሰከርቲውን ይብልዕን ይሰትን። ጎይታ እቲ ባርያ እቲ ንሱ ብዘይተጸበያ መዓልቲ ብዘይፈለጣ ጊዜውን ኪመጽእ እዩ። ኣብ ክልተ ኪጭንድሖ። ዕድሉ ድማ ምስ ግቡዛት ኪገብሮ። ኣብኡ ከኣ ብክያትን ምሕርቃም ኣስናንን ኪከውን እዩ፣" (ማቴ 24፣37-51)

እዚ ጽሑፍ ናይ ኖህ ዝነበረሉ ግዜን ናይ ሕጂ እዩ ዘወዳድር ዘሎ ብዛዕባ ሰራሕተኝን። ኒሕ ጌሩ ዝሰርሕ እዩ ዘድልይ ዘሎ ኣብዚ ግዜ'ዚ፣

እንሆ ገለ መግለጺታቱ ብዛዕባ እቲ ባርያ። ጎይታ ብሩክ ኢሉ ዝጽውዖ፣

***መጀመርያ እቲ ባርያ ጎይትኡ ኪመጽእ ቅሩብ እዩ፣***

እዚ ማለት ጎይታ ሓደ መዓልቲ ክመጽእ እዩ ኢልካ ምእማን ጥራሕ ዘይኮነስ ሕጂ ክመጽእ እዩ ኢልካ ምሕሳብን እምነትና ምዕዛብን።

እቲ ባርያ ንካልኦት ብዛዕባ እቲ ዝመጽእ ፍርድን ቁጠዐን ይነግሮም ነበረ ምእንቲ ሂወቶም ከድሕኑ።

**እቲ ባርያ እሙን እዩ ኔሩ**

ወላውን ኣብቲ ናሽቱ ነገራት ናይ ሂወት እሙን ምኮን ኣገዳሲ እዩ ንእግዚኣብሄር፣ ከመይ ጌርና መዓልታዊ ጉዳያትና ንቆጻጸሮ ንኣምላኽ የገድሶ እዩ፣ ኣምላኽ ነቲ ንኣሽቱ ነገራት ብእምነት ንዕኡ እንተዘይሂብናዮ። ኣምላኽ ካልእ ተወሳኪ ነገር ኣይህበናን እዩ፣ ኣብ ግብራውን መንፈሳዊን ነገራት እሙናት ክንከውን ኣሎና፣

**እቲ ባርያ ወሃቢ'ውን  እዩ ኔሩ**

ነቶም ካልኦት ይኣልዮም ነበረ።ኣብ ማቴ 24፣46 ከምዚ ይብል "ጎይታኡ ኪመጽእ ከሎ ከምዚ እንገበረ ዚረከቦ ባርያ ብጹእ እዩ።

**እቲ ባርያ ንካልኦት ሰባት ብሕማቅ ኣተሓሕዛ ኣይሕዞምን እዩ ኔሩ**

ነብሰ ምእዳብ ንሰባት ምምሃር ማለት ንሰባት ምጭፍላቅ እዩ። ሓንቲ ክንገብራ ዘለና ንሰባት ናብ ልባዊ ዝኮነ ዝምድና ምስ የሱስ ምቅርራብ። እዚ ማለት ከኣ ገበንን ነውርን ምርሓቅ እዩ። እቲ ዝዓበየ ንድሕሪት ዝንትትጽቡቅ ዝምድና ምስ የሱስ ከይህልወና ንገበን ዕሽሽ ክንብሎ ዘይኮና ከም ዘይኣመንቲ እንታይ ደኣ በቲ ደሙን ቃሉን ኣሚና ከነርሕቆ ንክእል ኢና።

**እቲ ባርያ ከም ዘይኣመንቲ ኣይኮነን ዝነብር ነይሩ**

**እቲ ባርያ ለባም እዩ ኔሩ**

ርዱእ እዩ ለባም ክብል ከለኩ ናይ ዓለም ልብምና ዘይኮነስ ኣምላኽዊ ልብምና ማለት እዩ።

1 "እምበኣርስ ኣብ ማዕከል እቶም እኩላት ጥበብ ንዛረብ ኢና። እቲ ኣምላኽ ቅድሚ ዘበናት ንክብረትና ዘዳለዎ። እቲ ናይ ኣምላኽ ሕቡእ ምስጢር ጥበብ ኢና እንዛረብ ዘሎና'ምበር ጥበብ እዛ ዓለም እዚኣ ወይስ ናይቶም ዚሓልፉ ገዛእቲ እዛ ዓለም እዚኣ ኣይንዛረብን ኢና፣ ካብ ገዛእቲ እዛ ዓለም እዚኣ ሓደ'ኳ ነዚ ጥበብ'ዚ ኣይፈለጦን። እንተ ዝፈልጥዎስ ንጎይታ ክብሪ ኣይምሰቀልዎን ኔሮም፣" (1ቆሮ 2፣6-8)

ኣብ 1ቆሮ 1፣23-24 ከምዚ ክብል ይነግረና የሱስ ንጥበብ ከምዝሰቀላ

እምንቶይ እዩ እቲ ሓቀኛ ጥበብ ካብ ኣምላኽ ነቶም "ዝሞቱ" ከምእተሓዝአ፣ ንሳቶም ከኣ ተስፋ ዝቆረጹ፣ ሕልምታቶም ዝበነነ፣ ቤተሰቦም ዝሰኣኑ፣ ቦታ ዝሰኣኑ ... ወዘተ፣ ነዞም ዘይቅኑዕ ውሳነ ዝወሰዱ ኣብ ህይወቶም 'ሞ ህጂ ግን ንየሱስ ክቅበሉ ዝወሰኑ። ጥበብ እንታይ ትብል መስቀል ሓድሽ ምዕራፍ ከከፍተልኩም እዩ ድሕሪ ሕጂ ኩነኔ ዝበሃል የለን። (ሮሜ8፣1-2)

ኣብ እዮብ 28 ብዛዕባ ጥበብ ይዛረብ። ከምዚ ከኣ ይብል ኣብ ህይወት ዘለዎ ጥበብ ኣይትረክብዎን ኢኩም እዚ ማለት ከኣ ሞት ጥራሕ እያ ርእያታ፣ እቲ ንእሽቶ ሃብታም ገዛኢ ኣብ ማቴ 19 ዘሎ ብዙሕ ነገር ስለዝነበሮ ይተኣማመን ኔሩ። ኩሉ ዓለማዊ ዝኮነ ጥበባትን ሓይልን ሃብትን ኔርዎ።

ናይ ዓለም ስርዓትን ጸዕርካን ተስፋ ዘለዎ ከምዘይኮነ ብርግጽ እንተፈለጥካ ሽዑ ኢካ ጥበበኛ ክትከውን ሕጹይ ዝኮንካ። ኣብዚ ምድብ ኣንተኣቲካ ብተስፋ ርእስካ ሓፍ ኣብል ምክንያቱ ሕጹይ ናይ መለኮታዊ ምንጋወ ናይ ኣምላኽ ኢካ።

ክሳዕ ኣብ ቃሉ ትሙርኮስ ዲካ ተስፋ ቆሪጽካ? ወይስ ካልእ ውጥን ኣለካ ድዩ? ቃሉን ደሙን ናይ ኣምላኽ ናይ መጨረሽታ ምርኩስካ ምስኮኑ። ነብሰ ምክኣልካ ምስ ኣብቅዓካ ሽዕኡ ብርግጽ ንየሱስ ክትርእዮ ኢካ!

ናይ ኣምላኽ ጸጋ ምስ ተመኮርካ ከም ኖህን እቲ ባርያን ( የሱስ ኣብ ማቴ 24 ዝጠወሶ) ሽዑ ናብ "መርከብ ናይ የሱስ" ክትኣትው ሂወትካ ከም ኖህን እቲ ባርያን ክትነብር ምሉእ ህርፋን ክህልወካ እዩ፣ እግዚኣብሄር ከምዝኣልየካን ወላውን ኣብቲ ዘይከኣል። ፍጹም ዝኮነ ተኣማንነት ዝህልወካ።

ኣነን ሰበይተይን ብዛዕባ እዚ ክንምስክር ንክእል ኢና። ብዙሕ ዘይከኣል ስግንጢራት ኣብ ህይወት ገጢሙና እዩ። እግዚ/ር ከኣ ኣብ ነፊወከፍ ግዜ ኣድሓነና።

# ምዕራፍ 7

## ኣብርሃም ጺጋ ተቀቢሉ

ኣብርሃም ካብ ወለዶ ናይ ኣዳምን ሄዋን ዝተወልደ ሳልሳይ ወዶም ሴት እዩ ዝነበረ ። ካብ ሴም (ኖህ ዝፈትዎ ወዱ) እዩ ከኣ ዝመጸ፣ ከምዚ ከኣ ይብል ነበረ። ይባረኽ ኣምላኽ ናይ ሴ፣ ካም ከኣ ባርይኡ ይኩን። (ዘፍ9፣26)

ድሕሪ ማይ ኣይሂ ኪዳን ናይ ኖህን። እቲ ሓቀኛ እምነት ኣብቶም ዝተረፉ ሰባት ህያው ኮይኑ ተዓቀበ። ኣብ ስነ ጽሑፍ ወጻኢ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ንሴም ከምዚ በልዎ ንብዙሕ ዓመታት ዝነብርን ንእምነት ከኣ ህያው ጌሩ ዝዓቀበ እዩ፣

ብዘይካ እቶም ተረፍ ነቲ እምነት ዝዓቀብዎ። እቶም ካልኦት ዘርኢ ግና ብቅልጡፍ ናብ ብልሽውና ኣምርሑ። እቶም ዝተበላሸው ዘርኢ ካብ ካም ዝመጹ ወለዶ ኮይኖም እዮም ዝረኣዩኒ፣ ኒምሮድ ዝቀረበ ዘርኢ ናይ ካም እዩ። ንሱ ከኣ መሃዚ ናይ ባቢሎን ግምቢ ዝነበረ እዩ። ናይ ኣረማዊ ሃይማኖትን ኣምልኮን ናብ ባቢሎን ዝወሰደ እዩ።

ስለዚ ኣብርሃም ዝተጸወዐ እዩ። ብነብሱ ጥራሕ ዘይኮነ ግና ብዘርኡ እዩ'ውን፣ ጺጋ ጥራሕ ክቅበል ዘይኮነስ። ከመሓላልፍ ናብ ካልኦት'ውን እዩ ዝተጸወዐ፣ ብቅድሚኡ ናይ ኣምነት ሰብኡት ኔርም እዮም በዓል ኣቤል፥ ሄኖክ፥ ኖህን፥ ካብቶም ምስኦም ዝነበሩ ካብ ንእስነቶም ልዕል ዝበሉ እዮም ኔሮም፣ ኣብርሃም ግና ኣብቲ መጀመርያ ከምቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰባት እዩ ዝነበረ ክሳዕ እግዚኣብሄር ዝጽውዖ። ምስ በዓል ኣቤል፣ ሄኖክ፣ ኖህን ክንምድቦ ኣይንክእልን ኢና። እንተኮነ ግና ናይ ማቴዎስ ወንጌል ብሽሙ እዩ ዝጅምር። ካብዚ ኩሉ ኣስማት ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘሎብየሱስ ዝዝከር ሽም ናቱ እዩ፣ እዚ ሰብኣይ ኣዩ ከኣ ንኣእላፍ ህዝቢ ብርኮት ዘምጸአ። ፍሉይ ዝኮነ ባህርይ ኣይነበሮን እንታይ ደኣ። እግዚኣብሄር ግና ወሲዱን፣ መሪሑ ኣባዚሑ፣ እግዚኣብሄር'ከ ንዓካ ከምኡ እይገብረልካን'ዶ?

ኣብርሃም እግዚኣብሄር ከምዚ ክብል ሰምዖ "ካብ ምድርካን ካብ ኣዝማድካን እንዳ ኣቦካን ኣነ ናብ ዘርእየካ ምድሪ ኣቢልካ ውጻእ። ንዓብዩ ህዝቢ ክገብረካን ክባርከካን ከኣ እየ። ንስምካውን ከዕብዮ እየ። ንበረከት ድማ ክትከውን ኢካ። ንዚባርኩካ ክባርኮም። ንዚረገሙካ ድማ ክረግሞም እየ። ዓሌታት ኩላ ምድሪ ብኣካ ኪባረኩ እዮም" (ዘፍ 12።1-3)፣ እግዚኣብሄር ንኩሉ ነገር ዝኣምኖ ዘበለ ገዲፉ ክከይድ ሓተቶ። ዓቢ መብጽዓ ከኣ ኣተወሉ።

ኣብርሃም ነቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኩሉ ተኣዘዘ። ኣስተውዕል እዚ እዩ እቲ ስራሕ ናይ እምነት። ከመይ ገይሩ እዩ ብርግጽ ቃል እግዚኣብሄር ምኮኑ ፈሊጡ?

"ኣብራም ከኣ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ከደ። ሎጥ ድማ ምስኡ ከደ፣ ኣብራም ካብ ካራን ኪወጽእ ከሎ ወዲ ሰብዓን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ። ኣብራም ድማ ንሳራይ ሰበይቱ ንሎጥ ወዲ ሓውን ነቲ ዘጥረይዎ ኩሉ ጥሪቶምን ነቶም ኣብ ካራን ዘጥረይዎም ነፍሳትን ወሲዱ። ንምድሪ ከነኣን ኪኪዱ ወጹ። ናብ ምድሪ ከነኣን ከኣ መጹ። ኣብራም ድማ ብታ ምድሪ ክሳዕ ቦታ ሴኬም ክሳዕ ድዋታት ሞሬ ሓለፈ፣ በቲ ዘበንቲ ድማ ከነኣናውያ ኣብታ ምድሪ እቲኣ ነበሩ፣" (ዘፍ 12፣4-6)

ኣብርሃም ካብ ድምጺ እግዚኣብሄር ምስማዕ ንላዕሊ ተሞኪሩ። ንሱ ከኣ ንእግዚኣብሄር ርእይዎ ኣምላኽ ብትርኢቱ ተገሊጸሉ።

"እግዚኣብሄር ድማ ንኣብራም ተራእዮ። እዛ ምድሪ እዚኣ ንዘርእካ ክህቦ እየ ከኣ በሎ። ኣብኡውን ነቲ እተራእዮ እግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሓሉ፣" (ዘፍ12፣7) እግዚኣብሄር መብጽዕኡ ኣይረሰዖን። እቲ መሬታዊ መብጽዕኡ ንናይ ኣብርሃም ወለዶ ተዋህበ (ብኢሳቅን ያዕቆብን)። እቲ መንፈሳዊ መብጽዓ ከኣ ንኣብርሃም ብየሱስ ጌሩ ተዋህበ፣

"ተራእዮ" ብጣዕሚ ከባድ ቃል እያ። መንነት ናይ ሓደ ሰብ ብሓቅን ብልክዕን ከተስተውዕሎ ከለካ እያ ትግምግም፣

ሓደ ሰብ ክብሪ እንተ ተዋሂቡ። ግብረ መልሲ ክህብ ኣለዎ። ኣብርሃም ከኣ ከምኡ እዩ ዝገበረ። ናይ እግዚኣብሄር ክብሪ ምስ ረኣየ። ዲል ረከበ።

እቶም ህዝቢ ናይ እስቲፋኖስ ምስክርነት ሰምዑ'ሞ ኣይተቀበልዎን። ብሃንደበት ናቲ ዝዛረቦ ዘሎ ምስ ኣስተውዓለሉ! ከምኡ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ። ጽንዕ ኢሉ ተዓዘበ'ሞ "ክብሪ ናይ እግዚኣብሄር ረኣየ"።

እቲ ንኣብራሃም ዝበጽሖን። ንእስቲፋኖስ ዝተራእዮን ሓደ ዘይተቀየረ እዩ፣ እታ ሓደ እግዚኣብሄር ዘይቅየርን ዘይንእስን። ንእስቲፋኖስ ኣብቲ ሓደገኛ እዋን ኣውጸኦ፣ እንታይ ነገር ስለ ዝገበሩ እዮም እዞም ክልተ ንክብሪ እግዚኣብሄር ክርእዩ ዝከኣሉ?

ናይ ኣብርሃም ግብረ መልሲ እግዚኣብሄር ምስ ተራእዮ። መሰውኢ ሰርሐ፣ ናትና ግብረ መልሲ ከኣ ከምኡ ክከውን ኣለዎ፣ ኣብ ናትና ጉዳይ "መስቀልና ከነልዕል ኣሎና" ማለት እዩ፣ ኣስተውዕል ኣብርሃም መሰውእ ሰርሔ ይብል፣ "መሰውኢ" ማለት ኣብዚ ናይ ደም መስዋእቲ እዩ። ብመሰረት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ስምምዕ፣ እታ ቃል፣ "ምፍታሕ፣ ምርሓቅ፣ ምሕላ፣ ነጻ ምስዳድ" ማለት እዩ።

ሕቶ ሓቲተ "እግዚኣብሄር። ንምንታይ ኣብርሃም ናይ ደም መስዋእቲ ዝገበረ? ግበረለይ ኢሉ እግዚኣብሄር ኣዘዘ ዝብል ጽሑፍ የለን፣"

ኣነ ብዝግምቶ እግዚኣብሄር ንኣብራሃም ዝተራእዮ ብርግጽ መን ምኳኑ ክፈልጠ ኢሉ እዩ፣እስከ ኣብ ዮሃ 8፣56 ንርአ "ኣቦኩም ኣብርሃም መዓልተይ ክርእይ ተሓጎሰ። ረኣያ እሞ ባህ በሎ"፣

ቲቶስ 2፣11 "ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ'ሞ። ንኩሉ ሰብውን ምድሓን ኣምጺኡ፣"

ዝኮነ ሰብ እቲ ጸጋ ናይ ደም ኪዳን ምስ ዝርእይ ። ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተመሃርናዮ ። እቲ ባህርያዊ ግብረ መልሲ መስዋእቲ ናይ ደም ምግባር እዩ። ምናልባት ከኣ መስቀልካ ምልዓል። ሽዑ ብዝሓሸ ክንርኢ ንክእል፣ ንሳቶም ከማን ካብ ርሑቅ እዮም ዝርእዩ ኔሮም፣

እግዚኣብሄር ንኣብራሃም ዝተቃልዖ ንእሽቶ ብንእሽቶ እዩ። ከምዚ ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፋት 15-22 ዘሎ ንእግዚኣብሄር እኩል ዝኮነ ግዜ ርእይዎ እዩ። ከምቶም ዘምልኮም ጣኦት ከምዘይኮነ። እቲ ናይ ደም ኪዳን ኣምላኽ ከምዘሎ ክሳዕ ክንድዚ ፈለጠ፣ ኣብርሃም ነዚ ፈቃር ኣምላኽ መርገሙ ክወስደሉ። ክባርኮን ኣብቲ ናይ ደም ኪዳን መስዋእቲ እዩ ርእይዎ፣ ኣብርሃም ጨካን ኲብራረ ዘይኮነ ርእዩ ወሃቢ ኣምላኽ። ንዕኡ ክባርክ ዝሞተ ኣምላኽ እዩ ዝርኣየ፣ ስለዚ እዩ ከኣ ኣብርሃም መስዋእቲ ዝሰወአን ናብ ኩሉ ስፍራን ዝተከተሎን፣

ኣብርሃም ዝከበደ ትእዛዝ ተማእዘዘ። ንቤተሰብ ክገድፍ። ስድራ ናይ ቀደም ከምዚ ናይ ሎሚ ኣይኮነን። ዓቢ ጉጅለ ናይ ሰባት ዝሓዘ እዩ ኔሩ። ፋይናንሳዊ መንፈሳዊን ውሕስነት ከኣ ይውክል። ናይ ኣበሓጎታቶም እምነት ከኣ ይኣምኑ ነበሩ። ብጠቅላላ እቲ ስድራ ዝበሃል ብዝሒ ጉጅለን ምስ ሃብትን ተጽዕኖኡን እዩ ዝነበረ፣ ነዚ ኩሉ ክትጸሮ ከኣ ዝዓበየ ራእይ ናይ ገለ ነገር ወይ ዝሓሸ ሓደ ሰብ የድልየካ፣ እንደገና ምልስ ኢልና ምስ እንዝክር ኣብርሃም ኣብቲ ውርጽጽና ዝወጸሉ። ቆልዓ ዘይብሉን ግና እዚ ዝድንቅ ናይ ደም ኪዳን ኣምላኽ ሓድጊ። ውላድ ክህቦ ተመጻበዐሉ፣ ኣብርሃም ባህርያዊ ምኽንያት ኔርዎ ንእግዚኣብሄር ብኲፉት ናይ ውርጽጽና ዕድሚኡ ኣብ ምውድኡ ቆልዓ ከምዘይብሉ ኣርኣዮ።

እግዚኣብሄር በሎ ንዓካ እየ ዝባርከካ። እቲ ባርኮት ንዕኡ ኮይኑስ ንካልኦት ኣማቀለ፣ እግዚኣብሄር ንኣብራሃም መዕቆቢትን ሽምካ ወይ ውላድካ ዓቢ ሃገር ክገብረካ ኢሉ ተመጻበዐሉ፣

ኣብ እብ11።13 ብዛዕባ ኣብርሃምን ካልኦትን ከምዚ ይብል "እዚኦም ኩላቶም ነተን ተስፋታት ኣይረከብወንን። ግናከ ካብ ርሑቅ ርእዮም ተሳለምወን'ሞ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምኳኖም እናተኣመኑ ብእምነት ሞቱ"።

ኣነ ከምዝስመዐኒ ኣብርሃም ንየሱስ ነቲ ዕየት ናይ ኣምላኽ ከምዝረኣ። ብጀካ ናይ ደም መስዋእቲ ምግባርን ብዘይ ምቁጣብ ነብሱ ብምውፋይ ካልእ ግብረ መልሲ ኣይሃበን።

ጎይታ ነቶም ደቂ መዛሙርቱ ኣብ መገዲ ናብ ኢማኡስ እናኸዱ ከምዝተራእዮም ኣብ ሉቃ24 ይዛረብ፣ ምስረኣይዎ ዕየት ናይ ኣምላኽ ባዕሉ የሱስ ምኳኑ ብሙሴን ነብያትን ተቃልዖም ልቦም ዛረየ። እግዚኣብሄር ኣብቲ ምውዳእ ምውርጻጾም ረከቦም።

ኣብርሃም መንቀብ ዘይብሉ ኣይኮነን ኔሩ። እንታይ ደኣ ነቲ ቀዳምነት ብግቡእ ስለዘሰርዖ ጥራሕ እዩ። ምእዙዝነቱ ብቅጽበት እዩ ዝፈጸሞ "ብቅጽበት" ኣብ ከጅቪ ጽሑፍ ዝጥቀመሉ ማለት ቅልጡፍ፣ ህጹጽ፣ ብግሪክ ከኣ "ኢቶስ" ይበሃል።

ዘፍ 12፣8 "ካብኡ ናብቲ ኣብ ምብራቅ ቤት-ኤል ዘሎ ከረን ተጎዓዘ ድማ። ኣብኡ ድንኮኑ ተከለ። እሞ ቤት-ኤል ብሸነኽ ምዕራቡ። ዓይ ከኣ ብምብራቁ ኮና። ኣብኡ ከኣ እግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሐ። ብስም እግዚኣብሄር ውን ተማህለለ፣"

ቤት-ኤል ገዛ ናይ ኣምላኽ ። ዓይ ከኣ ቦታ ናይ ከነኣናውያን ቦታ ጥፍኣት እዩ፣ መሰካከር ከምዝበልዎ ናይ ኣብራም ድንኮኑ ገጹ ንቤት-ኤል ዝባኑ ከኣ ንዓይ እዩ ዝነበረ።

ከመይ ገይሩ እዩ እግዚኣብሄር ናይ መጀመርይኡ ኣብነት ናይ ጸጋ ዝመሃሮ?

ልክዕ ከም ኣብራም። ኩላትና ከነጽህ ዝግብኦ ኣገዳሲ ባህርይ ኣሎና፣ ኣብዚ መዳይ እግዚኣብሄር ነቲ ነብሰ ምክኣልና ወይ ገሊኦም ከምዝብልዎ "ስጋዊ ድሌታትና" ክርእዮ ኣለዎ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ መንጎ ስጋዊ ድሌታትናን እስትንፋስን ጸጋ ኣምላኽን ክትፈላልዮ ከቢድ እዩ። ግና እግዚኣብሄር ናቱ መገዲ ኣለዎ ነዚ ነገራት ከገልጸልና ወይ ከብርሃልና፣

ኣብራም ናብ ናይ ምምልማሉ ግዜ ኣተዎ ምክንያቱ ናብ ሽትኡ ዕላምኡን ክበጽሕ፣ ውድቀትካ፣ ፍሽለትካን ኣይትንዓቆ እግዚኣብሄር ብሓይሉ ዕላምኡን ጸግኡን ከምጽኣልካ። ነቲ ስጋዊ ጸሎትካ ክርሕቀልካ እዩ። ብዙሕ ግዜ ብትምህርታዊ ዘይኮነ ብተመክሮ እዩ ዝገብሮ።

ኣስተውዕል ኣብቲ ቅዱስ ጽሑፍ። ኣብራም ብሰንኪ ጥሜት ነቲ ዝተመጻበዕሉ መሬት ገዲፉ ናብ ግብጺ ከምዝከደ ንርኢ፣ እዚ ከኣ ጽልዎ ናይ ዓለም ስርዓት እዩ። ኣብራም ሽጣራ ጌሩ ካብቲ ጥሜት ኣምሊጡ። ከምኡ ኣይምገበርካን?

እግዚኣብሄር እቲ ሕቡእ ስጋዊ ድሌታትና ክቃላዕ እሞ ፍረ ክንፈሪ ዝሰራሕናዮ ግና ዘይኮነስ ብጸግኡ። ከምኡውን ብዛዕባ ሳራይ ሕሶት ሓሲዩ ሓደጋ ኣሰቲሉ ኔሩ። እንተኮነ ግና ጸጋ ናይ ኣምላኽ ንፈርኦን መዓት ስለዘርኣዮ ኣብራም በዚ ደሓነ። ኩሉ ገንዘቡን ሃብቱን ሒዙ ከኣ ካብ ግብጺ ኣውጽኦ፣ ኣብራምን ሎጥን ካብቲ ዝነበሮም ንላዕሊ ሃብቲ ኣከቡ ብናይ ፈርዖን ህያብ፣ ክንደይ ዘገርም ጸጋ!

ኣብ ዘፍጥረት 12፣9-20 ከምዚ ይብል

*9 ኣብራም ድማ ተላዒሉ እናገዓዘ ናብ ደቡብ ኣቢሉ ከደ።*

*10 ኣብታ ሃፈር ከኣ ጥሜት ኮነ። ኣብታ ሃገር ጥሜት ስለዝበርተዔ ድማ። ኣብራም ብስደት ኣብኣ ክቕመጥ ናብ ግብጺ ወረደ።*

*11 ኮነ ከኣ ናብ ግብጺ ክኣቱ ምስ ቀረበ። ንሰበይቱ ሳራይ እንሆ መልክዔኛ ሰበይቲ ምኳንኪ ፈሊጠ ኣሎኩ'ም ፣*

*12 ኪከውን ድማ እዩ ግብጻውያን ምስዝርእዩኺ። ሰበይቱ እያ ኪብሉ እዮም ንዓይ ቀቲሎም። ንዓኺ ብህይወት ይሓድጉኺ፣*

*13 እምበኣር በጃኺ ብሳላኺ ምእንቲ ንዓይ ክጥዕም። ነፍሰይ ድማ ብኣኺ ክትድሕንሲ ሓብቱ እየ ደኣ በሊ በላ፣*

*14 ኮነ ድማ ኣብራም ኣብ ግብጺ ምስ ኣተወግብጻውያን እታ ሰበይቲ ብዙሕ መልክዔኛ ምኳና ረኣዩ፣*

*15 እቶም ሸማሙንቲ ፈርዖን ድማ ረኣይዎ። ኣብ ቅድሚ ፈርዖን ከኣ ነኣድዎ፣ ነታ ሰበይቲውን ናብ ቤት ፈርዖን ወሰድዎ፣*

*16 ናብራም ድማ ምእንትኣ ጽቡቕ ገበርሉ። ኣባጊዕን ኣብዑርን ኣውዓልን ገላውን ኣግራድን ኣንስትዮ ኣእዱግን ኣግማልን ነበርዎ፣*

*17 እግዚኣብሄር ግና ብምክንያት ሳራይ ሰበይቲ ኣብራም። ንፈርዖንን ንቤቱን ብርቱዕ ቅጽዓት ቀጽዖ፣*

*18 ፈርዖን ድማ ንኣብራም ናብኡ ጸዊዑ። እንታይ እዩ እዚ ዝገበርካኒ ስለምንታይ'ከ ኢካ ሰበይትካ ምኳና ዘየፍለጥካኒ፣*

*19 ስለምንታይሲ ሓብተይ እያ በልካ። ሰበይተይ ክትከውን ምወሰድክዎ ነይረ። ሕጂ ከኣ እንሆትልካ ሰበይትካ ሒዝካ ኪድ በሎ፣*

*20 ፈርዖን ድማ ብዛዕባኡ ንሰቡ። ንእኡን ንሰበይቱን ንዘለዎ ኩሉን ኪሰንይዎም ኣዘዘ፣*

እስከ ነብስካ ኣብዚ ዛንታ ከምዘለካ ጌርካ ሕሰብ፣ ከመይ ዝበለ ምድሓን ብኣምላኽ እዩ ተጌሩ! ጸጋ፥ ውቃበ!

ንምንታይ እዩ ኣግ/ር ስጋዊ ድሌታትና ክንቀትሎ ዝወሰነ? ምክንያቱ ስጋ ኩሉ ሳዕ ትሕቲ መርገም እዩ። የሱስ ከኣ ነዚ መርገም ክወስደልናን ክባርከናን እዩ ዝሞተ፣ ኣብራም ወላ'ኳ እንተረኣዮ ግን ነቲ ስጋዊ ድሌታቱ ከቀጽዖ። ሓገዝ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣድለዮ ምእንቲ እግዚኣብሄር ጸጋ ክህቦ፣

ከምቲ ኣቀዲምና ብዛዕባ ኖህ ዝተመሃርናዮ ጸጋን እምነትን ቅድሚ ስራሕ ምውድኡ ተቀበለ፣ ውጽኢት ስራሕና ጸጋን እምነትን ኪከውን ኣለዎ እምበር ግስጋስና ናብ ጸጋን እምነትን ኪከውን የብሉን፣ እምነት ብዘይ ስራሕ ሞት እዩ (ዋጋ የብሉን)፣ እቲ ፍረ ብኣምላኽ እዩ ዝፍጠር። ዳሕራይ ከመይ ገይሩ ኣብራም ብሕማቅ ተመክሮ ናይ እስማዔ። ትምህርቲ ከምዝተማህረ ክንርኢ ኢና።

**እቲ ሓያል ሃዋርያ ፓውሎስውን ብዛዕባ ጸጋ ከመሃር ከሎ ። ብጸገም እዩ ተማሂሩ፣**

ሃዋርያ ፓውሎስ ነዚ ሓቂ ተረድኡ። ብዛዕባ እዚ ነገር ከኣ ደጋጊሙ ኣመልከተልና፣ ንሕጂ ግን ክልተ ጽሑፍ ከቅርበልኩም እየ ከመይ ከምዝተሰመዖ፣ ናይ ሰይጣን መልእክተኛ ምስ ኣሳቀዮ እዩ ዝከውን ኣብ 2ቆሮ ምዕራፍ 11 ከምዚ ክብል ዝዘርዘረ። ገለ ካብ ዝርዝራቱ 5 ግዜ ነርብዓስ ሓደ ጎደል ተገሪፈ፥ እታ ዝነበርክዋ መርከብ ተሰብረትን። ለይትን መዓልትን ኣብ መዓሙቅ ባሕሪ ሓዲረ ወዓልኩ ፥ ካብ ከተርቲ ብፍርሃት፥ ካብ ደቂ ዓደይ ብፍርሃት፥ ኣብ ማእከል ኣሕዋት ሓሶት ብፍርሃት፥ ካብ ኣህዛብ ብፍርሃት ፥ ብጥሜትን ብጽምእን፥ ብቁርንን ዕርቃንን ነይረ፥ ኣብ ልዕሊ እዚ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኩሉ ነገር እቲ ኣብ ጸጽባሕ ዚጸበኒ፡ ማለት ብዛዕባ እቲ ንኩላተን ማሕበራት ዝሓልዮ ዘለኩ ሓልዮት እዩ፣ ብተወሳኺ እዞም ናይ ሓሶት ኣሕዋት። ከምቲ ኣብ ታሪክ መዝገብ ተመዝጊቡ ዘሎ ናይ ኣይሁድ ሕጊ ዝፈልጡ'ሞ። ነቲ ናይ ፓውሎስ ጸጋ መልእኽቱ ዝዝለሉ እዮም።

ነዚ ኩሉ ግብረ መልሱ ግን "እዚ ካባይ ኪርሕቅ ብዛዕብኡ ንሰይታ ሰለስተ ሳዕ ለመንክዎ። ንሱ ከኣ ሓይለይ ብድካም እዩ ዝፍጸም እሞ ጸጋይ ይኣክለካ በለኒ፣ ስለዚ ሓይሊ ክርስቶስ ኣብ ልዕለይ ምእንቲ ክሓድር ብቡዙሕ ታሕጎስ ብድካመይ ክምካሕ እየ፣ እምበኣርከ ምስ ዝደክም ሽው እየ ዝብርትዕ እሞ፣ ምእንቲ ክርስቶስ ኢለ ብድካም፣ ብጸርፊ፣ ብሓሳር፣ ብምስጎግ፣ ብጸበባ እሕጎስ እየ፣" (2ቆሮ 12፣8-10) ኣስተውዕል ኣብ እዚ ዝብሎ "ይሕጎስ" ተጻዊረዮ ነዚ ኩሉ ኣይኮነን ዝበለ። ረቢሓሉ እዩ ዝበለ፣ (ናይ ፓውሎስ ሕቶ ብዛዕባ እዚ ጭንቅታት እግዚኣብሄር ኣይከሓዶን። እንታይ ደኣ ብጸጋን ብሓይሊ ኣምላኽን ክፍታሕ ምኮኑ ኣፍለጦ)።

**ጸጋ ብተመክሮ እንመሃሮ እዩ፣**

ፓውሎስ ኣብ ሓንቲ ለይቲ ተማሂርዎ ኣይብልን እየ። እግዚኣብሄር ካብ ብዙሕ መከራታት ኣሕሊፍዎ እዩ። እግዚኣብሄር ንፓውሎስ ነዚ ኣምር ኣብ እዋን ትኩርናኡ ምውዳእ ገለጸሉ፣ ኣብ ዘካርያስ 4፣7 "ኣታ ዓብዩ ከረን መን ኢካ? ኣብ ቅድሚ ዝሩባቤል ጎልጎል ክትከውን ኢካ ጸጋ። ጸጋ ንእኡ እናተባህለ ኪጭድር ከሎ ነቲ እምኒ ርእሲ ኬውጽኦ እዩ ኢሉ ነገረኒ፣" ኣብ ዘካ 4፣6 ከምዚ ይብል "ሽው ንሱ መለሰ እዚ እቲ ዝሩባቤል ዝከውን ቃል እግዚኣብሄር እዩ፣ ብመንፈሰይ እምበር ብክእለትን ብሓይልን ኣይኮነን ይብል እግዚኣብሄር ጎይታ ሰራዊት"።

**ንጸጋ ብጌጋ ምርዳእ!**

ገለ ገለ ሰባት ካብ ናይ ኣምላኽዊ መገዲ ይወጹ። እዚ ከኣ ሙብዛሕቲኡ መን ምኮኖም ስለዘይፈልጡ እዮም። መንነቶም ዝሰኣንዎ፣ እግዚኣብሄር ጸጋን ምሕረትን ክህብ ከሎ። ዝተፈላለየ ዓይነት ግብረ መልሲ ናይ ልብታት እዩ ዘሎ። ነቲ ምሕረትን ጸጋን ተቀቢሎም ናብቲ ቀደም ናብራኦም ይምለሱ። ገምቱ እንታይ ከምዘጋጠሞም? ኣብቲ ናይ ጊልያነት ናብረኦም ከኣ ይተርፉ ምክንያቱ ጸጋ ናይ ኣምላኽ ብኩርዓትን ስሰዐን ዝመልአ ልብን ብዘይ ናይ ምልውዋጥ ናይ ደም ኪዳን ክትቅበል ስለዘይከኣል፣ ገሊኦም ከኣ ጸጋ ናይ ኣምላኽ ኣየድልየናን ዝብሉ ምክንያቱ ባዕላትና ዓበይቲ ተግበርቲ ኢና ዝብሉ። እስኪ ገምቱ እዚኣቶም 'ከ እንታይ የጋጥሞም ይከውን? እዚኦም ከማን ከምቶም ቀዳሞት ብሓደ ዓይነት ምክንያት ኣብቲ ጊልያነት ይንብሩ፣ እግዚኣብሄር ጸግኡ ኣብ ሕማቅ ዕላማ ክውዕል ኣየፍቅድን እዩ። እንተኮነ ግና ብጌጋ ክትርድኦ ትክእል፣

ግና ናብ እግዚኣብሄር ብቅኑዕን ትሑት ልብን። ነቲ ዘለካ ጸገማት እንተ ኣምጸእካዮ ጸጋ ጥራሕ ዘይኮነ ዝህበካ። ሓደ ካብቶም ፍትዉኡ ትከውን። ነቲ ደም ኪዳን ከኣ ተስተማቅሮ፣ ኣገባብ ኣነባብራካን ሃይማኖተኛ ጠባይካን ውጽኢት። መን ምኮንካ መፍለጢካ እዩ፣እግዚኣብሄር ምሳካ ክራከብ ይደሊ ኣሎ ምክንያቱ ብደሙ እንታይ ከምዝገበረ ክትፈልጥ።

ምእንቲ መን ምኮኑ። እቲ ሓቀኛ ምስሉ ክትርደኦ። ናብኡ ከኣ ኣጸቢቅካ ክትቀርብን፣ ንካልኦት ሰባት ከኣ ብጸጋ ክትሕዞም ይግባእ ምክንያቱ ንሳቶም ከኣ ነቲ ፈጣሪ ኩሉ ዓለም። በቲ ደሙ ክፈልጥዎ፣

"ወይ ከኣ ሕያውነት ኣምላኽ ናብ ንስሓ ከም ዚስህበካ ሰኣን ምፍላጥካስ ሃብቲ ሕያውነቱን ጸዋር ምኮኑን ዓቕሉን'ዶ ትንዕቕ ኣሎካ ፣" (ሮሜ 2፣4) መጀመርያ ድሕነት ዝረከብካሉ ኣብቲ ግዜቲ ጸጋ ትረክብ። ግና ብናተይ ተመክሮን ቅዱስ ጽሑፍን ኣብ ናይ ሂወት ጉዕዞ ብቀጻሊ ኢና ጸጋ ንረክብ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ኣይንግንዘቦን ክሳዕ ዘድልየና ግዜ፣

ፓውሎስ ንገላትያ ቤተ ክርስትያን ናብ ሕግን ግብርን ትምለስ ዝነበረት ብዛዕባ እዚ ግልጺ ጌሩ ተዛሪቡ፣ ገላትያ 3፣1-3 "ኣቱም ዓያሱ ሰብ ገላትያ ቀደም የሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቱኩም ከም ስቁል ኮይኑ ተስኢሉ ነበረ። ንሓቂ ከይትእዘዙ ደኣ መን ዐዘመኩም። ካባካትኩም እዚ ጥራይ ክፈልጥ ይደሊ ኣሎኩ፣ ብግብሪ ሕጊዶ ወይስ ብምስማዕ እምነት ኢኩም መንፈስ እተቀበልኩም ክሳዕ ክንድዚ ዶ ዓያሱ ኢኩም ብመንፈስ ጀሚርኩምሲ። ሕጂዶ ብስጋ ክትፍጽሙ ትደልዩ ኣሎኩም?"

ኣብራም ካብ ግብጺ ብፈተነታት ተሞኪሩ ናብታ ናይ ደም መሬቱ ተመልሰ። ኣብራም ኣቲ ጎይታ ዝመረጸሉ መሬት እምበር እቲ ናይ ዓለም ሃብቲ ኣይመረጾን፣ ንሎጥ እቲ ፍርያም ዝኮነ መሬት ጥቃ ሰዶም ዘሎ ክመርጽ ኣፍቀደሉ። ንሱ ከኣ እቲ ዝባደመ። ምድረበዳ ዝኮነ መሬት ንስድርኡ ከምዝናብየሉ ንእግዚኣብሄር ኣሚኑ ተቀበለ፣

ዘፍ 13፣1-12 ከምዚ ይብል

*1 ኣብራም ከኣ። ንሱን ሰበይቱን ምስ ዘለዎ ኩሉን። ሎጥ ድማ ምስኡ ካብ ግብጺ ናብ ደቡባቢሉ ደየበ፣*

*2 ኣብራም ከኣ ብከብትን ብብሩርን ብወርቅን ብዙሕ ሃብቲሙ ነበረ።*

*3 ካብ ደቡብ እናተጎዕዘ ድማ ክሳዕ ቤት-ኤል ዓይን ድንኮኑ ተኪሉላ ዝነበረ ቦታ። ናብታ ቅድም መሰውኢ ገይሩላ ዝነበረ ቦታ ከደ፣*

*4 ኣብኣ ድማ ኣብራም ብስም እግዚኣብሄር ተማህለለ፣*

*5 እቲ ምስ ኣብራም ዝኸደ ሎጥ ድማ ኣባጊዕን ኣብዑርን ድንካውንትን ነበሮ*

*6 እታ ምድሪ ከኣ ብሓደ ክነብሩ ክትጸሮም ኣይከኣለትን። ጥሪቶም ብዙሕ ነበረ እሞ ብሓደ ኪነብሩ ኣይከኣሉን፣*

*7 ኣብ መንን ጎሶት ከብቲ ኣብራምን ጎሶት ከብቲ ሎጥን ከኣ ባእሲ ኮነ በቲ ዘበን እቲ ድማ ከነኣናውያንን ፈረዛውያንን ኣብታ ምድሪ ይቅመጡ ነበሩ*

*8 ኣብራም ከኣ ንሎጥ ንሕና ኣሕዋት ኢና እሞ በጃኻ ኣብ መንጎይን መንጎካን ኣብ ጎሶተይን ጎሶትካን ከኣ ባእሲ ኣይኩን፣*

*9 ኩላ ኣዛ ምድሪ ኣብ ቅድሜኻ ኣየላን ሕድርካ ካባይ ተፈለ። ናብ ጸጋም እንተኣበልካ ኣነ ድማ ናብ የማን ኤብል። ናብ የማን ኣንተኣበልካ ከኣ ኣነ ድማ ናብ ጸጋም ኤብል በሎ፣*

*10 ሎጥ ከኣ ዓይኑ ቐሕ ኣቢሉ ብዘሎ እቲ ጎልጎል ዮርዳኖስ ኩሉ ማይ መሊኡ ከምዘሎ ረኣየ ፣እግዚኣብሄር ንሰዶምን ጎመራን ከየጥፈኣን ከሎ። እቲ ንዞዓር እትኣትወሉ ከም ገነት እግዚኣብሄር። ከም ምድሪ ግብጺ ነበረ፣*

*11 ሽዑ ሎጥ ንኩሉ ጎልጎል ዮርዳኖስ ሓረየ። ሎጥከኣ ናብ ምብራቅ ኣቢሉ ተጎዕዘ እሞ ንሓድሕዶም ተፈላለዩ፣*

*12 ኣብራም ከኣ ኣብ ምድሪ ከነኣን ተቀመጠ። ሎጥ ድማ ኣብተን ኣብቲ ጎልጎል ዘለዋ ከተማታት ተቀመጠ ድንኮኑ ከኣ ክሳዕ ሶዶም ተከለ።*

# ምዕራፍ 8

## ጸጋ ብከመይ ምስ ደም ኪዳን ይዛመድ

ሎሚ ኣብ ቤት ክርስትያን ቡዙሕ ምጥርጣራት ኣሎ። ገለ ድንግል ምውላዳ።ኣምላኽነት ናይ ክርስቶስ ዚክሕዱ ዉን ኣሎዉ። ካልኦት ክሳብ ክንድቲ ሓደገኛ እኻ ተዘይኮነ ህላውነት ሓይሊ መንፈስ ቁዱስ ኣብ ኣመንቲ ዚክሕዱ ዉን ኣሎዉ። ንዝኮነ ነገር ከም ኣጋጣሚሓንሳብ ኣብ ቀዳማይ መዋእል ቤትክርስትያን ጥራይ ከም ዘጋጠመ ይማጎቱ። ካልኦት ዉን ቁናን መግለጺ ይክተሉን ይምህሩን።

መጀመርታ ንባህርያት ኣምላኽ ከም ነዓና ዝጥዕም ገይርና ንገልጾ ንፍትን ከይንህሉ ከነረገግጽ ኣሎና። ንግዝያዊ ኮነ ንናይ ሓዋሩ ድሕነትና ቅኑዕ ዝኮነ ርድኢት ናይዚ ኣርእስቲ ኪህልወና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ ዉን ንካልኦት ከይንፈርድ።

ናትና ሓንቲ ግዴታ ንካልኦት ፍቅሪ እያ። ሓንቲ ካብቲ ዝተጸዋዕናሉ መንገድታት ፍቅሪ ኣምላኽ ንገልጸሉንኩሉ ኣብ ትሕቲ ጽልዋና ዘሎ ሓቀኛ ወንጌል ምንጋር እዩ። እቲ ሓቀኛ ጽቡቕ ዜና። ብቀሊሉ እዚ ጽቡቕ ዜና እዩ ጸጋ ናይ ደም ኪዳን።

ዝበዝሑ ሰባት ጸጋ ከም ዘድሊ ክሳብ ዘድሊዮም ኣይሓስብዎን እዮም። እዚ ጸጋ ንሓድሽ ምውላድን ንዕብየትን የጠቃልል።

ደሓነን ድሕነትን ዝብላ ቓላት ትርጉመን ልክዕ ከም ሓወየን ካብ ሓደጋ ተገላገለን ዝተፈላለያ ቃላት እየን ዘይ ከምናይ ሓንሳብ ምውልድ ትመኩሮ እዘን ቃላት ኣብ ቀጻሊ ጸቅጢናይዚ ዚቕጽል ዘሎ መስርሕ ይርከባ።

ገለ ንመግለጺ ጸጋ ኣምላኽ ከም ሓንሳእ ኣጋጣሚ ናይ ከምብሓድሽ ምውላድ ብቁናን ይገልጽዎ። ፓወል ሃርሽለይ ነዚ ሓሳብ ብከምዚ ይእርሞዋላ ዉን ንዘልኣለማዊ ህይወትና ጸጋ ንዕብየት ኪትሰጋገር ከም ዘድሊ ንገላትዉያን ከም ዚደንዘዙ ይነግሮም። እዚ ንሰም ብመንፈሳዊ ሓይሊ ተዓሻሽዮም ብጸጋ ከም ዚደሓኑ ድሓር ግን ብሕጊ ወይ በቲ ናይ ቀደም ባህሪ ስግኦም ምሉኣት ኪኮኑ ከም ዚፈተኑ ይነግረና።

ኣብ ፍሊጺ 2፣12-13 ንድሕነትና ባዕልና ክንሰርሕ ከም ዘሎና ይሕብረና እዚ ማለት ነቲ ዝቕጽል ዘሎ ሙሉእነት ናይ ነብስና ብምሕዳስ ሓሳብና፣ ጸጋ፣ ስምዒት ብፍርሕን ምንፍጥፋጥን የጠቓልል። ኣብዚ ሓጺርጽሑፍ ናይ ግሪክ ቃል ከምቲ ብጉሉሕ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ዘሎ ኣብዚ ጉዳይ ኣብ ሃይልና ኪንሙርኮስ ከም ዘይብልና እንታይ ደኣ ኣብ ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ናቱ ጸጋ ክንምርኮስ ከም ዘሎና ይነግረና። ካልኦት ትርጉም ጸጋ ከም ኣምላኽ ንሓጥያት ዘመክነየ ብ ቁናን ይርድእዎ። ኣምላኽ ን ሓጥያት ኣየመክንን እዩ እንታይ ደኣ ይቅረ ይብለልና። ይቅረ ምባል ማለት ምሕዳግ ማለት እዩ። ኣምላኽ ሓጥያት ኪሓድግ ከሎ እቲ ሓጥያት ናብ መስርሕ ምቅያር ደም ኪዳን እዩ ዝከይድ። እቲ ሓጥያትና ምስ መርገሙ ናብ ኣምላኽ ይከይድ ባርኮቱ ከኣ ናባና ይመጽእ። እዚ ጸጋ እዩ እዚ እዩ ከኣ እቲ ዘሕጉስ ዜና።

የሱስ ጸጋ እዩ። ወላኮ መንፈስ ቅዱስ ንዓና ምስ ገዛእ ርእሱ አንተ ቀየረና ወይ ናይ ገዛእ ርእሱ ህይወት በኣና አንተነበረ። እዚ ምቅይያር እዩ። ምክንያት ጥራይ ኣይኮነን። ክንዉለድን መዓልታዊ የሱስ ህይወትና ክቅይሮን ጸጋ ንደሊ።

### ናብ ጸጋ ብመንገዲ ውርደት ኢና እንኣቱ

ኣምላኽ ጸግኡ መታን ከይቀንን መከላከሊ ኣሎዎ። ነዚንምሕላፍ እንሓልፎ ኣፍደገ ኣሎ። ዝኮነ ነዚ በረከት ዚረክብ በዚ ኣፍደገ ምስ ዚሓልፍ እዩ። እዚ ኣፍደገ ውርደት እዩ።     ያእ 4፣6, 1ጴጥ 5፣5, ምሳ 3፣34 ኣምላኽ ንትሑታት ጸጋ ከም ዝህብ ንዕቡያት ግን ከም ዚጻረሮም ይነልጸልና።

የሱስ ናትና ኣብነት ናይ ዉርደት እዩ። ውርደት ኣብ ፊሊ ምዕራፍ 2፣5-9 ተገሊጹ ኣሎ። የሱስ ኣብ ውርደቱ መስቅሉ ጸይሩ ምእንታና ንደም ኪዳን ክብል ኣብኡ ተሰቂሉ ሞተ ናምላክነቱ ኣውረደ።

ስለዚ ናትና ውርደት መስቀል ምጻር እዩ። መክሰብ ጸጋ ካብ ደም ኪዳን ፈሊና ክንወስዶ ኣይንክእልን ኢና። ማለት መስቀሉ ምስ መስቀልና ሓዋዊስና ክንወስዶ ኣሎና። ናትና መስቀል ኣብ ሉቃስ 9፣24 ተገሊጹ ንረክቦ። ንየሱስ መስቀልና መዓልታዊ ከየልዓልና ኪንስዕቦ ኣይንክእልን ኢና።

ነዚ ስጋና ብምምናን ክንስቦ ከም ዘሎና ይገልጽ። ምምናን ዝብል ቃል “እምቢ ምባል” ማለት እዩ። ውርደት እንበኣር ንናይ ገዛእ ርእስና ክእለት መኒንና ኣብ ናይ ኣምላኽ ሓይሊ ምምርካስ እዩ። ከም ቃሉን መንፈስ ቅዱስን ንኩሉ ነገራት

ኣብ ህይወትና። ኩርዓት ኣንጻር ዉርደት ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ብቅዓትን ኣረኣእያን  አዩ ዝምርኮስ። እዚ ኣረኣእያ ትሕቲ አቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሌና ዘሎዎ ኣረኣእያ ኪከውን ይክእል እዩ። ልዑል ነብሰ ምክባር ግና ዉርደት ኣይኮነን ትዕቢት እዩ።

ጸጋ ብደም ኪዳን ኣዝዩ ጽቡቅ እዩ ሓቅነቱ ኪትኣምን ግና ጸጋናይ ኪዳን መክሰብ ምካኑ ክንርድኦ ኣሎና። ብካልእ መንገዲርከብ ኣይከኣልን እዩ። ኣምላኽ መገመርታ መታን ክንሰርሓሉ ጸጋ ክህበና ይክእል አዩ። ብዘይ ደም ኪዳን ግን በረከት ክንቅበል ይኩን ናብ ዕብየት ኪንዓቢ ኣይንክእልን ኢና።

## ጸጋ ኣብ ክንፊ እምነት ትጉዓዝ

ኤፌ 2፤8-9 ብጸጋ ከምዝደሓንና (ማለት ከም ዚሓወናን ምሉኣት ከም ዝኮንናን ካብ ሓደጋ ከም ዝተገላገልናን) ከምኡ ዉን ጸጋ ብእምነት ከምዝርከብን ይገልጸልና። እምነት ቃል ኣምላኽ ብምስማዕ ከም ዚርከብ ንፈልጥ ኢና አቲ ጽሑፍ አዚ ኩሉ ጸጋ ብእምነት ቃል ዚሰርሕ ህያብ ኣምላኽ አንበር ብጻዕሪ ኣይርከብን አዩ ከምኡ ተዝከውን ዝኮነ ሰብ ምስ ተዓበየ ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ አቲ ሕቶ አምነት ኣብ ምንታይ። እምነት ኣብ ዉዱእ ዕዮ ናይ ክርስቶስ ዉዱእ ደም ኪዳን በቲ ንሕና ተሳተፍቲ ሞሎኮታዊ ሓይሊ ኣብ ኩሉ ቦታታት ህይወት ንዘልኣለም ዝኮንናሉ!

ጸጋ ዝግሃድ ኣብ ኣረጊት ህይወትና ንኣምላኽ ክንነብር እንፍትዎ ዉድቀት እንራን ጣኦሳ ናይ ውድቀትና ምስ ንእመንን እዩ። ሽዑ ህይወት ኣምላኽ ኣባና ይነብር። ኣዚ ወንጌል እዩ ኣምላኽ ኣባና ክነብር ገላ 2፤20 ኣገራሚ ጸጋ ከመይ ጦዑም ድምጺ!

እንተኮነ  ሰይጣን ኩሉ ግዜ ንእምነትናን ቅኑዕ ዉሩሻና ናይ ኣምላኽ ዉዱእ ስራሕ ይፍትነና እዩ። “ምሉእ ናይ ኣምላኽ ኣጽዋር ንልበስመታን ኣንጻር ተንኮል ሰይጣን ክንቀውም፡፡ ኣንጻር ስጋን ደምን ዘይኮነ ኣንጻር አቲ ቀንዲ። ኣንጻር ሓይሊ። ኣንጻር መራሕቲ ፀልማት ናይዚ ዘመን። ኣንጻር ኣገልገልቲ እኩይ መንፈስ ኣብ ገነታዊ ስፍራ

“እቲ ቅልስና ምስ ሕልቅነት ሰማያት ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን እንበር

> ምስ ስጋን ኣይኮነን አሞ ን ፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ክትክእሉስ ኩሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ በታ እከይቲ መዓልቲ ምቅዋም ምእንቲ ክትክእሉስ ኩሉ ምስ ኣስለጥኩም ደው ክትብሉስ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ። ደጊም ሕቖኩም ብሓቂ ተዓጢቅኩም ድርዒ ጽድቒ ዉን ተከዲንኩም ቁሙ። ነቲ ናይ ወንጌል ሰላም ምድላው ኣብ ኣእጋርኩም ከም ኣሳእን ኣእቲኩም ደው በሉ። ምስናይ እዚ ኩሉ ነቲ ናይቲ ክፉእ ርሱን መንትግ እተጥፍእሉ  ዋልታ እምነት ኣልዕሉ ናይ ምድሓን ቁራዕ ርእሲ ኣእትዉ። ናይ መንፈስ ሰይፊ ዉን ማለት ቃል ኣምላኽ ሓዙ ብኩሉ ጸሎትን ልማኖን ኩሉ ሳዕ እንዳጸለኩም እሞ ምስናይዚ ብኩሉ እንዳተጸመምኩም ስለኩሎም ቕዱሳን ብጸሎት ንቐሑ። ”(ኤፌ6፤11-18)

ሰይጣን ንነብሱ ከም ዘየላ ኪሓብእ ክፍትን አዩ። ኩነታት ዉን ኣንጻርኩም ተወሲኖም ንእምነትኩም ኣብ ጸጋ ኣምላኽ። እምነት ኣምላኽ ቃል ኣምላኽ ሓይሉ ርሕራሔኡ ሓይሉ ሙብጽዕኡ ካም ትጠራጠሩ ኪገብረኩም እዩ። ንኩሎም ኣጽዋር ኣብ ኤፌሶን ተጠቂሶም ዘሎዉ ምጥቃም ከድልየኩም እዩ። እዚ ዓው ኢልካ ቃል ኣምላኽ ተዛሪብካ ንሰይታንብሰይፊ መንፈስ ምጽራር የጠቃልል።

## ጸጋ ምክንያት ኣይኮነን

ጸጋ ኣብ ሓጥያት ንምቅጻል ምክንያት ኣይኮነን ንዓለማዊ መንገዲ ህይወት ምክንያት ኣይኮነን ወይ ነቲ ብሉይ ባህሪ ስጋካ ወልፍታትካ ብቆኣትካ እዞም ነገራት ኣብ ኣርዑት ይቆርኑካ ተልእኮ ክርስቶስ ከኣ ንዓካ ሓራ ምውጻእ እዩ። ነዚ ዝፍትኑ ሰባት ነቲ ቀንዲ ተልእኮን ልብን ኣምላኽ የጉህዩ።

## ነዚ ዘረጋግጹ ጽሑፋት እንሃለዉ።

“እምበኣርሲ እንታይ ክንብል ኢና። ጸጋ ምእንቲ ክዓዝዝሲ ኣብ ሓጥያት ዶ ንጽናዕ ያእ ኣይፋልናን ንሕና ካብ ሓጥያትዝሞትና ከመይ ኢልና ሕጂ ኣብኡ ክንነብር።”      (ሮሜ 6፤1-2)

“ትሕቲ ሕጊ ስለ ዘይኮንኩም ሓጥኣት ኣይመልከኩምን እዩ። ሓጥያት ኣይመልከኩምን እሞ ከም ሞይቶም ዝተንስኡ ርእስኩም ንኣምላኽ ወፍዩ እንበር ንርእስኩም ኣጽዋር ዓመጻ ሓጥያት ኣይትግበርዋ። ኣካላትኩም ሲ ኣጽዋር  ጽድቂ

ኣምላኽ ደኣ ግበርዋ ኣናታይ ንበል ትሕቲ ጸጋ ኣንበር ትሕቲ ሕጊ ካብ ዘይኮንናስ ሓጥያት ዶ ንግበር ያእ ኣይፋልናን ንማዛዝ ባሮት ክትኮኑ ራስኩም ንእትህብዎ ሓጥያት እንተኮይኑ ንሞት ንኣምላኽ ኣንተኮይኑ ጽድቂ ነቲ ኣታዘዝዎ ባሮት ከም ዝኮንኩም ዶ ኣይትፈልጡን ኢኩም።" (ሮሜ 6፣14-16)

"ንወዲ ኣምላኽ ዝረገጸ ነቲ ኣተቀደሰሉ ደም ኪዳን ከአ ዘርከሰ ንመንፈስ ጸጋ ዉን ዝጸረፈ ግዳ ክንደይ ዝገደደ ቅጽዓት ዘይግብአ ይመስለኩም።" እብ 10።29)

"ኣቱም ፍቁራተይ ብዛዕባ ሕብረት ምድሓንና ብኩሉ ቐንኣት ክጽህፈልኩም ምስደሌኩ በታ ሓንሳእ ንቁዱሳት ዝተዋህበት እምነት ክትጋደሉ ጽሒፈ ከመክረኩም ናይ ግድን ኮነኒ ገለ ሰባት ካብ ቀደም ነዚ ፍርዲ እዚ ኣተጻህፉ ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብሎም ነቲ ጸጋ ኣምላኽና ናብ ርክሰት ዝልውጥዎ ነቲ ሃደ በይኑ ገዛእን ጎይታን የሱስ ክርስቶስ ዝክህድዎ ስሉክ ኣሎም ኣትዮም ኣሎው።" (ይሁዳ 1፣3-4)

ወደ መዝሙር ጳውሎስ ኣብ ሮማውያን 6,7,8 ሓደ ካብ ህቡባት ኣብነታት ናይ ጸጋ አዮም።

ኣብ ሮማውያን ምዕራፍ 6 ጵውሎስ ብዛዕባ ድንቂ ዝተወደአ ስራሕ የሱስ ኣብ መስቀል ይገልጽ ብዛዕባ ውርሻናን ብከመይ ምስ ክርስቶስ ከም ዝተቀበርናን ምስኡ ከም ዝተሳእናን ይገልጸልና። ኣብ ሮማውያን ምዕራፍ 7 ከኣ ብዛዕባ ናይ ውልቁ ድክመትን ነቲ ኣብ ምዕራፍ 6 ዝተገልጸ ክነብሮ ወላ ኣበርትዑ ፈቲኑ ግን ከም ዘይከኣለ ይሕብር።

**ካብኡ ኣብ ሮማውያን ምዕራፍ 8 ጸጋ ተገሊጹ ኣሎ**

"ኣምበኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኩነኔ የብሎምን እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዘለዉ ኩነኔ የብሎምን። ኣቲ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ዘሎ ህጊ መንፈስ ህይወት ካብቲ ሕጊ ሓጥያትን ሞትን ሓራ ኣውጹኡኒ እዩ" (ሮሜ 8፣1-2)

ሕጊ ሞትን ሓጥያትን ኣብ መጽሓፍ ያቆብ ተገሊጹ ኣሎ። "ነፍሲ ወከፍ ግና ብገዛኣ ትምኒቱ ተሳሒቡ ኣዩ ዝፍተን ደሓን ትምኒት ምስ ጠነሰት ንሓጥያት ትወልዳ ሓጥያት ምስ ተፈጸመ ድማ ንሞት ትወልዳ።" (ያእ 1፣14,15) ምናልባት መቅጻዕቲ ናይ ሓጥያት ኣባና ዝወርድ ካብ ናትና ተግባር ጥራይ ኣይኮነን። መርገም ካብ ቀዳሞት ኣቦታትና ዝተወርሰ ዉን እዩ።

ኩሉ ነገር ብዛዕባ ምዝራእን ምዕጻድን እዩ። ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ይኩን ተፈጥሮ ሓደ ሰብ ዝዘርኦ ሕማቅ ይኩን ጽቡቅ ከም ዝዓጽድ ንፈልትጥ ኢና። ጳውሎስ ኣብ ሮማውያን ምዕ 7 ከምዚ እንዳበለ ምሕረት ይልምን "ይዋእ ኣነ ምግዱር ሰብ ካብዚ ናይ ሞት ስጋስ መን ኮን ከድሕነኒ እዩ ንኣምላኽ ጎይታነ የሱስ ክርስቶስ ስብሓት ይኩኖ ኣምበኣርስ ኣነ ባዕለይ ብሓሳበይ ንሕጊ ኣምላኽ ብስጋይ ግና ንሕጊ ሓጥያት ይግዛእ ኣሎኩ።" (ሮሜ 7፣24-25)

"ናይ ሞት ስጋ" ንፍርዲ ሞት ይውክስኩነና ገበነኛታት ኣብቲ ጊዜሓደ ገበነኛ ቅትለት ኣብ ሕቁኡናይ ሞት ኣስክሬን ይለግቦ ክሳብ ኣብ መወዳእታ በሊዑ ዝቀትሎ እዚ ኣቲ ዝሑልን ዘፍርህን ሞት እዩልክዕ ከምኡ ጳውሎስ ሕማቅ ዘርኢ ክዘርእ ከሎ ኣብ ትህቲ ሞት ሕማቅ ፍረ ምሕፋስ ከም ዝኣተወ ይፈልጥ ነይሩ።

እንተኮነ ጸጋ ናይ ፍርዲ ሞት ኣብ ሮሜ8፣1-2 ይርከብ። እምበኣር ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘሎዉ ኩነኔ የብሎምን እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ሕጊ መንፈስ ህይወት ካብቲ ሕጊ ሓጥኣትን ሞትን ሓራ ኣውጽኡኒ እዩ። ብካልእ ኣበሃህላ ዝበርተዐ ሓይሊ ጸጋን ይቅሬታ ካሞትን ሂብዎ። ንኣብነት ሕጊ ስሕበት ንነፋሪት ናብ መሬት ይስሕባ ናይ ሞተርኣ ሓይሊ ግን ነዚ ስሕበት ዓብሊሉ ኣብ ሰማይ ከም ተንሳፍፍ ይገብራ።

**ሕግን ጸጋን**

እዚ ጉዳይ ንቡዙሓት ኣመንትን ዘይኣመንትን ዘደናግር እዩ። ኣረጊት ናይ ስጋና ባህርን መንገዲ ዓለምን ኩሉ ኣብ ሕጊ ዝተሞርኮሰ እዩ። ብዙሓት ንየሱስ ክሰዕብዎ ከሎዉ ብሕጊ ከም ዝነብሩ ይስምዖም እዚ ኣርእስቲ ሙሉእ ምዕራፍ ክወስድ ይክእል እዩ። ስለዚ ከሕጽሮ ክፍትን ሕጊ ንባህሪ ኣምላኽ ይውክል ኣምላኽ ጥራይ እዩ ንሕጊ ክሕሉ ዝክእል የሱስ ጥራይእዩ እቲ ሓደ ሰብ እቲ ሓደ ፍጹም ሰብን ኣምላኽን ህላወ ሕጊ ንዓና ሓጥኣትና ንምርኣይ እዩ ወይ ከመይ ካብ ማንገዲ ኣምላኽን ካብ ምሉእ ቅድስናን ርሒቅና ኣን ዘሎና ብሕጊ ሙሉ ኣት ክንከውን ምስ ንፍትን ግዳይ ሓጥኣት ኢና ንከውን ሮሜ 3፣19-20 "ግንከ ኩሉ ኣፍ ምእንቲ ክዕጾ ኩላ ዓለም ዉን ትሕቲ ፍርዲ ኣምላኽ ክትከውን ሲ እቲ

ሕጊ ዝብሎ ዘበለ ነቶም ኣብ ትሕቲ ሕጊ ዘሎዉ ከም ዝዛረቦም ንፈልጥ ኢና። ሕግስ ሓጢኣት እዩ ዘፍልጥ ኩሉ ስጋ ዘበለስ ኣብ ቅድሚኡ ብሕጊ ዝጸድቅ የለን።

**እዞም ዝስዕቡ ከኣ ገለ ካብ ዕላማ ጸጋ ኣብ ህይወትና እዮም**

ሓድሽ ምውላድ "ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም ዝተቀበልኩሞከንቱ ንብረትኩም ከም ብደም ኦቲ ረክስን ኣበርን ዘይብሉ ገንሸል ብኩቡር ደም ክርስቶስ እንበር ብጠፋኢ ነገር ብቡሩር ወይስ ወርቂ ከም ዘይደሓንኩም ትፈልጡ ኢኩም" (ሮሜ 1፤18-19)

**ዘውዲ ጸጋ ምልዋጥ ዓስቢ ስቃይ ማርገም ጭንቀት ናብ በረከት**

እብ 4፤16, ራኢ1፤4, ራኢ 4-5 ናይ ጳውሎስ ብጸጋ ሓራ ምውጻእኣብ ቆሮ 12፤8-10 ተመልከት። ኣብ ራኢ ምዕራፍ 4ን 5ን ተገሊጹ ዘሎ ዘውዲ ጸጋ ብራና መርገም እታ ዕየት ንኩሉ ሓጥኣትና ክትወስዶ ንርእያ። እቲ ህነና ግን ናብ ዉሩሻ ሰይጣን ተቀይሩ ንሕና ባርኮት ክርስቶስ ተቀቢልና።

ንኣረጊት ስጋና ነቲ ተረፍ ኣረጊት ባህርና ናብ ቅድስና ምስሊ ክርስቶስ ምቅያር

ሮማውያን ምዕ 6,7,8 ሮማውያን 6 ሕጋዊ ሓቅነት እንታይነትና ሒዙ ኣሎ፣ ሮሜ 7 ቅልስ ጳውሎስ ኣንጻር ባህሪኡ ሮሜ 8 ከኣ እቲ ፍታሕ ማለት ሓሳብካ ኣብ መንፈሳዊ ነገራት እንበር ኣብ ስጋዊ ዘይምግባር "ብመንፈስ ምጉዓዝ" ብዘይ ኩነኔን ጌጋን።

ይቅረ ምባል ወይ ሓጢኣት ምልጋስ። ይቅረ ምባል ማለትምልጋስ ወይ ምሕዳግ ማለት እዩ ምምክናይ ማለት ኣይኮነን (1ዮሃ 1፤9)

ምእላይ ርእሰ ምዕባይ፣ ኩርዓት፣ ሰሪህና ብዘጥረናዮን ሕጋውነትን ምዕባይ ገላትያ ምዕራፍ 1-3 ኣንብብ ብጸጋ ሓድሽ ካም ዚተወልዱ ኣንዳፈለጡ ብትግባረ ሕጊ ክነብሩ ከም ዘኦዎም ይኣምኑ ነይሮምጳውሎስ ነዚ "ፍሉይ ወንጌል" ክብል ሰምይዎ ኣሎ። መርገም ኣብ ልዕሊ እቶም ነዚ ዚዘርግሁ ኣወጀ፣ ምሕረት ጳውሎስ ብጸጋ ኣብ 2ቆሮንጦስ 12፤8-10 ተመልከት፣

ቐጻሊ ምሕለትን ምሕዋይን ምስዓርን "ሓደ እኻ ከይምካሕሲ ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ ብእምነትን ብጸጋን ኢኩም ዝደሓንኩምእዚ ከኣ ዉህበት ኣምላኽ እዩ እንበር ካባካትኩም ኣይኮነን፣" (ኤፌ 2፤8-9)

መጻኢ ፍርድን ዓስብን "ስለዚ ሓቁቁ ልብኩም ተዓጢቅኩም ኣናተጠንቀቅኩም ነቲ ብምግሃድ ክርስቶስ ትረክብዎ ጸጋ ምሉእ ተስፋ ግበሩ፣" (1ጴጥሮስ1፤13)

ንዝኮነ ዓይነት ኣገልግሎት። የሱስ ይደልዮ እዩ። "እቲ ህጻን ዓበየ ብመንፈስ ድማ ደልደለ ጥበብ ከኣ መልኦ ጸጋ ኣምላኽ ዉን ኣብኡ ነበረ" (ሉቃ 2፤40)

**ንቁጥባዊ ውሕስነት**

ከምቲ እቲ ጽሑፍ ዘረወ ንድካታት ሃበ ጽድቁ ንዘልኣለም ይነብር ዝብል ኣምላኽ ከኣ ምእንቲ ብኩሉ ኩሉ ሳዕ ዝኣክል ኩሉ ሒዝኩም ንሰናይ ጸብለል ክትብሉ ጸጋ ዘበለ ኣባካትኩም ጸብለል ከብሎ ይከኣሎ እዩ። (2ቆሮንጦስ 9፤8)

ጸጋ ንኣምላኽ ዝገጠመ "ጎበ" ይገጥመና ዘካ 4፤6-7 "ሽዑ ንሱ መለሰ እዚ እቲ ንዘሩባብኤልዝከዉን ቃል እግዚኣብሄር እዩ፣ ብመንፈሰይ እንበር ብክእለትን ብሓይልን ኣይኮነን ይብል እግዚኣብሄር ጎይታ ሰራዊት" ንምሉኡነት ወይ ድሕነት ነብስካ። ሓሳብካን ስሚዕትካን "ደጊም ኣቱም ፉቁራተይእቲ ምእንቲ ጽቡቅ ፍቃድ ኢሏባካትኩም ድሌትን ግብርን ዚገብርሲ ኣምላኽ እዩምከየለኩ ግዳ ኣቲ ዝበዝሐ እንበርከሎኩ ጥራይ ዘይኮነ ኩሉ ሳዕ እተኣዘዝኩሞብፍርሃትን ራዕድን ንምድሓንኩም ፈጽሙ" (ፊሊጲ 2፤12-13)

እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ንኣምላኽ ብምሉእልቢ ምፍላጥ "ብፍልጠት ኣምላኽ ጎይታና የሱስን ኣባካትኩም ጸጋን ሰላምን ይብዛሕ" (2ጴጥ 1፤2) ብዛዕባ ኣምላኽ እንተ ፈለጥካ ንኣምላኽ ግን እንተ ዘፈለጥካዮ ክሳራ እዩ።

**ጸጋ ብዘይ ደም ኪዳን ዘከኣል እዩ**

ጸጋ ፍሉይ ትምኒት ኣምላኽ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጊዜ ጠባይና ዕሽሽ ንክብለሉ ወይ ንሓደ ሓይሊ ዚደሊ ሓይሊ ምሃብ ጥራይ ኣይኮነን፣ ጸጋ የሱስ ቦታና ቀይሩ መርገምና ብበረከቱ ቀይሩ ኪህበና ከሎ ጥራይ እዩ ዝከኣል፣ ሕመቅና ወሲዱ ሓይሉ። መቅጻዕቲ ሓጥያትናን ሕማምናን ወሲዱ ናቱ ቅንዕናን ጥዕናን ይህበና፣ ኩሉ ግዜ ንሕና ካብኡ ጸጋ ክንቅበል ከሎና ንሱ ግን ኣንጻሩ ይረክብ።

**ሕጂ ሓንቲ ደቂቅ ንምልምማድ ጸጋ ውሰድ**

ቡዙሕ መልእክትታት መጽሓፍ ቁዱስ ኣብ ጸጋ ዚጸቅጠሉ ንመልከት እዘን ጽሑፋት ኣዝየን እየን ዝምስጣኒ። መዕጸዊ ሓሳባት ናይ ኩለን መልእክታት እየን፣ ሮሜ 16፣24,1 ቆሮንቶስ 13፣14 ገላትያ 6፣18 ኤፌሶን 6፣24 ፊልጲ 2፣12-13 ቆሎሴ14፣18,1 ተሰሎንቄ 5፣28,2 ተሰሎንቄ 5፣18,1 ጢሞትዎስ 6'21,2 ጢሞትዎስ 4፣22 ቲቶስ 3፣15 ፊልሞን 25 እብራውያን13፣25 1ጴጥሮስ 5፣12,2 2ጴጥሮስ 3፣18 ን እታ መዕጸዊት ክፋል መጽሓፍ ቁዱስ ራእይ 22፣21

# ምዕራፍ 9

# እቲ ደማዊ ፍርዲ

“ድሕሪዚ ነገርዚ ቃል እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ብራኢናብ ኣብራም መጸ፣ ኣምራም ኣይትፍራህ ዋልታካ ምሉእ ካሕሳካ ኣነ እየ። ዓስብካ ኣዝዩ ክበዝሕ እዩ” (ዘፍ 15፣1)

ኣምላኽ ነዛ ቃል “ኣይትፍራህ” ኢሉ ዝጀመራ ክትገርመና ትክእል እያ። ኣብራም ንዓቢ ዓስቢ ደም ኪዳን ካብ ንጉስ ሰዶም መልከጸዴቅ ብጽንብል ኣረጋጊጽዎ፣

ኣብ ብዙህ ጽሑፋት ኣምላኽ “ኣይትፍርሑ” ናይ ምጥርጣር ተክእሎ ከም ዘሎና ምጥርጣር ከኣ ፍርሒ ከም ዘስዕብ ይፈልጥ እዩ፣ ኣብራም ናይ ንጉስ ምድሪ ህያብ ነጺጉ ናይ ንጉስ ሰማያት ዓስቢ ተቀቢሉ።

እዚ ንህይወትና ኣደናቂ ትምህርቲ ብዛዕባ ባህርያት ኣምላኽ እዩ፣ ኣብ ሓይሊ እዛ ዓለም ምሙ-ርካስ እንተገዲፍናዮን ጠጠው ኣቢልናዮን (ሓይሊ ስጋና ዘይገደፈና ኣረጊት ባህርናን ተፈጥረኣዊ ዘቅኑዕነት) ሽው ኣምላኽ ከምቲ ንኣብራም ዝበሎ “ኣይትፍራህ ዋልታካ ምሉእ ካሕሳካ ኣነ እየ። ዓስብካ ኣዝዩ ክበዝሕ እዩ” ክብለና እዩ፣ ብካልእ ኣበሃህላ “ኣብ ንጉስ ሰዶም ገዲፍካ ኣብ ደም ለውጢ ስለ ዝተወከልካ። ብሓቂክባርከካ ናጻ እየ፣ ኣነ ንጉስካ እየ”

ኣብ ዘፍ14 ኣብ መንጎ ኣብራምን መልከጸዴቅንምምሕልላፍ ደም ኪዳን ተገሊጹ። ኣብራም ዕስር ንመለከጸዴቅ ሂቦ፣ እቲ ኣብራም ዚሃቦ ዕሽር ካብ ብዙሓት ካባና ንዓይ ወሲኽካ ከም ዚበልፅ አየ ዝኣምን፣ ካብ ኣቃውማ ናይቲ ተቀባሊ እዚ ዕሽር ንካልኦት ምብራክ ከክእሎ እዩ፣ ካብ ኣቃዉማ ወሃቢ እዚ ዕሽርነቲ ዝተረፈ ዝውንኖ ነገራትን ካብ ብልሽውና ዓለምን ሰይጣንን የንጽሆ።

ኣብራም ስለምንታይ ዕሽር ከከፍል ከም ዝጀመረ ክግምት። ምናልባት መልከጼደቅ ሓቢርዎ ወይ ኣብራም ብባህሪኡ ፈሊጥዎ ወይ ዉን ንጣኦት ከምልክ ከሎ ልማዱ ነይሩ ይከውን፣ እንተኮነ ነዚ ትራይ እየ ክግምት ዝክእል ኣብራም ንድህሪት ናብ መሰረታዊ ሳኦቤን ደም ኪዳን ተመሊሱ ንሱ ኪገብሮ ዝክእል ነገር እዩ ፈቲኑ ከምኡ ከኣ ገይሩ ዘፍጥረት ምዕራፍ 22፣

ኣብራም ብዛዕባ ነብጸዓ ኣምላኽ ሕቶ ነይርዎ እዚ ብዘይ ዉላድ ከመይ ኢሉ ይከውን ኢሉ ከኣ ሓተቶ፣

ዘፍጥረት 15፣2-6 ከምዚ ይብል

ኣብራም ከኣ “ዎ እዝግኣብሄር ጎይታይ ኣነ ውሉድ ዘይብለይ እኪይድ ኣሎኩ።ወራሲ ቤተይ ዚከውን ድማ ንሱ ኣልኣዛር በዓል ደማስቆ እዩ እንታይ እሞ ክትህበኒ ኢካ” በለ

3 ኣብራም ከኣ “ገለ ዘርኢ ኣይሃብካንን እንሆ ድማ ሓደ ኣብ ቤተይ እተወልደ ክወርሰኒ እዩ” በለ።

4 እንሆ ከኣ ቃል እዝግኣብሄር ከምዚ ኢሉ ናብኡ መጸ” ኣይፋሉን ካብ ከስዔካ ዝወጸ እዩ ዝወርሰካ እምበር እዚስ ኣይወርሰካን እዩ” በሎ።

6 ብእግዝኣብሄር ከኣ ኣመነ ንሱ ድማ ጽድቂ ተቆጽረሉ፣

ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ደጋጊሙ ካም መሰረታዊ መወከሲ ቐንዕና ተጠቂምሉ ኣሎብፍላይ ኣብ ሮማውያን ምዕራፍ 4 “ስለዚ ካብ እምነት ኣብራም ንዝኮነ ኩሉ ዘርኢ ከኣ እዩ እንበር ካብ ሕጊ ንዝኮነ ጥራይ ኣይኮነን፣ እታ ተስፋ ምእንቲ ክትጸኖብጸጋ ምእንቲ ክከዉንሲ ብእምነት እዩ ዝከዉን ኣብራም ከኣ ተስፋ ኩሉና እዩ፣” (ሮሜ 4፣16) እቲ ቁኑዕ ኣብ ውዱእ ስራሕ መስቀል ምእማን እዩ፣ ሾኡ ብጸጋ ህይወትና ናብቲ ቅኑዕ ቅድስና ኣምላኽ ክትሰጋገር እያ፣ ኣብ ገላትያ ምዕራፍ 3 ጳውሎስ ንህዝቡ ስርሓቶም ከይጽብጽቡ እንታይ ደኣ ናብ ዕብየት ናይ የሱስ ከግዕዙ ኣጠንቂቅዎም ኣሎ።

**ኣብራም ሕቶ ንምህታት ኣይፈርሀን ነይሩ**

ዘፍጠት 15፣7-11 ከምዚ ይብል ድማ

*7 እዛ ምድሪ ኣዚኣ ንርስቲ ክህበካ ኢለካብ ኡር ከለዳውያን ዘውጻእኩካ ኣነ ኣግዚኣብሄር እየ በሎ፣*

*8 ንሱ ከኣ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ። ኣነ ነዚኣ ከም ዝርስተያ ብከመይ ክፈልጥ እየ በሎ፣*

*9 ንሱ ድማ ሰለስተ ዓመት ዝገበረ ድዑልን ምስ እዚ ከኣ ባሬቶን ርግብን ኣምጽኣለይ በሎ፣*

*10ነዚ ኩሉ ኣምጺኡ ድማ ኣብ ፈፍርቂ ቆረጸነቲ ፈፍርቂ ከኣ ንሓድሕዱ ኣመናጺሩ ኣቀመጦ። ነተን ኣዕዋፍ ግን ኣይቆረጸንን፣*

*11 ናብቲ ስጋ ድማ ኣሞራታት ወረዱ ኣብራም ግና ይሰጎም ነበረ፣*

**ምድላው ጉድጋድ ደም ኪዳን**

ዝተሓርዱ እንስሳታት ኣብ ፈፍርቂ ተመቂሎም ኣብ ዙርያ እቲ ጉድጋድ ተነብሩ ደሞም ከኣ ናብኡ ወሓዘ ክልቲኦም ክፋላት ኪዳን ከኣ ኣብኡ ከም ዝጥሕሉ ተገብረ፣

ኣምላኽ ሕትኡ ቀልጢፉ ኣይመለሶን ብደም ኪዳን እዩ መሊስዎ፣ ምሳና ዉን ልክዕ ከምኡ ከከዉን ኣሎዎ፣ ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ኪገብረልና ጥራይ ንደሊ፣ እንታይ ከም ዘሎና ክንርእይ ከም ኤፌሶን 1፣16-2 ተጻሒፉ ዘሎ ክንጽሊየድልየና፣ዓይኒ ልብና መታን ራእይ ፍልጠት ክንርኢ፣እተን ሰለስተ ክፋላት ናይዘን ኤፌሶን ጽሑፋት ኣምላኽ ክንርእየን ዝደለየና።

1 ዕላምኡ ንጻውዒት ህይወትና

2 በቲ ጽውዒት ዉርሻ ህይወትና

3 ንክሊትኡ ዘጠቃልል ሓይሊ ትንሳኤ!

ኣምላኽ ከምቲ ውዱእ ስራሕ መስቀል ክንርእዮን ክንኣምንን ዝደልየና ልክዕ ኣብራም ዉን ክርእዮ ይደሊ ከም ዚነበረ ይኣምን።

ነዚ ዉዱእ ስራሕ ምስ እንርእዮ ኢና ጻውዒትና ከነድህበሉ እንክእል፣ ከም ኣብ ዮሃንስ ምዕራፍ 15 ነታ ተክሊ ወይኒ ክንህልዋ ወይ ብካልእ ኣበሃህላ ንየሱስ ብምሉእ ልብና ክንስዕቦ ኢና ተጸዊዕና፣መጀመርታ ፍረ ንባህርና። ሸዑ ፍረ ንራእይና። ኣብ መወዳእታ ፍረ ንምስፋሕ እቲ ንግስነት፣ብስራሕ ዘይኮነ ብዝምድናና ምስ ኣምላኽክንምራህ ኣሎና፣ብዙህ ጊዜ ንነገራት ገማጢልና ዝኮነ ነገር ንኣምላኽ ክነገብረሉ ንሓስብ ኢና። ነቲ ኣብ ህይወትና ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝምድና ምስ ኣምላኽ ግን ዕሽሽ ንብሎ፣ ኣምላኽ ነዚ ኣይጸወሮን እዩ! ሽሙ ሓቂ እዩ ብዘይ ምሉእ ሓቂ ን ኣምላኽ ክንርእዮን ራኢኡን ፍልጠቱን ክንቅበል ኣይንክእልን ኢና፣

**ኣምላኽ ኣብ ጸልማት ኣብ ጉድጋድ ይዛረብ**

ዘፍጥረት 1512-17 ከምዚ ይብል

*12 ጸሃይ ክትዓርብ ከላ ድማ ንኣብራም ከቢድ ድቃስ ወደቆ፣ እንሆ ከኣናይ ብሩኣ ጸልማት ስንባደ ወደቆ፣*

*13 ንኣብራም ድማ በሎ። ንዘራካ ኣብ ዘይምድሮም ስደተኛታት ኮይኖም ከም ዝገዝእዎም ኣርባዕት ሚኢቲ ኣመት ድማ ከም ዘጨንቅዎም ኣርጊጽካ ፍለጥ፣*

*14 ነቲ ዝግዝእዎ ህዝቢ ድማ ኣነ ክፈርዶ እየ፣ ድሕሪዚ ንሳቶም ብዙሕ ገንዘብ ሒዞም ክዎጹ እዮም፣*

*15 ንስካ ግና ብሰላም ናብ ኣቦታትካ ክትከይድ ኢካ። ብጽቡቅ እርጋን ድማ ክትቅበር ኢካ፣*

*16 ዓመጽ ኣሞራውያን ገና ኪሳብ ሒጂ ኣይመልኣን እሞ። ኣብ ራብዓይ ወለዶ ናብዚ ክምለሱ እዮም፣*

*17 ኮነ ድማ ጸሓይ ምስ ዓረበት። ግብ ዝበለ ጸልማት ከኣ ምስ ኮነ። ኣንሆ ድማ ዝተክከ እቶንን ሃልሃልታ ሓዊን ብመንጎ እቲ ቆረርጽ ሓለፈ፣*

እዞም ዝስዕቡ ካብቶም ብብዝሒ ኣብ ጉድጋድ ደም ኪዳን ዘጋጠሙ ዘሎዉ እዮም፣ ናፍሲ ወከፍ ክፋል ባርኮት ኣንዳ ኣወጀ ናብቲ ጉድጋድ ይከይድ ደም ኪዳን ኣተ ተሓልዩ ወይ ከኣ መርገም እንተ ዘይተሓልዩ። ንሃድህዶም ምስ ተራከቡ ከዳውንቶም ኣጽዋርም ሓደራታቶም ንሓንሳእ ካትምን ምልከታቶምን ሓይሎምን ድካሞምን ይላወጡ፣ ካ ኣሕዋት ንላዕሊ ዉንከቅራረቡ እዮም፣

## ስለምንታይ ኣምላኽ ንኣብራም ከም ዝድቅስ ገይርዎ?

ኣብራም ንመርገሙ ብበረከት ንምልዋት በቲ ደም ኪዳን ጉድጋድ ሓሊፉ ነይሩ ተዝከውን ኣይምኮነሉን ነይሩ ምክንያቱ ኣብራምነቲ ውዕል ከክብሮ ኣይምከኣለን፣ ነቲ መብጽዓ ምጠለሞ ወይ ተወሓደ ደቂ ምስ ጠለሙ። ብርግጽ ኣነን ንስኩምን ናቱ መንፈሳውያን ዉላድ ጠሊምና ኣሎና።

ኣምላኽ ነዚ ብከመይ ይርእዮ፣ ከመይ ገይሩ እዩ ነዚ ሓዲጉ ንኣብራም ነዓይ ንዓኩም ዝባረከና?

እቶም ክልተ ሰባት በቲ ጉድጋድ ዚሓለፉ መንፈስ ቁዱስ ምካኖም ይእመን ኣሎኩ፣ ኣብን ወልድን ንዓይን ንዓኩምን ንኣብራምን ወኪሎም! ነዚ ኣስተብህል እቶም ክልተ ሰባት "ብዝተከከ እቶን" "ሃልሃልታ ሓውን" እዮም ሓሊፎም ኣብራም ከኣ ኣዚ ኩሉ ብድቅሱ እዩ ርኢዎ ወላ ሓደ ኣይገበረን፣

ናይ እብራይስጢ ትርጉም "ዝተከከ እቶን" "ሃልሃልታ ሓውን" ንመኣተ ኣግዚኣብሄር  ዝውክላ ይመስላ፣ እዚ ኩሉ መዓት ኣብ ጎይታና የሱስ እዩ ወሪዱ መታን ንሕና በረከት ክንረክብ፣ ኣብዚ ቅድመ ራእይ ናይ ጉድጋድ እዉን ንሱ እዩ ተፈጺሙ፣

ከምቲ ኣብ ዘፍጥረት 12-15 ተገሊጹ ዘሎ። ብዙሓት ጽሑፋት ኣምላኽ ከም ዘይቅየር ይነግሩና ያኣቆብ 1፣17 ከምዚ ይብል "ጽቡቅ ውህበትን ምሉእ ውህበትን ካብ ላዕሊ እዩ፣ ካብቲ ለውጢ ወይስ ምምልላስ ጽላሎት ዘይብሉ ኣብ ብርሃናት እዩ ዝወርድ" የሱስ ቅድሚ ምምስራት ዓለም ከም ዝተሰቅለ ንፈልጥ ኢና (ራኢ13፣18) ኣብ ዮሃንስ 8፣56 የሱስ ኣብርሃም መዓልተይ ረኣየ ይብል፣

እቲ ቀጥታዊ መልእኽቲ ነዚ ይመስል "ሕራይ ውሉደይ ዕላማይ ኣብዛ መርየት መታን ክገብር  ውላድ ክህበካ እየ እቲ ዕላማይ ሰባት ካብ ሰይጣን ብዋጋ ምዕዳግ እዩ እዚ ግን ህይወት ሓደ ወደይ ክወስድ እዩ ምክንያቱ ንሱ ጥራይ እዩ ከምኡ እቲ ብቁዕ ኪዳን ክኣትወሉ ዝክእል። ንስካ በዚ ጉድጋድ እንተ ከይድካ ክትወድቅ ኢካ ብዘይ ውሉድ ዉን ክትከውን ኢካ እቲ መሲሓይ ዉን ንዓካ ዉን ንውላድካ ከድሕነካ ኣይክእልን እዩ ግን ንሱ የሱስ ኣብ ክንዳካ እንተ ሓለፈ ወላ ንስካን ወድካን እንተ ወደቅኩም ወደይ ኣብ ክንዳኩም ክምውት እዩ" እዚ እዩ እቲ ጽቡቅ ዜና!

## ኣምላኽ ከመይ ገይሩ ኣብ ክንዲ ዉሉድ ኣብርሃም ከመውት ይከኣሎ?

ኣምላኽ ከውለድ ነይርዎ "ብመጀመርታ ቃል ነበረ። እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ እቲ ቃል ዉን ኣምላኽ ነበረ እዚ ብመጀመርታ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። እቲ ቃል ዉን ኣምላኽ ነበረ፣ ብእኡ ኩሉ ኮነ ካብቲ ዚኮነ ድማ ብዘይ ብኡኡ ዝኮነ የለን፣ህይወት ኣብኡ ነበረት እታ ህይወት ድማ ብርሃን ሰባት ነበረት እቲ ቃል ስጋ ኮነ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ከኣ ኣባና ሓደረ ክብረቱ ድማ ከምቲ ሓደ ወዲ ነቡኡ ሬኤና" (ዮሃንስ 1፣1-4, 14)

ኣተን ንጥፈታት ኣብራም ነቲ ጽምብል ደም ኪዳን እዘን ዝስዕባ እየን ነይረን፣

1 ፍቃድ ኣምላኽ መሊኡ ነቶም እንስሳታት ምቁራጽን ምድላውን

2 ነቶም ጉሒላታት ካብ መብጸዓ ከርሕቆምን ክሕልዎምን (መንፈሳዊ ቕልስ)   ብድሕሪኡ ደቀሰ

3 ነቲ ዘይእመን ከኣምን። ነቲ መብጸዓ ኣምላኽ ህይወት ሓደ ወዱ ንኣብረሃም ንምድሓን ዝሃቦ፣

ኣብራም ዉላድ ዘይምንባሩን፣ ሮማውያን ምዕራፍ 4 እምነት ኣብራም ልዕሊ ናይ ሰብ ከም ዝነበረ ይገልጸልና፣ ን ኣምላኽ ኩሉ መብጸዓ ከም ዝፍጽም ወላ ከቢድ እንተመሰለ ከም ዝፍጽሞ ግን ይኣምን ነይሩ፣ ናይዚ ቅያር ዉሉድ ኣብርሃም መንፈስ ቁዱስ (ህላወ ኣምላኽ ኣብ ህይወቶም) ከም ዝቅበሉ መብጸዓ ኣትይሉ፣

## ኣምላኽ ብዛዕባ ዕላማ ኪዳኑን መብጽዕውን ይዛረብ

ዘፍ 15፣18-21 ከምዚ ይብል

*18 በታ መዓልቲ ከኣ እግዚኣብሄር ምስ ኣብራም ከምዚ ኢሉ ኪዳን ኣተወ እዛ ምድሪ እዚኣ ካብ ርባ ግብጺ ክሳብ እቲ ዓቢ ርባ ። ሩባ ኤፍራጥስ፣*

*19 ምድሪ ቄኔውያንን ቄኒዛውያን ቃድሞናውያንን፣*

*20 ሂታውያንን ፈርዛውያንን ፌፋውያንን፣*

*21 ኣሞራውያንን ከነኣናውያንን ጊርጋሳውያንን ደቡሳውያንን ንዘርእካ ከህቦም እየ፣*

**ኣገዳስነት ናይ ደም ኪዳን እንታይ ነበረ?**

**ኣብራም እንታይ ርእዩ? ሓቀኛ ትርጉሙ ከ ኣንታይ ነበረ?**

ነቲ ጉድጋድ ደም ምስጋር እቲ ሰብ ኣይ ኣብቲ ጉድጋድ ዝነበረ ዘርኢ ኣብርሃም (የሱስ) ግን ኣምላኽ ዉን እዩ፣ ኣብርሃም ብዉሽጡ ኣንታይ ኢሉ ይሓስብ ነይሩ? ኣብራም ይቅረ ተባሂልሉ ማለት ኩሉ ሓጥያቱ። ጠባዩ ሰባዉነቱ ተሓዲግሉ፣ እዚ ልዕሊ ሓጥያት ምግዳፍ እዩ፣ ንኣብነት ዕቡያት ንከውን ኣብ ህይወትና ውድቀት ምስ ዘጋጥመና ከም ተባይ ኣምላኽ ምስ ዘይንከውን ይቅረ ይበሃለልና ወላኮ ናይ ኣምላኽ ሕጊ ኣንተ ጠሓስና፣ እንተ ኮነ ዝዓበየ ይቅረ ምባል ዝተቀበልናዮካብ ሓጥያትና ጥራይ ዘይኮነ ግን ሓጥያታዊ ባህርና ዉን ተኣልዩልና እዩ፣ ማለት ኣረጊት ስጋዊ ባህርና ተኣልዩ “ይቅረ ምባል” ንየሱስ ተዋሂቡ ንሕና ከኣ ናቱ ባህሪ ተዋሂብና።

**ራኢይ ምስ ተቀበልና ሽዑ ሓቀኛ ባህርና ክፍለጠና እዩ፣**

ሓቀና ኣንታይነትና ምስ ፈለጥና ህይወትና ቀስ ብቀስ ብቅድስና ኣምላኽ ክስተካከል እዩ። ከምዚ ምስ ኮነ ንሳይጣን ክንቃወሞ መንፈሳዊ ሓይሊ ቅልስ ንስድራና ንዓለምን ንዓናን ክንቃለስ ኢና። ሰለስተ ነገራት የድልየና ኮፍ ምባል ምካድን ደው ምባልን። (ኤፌ2፣6, 4፣1, 6፣11)

ምሙካር መንነትና ካልእ ሳዕቤን ዉን ኣሎዎ፣ ድሕሪ ደጊም ሓጥያትናን ሕማምናን ኩሉ ሽግርናን ናትና ኣይኮነን ኩሉ ናቱ እዩ። ጉድለታትና ዉን ናቱ እዮም።

**እቲ ሓቀኛ ናይ መወዳኢታ ሙብጸዓ ንኣብራም እንታይ ነበረ?**

ገላትያ 3፣13-14 ኣብራም ንወለዶ ኣብራም *መንፈስ* ቅዱስ ከም ዝተመጸብዓሎም ይነግረና፣ እዚ እንታይ ማለት እዩ? *መንፈስ* ቅዱስ እንታይነት ኣምላኽ ሙካኑ ኣምላኽ ከኣ ንሱ ባዕሉ ብ*መንፈስ* ቅዱስ ዉርሻ ኣብራም ብደም ኪዳን ከም ዝኮነን *ያመን* ኣሎኩ ፣ በቲ ካልእ ሸነክ ዉርሻ ኣብራምን *መንፈስ* ኣብራምን ወለድኡን ካብ *መንፈስ* ኣምላኽ ዝተፈልየ እዩ፣ እዚ እዩ ንየሱስ ኣብ መስቀል ዘጋጠሞ። *መታን* ኣነን ንስኩምን ወረስቲ ኣምላኽ ክንከውን ካብ ኣቦን *መንፈስ*ቅዱስን ተፈልዩ።

“ንሕና ነቲ ተስፋ *መንፈስ* ብእምነት ክንቕበሎ እቲ በረከት ኣብረሃም ዉን በሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ክከውንሲ ኣብ ዕንጸይቲ ዝስቀል ዘበለ ርጉም ኣዩ። ተጻሒፉ ኣሎ እሞ ክርስቶስ ምእንታና ክብል መርገም ኮይኑ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና፣” (ገላትያ 3፣14)

እቲ ሓቀኛ ሙብጸዓ ኣብርሃም ንዓይ ንዓኩም *መንፈስ* ቅዱስ እዩ። ብካልእ ኣበሃህላ ባህሪ ጠባይን እንታይነትን ናይ ኣምላኽ ናብ ደቂ ሰባት ብውሑዱ ናብ ዘርኢ ኣብረሃም (ነዞም ዝኣምኑ ከምናይኣብርሃም እምነት ዘሎዎም) ተዋሂቡ ማለት እዩ።

**እዚ እቲ ዝዓበየ ልውውጥ ናይ ባህሪ ኣዩ!**

እዚ እዩ እቲ ናይ *መወዳእታ* መስመር ናይ ልውውጥ ደም ኪዳን *መንፈሱ* ምስ *መንፈስና*። ነቲ ኣዳም ዘጥፈኦ ምምላስ ጥራይ ኣይነበረን፣ ኣዳም ቅድሚ ክርስቶስ ምስቃሉ *መንፈስ* ኣምላኽ ሓዲግዎ ነበረ። ሕጂ *መንፈስ* ቅዱስ ድሕሪ ስቅለት ክርስቶስ ተዋሂቡና ኣሎ ከምኡ ዉን እንታይነት ክርስቶስ ኣብ ልዕሊኡ ዕብለላ ሰይጣን ኮነ ሞት ዘይብሉ ስሙ ንዘልኣለም ዝተመስገነ ይኩን!

ዉሩሻና ባርኮት ኣምላኽ ጥራይ ኣይኮነን ( ምፍዋስ፣ ሕፍረት ምእላይ፣ ናይ ኣረጊት ባህርና መርገም ምእላይ) ልዕሊኡ እዩ ገሊጽካ ዘይዉዳእ ዉሩሻና ክርስቶስ ባዕሉ ብመንፈሱ እዩ።

ንሙሴ "ኣነ እየ" ንኣብራም "ኣነ እየ ኣብዚ ጉድጋድ ሕጂ ምሳካ ዘሎኩ። መርገምካ ወሲደ በረከተይ ከህበካ ይምሕል ኣሎኩ" ከም ዝበሎም ሕጂ ዉን ንዓና ከምኡ ይብለና ኣሎ "ኣብዚ ጉድጋድ ምሳኩም ኣሎኩ ድካምኩም። መርገምኩም ተቀቢለ በረከተይ ይህበኩም ኣሎ።" ኣምላኽ ክሕሱን ክቅየርን ኣይክእልን እዩ።" ስለዚ ከኣ ኣምላኽ እቲ ምክሩ ከም ዘይልወጥ ነቶም ወረስቲ ተስፋ ኣዝዩ ክርእዮም ምስ ደለየ ብማሕላ ኣብ ሞንጎ ኣተወ" (እብራውያን 6፣17) እዚ ምሉእ ካብ ኮነ። እዚ ደም ኪዳን ንኩሉ ዘርኢ ኣብርሃም ዘጠቃልል ኣንተኮይኑ እቲ ዘርኡ ከኣ ክርስቶስ ካብ ኮነ ኣነ ከኣ ክርስቶስ እንተሎኒ ንምንታይ እዚ ንዓይ ዘይሰርሓለይ ዝብል ሕቶ ከመጸኩም ይክእል እዩ።

ክከኡ ምሕታትኩም ሕጉስ እየ። እዚ ኩሉ ነገር ኣዝዩ ጽቡቅ ስለ ዝኮነ ከመይ ገይሩ ሓቂ ይከውን ወይ ከኣ ኣነ ነዚ ዓቢ ለውጢ ብቁዕ ኣይኮንኩን ኢልኩም ትሓስቡ ትኮኑ ወይ ከኣ ምናልባት ነዚ ሰሚዕኩም ንካልኦት እዩ ዝከውን ኢልኩም ትኮኑ ገሌኩም ዉንእዚ ኣዝዩ መሰረታዊ እዩ ነዚ ዘብርህ ናይ እምነት ግንጢ እዩ ትብሉ ትህልዉ ወይ ዉን ፈጽምኩም ዘይሰማዕኩም ትኮኑ፣ እዚ ወንጌል እዩ፣ እቲ ጽቡቅ ዜና!

**ኣስተብህሉ**

1 ደም ኪዳን ኣባና ተፈጺሙ እዩ፣ ዝተረፈ ብሕጂ ዝምላእ የለን።

2 ወላኮ መብጸዓ ኣብርሃም ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 15 እንተሃለወ ግሉጽ ዉደቀት ዝህልወሉ ጊዜ ከም ዝህሉ ኣምላኽ ነጊርዎ እዩ፣እስራኤል ናብ ባርነት ግብጺ ን 400 ዓመታት ከም ትኣቱ ደሓር ግን ናጽነት ከም ትረክብ ነጊርዎ።

3 ኣምላኽ ስርሑ ኣብ መሰረት ሞትን ትንሳኤን እዩ ዝሰርሕ፣ ሓደ ብዘይ ቃንዛ ሞት በረከት ትንሳኤ ክረክብ ኣይክእልን እዩ።

4 ኣብ ተሞክሮ "ሞት" ኣብ ጉዕዞ ምስ የሱስ ቅርሕንቲ ምስ ተጻራሪ ውርሻና ሰይጣንን ማሕበር ዉዱቃት መላእክትን ከም ዘሎ ከተስተብህሉ ኢኩም፣ ኣብራም ነቶም ጉሓላሉ ካብ ጽምብል ደም ኪዳን ከሳጉጎም ተነጊርዎ፣ እዚ ንዓና መርኣያ ኣንጻር ቶም ዉርሻና ክክልክሉና ዝፍትኑ ደው ክንብል ከም ዘሎና እዩ፣

5 ንደም ኪዳን ከምቲ ኣብ ልብና ዝተተከለ ቃል ኣምላኽ ብተግባር ክንወርሶ ኣሎና ማርቆስ ምዕ 4 የዉሃንስ 6፣13 ነዚ ሓሳብ የረጋግጽ እዩ፣ ማርቆስ 14 ኣብ ምስሌ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ገሊጽዎ ከም ዘሎ የሱስ ዘርኢ ኣብ ሓደ ለይቲ ቦቂሉ ከም ዘይሃድር ተዛረበ። ኣብ ፍቅዲ 4፣23-24 ባዕሉ ገሊጽዎ ከም ዘሎ። ናይ ምስማዕ ሓላፍነት ኣሎና እንታይ ከም ንሰምዕ ዉን ሓላፍነት ኣሎና ማለት ንእንሰምዖ ምእዛዝን ከም ዘርኢ ኣብ ልብና ምሓዝን ኣብ ማርቆስ 4፣26-32 የሱስ ዘርኢ ኣዝዩ ንእሽተይ ከም ዝጅምር የጠንቅቀና፣ ጊዜ ወሲዱ ከኣ ናብቲ ዝተደልየ ፍረ ይዓቢ።

6 ማርቆስ 4፣14-20 ሰይጣን ንዘርኢ ቃል ኣምላኽ ክሰርቀና ኩሉ ዝከኣሎከገብር እዩ። ብመንፈሳዊ መስርሕ ቃልሲ ብቀጻሊ ሞትን ትንሳኤን ምሕላፍ "ምስዓር" ይበሃል እዚ እዩጻዊኦኢትና ኣብዛ ምድሪ፣

ኣብ ደሴት ጳጥሞስ ዮሃሃንስ ሓንቲ ኣገዳሲት ሓሳብ ንነፍሲወከፍ ድሕሪ-ትንሳኤ ቤተክርስትያን ኣብ መጽሓፍ ራኢ ተዛሪቡ ኣሎ፣ ንነፍሲወከፍ መልእክቱ ዕዉታት ከም ዝኮኑ ብዝገልጽ መልእክቲ እዩ ዓጽዩዎ፣ እዚ ጸውዒት ኣምላኽ ንዓና ከምዚ ዚብል እዩ፣"ዝኮነ ሰብ ነዚ ናይ ምስዓር ኣገልጉሎተይ ይኣትዎ ዶ ጽቡቅ ዓስቢ ጽቡቅ መከሰብ ዘፈር ክዳን ውሕስነት ህይወት ዘልኣለማዊ መብጸዓ ክትረክቡ ኢኩም ንግዚኡ ግን ዘይክጥዕመኩም ይክእል ርኢኩም ከምቲ ንኣብርሃም ዝተመጻባዕክሉ ኣብ ልዕሊ ጸላእትኩም ዓወት ረኪበ እየ ሕጂ ግን ንብስይ ነቲ ዓወት ኣብ ልዕሊ ኩነታት ጸላእን ኣብ ውሽጢ ጽልዋ መንግስቱን ነቲ ዓወት ክትለማመዶ ኣልዋ ግን ኣይትፍርሁ!" እቲ ዝዓበየ ሓላፍነት መንፈሳዊ ቅልስና። ኣብ ናይ ኣምላኽ ኣዋጅ ናብ መንፈሳዊ ጸላኢና ይምርኮስ፣

**እቲ ጽቡቅ ዜና መሰረታዊ እዩ!**

ሰብኣውነትካ ብምሉእ ምስ መንፈስ ቅዱስ ወይ ብመንፈሱ ምልዋጥ እዩ። እዚ ዓቢ ናይ መንነት ምልውዋጥ እዩ። እንተኮነ ኩሉ ሰብ መሰረታዊ ለውጢ ኣይገብርን እዩ ገለ ኣያምኑን ገለ ህኩያት ገሊኦም ከኣ ብቀሊሉ ኢዶም ይህቡ ሰይታን ከኣ ነቲ የሱስ ናብ ልቦም ዝዘርኦ ቃል ይሰርቆ።

**ኣብዚ ጽሑፍ ዘሎ ንኣምላኽ ከም ጎይታ ኣብራም እዩ ዝውክል**

# ምዕራፍ 10

## መልሲ ኣብራም ነዚ ኪዳን


ኣምላኽ ከም ሮቦታት ኣይፈጠረናን፣ ምርጫናን ናጽነትናን የኽብሮ እዩ፣ ንወለሓደ ብሓይሉ ኣየገድድን። መንፈስ ቅዱስ ብተምሳል ርግቢት እዩ ተገሊጹ መታን ነዓና እንተ ሰጉግናዮ ቢከሊል ከም ዚሃድም ከራኢ፣

ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 15 ኣብራንም ኣብ ደም ኪዳን ንእሽተይ ተራ ከጻወት እዩ ተጸዊዑ፣እቶም ክልተ ተምሳል ኣምላኽ በቲ ጉድጓድ ኪሓልፉ ከሎዉ ግን ደቂሱ እዩ ነይሩ።

እንተኮነ ኣብ ምዕራፍ 17 ኣብራም ንጡፍ ተሳታፍፊ ናይቲ ኪዳን ኮይኑ፣ኣዚ ብድሕሪ ኣብ ምዕራፍ 16 ዘሎ ክፋል ስለ ዝኮነ ኣገዳሲ እዩ፣ ምውላድ እስማኤል ካብ ኣገልጋሊት ሳራ ኣጋር፣ ኣምላኽ ነዚ ዛንታ ነዓና ብዛዕባ ሓደጋታት ስራሕ ስጋና ንምጥንቃቅ ይጥቀመሉ፣ ንኣምላኽ ኣብ መብጽዕኡ ንሕግዞ ኣሎና ኢልና ብኢደ ዋኒንና ገለ ኪንገብር ከም ዘይብልና ኒሕግዞ ኣሎና ኢልና ብቀሊሉ "ኢስማኤል" ኪንፈጥር ንክእል ኢና፣ ነዚ ንምውጋድ ብዛዕባ ናይ ኣምላኽ ፍረ መደም ክንመሃር ኣሎና። (ዕቤት ወይ ሞት ንእትብል መጽሓፍና ተመልከቱ)።

ኪዳን ኣምላኽ ክልተ ክፍልታት ኣሎዎ ወላ እኮ ነቲ ዝዓበየ ስራሕ ባዕሉ እንተሰርሖ ገና ባዕልና እንሰርሖ ስራሕ ኣሎ። ንሱ ከኣ ነጻ ምርጫና ተጠቂምና ንዕዑ ምቅባል እዩ። እዞም ግብረ መልስታት ኣብዚ ምዕራፍ ንዝትዮም ሓይሊ መስቀሉ ጸግኡ ፍሪኡ ናብ ጽልዋ መንግስትና ከማልኡልና እዮም፣

መስቀልና ሓይሊ ኪዳን መስቀሉ




ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 17፣1-14 ኣምላኽ መብጸዓታቱ ንኣብራም የሐዲስሉ ኣሎ።

*1 ኣብራም ወዲ ተሶዓን ትሽዓተን ዓመት ምስ ኮነ እፍዚኣብሄር ተራእዮ ኣነ እቲ ኩሉ ዝካል ኣምላኽ ኣየ ኣብ ቅድመይ ተመላለስ ፍጹም ከኣ ኩን፣*

*2 ኪዳነይ ኣብ ሞንጎይን ኣብ ሞንጎኻን ከቅዉም እየ። ኣዝየ ውን ከብዘሓካ እየ በሎ፣*

*3 ኣብራም ከኣ ብገጹ ተደፍአ ኣምላኽ ድማ ከምዚ ኢሉ ተዛረበ*

*4 እንሆ ኣነስ ኪዳነይ ምሳካ እዩ። ንስካ ኣቦ ብዙሓት ህዝብታት ክትከውን ኢካ፣*

*5 ኣቦ ብዙሓት ህዝብታት ገይረካ እየ እሞ። ኣብርሃም እንበር ደጊም ስምካ ኣብራም ኣይጸዋእ፣*

*6 ኣዝየ ከፍርየካ እየ። ህዝብታት ከም ትከውን ድማ ከገብረካ እየ። ነገስታት እዉን ካባካ ከም ዝወጹ ከገብር እየ፣*

*7 ኣነ ኣብ ሞንጎይን ኣብ ሞንጎኻን ኣብ ሞንጎ ዘርእካን። ብድሕሬካ ድማ ኣብ ወሎድኦም ኪዳነይ ከቅውም እየ፣ ኣነ ንኣካን ብድሕሪካ ድማ ንዘራካ ኣምላኽ ከም ዝኮንኩ እዚ ናይ ዘልኣለም ኪዳን እዩ፣*

*8 ኣዛ ምድሪ ስደትካ። ኩላ ምድሪ ከንኣን ንኣካ ብድሕሬካ ድማ ንዘርእካ ንርስቲ ዘላኣለም ከህብ እየ፣ ኣምላኮም ድማ ከከውን እየ፣*

*ሕጂ ኣምላኽ ንኣብርሃም ኣድ በም ኪዳን ናቱ ጊደ ከሕሉ ይሓቶ*

*9 ኣምላኽ ድማ ንኣብርሃም በሎ። ንስካ ከኣ ኪዳነይ ክትሕሉ ኢካ፣ ንስካን ብድሕሬካ ዉን ዘርእካ ኣብ ወለድኦም ትሕልዉ፣*

*10 እ ኣብ ኦንጎይን ኣብ ሞንጎኻን። ብድሕሬካ ድማ ኣብ ዘርእካ ዘሎ እም ንርስትኩም እትሕልዉዎ ኪዳን እዚ እዩ፣ ኣባካትኩም ኩሉ ተባዕታይ ዘበለ ይገዘር፣*

*11 ስጋ ዕልቦኩም ግዘሩ። ኣዚ ድማ ነቲ ኣብ ሞንጎይን ኣብ ሞንጎኹምን ዘሎ ኪዳን ምልክት ክከዉን እዩ፣*

*12 ኣባካትኩም ወዲ ሸሞንተ መዓልቲ ተባዕታይ ዘበለ ኩሉ ኣብ ወለዶኩም ኣብ ቤት ኣተወልደን ካብ ማንም ካብ ዘርእካ ዘይኮነ ብገንዘብ ኣተዓደገ ወዲ ጋና ይገዘር፣*

*13 ኣብ ቤትካ እተወልደን ብገንዘብ እተዓደገን ብግዲ ይገዘር፣ ኪዳነይ ኣብ ስጋኩም ኪዳን ዘልኣለም ክከዉን እዩ፣*

*14 ዘይተገዘረ ተባዕታይ ስጋ ዕልብኡ ዘይተገዘረ እታነፍሲ እቲኣ ኪዳነይ ኣፍሪሳ እያ እሞ ካብ ህዝባ ክትሙንቀስ እያ፣*

**እዚ ኣብ ህይወትና ከመይ ይትግበር?**

ኣብርሃም ንበረከት ክከዉን እዩ ዝተባረከ፣ ኣምላኽ ንዕኡ ኮነ ንዓና ብዳግም ምውላድ ዝባረከና ናብ ኣረጊት ባህርና ክንምለስ ኢሉ ኣይኮነን፣ ንኣልኦት ንበረከት ክንከውን ኢሉ ኣዩ ባሪኩና። ባህሪኡ ሂቡና ብመንፈሱ መታን ስርሑ ኣብ መሬት ክንሰርሕ፣ እዚ ክንገብር ግን ኣይግድደናን እዩ ናጻ ምርጫ ኣዩ ሂቡና።

ስለምንታይ ሰባት ናኣምላኽ ብሕጽረት ዝቅበልዎ። ብኣናን ኣባናን ዝደለዮ ኪገብር ዘይፈቅዱ ክገልጾ ኣይክእልን እየ፣ ኩሉ ግዜ ናትና ምርጫ ከም ዘሎና ምርጫና ከኣ ኩሉ ግዜ ካብ ፍቅሩ ወጻኢ ከም ዝኮነ ይኣምን እየ፣ ብርግጽ መዓልታዊ ብዝገብረለይ ነገራት የመስግኖ እየ፣ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ብበደልን ኩነኔን ብፍቅሪ ስሕበና እዩ ዝመርጽ፣ ጌና ገለ ሰባት ኣይሰምዑን እዮም።

**ሓደ ዓቢ ኣብነት ኣብ መጽሓፍ ሆሲእ ንረክቦ፣**

ኣምላኽ ሚስ እስራኤል ኣዝዩ እዩ ተዓጊሰዎም ኣብዚ ባኣመንዝራ ተመሲላ ኣላ ንሱ ግን ብፍቅሪ የቀባትረላ ኣብ መወዳእታ እግዚኣብሄር ነዚ ዝስዕብ ትንቢት ተነብዩ ናስራኤል ንዓይ ንዓካ።

"ኩራይ ኣብኡ ተመሊሱ እዩሞ ኣነ ንፕልመቶም ከሕዊ ብልቢ ከፍቅሮም እየ ኣነ ንእስራኤል ከም ኣውሊ ይኮኖ ንሱ ከም ዕምበባ ይዕምብብ ከም ሊባኖስ ከኣ ሰራውሩ ይሰድድ ጨናፍሩ ይዝርጋሕ ምጽባቑ ከም ኣውሊዕ መኣዝኡ ድማ ከም ሊባኖስ ይከዉን እቶም ኣብ ትሕቲ ጽላሉ ዝነብሩ ይምለሱ ብስርናይ ይብርትዑ ከም ተክሊ ወይኒ ይዕምብቡ መዘከርትኡ ከም ወይኒ ሊባኖስ እዩ፣ ዎ ኤፍራታ ደጊም ከ ኣነ ምስ ጣኦታት ኣንታይ ኣሎኒ ኣነ ሰማዕክዎ ናብኡ ድማ ክጥምት እየ ከም ዝለምዐ ጽሕዲ እየ ፍሬካ ካባይ እዩ ዝመጽእ"(ሆሴእ 14፤4-8)

ኣምላኽ "ሓንሳእ ምስ ረኣዩኒ ካብ ኣምልኮ ጣኦት ክምለሱ እዮም" ይብል ነጥብታት ቀዳማይ ኪዳን ንሓቀኛ ግዝረት ማለት ግዝረት ልቢ፣ ሓድሽ ኪዳን' ዉን ነዚ እዩ ዘረጋግጽ ብከምዚ እዩ እዚ ኣርእስቲ ኣባና ዝሰርሕ። ዘዳግም 30፤6 "እዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኩሉ ልብካን ብኩሉ ነፍስካን ምእንቲ ከተፍቅሮ እም ብህይወት ክትነብርሲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ልብካን ልቢ ዘርእካን ክገዝር እዩ"።

ኣስተውዕል ዕላማ ናይዚ ግዝረት እዚ ንስኩምን ዉሉድኩምን ንጎይታ ብሙሉእ ልብኩምን ነብስኩምን መታን ከተፍቅርዎ ክትነብሩ እዩ። ምንፈሳው ግዝረት ኣብ ውሽጢ ሽፋን ቆርበት ልብኩም እዩ። መንፈሳዊ ቅድመ ፍጥረታዊ ሓይሊ። ከምቲ ንውሉድ ኣብረሃም ንውሉድኩም ከም ዝመሓላለፍ ፍለጡ።

**ሓድሽ ኪዳን መንፈሳዊ ግዝረት እዩ ዝገልጽ፣**

“እቲ ብውሽጡ ኣይሁዳዊ ዝኮነ ግናንሱ ኣይሁዳዊ እዩ። እታ ግዝረት ከኣ ግዝረት ልቢ ብመንፈስ እያ እንበር ብፊደል ኣይኮነትን። እቲ ንእዶኡ እዉን ካብ ኣምላኽ እዩ እምበር ካብ ሰብ ኣይኮነን” (ሮሜ 2፣29) መንፈሳዊ ግዝረት ኣረጊት ባህርና ማእላይን ብቅዱስ መንፈስ ምትካእን እዩ፣እቲ ቃል ኣብ ቆሎሴ መንፈሳዊ ግዝረት ዘደንቅ ህያብ ኣምላኽ ከም ዝኮነ ይነግረና። ህያብ ጥራይ ዘይኮነ ዝያዳ ስለ ዝኮነ ሓንሳብ ኣብ ሓድሽ ምውላድ ጥራይ እዩ ዘጋጥም። እዚ ሓቂ ክከውን ከሎ ልክዕ ከም ኣብራም ነዚ ዓቢ ናይ ደም ኪዳን መንፈሳዊ ግዝረት ብምግባር ከነረጋግጾ ኣሎና። እዚ ብርግጽ ዉዱእ ስራሕ ምካኑ ክንኣምን ኣሎና። ኣምላኽ ንመንፈስና ልብና ብሓድሽ ምውላድ ገዚርዎ እዩ። ኣንተኮነ ኣረጊት ነፍስና ምስዚ ይጻረር እዩ፣ ሓሳብና ማሪክና ናብ መስቀል ከነምጽኦ ይግበኣና ነዚ ኣብ ዝቅጽል ክንዛረበሉ ኢና። ኣምላኽ ንኣብራም ተዘይሓሊዎ እቲ ኪዳን ከም ዝፈርስ ነጊርዎ፣ እዚ ምስቲ ደማዊ ጉድጋድዳብዝ ፍርረት። ኣምላኽ ኩሉ ነገር ዝገበረሉ ኣወዳዲርካ ዘደንጹ ኮይኑ ይስመዓካ።

እዞም ጽሑፋት ኣብ ቆሎሴ ኣብ ሞንጎ ነቲ ናጻ ህያብ ምፍላይን ኣብ ውሽጡ ምጉዓዝን (ምቅባሉ፣ ምእማኑ፣ ምትግባሩ) ዘሎ ምምዕርራይ ይሕብረና። ንሕና እኳምና ተዘይገይርና ነብስና ምውፋይን ነቲ ዳም ኪዳን ንሕደግ ኣሎና። ብዙሓት ሰባት ብኣምላኽ ዝተሓድጉ ኮይኑ እንዳተሰምዖም ንነብሶም ኣብ ትሕቲ ባርነት ይረክብዎ፣ ኣምላኽ ብዓቢ ፍቅሩ ንዓና ክቅበል ሃንቀው ከም ዝብል እንተንፈልጥ ኣይምተጠራጠርናን ነይርና።

**ንኩሉ ዉዱእ ስራሕ ኣብዚ ጽሑፍ ናይ ቆሎሴ ምዕራፍ 1፣9-23 ተጻሒፉ ዘሎ ነስተብህል**

*9 ስለዚ ንሕና ከኣ ካብታ ዝሰማዕናላ መዓልቲ ጀሚርና። በቲ ፍልጠትፍቃዱ ብኩሉ መንፈሳዊ ጥበብን ኣእምሮን ክመልኣኩም ምእንታኩም ጸሎትን ልማኖን ኣየብኮርናን፣*

*10 ብሰናይ ግብሪ ዘበለ ኩሉ ፍሬ እናፍረኩም ብፍልጠት ኣምላኽ እናዓበኩምን ብኩሉ ንእግዚኣብሄር ባህ ከተብሉ ንዕኡ ብቁዓት ኮይንክኩምክትምመልላሱ ንጸሊ ኣሎና፣*

*11 ብሓንሰ ብጽምዓት ዘበለ ኩሉ ፍረ እናፍረኩምን ብፍልጠት ኣምልኣክ እናዓቤኩምን ብኩሉ እግዚኣብሄር ባህ ከተብሉ ንዕዑ ቡቁዓት ኮይንኩም ክትመላለሱ ንጸሊ ኣሎና፣*

*12 ነቲ ናብ ግደ ርስቲ ቁዱሳን ኣብ ብርሃን ዘብቀዓና ኣቦ እናኣምስገንኩም፣*

*13 ንሱ ካብ ስልጣን ጸልማት ዘውጸኣና። ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱ ኣእተወና፣*

*14 ኣብኡ ምድሓን ማለት ሕድገት ሓጥያት ኣሎ፣*

*15 ንሱ መልክዕ እቲ ዘይረኣ ኣምላኽ ቦክሪ ኩሉ ፍጥረት ዉን እዩ፣*

*16 ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎዝርኣን ዘይርኣን ዝፋናት ኮነ ወይስ ጎይትነት ሕልቅነት ወይ ስልጣናት ኩሉ ብእኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ ኩሉ ብእኡን ንዕኡን እዩ እተፈጥረ፣*

*17 ንሱ ከኣ ቅድሚ ኩሉ እዩ። ኩሉ እዉን ብእኡ ቆይሙ ኣሎ፣*

*18 ንሱ ነቲ ስጋኡ ድማ ርእሱ እዩ። ማለት ማሕበር ብኩሉ ነገር ቀዳማይ መታን ክከውንሲ ንሱ መጀመርታ እዩ ካብ ምውታት ዉን ቦክሪ እዩ፣*

*19 ብዘሎ ምላኣት ኣብኡ ክሓድር ኣቦ ሰሚርዎ ኣሎም፣*

*20 ብእኡ ብደም መስቀሉ ገይሩ ሰላም ምስ ገበረ ከኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኩሉ ንርእሱ ተዓሪቅዎ እዩ፣*

*21 ንዓካትኩም ቀደም ፉሉያት ብሓሳብኩም ብኩፉእ ግብርኩም ጸላእቱ ዝነበርኩም ከኣ፣*

*22 ካብቲ ዝሰማዕኩምዎ ተስፋ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ኩሉ ፍጡር እተሰብከ ወንጌል ኣነ ጳውሎስ ዘገልጋሊኡ፣*

***ድሕሪ ዚ ዳርጋ ዘይእመን ዜና ኣብቲ ዓቢ እንተ ንመልከት!***

*23 ከይተነቓነቕኩም ተሰሪትኩምን ደልዲልኩምን ብእምነት እንተጸናዕኩምሲ ኣበርን ነቀፋን ዘይብሎም ቅዱሳን ገይሩ ኣብ ቅድሚኡ ምእንቲ ከቐመኩም ሕጂ ብሰብነት ስጋኡ ብሞቱ ገይሩ ወረቐኩም፣*

**ናጻ ምርጫና ከምቲ ኣብ ቆሎሴ ምዕራፍ 2፣6-15 ተጠቒሱ ዘሎ እንሃለ**

*6 ደጊም ከምቲ ጎይታና ክርስቶስ የሱስ እተቐበልኩምዎ ከምኡ ኢልኩም ብእኡ ተመላለሱ፣*

*7 ኣብኡ ተሰሪትኩምን ተሃኒጽኩምን ብምስጋና መሊእኩም ከምቲ ዝተመሃርኩምዎ ቀኒዕኩም ብእምነት ጽንዑ፣*

*8 ከም ናይ ክርስቶስ ዘይኮነስ ብልምዲ ሰብ ከም ምህሮ ቁልዕነት እዛ ዓለም እዚኣ ብጥበብ ዓለምን ብከንቱ ምጥባርን ሓደ እካ ከይማርከኩምን ከይጥብረኩምን ተጠንቀቑ፣*

*9 ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ሓዲርዎ እዩ እሞ፣*

*10 ንሱ ርእሲ ኩሉ ሕልቅነትን ስልጣንን እዩ፣ ንስካትኩም ዉን ብእኡ ተመሊእኩም ኣሎኩም፣*

***እዚ ዝስዕብ ጥቕሲ መንፈሳዊ ግዝረት ሕሉፍ ስራሕ ምካኑ ይገልጸልና***

*11 ንስካትኩም ድማ ብግዝረት ክርስቶስ ነቲ ናይ ስጋ ሰብነት ቀንጢጥኩም ብኢድ ብዘይ ኦነት ግዝረት ብእኡ ተገዚርኩም፣*

*12 ብጥምቀት ዉን ምስኡ ተቐቢርኩም ብግብሪ እቲ ካብ ምውታት ዘተንስኦ ኣምላኽ ድማ ምስኡ ተንሳእኩም፣*

*13 ንብዘሎ ኣበሳና ይቕረ ኢሉ። ብኣበሳኩምን ብዘይ ግዝረት ስጋኩምን መይትኩም ንዝነበርኩም ንኣካትኩም ውን ምስኡ ህያዋን ገበረኩም፣*

*14 ነቲ ብሕጋጋት ዝቃወመና ዝበኣሰና ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ከኣ ንዕኡ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ካብ ማእከል ኣርሓቖ፣*

*15 ነቶም ሕልቅነትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ ብእኡ እናፈከረሎም ብግልጺ ኣስታሕፈሮም፣*

ኣብ ምዕራፍ3 ጳውሎስ ነቲ ኣረጊት ባህርና ንሞት ሂብና ሓድሽ ባህሪ ክንለብስ ይነግረና።

**ክንለብሶ ክብል ከሎ ምርጫናን ተግባርናን የድሊ**

“ስለዚ ነዚ ስጋዊ ስምዒትኩም ማለት ምንዝርና ርክሰት ፍትወት ስጋ ክፉእ ትምኒት እቲ ኣምልኮ ጣኦት ዝኮነ ስስዐቅተሉ።” (ቆሎሴ 3፣5)

“እምበኣር ኣምላኽ ከም ዝሓረዮም ቁዱሳንን ፍቁራትን ህዝቢ ኮይንኩም ምሕረት ለውሃት ትሕትና ሕያውነት ትዕግስቲ ልበሱ” (ቆሎሴ 3፣12)

መስቀልና መዓልታዊ ምልዓል ንመንፈሳዊ ግዝረትና መስራትን መረጋገጽን እዩ። እዞም እንኣምን ዋላ እካ ናይ ሕሉፍ ሓቂ እንተኮነ ክሳብ ኣረጊት ነብስና እንኩንን ምርጫ እንወስድን ነቲ መክሰብ ኣይንፈልጦን ኢና።

ከምዚ ዝብል መንፈሳዊ ሕጊ ከም ዘሎ እየ ዝኣምን “ዝበዝሐ ግዜ መስቀልካ ምስ ተልዕልዝበለጸ መክሰብ ናይ መስቀሉ ትረክብ” መስቀልና ምስ ዘይነልዕል መንፈሳዊ ክሳራ ንረክብ ኢለ ይኣምን እዚ ኣብ መንግስተሰማያት ምስ ኣንኣቱ እንታይ ይስመዓና ርግጸኛ ኣይኮንኩን። ግን ነቲ ኣምላኽ ስቃይ ከፊሉ ዘምጽኦ ዓቢ ህያብን ባርኮትን ክነጽጎ ከም ዘይደሊ ክነግረኩም ይክእል እየ። ንስኩም ከ?

እዛ “መስቀልና ምሎዓል” ንዝተፈላለዩ ሰባት ብዝተፈላለየ መልክዕ ክበጽሖም ይክእል ዓቢ “ሃይማነታዊ” ዘይምርድዳእ ከልዕል ወይ ዉን ብንዕቀት ክርአ ይክእል። እንተኮነ ብከምዚ ከነጠቃልሎ ከም ንክእል ይኣምን።

1 ንዓቢ ፍቅሪ ኣምላኽ ንመልሰሉ ፍቅሪ ኣምላኽ ክንመልስ ዓቢ ድልየት ክህልወና ኣሎዎ፣ ኣብ ቃሉ ክንቅጽልን ምስኡ መታን ክንረዳዳእ። ከምቲ ኣብ ቃሉ ቅድስና ባህሪ የሱስ እንርቂ ንሕና ከኣ ኣብነቱ ንከተል፣

2 ርእስና ነትሕት ነቲ ምስ ኣምላኽ ዘይመሳሰል ባህርና መታን ክንፈልጦ ንቃሉ ከም መስትያት ንጠቀመሉ፣

3 ብቀሊሉ ቅኑዓት ኢና ኩነታትና ምስ ኣምላኽ ተሰማሚዕና ናብኡ ንነሳሕ፣ "ንስሓ" እትብል ቃል "ምስምማዕ" ንዝብል ቃል ተጠቃልል፣ ብውልቅይ ኣብ ልባዊ ቅንዕና ዘይከተሉ ሰባት ዘሰንብድ መንፈሳዊ ጥፍኣት ርእየ ኣሎኩ።

4 ሓጥኣትና ምስ ንናሳሕ፣ ግዝረትና ብተግባር ሙሉእ ይከውን፣ ወይ ናብ ዝቅጽል ደረጃ ንሓልፍ፣ "ሓጥኣትና እንተ ተናዘዝና ኣምላኽ እሙንን ጻድቅን ስለ ዝኮነ ንሓጥኣትና ይቅረ ክብለልና ካብ ኩሉ በደልና ዉን ከንጸሃና እዩ።" (1ዮሃሃንስ 1፣9) ካብ ኩሉ በደልና የንጸሃና ይቅረ ይብለልና ዝብላ ቃላት መሰረታዊ ትርጉም ኣሎወን ንሱ ከኣ ግዝረት እዩ፣ እወ ድሮ ከማን ብመንፈስ ግዙራት ኢና። ኣብ ነፍሲወከፍ መስርሕ ዉን ብተግባር ግዙራት ኢና።

**ኣብርሃም ኣብ ስግኡ እተገዝሮ መርኣያ ናይ መንፈሳዊ ግዝረት እዩ፣**

ዘፍጥረት 17፡24-27 ከምዚ ይብል

ኣብርሃም ስጋ ዕልቦኡ ክግዘር ከሎ ወዲ ተዘዓን ትሽዓተን ዓመት ኮይኑ ነበረ፣

25 ወዱ እስማኤል ድማ ስጋ ዕልብኡ ክግዘር ከሎ ወዲ ዓሰርተሰለስተ ዕመት ኮይኑ ነበረ፣

26 በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብርሃምን እስማኤል ወዱን ተገዝሩ፣

27 ኣብ ቤቱ እተወልዱ ኩሎም ቤተሰቡን ካብ ደቂ ጋና ብሰልዲ እተዓደጉን ምስኡ ተገዝሩ፣

**ጽሑፋት ዎችማን ኒ**

ንኣምላኽ ምሉእ ርእስካ ብዘይ ምውፋይ ክርስትያን ክትከውን ኢልካ ዘይሕሰብ ነገር እዩ፣ እዚ ጉቡእ እንበር ናትና ህያብ ንኣምላኽ ኣይኮነን፣ ኣነ ናይ ነፍሰይ ኣይኮንኩን (1ቆሮንጦስ 6፣19)

ቅሄንሪ ክለይ ትራምቡል ዝበዝሐ ህይወቱ ብዛዕባ ደም ኪዳን ኣብ ጥንታዊ ባህልታትን ባህሊ መጽሓፍ ዱስ ዘጠቃልል መጽናዕቲ ዘካየደ እዩ። ኣብ ደም ኪዳን/3/ እትብል መጽሓፉ ከምዚ ይብል።

ምልላይ ናይ ደም ኪዳን ኣብ ስርዓት ቅዳሴ ንጸልማት ጉዕዞ ህይወት ናይ ሙሴ ብርሃን ሂብዎ እዩ፣ ከም ኣብ ዘጽኣት 4፣20-26 ተጻሒፉ ዘሎ። ሙሴ ንባዕሉ ንግዝረት ኪዳን ቦክሪ ውልዱ ዕሽሽ ኢልዎ፣ በዚ ከኣ ንኪዳን ኣብርሃም ዘይእሙን ኮነ ኣብ መንገዲ ካብ በረካታት ሲናይ ናብ ግብጺ መልእክቲ ኣምላኽ ናብ ኣምላኽ ሒዙ እናከደ። ሙሴ ብምኽንያት ዘይግዙራት ቦክሪ ግብጻውያን ብፍቃድ ኣምላኽ ተደናገረ ምስ ሞት ከኣ ገጽ ንገጽ ተገጣጠመ "ኮነ ከኣ ሙሴ ኣብ መንገዲ ኣብ ሓደ ምሕደሪ ከሎ እግዚኣብሄር ተራከቦ ክቀትሎ ድማ ደለየ።" (ዘጸ 4፣24) ርዱእ ነገር ይመስል ክልቲኦም ሙሴን ሰበይቱን ካብ ናይ ኣቦ ምቅሊት ኣብ መዳብ ናይ ኣምላኽ ኪዳን ንውሉድ ኣብርሃም ተፈልዮም፣ ምኽንያቱ ግብሮም ከም ኪዳን ኣብርሃም ስለ ዘይገበሩ።

"ሽዑ ጺቦራ ጽንጽሕለ ወሲዳ። ዕልቦ ወዳ ገዘረት ናብ እግሩድ ርብያ ከኣ ንስካ ንዓይ ናይ ደም መርዓዊ ኢካ በለት ካብኡ ከኣ ኣልገሰ ሽዑ ድማ ብምኽንያት ግዝረት ናይ ደም መራዊ ኢካ በለት።" (ዘጸኣት 4፣25,26)

ስለዚ ኣምላኽ ንሙሴ ነጻ ሓደጎ፣ ከም ብሓድሽ ክልል ደም ኪዳን ኣብርሃም ሸለል ኢልዎ

ናይ እብራይስጢ ቃል "ከታን" ክትርጎም ከሎ "መርዓዊ ወይ ሰብኣይ ናይ ደም" መሰረታዊ ሓሳብ ኣለዎ፣ ከም ምሁራት ዝርእይዎ ሓያል ምልግጋብ ደም ኪዳን ሓንቲ ሓሳብ ኣብ ስርዓት ቅዳሴ መርዓ እያ፣ እዚ እዩ ከኣ ስርዓት ቅዳሴ ናይ ግዝረት ዋላ ኮ ብዓራብ ካታን ንዘመድ ሰበይቲ ዝገልጽ እንተኮነ ከምኡ ዉን ንግዙር ይዝውተር እዩ፣ ክሳብ ቃላት ጺጶራ ከም ስርዓት ቅዳሴ ግዝረት እንተ ተገልጸ ንሳን ውሉዳን ናብ ዝምድና ደም ኪዳን ምስ ውሉድ ኣብርሃም ተሓወሱ ከምኡ ዉን ሰብኣያ ከምቲ ቅድሚ ሓደጋ ሞት ምእታዎም ናብ ኪዳን ኣተዉ፣

ከምቲ ጺጾራ ዝበለቶ ንሕና ንሓድሕድና ብዳም ንኣምላኽ ሓደሽቲ ኪዳን ኢና። በዚ ነገር ግን ንማሕረዳ ወይ ደማዊ ሞት ኪዳን ምኮንና፣

**እቲ ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ**

ኣምላኽ ኣብቲ ናይ ደም ጉድጋድ ኣተወ። ምእንታና መስቀል ጾረ እቲ ንሱ ጥራይ ከገብሮ ዝክእል ስራሕ ሰርሐ፣ ነጻ ህያብ እዩ ንእብራም ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 17 እቲ ንሱ ዝክእሎ ነገር ከገብር ከም ዝደለየ ነጊርዎ እዚ ማለት።

1 ብሓድሽ ምውላድ ብመንፈስ ከም "ዝተገዘርና" ምፍላጥ፣

2 ሓጢኣት ብምንሳሕን ብምንጻግ ክቆጻጸረና ዝፍትን ተረፍ ኣረጊት ባህርናን ንግዝረት ነረጋግጽ፣

እዚ ናጻ ህያብ እዩ፣ ተኣምር እዩ ግን ክንተሓባበር ኣሎና ተዘይኮይኑ ከምቲ ንሙሴ ንዓና ዉን "ደማዊ ሞት" ኪጋጥመና እዩ፣

ምስ ኣምላኽ ኣብ ዓሚቅ ስምዒት ሓቀኛታት ክንከውን ኣሎና፣ ን "ሴፍና" ብጥንቃቀ ንሓዞ እቲ ዓስብና ልዕሊ እንሓስቦ እዩ፣ ንኣምላኽ ጽቡቅ መዓልቲ ክንህቦን ክንባርኮን መሰል ኣሎና። ንሙሴን ጺጶራን ተዓዚብና ነዚ ስርዓት መቕደስ ዕሽሽ እንተ ኢልና ኣብ ናይ ሞት ሓደጋ ከም ዘሎና ክንመሃር ንክእል ኢና።

# ምዕራፍ 11

# ደም ኪዳንመርገም ይኣሊ

ዘፍጥረት 22፤1-2 ከምዚ ይብል “ድሕሪዚ ነገርዚ ከአ ኮነ ኣምላኽ ንኣብርሃም መከሮ በሎ ዉን ኣብርሃም ንሱ ከኣ እኔኩ በለ “እምበኣር ነቲ ሓደ ወድካ ይስሓቅ ውሰድ እሞ ናብ ምድሪ ሞርያ ኪድ ኣብአ ድማ ሓደ ካብቲ ኣነ ዝነግረካ ኣክራን ንዝሓርር መስዋእቲ ሰውኣዮ“ በሎ።





ብዙሕ ገምጋምን ኣደናቂ ስብከትን ወላ መጻሕፍቲ ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 22 ዝተሞርኮሰ ኣሎ፣ ስለምንታይ ኣምላኽ ንኣብርሃም ነቲ ናይ መብጸዓ ውላዱ ወይ ዉን ወላ ንዝኮነ ሰብ ንመስዋእቲ ክህቦ ሓቲትዎ ናይዚ ኣገዳሲ ምዕራፍ ትርጉም እዚ ዝጽሕፎ ዘለኩ ጥራይ ከም ዘይኮነ ይእመን ኣሎኩ። ግን ኣምላኽ ነዚ ኣብ ህይወትና ብከመይ ከም ዝጥቀመሉ ክነግር ይክእል እየ፣ ኣባይን በዓልቲ ቤተይን ካልኦት ኣዕሩክተይን ኣምላኽ ነዛ ምዕራፍ ኣብ ስድራይ ብብዙሕ ኣጋጣሚታት ብከመይ ከም ዝተጠቅመላ ክምርምራ ይክእል እየ። ገመዳት ህይወትና ብኣርባሒ መንገዲ ተሳሒቡ እዩ።

እዚ ተሞክሮታት ናይ ወለዶታት መርገም ዘተቃልል እዩ፣ ብብዙሕ ተፈቲንና ጎይታ ብጸግኡን ምሕረቱን ብዓወት ከሕልፈና ሪኢና ኢና፣ ጌና ከምቲ ኣብ ህይወት ውሉዱ ኣብ ህይወትና ይሰርሕ ኣሎ።

እዛ ምዕራፍ ምስልን ዓይነትን ኣምላኽ ንወዱ የሱስ ኣብ መስቀል ሰቂሉ ድሕነት ዝሃበና እያ። እዚ ሓደ መሽርክቲ ናይ ደም ኪዳን ዉሉድ እንተ ሂቡ እቲ ሓደ ዉን ውሉድ ክህብ ከም ዝግደድ የርእየና፣ እዚ ዛንታ ኣምላኽ ከም “ዝፍትነና” የርእየና ክንሓልፍ ወይ ክንተርፍ ዘይኮነስ ዋግኡ ብዘየገድስ ብቀጻሊ ንስዕቦን ንእዘዞንዶ ክፍትነና ይክእል ከም ንሓልፍ ወይ ንተርፍ ይፈልጥ እዩ። ግን ርእስና ክንፈልጥ እዩ ዝደልየና እንተ ኮነ ኣብዚ ተራ ሰይጣን ውን ኣሎ ኢለ እየ ዝሓስብ፣

ልዕሊ እዚ ኣደናቂ ተመሳሳልነት። ሓንሳብ ዕሽሽ ዝበሃል ጉዳይ ውን ኣሎ። ኣምላኽ ንኣብርሃም መታን ናይ ወለዶታት መርገም ክስዕሮ ናብ ልዕሊ ኲርባ የጉዓዞ ነይሩ።

ኣብርሃምን ሳራን ኣብ ትሕቲ መርገም ዉላድ ምስኣን ምንባሮም ይእመን ኣሎኩ። እዚ ኣዝዩ ዘሕፍር ዕቱብ መርገም ናይቲ ዘመን እዩ ነይሩ፣ ኣምላኽ ንኣብርሃም ዉላድ ከም ዝህቦ። በቲ ዉላድ ከኣ ቡዙሓት ሃገራት ከም ዝባረኩ ተመጻቢዕሉ ነይሩ። ኣብርሃም ፍቃድ ኣምላኽ ኪሕሉ ኩሉ ዝከኣሎ ገይሩ ክሳብ ምዕራፍ 16 ነገራት ብኢዱ ክቆጻጸሮ ፈቲኑ ንእስማኤል ዝወልዶ። ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 21 እቲ ልዕለተፈጥሮ መብጸዓ ተፈጸመ፣ ኢሳቅ ካብታ መካን ሳራን ኣብርሃምን ተወልደ፣ ንዝኮነ እቲ ብዘይዉላድ ናይ ሙካን ጉዳይ ዝተፈጸመ ኮይኑ ይስምዖ ይከውን ሓቂ? ወይስ ሓሶት!

ኣነ ግን ኢሳቅን ኣብርሃምን ገና ኣብ ትሕቲ መርገምከም ዝነበሩ ኣምላኽ ነቲ ሓጥያት ክፍጽሞን ከዕንዎን ክስዕሮን ይደልዩ ነይሮም ይብል።

**ዘዳግም ምዕራፍ 28 ብዛዕባ መርገምን ምርቃን ክትመሃር ምቹእ እዩ፣**

መርገም ኣንጻር ምርቃ እዩ፣ ምርቃ ሓደ ዓይነት ዓስቢ ናይ ጽቡቅን እወንታዊ ቃላት ወይ ተግባር ካብ ኣምላኽ እዩ፣ መርገም ከኣ ናይ እከይን ኣሉታን ቃላት ወይ ተግባር ዓስቢ ብሰይጣን ወይ ብሰባት ዝድፋእ እዩ፣ ኣብ ዘዳግም 28 ሙሴ ናይ ሓደ ንሕጊ ኣምላኽ ዝእዘዝ በረከትን ናይ ዘይእዘዝ መርገምን ዘርዚርዎ ኣሎ፣ ከም ኣብ ዘዳግም ምዕራፍ 17-10 ዘሎ በረከት ብምስማዕን ምእዛዝን ኣምላኽ መርገም ከኣ ብዘይ ምስማዕን ዘይምእዛዝን ኣምላኽ እዩ ዝመጽእ፣ ጽቡቅን ሕማቅን ተግባራት ናይ ወለድካ እዉን ናባካ ይሓልፉ እዮም።

ዘጸኣት 34፣5-8 መርገም ናብ ዝቅጽል ወለዶ ከም ዝሃልፍ ይነግረና።" ክሳዕ ሽሕ ወለዶ ጸጋ ዝሕሉ ዓመጽን ምትሕልላፍ ሓጥያትን ይቅረ ዝብል ግና ከ ንበዳሊ ከም ንጹህ ዘይርኢ ሓጢኣት ኣቦታት ናብ ደቂ ደቂ ከኣ ናብ ደቂደቅን ክሳዕ ሳልሳይ ክሳዕ ራብዓይ ወለዶ ዝቀጽዕ።" (ዘጽኣት 34፣7)

ናይ ኣምላኽ ቀንዲ ዕላማ ንዓና በረከት ናብ ናይ መጻኢ ወለዶታት ከሰጋግር እዩ። ብናይ ወዲ ሰብ ናጻ ምርጫ ምስ ጎይታ ቅኑዕ ዝምድና ብምግባር ዝርከብ እንተኮነ ፍትሒ ዝጠልቦ በረከት ካብ ወለዶታት ዝሓልፍ እንተ ኮይኑ መርገም ዉን ከሓልፍ ኣሎዎ።

እዚ ክፋል ጽሑፍ ዘደንጹ ኮይኑ ክራኣየኩም ይክእል እዩ ብከመይ ኣምላኽ ምሕረት ክዕቅብ። ይቅረ ክብል ወይ መርገም ክኣሊ ግን በደል ዘየጽሪ?

ክሳብ የሱስ ከም ገንሸል ኣምላኽ ኮይኑ ዝግለጽ ወላሓደ እዚ ከም ዝክኣል ዝፈልጥ ኣይነበረን፣ ኩሉ ናይ ኣምላኽ መዓት ናብ የሱስ ኣብ መስቀሉ ወረደ ወላ ሓደ ዉን ኣይተረፈን፣ እዚ ኩሉ ናተይን ናትኩምን መርገም ኣብ የሱስ ወረደ፣ ብከምዚ እዩ ኣምላኽ ምሕረተኛ ክከውን ዝክእል፣ ንሓጥያት ምእላይ ብዘይ በደል ምጽራይ? ንየሱስ ምእንታይን ምእንታኩምን "በደለኛ ገይርዎ"።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንቢብና ይቅረ ከም ዝተበሃለልናን የሱስ መርገምና ከም ዝወሰዶን ፈሊጥና፣ ንእሽተይን ጽርይትን ጸሎት ጸሊና በረከት ክውሕዝ ምርኣይሲ ጽቡቅ ዶ ኣይኮነን? ይቅረ ምባል መብዛህቲኡ ግዜ በዚ ኣይሰርህን እዩ ወላካ ሓንሳእ እንተሰርሐ። መርገም ብጸሎት ክስበር ይክኣል እዩ። እንተኮነ ተሞክሮይ በቲ ብርቱዕ ናይ ምስዓር መስርሕ እዩ ዝበዝሐ በቲ ኣብርሃም ንኢሳቅ ዝገበሮ መስርሕ፣

ዘፍጥረት 22ን ኩሉ መጽሓፍ ራኢን ንበረከት ብምስዓር መስርሕ ሞትን ትንሳኤን ከም ዝበጽሓና ይመስለና ኢለ ይኣምን።

"ሳላ ደም እቲ ገንሸል ሳላ እቲ ዝሰበክዎ ቃል ሓቅን ድማ ሰዓርዎ። ንህይወቶም ከየናሕሰዩ ክሳዕ ሞት በጽሑ" (ራኢ 12፣11)

ደም እቲ ገንሸል ማለት ኩሉ ብዛዕባ ናትና ለውጢ ባህሪ ደም ኪዳንና እዩ፣ ብክርስቶስ ሓደሽቲ ፍጡራት ኢና፣ድሕሪ ደጊም ንመርገም ኣይኮንናን፣ እንተኮነ እቲ ቃል ምስክር መንፈሳዊ ቅልስ ምስ ሰይጣን እዩ ዝውክል፣ ኣስተብህሉ ንህይወትና ክሳዕ ሞት ከነፍቅራ የብልናን። እዚ ንተሞክሮ ሞትን ትንሳኤን ይገልጽ፣

በረከታት ቁኑዕ ዉርሻና ምካኑ እካ እንተኣመንኩ ሰይጣን ግን ይጻብኣና እዩ። ንበረከት ክንርድኦ ብሓይሊ ኣምላኽ ክንስዕር ኣሎና።

**እዞም ዝስዕቡ ጽሑፋት ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ እንታይ ይብሉ ንተዓዘብ።**

እብራውያን 12።26-29 ከምዚ ይብል "ሽዑ ድምጹ ንምድሪ ኣናወጻ ሕጂ ግና ንምድሪ ጥራይ ዘይኮነስ ንሰማይ ዉን ደጊመ ንሓደ ጊዜ ዝብል ቃል ከኣ እቲ ዝናወጽ ፍጡር ዘበለ ኩሉ ከም ዘልግስ። እቲ ዘይናወጽ መንግስቲ ካብ እንቅበል መመስገንቲ ንኩን። እቲ ንእሉ ባህ ዘብሎ ኣምልኮ ከኣ ብፍርሃትን ኣክብሮትን ነቅርበሉ ከመይ ኣምላኽና ዝባላዕ ሓዊ እዩ፣"

ግብሪ ሃዋርያት 14፣22 ከምዚ ይብል "ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ክንኣቱ ዝግበኣና ብብዙሕ ጸበባ እዩ"።

ማቲዎስ 11፣12 ከምዚ ይብል "ካብ ዘመን ዮሃንስ መጥመቅ ክሳብ ሎሚ መንግስተሰማያት ትግፋዕ ኣላ። ገፋዕቲ ድማ ይዝርፍዋ ኣሎዉ፣" ግፍዒ ዝብልቃል ጎመደ ንዝብል የጠቓልል። ገለ እዚ ንሓንቲ ገረብ ሱራ ንክዓቢ ብካሻስትሩስ ፈንቂሉ ንዝሓልፍ ይመሳሰል ይብሉ።

መጽሓፍ ራኢ ነዚ ህይወት ብኣተሓሳስባ ግፍዒ ክንነብሮ ይመርሓና፣ መጽሓፍ ብዝያዳ ንምዕራባዊ ኣተሓሳስባ ንዘለዎም ተመሃሮ መጽሓፍ ቅዱስ። መታን ብልክዕ ብከመይን ምዓስን ዓለም ከም ትውዳእ መዓስ የሱስ ከም ዝመጽእ ንምፍላጥ ምካኑ ይእመን ኣሎኩ።

ከም ንፈልጦ ቡዙሕ ሓቤረታታት ስለ ዝህብ ከም ስእሊ መወዳእታ ታሪክ እዛ ዓለም ክከውን ይክእል እዩ። ብልክዕ ጎይታ ነዚ ዓይነት ኣጽሓሕፋ ዝተጠቅመ መታን ንዓና ናብ ሓድሽ ምውላድ ከምጽኣና እዩ፣ እንተኮነ ካብዚ ንላዕሊ እዩ ስእሊ ናይ ወለዶታት ሓጥያት መወዳእታ እዉን እዩ።

ዮሃሃንስ ንራኢ ዝጸሓፈ ኣብ ደሴት ጳጥሞስ እንዳ ተሳቀየ እዩ፣ ንህይወቱ ትርጉም ክረክበላ ይፍትን ነይሩ። ንቤተክርስትያን ስለምንታይ ብግፍዒ ይሳጎጉ ነይሮም ስለምንታይ ገለ ካብኣቶም ይግፍዑ ነይሮም መብርሂ ይደሊ ነይሩ ኣብ ራኢ ምዕራፍ 5 ኣስተብህሉ ናይ ቃል ስእሊ የሱስ ኣብ ዝፋኑ ጥቅሉል ጽሑፍ ሂዙ ከሎ ኣሎ። ካብ መጽሓፍ ዘካርያስ ኣቲ ጥቅሉል ጽሑፍውርሻ ኣምላኽ ንሰብን መርገም ንሰይጣንን ከም ዝውክል ንፈልጥ ኢና።

የሱስ መርገምና ናብኡ ከም ዝወረደ ክንፈልጥ ይደልየና እዩ እቲ በረከት ከኣ ኣብ ልዕሌና ወሪዱ፣ ግን በቲ ናይ ምንቅጥቃጥ መስርሕ ክንሓልፍ ካብ ሰይጣን ከነልግስ ኣሎና። ብርግጽ የሱስ በቲ ምንቅጥቃጥ ይሓልፈልና ኣሎ ናትና ግደ ኣብ ደሙ ምእማንን ንቃሉ ኣንጻር ጸላኢ ምዝራብን ኣረጊት ባህርና ዘይምሃዝን እንታይ ደኣ መስቀልና ኣልዒልና ብጣእሳ ኣብ ክንዲ ብስጋ ብመንፈስ ምጉዓዝ እዩ።

እዚ ኣብ ምብራቃዊ ምስጢራዊ ጽሑፍ ተሰሪሑሉ ኣሎ፣ ኣብ ዝተረፈ ክፋል ናይ ራኢ የሱስ ንዮሃሃንስ ብምስሊ ምስ ተራእዮ ገለ ነገር ንዕዑ ንዓይ ንዓኩም ትንቢታዊ ዓወት ንስቃዩ ኣርእዩና፣ ራኢ ምዕራፍ 20-22 ብመስርህ ምስዓር ድህሪ ምሕላፍና ዘሎ ምስልቻው ናይ ኣገልግሎት የርእየና።

ሕጂ ናብ ኣብርሃምን ኢሳቅን ንመለስ ዘፍትረት 22፣3-14

*3 ንጽብሒቱ ድማ ኣብርሃም ኣንጊሁ ተንሲኡ ኣድጉ ጺዒኑ ክልተ ግዙኣትን ወዱ ይስሓቅን ምስኡ ወሰደ፣ ንዝሓርር መስዋእቲ ዝከውን ዕንጨይቲ ፈለጸ ተንሲኡ ድማ ናብታ ኣምላኽ ዝነገሮ ቦታ ከደ*

*4 ኣብርሃም ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኣዒንቱ ኣንቃዕሪሩ ነታ ቦታ ብርሑቅ ርኣያ፣*

*5 ኣብርሃም ድማ ንግዝኣቱ ምስዚ ኣድጊ ኣብዚ ጽንሑ። ኣነን እዚ ወድን ከኣ ናብቲ ከይድና ክንሰግዲና ናባካትኩም ድማ ንምለስ በሎም፣*

*6 ኣብርሃም ድማ እቲ ዝሓርር መስዋእቲ ዝከውን ዕንጻይቲ ወሲዱ ንወዱ ኢሳቅ ኣሰከሞ፣ ሓውን ካራን ከኣ ብኢዱ ወሰደ ክልቲኦም ድማ ብሓደ ከዱ፣*

*7 ኢሳቅ ነብኡ ኣብርሃም ኣቦየ ኢሉ ተዛረቦ ንሱ ከኣ እነኹ ወደየ በሎ ንሱ ድማ ሓውን ዕንጨይትንሲ እንሆ እቲ ንዝሃርር መስዋእቲ ዝከውን በጊዕ ደኣ ኣበይ ኣሎ በለ፣*

*8 ኣብርሃም ከኣ ወደየ እቲ ንዝሓርር መስዋእቲ ዝከውን በጊዕሲ ኣምላኽ ንርእሱ ይሕለዮ በለ፣ክሊትኦም ድማ ብሓደ ከዱ፣*

*9 ናብታ ኣምላኽ ዝነገሮ ቦታ መጹ። ኣብርሃም ድማ ኣብኣ መሰውኢ ሰርሐ ዕንጨይቲ ከኣ ጸፍጸፈሉ፣ ንወዱ ኢሳቅ ኣሲሩ ድማ ኣብቲ መሰውኢ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕንጨይቲ በጥ ኣበሎ፣*

*10 ኣብርሃም ድማ ንወዱ ክሓርድ ኢዱ ዘርጊሑ ካራ ወሰደ፣*

*11 መላኣክ እግዚኣብጄር ከኣ ካብ ሰማይ ጸዊዑ ኣብርሃም ኣብርሃም በሎ ንሱ ዉን እኔኹ በለ፣*

*12 ነዚ ሓደ ዉልድካ እካ ካብ ዘይከላእካንስ። ንእግዚኣብሄር ከም ትፋርሕ ሕጂ ፈሊጠ ኣሎኹ እሞ ኢድካ ኣብዚ ወዲ ኣይትዘርግሕ ገለ ዉን ኣይትግበሮ በለ፣*

*13 ኣብርሃም ድማ ዓይኑ ቃሕ ኣበለ። እንሆ ከኣ ኣብ ድህሪኡ ቀርኑ ብሓረግ እተታሕዘ ድዑል ርኣየ፣ ኣብርሃም ድማ ከይዱ ነቲ ድዑል ወሲዱ ኣብ ክንዲ ወዱ ንዝሓርር መስዋእቲ ሰውኦ፣*

*14 ኣብርሃም ከኣ ስም እታ ቦታ እቲኣ ኣምላኽ ይርኢ ኢሉ ኣውጸኣላ ንሱ እቲ ስጋብ ሎሚ ኣብ ከረን እግዚኣብሄር ይሕሸ ዝበሃል ዘሎ እዩ፣*

ሓንቲ ሕቶ ክሓተኩም። እንተ እቲ ብሓረግ እተታሕዘ ድዑል ንየሱስ ምእንቲ ሓጥኣትናን መርገምናን ክሕረድ ዝውክል ኮይኑ ካበይን መዓስን መጺኡ? ኣብ ታሕቲ እቲ ኩርባ ዶ ወይስ ኣብ ላዕሊ? እቲ ገንሸል ካብ ላዕሊ ኩርባ እዩ ምክንያቱ ክሳብ ኣብርሃም ላዕሊ ዝበጽሀ ኣይረኣዮን።

ብተመሳሳሊ መዓስ እቲ ገንሸል ኣምላኽ ንመርገምና ይርኣዮ? ኣብ ኮፍ ምባልኩም ዋላ ኣብራክኩምን ኣጸብዕትኩምን ብጸሎት ምስ ደመየ ቃል ኣምላኽ ብምስማዕን ኣምላኽ ብዛዕባ ኩነታት ህይወትካን ሞትካን እንታይ ይብል ምስማዕ።

ነዚ ምስክርነት ዘሎዋ ስድራ እፈልጥ እየ። ነቲ ሰብኣይ ኣብ 1940 ወዲ 7 ዓመት እንከሎ ጉኣል 14 ዓመት ሓፍቱ ብሕበጥ ሓንጎል ትጥቃዕ መንሸሮ! ንሳ እታ ኣብ ህይወቱ ኣዝዩ ዘፍቅራ ሓፍቱ እያ ነይራ። ዘይስስዕትን ሕያወይትን ነበረት፣ እቲ ቅድምን ድሕርን ሙማታ ስድርኡ ዘሕለፍዎ ስቃይን ቃንዛን ኪሳብ ሕጂ እዩ ዝዝክሮ፣

ነዚ ሰብኣይ ዉላዱ ኣብ 1991 ሕበጥ ሓንጎል ምስ ኣጋጠማ እንታይ ምካኑ ቀልጢፉ ኣዩ ተረዲእዎ፣ ንሱን ሰበይቱን ኣዝዮም ተጨነቁ። ግን ኣምላኽ መመሊሱ ተአዛረቦም። ብመዓልቲ ይዛረቦም። ብካልኦትን ብብዙሕ መንገድታትን ይዛረቦም ኩሉ ነገር ደሓን ከም ዝከውን ይዛረቦም፣ ብሓቂ ተኣምራታዊ ምሕዋይ ተጸብዮም ግና ኣብኡ መንገዶም ፍሉይ ከም ዝከውን ተነግሮም፣

ወላ እኳ መብጸዓታት እንተ ተዋህቦምከምቲ ናይ ኣብርሃም ናይ ዉላድ መብጸዓ ከብዶም፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልትን ሰዓትን እምነቶም ከሐድሱ ነይርዎም፣ ብዙህ ካብቲ ኣምላኽ ዝህቦም መብጸዓ ከምቲ ናይ “መወዳእታ እዋን” ጽሑፍ ይመስል መወዳእታ እዋን ናይዚ መርገም ነበረ፣

ኣብ መወዳእታ መጥባሕቲ ትገብር። ድሕሪ 6 ሰዓታት እቲ ሓኪም እታ ቅድሚ ሕጂ ብመርመራ እተራእየት ህበጥ ከም ዘይጸንሓቶ በሰላ ጥራይ ከም ዝጸንሖ ነገሮም፣ ኣብዘን ሹዱሽተ ሰዓታት ንሱን ሰበይቱን ምስ ውላዶም ነቲ ኩርባ ብቀጻሊ ውላዶም እንዳሃቡ ይሓክርዎ ነይሮም፣

ድሕሪ ሓደ ዓመት ውላዱ ናይ ክትትል መርመራ ክትገብር ኣብ ማችን ከላ ንኣምላኽ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ “ስለምንታይ መጥባሕቲ ገይራ ንኣዋርሕ ልብና ሓሚምና ስለምንታይ ብተኣምር ሰቅ ኢልካ ዘየሕወካያ?” በሎ፣ ኣምላኽ ከኣ ብንጹር መለሰሉ “ከምኡ ገይረ እንተዝከውን እቲ መርገም ምተረፈ። መዓስ ከም ገንሸል ኮይነ ተራእየ ንናይ ኣብርሃም መርገም ወሲደዮ ኣብ ታሕቲ ዶ ኣብ ላዕሊእቲ ኩርባ? ኣብ ታህቲ ነይረ ተዝከውን እቲ መርገም ኣይምተኣልየን። ኣነ ግን በቲ ኩርባ ከም ትድይብ ገይረካ መታን ሓይሊ ስዕረት ትንሳኤይ ንምእላይ መርገምካንዘልኣለም ክትምኮ።”

**ዘፍጥረት 22፣15-19 ከምዚ ይብል**

*15 መልኣክ እግዚኣብሄር ድማ ንካልኣይ ሳዕ ንኣብርሃም ካብ ሰማይ ጸውዖ፣*

*16 ብርእሰይ መሓልኩ ይብል እግዚኣብሄር። ነዚ ነገር እዚ ካብ እትገብር ሓደ ውሉድካ ውን ካብ ዘይትከልእ፣*

*17 ስለዚ ኣዝየ ክባርኸካ እየ። ንዘርእካ ድማ ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻን ኣዝየ ከብዝሖም እየ፣ ዘርእካ ድማ ንደጌታት ኣላእቱ ክወርስ እዩ፣*

*ነቲ መብጸዓን ምርግጋጽ በረከትን ኣገልግሎትን ድሕሪ ከምዚ ዓይነት ፈተና ከም ዝርከብ ኣስተብህሉ፣*

*ቃለይ ስለ ዝሰማዕካ ድማ ህዝብታት ኩላ ምድሪ ብዘርእካ ክባረኩ እዮም*

*19 ኣብርሃም ከኣ ናብ ግዙኣቱ ተመለሰ ተላዒሎም ከኣ ብሓንሳእ ናብ ብዔርሸባዕ ከዱ ኣብርሃም ድማ ኣብ ብዔርሸባዕ ተቐመጠ፣*

ኩሉ ጊዜ ትገርመኒ ስለምንታይ ኣብርሃም ኢሳቅ ካብ ምውታት ክትንስእ ከም ዝክእል ኣሚኑ? “ኣምላኽ ካብ ምውታት ድማ ከተንስኦ ከም ዝክኣሎ ሓሲቡ ኣብኡ ዉን ብምሳሌ መሊሱ ረከቦ።” (እብራውያን 11፣19) ኣምላኽ ንኣብርሃም ምስ ተገልጸሉ ከምቲ የሱስ ኣብ ዮሃንስ 8፣56 ገሊጽዎ ዘሎ ንስጋ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ሓደ የሱስ ውን ስለ ዝርኣየ ዶ ይከውን? ኣምላኽ ነቲ መብጽዕኡ ምስ ወሰዶ። ወላ ነቶም ብሞትን ትንሳኤን ዝተቀበልናዮም መብጸዓታት ንሶም ንዘልኣለም ናትና እዮም።

ንስካ ከ ኣብ ኩነታትካ ነቲ ዘተንስአ ክርስቶስ ትርእዮ ዶ? ኣምላኽ ናብቲ ጎቦካ ከደይበካ ትርእዮ ዶ? ነቲ ትኣምር ኣብቲ እግሪ ጎቦ ከይሃበ ጠሊሙካ ይፈልት ዶ? ምናልባት ንጽቡቅካን ንጽቡቅ መንግስቱን ክከውን ይክእል፣ ምናልባት ነቶም ናይ ወለዶታት ጋኔን ቀልጢፉ ክኣልዮም ደልዩ ይከውን ከም ኣብ ራኢ ምዕራፍ 20-22 ተጻሒፉ ዘሎ።

ሕጂ ናብ ኣዝዩ ዝከፍአ ዉሳኔ ንስቃይካ ገጽ ንገጽ ክወስደካ ትርእዮዶ? ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ንቲ ኩርባ ንምሕካር እንዳመስገንካዮዶ ትጉዓዝ? ንኩሉ ነገር ኣቃሪጽካ ኣብ የሱስ። ኣብቲ ቃል ክሳብ ከም ናይ ኣብርሃም ርእሰተኣማንነት እትረክብ ኣብ ነዊህ ጸሎት ንዕዑ ነዚ ኣብ ህይወትካ ንክገብር ዘክእሎ ዶ መድሃብካ?

**ሓገዝ ተደልዩ**

**ስራሕተኛታት ህንጻ**

ኣብ ምህናጽ ሓዳስ እየሩሳሌም ዝተወሰነ ቁጽሪ ቦታ ስራሕ ተከፊቱ ኣሎ፣ ከተማብኣምላኽ ተሃንዲሳ ብናይ ናዝሬት የሱስ ትህነጽ ዘላ ከተማ። ፍሉይ ክፍሊት እቲ ሓላፊ ንምሉእ መዓልቲ ዝሰርሐን ሓንቲ ሰዓት ጥራይ ዝሰርሐን ማዕረ ናይ ምክፋል ልምዲ ኣሎዎ፣ ኣዝዩ ዓቢ መክሰብ፣ ንናይ ጥዕና ዉሕስነት፣ ጥሮታ ምስ ምሉእ ክፍሊት፣ ካብ ኩሉ እኩይ ምክልካልን ካብ ተጸባይነት ምግላል። ናጻ ምኽሪ ናይ ስነኣእምሮን ስምዒትን የጠቓልል።

*ዝድለ ብቕዓት፡- ተወዳደርቲ ንለውጢ ፍቃደኛታት ክኮኑ ኣሎዎም (ኣብቲ ናይ ምስግጋር `ግዜ) ካብ ሃላይ ናብ ለባም ድንግል ከም ኣብ ማቲዎስ ምዕራፍ 25 ዘሎ።*

*መጠንቀቕታ፡- ብዙሓት ቅድሚ ሕጂ ዝተሳተፉ ስለ ዘይዓገቡ ኣብቲ ናይ ምስግጋር እዋን ኣቃሪጾም እዮም፣ እቲ ናይ ሓላፊ መሳሪሒታት ጸገሞም ምካኑ ምስ ፈለጡ ምድንጋራት ድካምን ዕንቅፋትን ተሓዊስዎ እቲ ጎይታ ኣብ መስቀሉ ዘሕለፎ ብደሙ እተሸፈነ ካብ ዕብለላን። ናይ ምጉዳእ ተክእሎ ሰይጣን ናጻ ዝኮነ። እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ናይ ህንጻ መሳርሒ ክቡር እምን እተሰምየ በቲ መሳጢ መስርሀ "ስዕረት" ዝመጸ፣ ግን ብዙሓት ከምተን ሃላያት ደናግል ኮይኖም ነዚ መሳርሒዚ ከም ጸላኢኦም ክርእይዎ መረጹ፣ ኣብ መወዳእታ ጎይትኦም ምስ መጸ ኣይከላልይዎን እዮም።*

ድሕሪ እቲ ናይ ምቅያር መስርሕ ካብ ህልይና ናብ ልቦና። እቶም ውሑዳት ነዚ ዝፈልጡ እቲ ካብ ኩሉ ዝበለጸ ንብረት ከም ዝሓዙ ክፈልጡ እዮም፣ ኩሉ መስቀሎም ኣብ መስቀል ምስ ጠሓለ ኩሉ ጸገማት ካብ መጺጽ ናብ ምቁር ካብ ጸላኢ ናብ ዓርኪ ተቀይሩ ዓስቦም ከኣ ልዕሊ ክግለጽ ዝከኣል ኮነ፣ ገለ ተካሉ ግን ንኣባጊዕ መሲሎም ክስዕቡ ይፍትኑ እዮም።

**ግዱሳት ነዚ ዝስዕብ ክረክብዎ ይክእሉ**

ንመንፈስ ቅዱስ

# ምዕራፍ 12

## ከይተፈለጠካ ባርያ ኮይንካ ዶ ትፈልጥ

ያቆብን ዓሰርተ ክልተ ደቁን መጀመርታ ኣብ ግብጺ ክነብሩ ከለዉ ጠቅላላ ሰብዓ እብራውያን ነበሩ፣ ድሕሪ ኣማኢት ዓመታት ክልተን ፈረቃን ሚልዮን ኮይኖም፣ ዮሴፍ ነቲ መራሒ ግብጺ ዝገበረሉ ሓለፋ ኣስተማቂርዎ እዩ፣ ድሕሪ ኣማኢት ዓመታት ግን እቶም ግብጻውያን ንእብራውያን ባሮት ገበርዎም፣ (ዘጽኣት 2፣8-11) ኣን ዝሓለፈ ምዕራፍ ኣምላኽ ንኣብርሃም ዘርኡ ኣብ ዘይፈልጥዎ መሬት ግዙኣት ከም ዝኮኑን ነጊርዎ ከም ዝነበረ ንዘክር፣ ልክዕ ከም ቃሉ ከኣ ኮነ።

ዘጽኣት1፣13-14 ከምዚ ይብል። "ግብጻውያን ንደቂ እስራኤል ብጭካነ ኣዕየሞም፣ ንህይወቶም ድማ ብብርቱዕ ዕዮን ብባዕጢ.ብጡብን ብኩሉ ዕዮ መሮርን በቲ ኩሉ ዝዓይዎ ዕዮ ብጭካነ ኣምረርዎም።"




እቲ ሓቀኛ ባርነት ናይ መንፈስ ባርነት እዩ። ዉሽጣዊ መግዛእቲ፣ እዞም እብራውያን ልክዕ ከም ኩልና ቅድሚ ባሮት ሙካኖም ባሮት ከም ዝነበሩ እየ ዝኣምን፣ ድሮ ከይፈለጥዎ ናይ መንፈስ ባሮት እዮም ነይሮም፣ ምናልባት ብምሕረት ኣምላኽ እዮም ሰባት ዓቢ ስቃይ ዝምኮሩ መታን እቲ ቅኑዕ ተረዲእዎም ንዕዑ ምሕረት ክልምኑ፣

ካልእ ካብ ግብጺ ናጽነቶም ምስረከቡ ነቲ ባርነቶም ምስኦም ከም ዝተሰከምዎ ይኣምን፣ ብዘይካ እያሱን ካሌብን ብሰንኪ ናይ ሓንጎሎም ባርነት ኣብ በረካ ሞቱ። እቶም ኣብ በረካ እተወልዱ ጥራይ ነታ ናይ መብጽዓ መሬት ኣተውዋ።

ግዝኣት ስጋን ናይ ሰይጣን ዓለምን ኩሎም ኣብ መትከል ባርነት እዮም ዝሰርሑ፣ ግብጺ ምስልን ዓይነትን ናይ "ዓለም" ሕጊ እያ። ፈርኦን ምስልን ዓይነትን ሰይጣን እዩ። ናይ ኣምላኽ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ምግዛእቲ ሰይጥንን ዓለምን ከምኡ ውን ስግኦምን ኣረጊት ባህሪኦምን ነበሩ። ዝተሓደሱ ሰባት ኣይነበሩን።

ኦሪት ዘጽኣት ምስልን ዓይነትን ብከመይ ኣምላኽ ንህዝቡ ካብ ናይ መወዳእታ መግዛእቲ የድሕኖም ጥራይ ኣይኮነትን። ሓያል ኣብነት ብከመይ ኣምላኽ ንዓይን ንዓካትኩምን ንውሉዱ ካብ ጉዳይ ባርነት ወላ ድሕሪ ከም ብሓድሽ ምውላድና ከድሕነና ከም ዝደሊ እያ። ብከምዚ ኢና ንደም ኪዳን ኣብ ኦሪት ዘጽኣት ንርእዮ።

**ባርነት እቲ መስራቲ ናይ ዓለም መስርሕን ንግስነት ሰይጥንን እዩ፣**

ባርነት ንካልኦት ኣብ ከቢድ ስራሕ የእትዩ ነቶም ኣስራሕቲ ከም ዝከስቡን ይገብሮም። ከም ባህርያዊ ኣበሃህላ ወነንቲ ሕርሻ ባሮት ሰራሕተኛታት ገይሮም ዘራእቶም ምስ ዘስርሕዎ። ደሞዝ ስለ ዘይከፍልዎማቢ መክሰብ እዩ ዝህቦም። ነቶም ባሮት መሰረታዊ መግብን። መጽለልን መታን ስርሖም ከቅጽሉ ብህይወት ከም ዝጸንሑ ምግባር ጥራይ እዩ ዘድልዮም። መንፈሳዊ ባርነት ሰባት እከይ ዕላማታት ንመክሰብ ሰይጣን ምስ ዝሰርሑ እዩ። ሰይጥን ንዝዓበየ ፍጥረት ኣምላኽ ንመክሰቡ ከም ዝሰርሑ ይገብሮም፣ ንኣምላኽ ከም ሓያል ኣሰራሒ ከምስሎ ይፍትን። ኣምላኽ ካብ ሓለዋና ኣየቃርጽን ኣይፈላልን እዩ። ንስቃይናን ብክያትናን ይሰምዖ እዩ።

"ኮነ ድማ ድሕሪ ብዙሕ መዓልቲ ንጉስ ግብጺ ሞተ፣ ደቅ እስራኤል ከኣ ካብ ባርነቶም እተላዕለ እህህ በሉ። ጨርሑ ድማ ኣውያቶምብዘዕባ ባርነቶም ከኣ ናብ ኣምላኽ ደየበ፣ ኣምላኽ ድማ ቁዝማኦም ሰምዐ ኣምላኽ ከኣ ነቲ ምስ ኣብርሃምን ኢሳቅን ያቆብን ዝኣተዎ ኪዳን ዘከረ። ኣምላኽ ድማ ናብ ደቂ ኢስራኤል ርኣየ ኣምላኽ ከኣ ሃለዋቶም ፈለጠ።" (ዘፍጥረት 2፣23-25)

"ንመከራይ ሪኢካዮ። ንጸበባ ነፍሰይ ፈሊጥካዮ። ናብ ኢድ ጸላኢ ኣይሃብካንን ነእጋረይ ኣብ ገፊሕ ቦታ ደው ኣቢልካየን ኢካሞ ብምሕረትካ ክፍሳህን ክሕጎስን እየ።" (መዝሙር 31፡7)

ኣስተብህሉ ኣምላኽ ንደም ኪዳን ይዝክር እዩ! እዚ እዩ እቲ መፍትሕ ህዝቡ ኣብ ምቅይያር ደም ኪዳንን ባርኮትን ዝተሓተ ክነብሩ ይክእሉ እዮም። ኣምላኽ ግን ዘይንጡፍ ኣይኮነን ነቲ ምስ ኣብራም ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 15 ኣብ ጉድጓድ ዝፈሰሰ ደም ይዝክሮ እዩ። ዝኮነ ኣብራምን ዘርኡን ዝሳቀይዎ ቅያር ክወስድ ከም ዝተሰማምዐ ኣይርስዕን እዩ።

ዘጽኣት 3፤7-10 ከምዚ ይብል "እግዚኣብሄር ድማ ጸበባ እቲ ኣብ ግብጺ ዘሎ ህዝበይ ፈሊጠ እየ እሞ። ስቃዮም ድማ ኣጸቢቀ ርኤኩ ስለዚ ካብ ኢድ ግብጻውያን ከድሕኖም ወሪደ ኣሎኹ። ካብታ ምድሪ እቲኣ ናብታ ጽብቅትን ርሕብታ ጸባን መእዓርን እተውሕዝ ምድሪ ናብታ ቦታ ከነኣናውያንን ሄታውያንን ኣሞራውያንን ፈረዛውያንን ሃዋውያንን ደቡሳውያንን ከደይቦም እየ፣ ሕጂ ድማ እንሆ ኣውያት ደቂ እስራኤል ናባይ መጸ እቲ ግብጻውያን ዘጥቅዕዎ ጥቅዓት ርኤኩ እምበኣር ሕጂ ንዓ ንደቂ ህዝበይ ኢስራኤል ካብ ግብጺ ከተውጽኦም ናብ ፈርኦን ክልእከካ እየ።"

**ኢሳ 61፤1-4 ከምዚ ይብል**

*1 ንትሑታት ብስራት ከበስርሲ እግዚኣብሄር ቀቢኡኒ እዩ እሞ። መንፈስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ እዩ፣ ንስቡራት ልቢ ክዘንን ንሙርካት ሓርነት ንእሱራት ከኣ ምፍታሕ ክእውጅ ልኣከኒ፣*

*2 ዓመት ጸጋ እግዚኣብሄርን መዓልቲ ሕነ ኣምላኽናን ክእዉጅ ንኩሎም ሕዙናት ከጸናንዕ፣*

*3 ኣእዋም ጽድቂ ንክብሩ ዝከውን ተክሊ እግዚኣብሄር ተባሂሎም ምእንቲ ክስመዩ ድማ ንሕዙናት ጽዮን ኣብ ክንዲ ሓምኩሽቲ ዘውዲ ክደፍኣሎም ኣብ ክንዲ ሓዘን ከኣ ዘይቲ ሓጎስ ። ኣብ ክንዲ መንፈስ ጋሂ ውን ክዳን ምስጋና ክህቦም ልኣከኒ፣*

*4 እቲ ናይ ቀደም ዑናታት ክሃንጹ። ነቲ ቀደም ዝባዳመ ከቁሙ ነተን ካብ ውልድ ወለዶ ዝዓነዋ ፈራሳት ከተማታት ክሐድሱ እዮም።*

ኣብ ካልኣይ ጥቅሲ "እታ ቅብልቲ ዓመት ናይ ኣምላኽ" ነቲ ዓመት እልልታ ኣብ ለዋውያን ምዕራፍ 25 ታጠቂሱ ዘሎ ይውክል። እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሸውዓተ ሰናብተ ወይ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓምሳ መዓልቲ "ፍልይቲ ሰንበት" ከም ዘላ ይገልዝ። ኩሎም ባሮት ናጻ ዝልቀቑላ ኩሉ ዕዳን ትሕጃን ዝድምሰሰላ ዓመት፣

የሱስ መርየታዊ ኣገልግለቱ ምስጀመረ። ነዘን ውሑዳት ጥቅስታት ናይዚ ትንቢት ከምቲ ኣብ ሉቃስ ምዕራፍ 4 ተጻሒፉ ዘሎ ኣብ ዓመተ እልልታ ከም ዝተፈጸመ ገሊጹ ደው ኣበለ። ናብ መዓልቲ ሕነ ኣምላኽ ኣይቀጸለን። የሱስ ነዚ ሕነ ኣብ መስቀልን ትንሳኤን ጀመሮ ሕጂ ኣብ ዕለተ ሕነ ኣሎና። ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ሕነ ኣብ ሰይጣን ክሳብ ምጽኣት ክርስቶስ ክቅጽል እዩ። ኩሉ ጊዜ ንሕና ኣብ ልዕሊ ወለድኣዊ መርገም ናይ ባርነት መግዛእትን ንስዕር እቶም ንመርገምን ባርነትን ዘገድዱና ኣጋንንቲ "ቀልጢፎም ከም ዘቃርጹ" ኣብ ልዕሊኦም ሕነ ይውሰድ። ኣዚ ክሳብ ሕነ መስቀልን ትንሳኤን ክርስቶስ ዘጋጥም ክፍጸም ኣይክእልን እዩ። እዚ መጀመርታ ናይ ሕነ እዩ ንሕና ከኣ ከም ነፍሲ ክርስቶስ ናቱ ወኪላት ነዚ ሕነ ኢና።

ዓመተ እልልታ ኣብ ለዋውያን 25። ዕለተ ሕነ ከኣ ኣብ ለዋውያን 26 ኣብ ጥቅሲ 26፤25 ከምዚ ይብል "ሰይፈይ ኣንጻርኩም ነቲ ሕነ ኪዳን ዝፍጽሞ ከልዕል እየ" እዚ ኪዳን ናጽነት ካብ ባርነት የጠቓልል ግን ምስ ሕነ ኣብ ልዕሊ እዞም ንዕላማታት ኣምላኽ ዝቃወሙ ብፍላይ ከኣ ሰይጣን እዮም ዝመጽእ።

**ሕጂ ብዛዕባ በረኸትካ'ከ?**

ጎይታ ከምቲ ንእስራኤላውያን ዝገበሮም መታን ድልየትካ ንዕኡን ንደም ኪዳንን ክትፈልጥ ክትጉዓእ ገቂዱ ይከውን።

ኣብ ባርነት ከም ዘለካ ተሰሚዕካ ዶ ይፈልጥ? ህይወትካ "ብሓያል መግዛእቲ" ከም ዝተታሕዘት ተፈሊጥካ ይፈልጥ ዶ?

ኣምላኽ ነዞም ስሚዒታት ይግደሰሎም እዩ፣ ብዛዕባ ናይ ኣምላኽ ድሌት ንዓካ ሓራ ምውጻእ ክንመሃር ኢና፣ ናይ ኣምላኽ ዝዓበየ ተልእኮ ንዓካ ሓራ ምውጻእ እዩ።

ኣምልላክ ንሙሴ ናብ መራሒ ግብጺ ፈርኦን ከይዱ ንህዝቡ ናጻ ክሰዶም ሊኢክዎ። (ዘጸኣት 5፤1)

ካብ 1974 ጀሚሩ የሱስ መመሊሱ ካብ ብሓጥያተይ ዝኣተክዎ “ማሕቡሳት” ሓራ ኣውጺኡኒ። መብዛሕቲኡ ካብዚ ሓጥያተይ ሰባት ኣባይ ዘቀመጥዎ እዩ። ኩሎም እዞም ሰለስተ ሳዕቤናት መግዛእትን ማእሰርትን ናይ ህይወት ምካኖም እየ ዝኣምን።

ብዙሓት ሰባት ሓገዝ ከም ዘድልዮም ካብ ባርነት ናጻ ክስደዱ ከም ዝደልዩን ክእመኑ ኩርዓት ይስምዖም። “ስለዚ የሱስ ነቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኣይሁድ “ንስካትኩም ኣብ ቃለይ እንተጸናዕኩም ብሓቂ ብሓቂ ደቂ መዛሙርተይ ኢኩም እታ ሓቂ ድማ ሓራ ከተውጽኣኩም እያ።” በሎም ንሳቶም ድማ “ንሕና ዘርኢ ኣብርሃም ኢና። ባሮት ኣይኮንናን ዝተገዛእናዮ ከቶ የብልናን ከመይ ገይርካ ደኣ ሓራ ክትወጹ ትብለና” ኢሎም መለስሉ የሱስ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም “ብሓቂ ይብለኩም ኣሎኪ ሓጥያት ዝገብር ዘበለ ንሱ ባርያ ሓጥያት እዩ። ባርያ ከኣ ኣብ ቤት ንኩሉ ጊዜ ኣይነብርን እዩ። ውሉድ ግና ንኩሉ ግዜ ነባሪ እዩ። ውሉድ ሓራ እንተ ኣውጸኣኩም ብሕቂ ሓራ ክትኮኑ ኢኩም” (ዮሃንስ 8፣31-36)

ኣስተውዕሉ የሱስ እዚ ንኣይሁድ እዩ ተዛሪብዎም “መን ንዕኡ ኣመነ” ኣብ ባርነት ካም ዝነብሩ ሓራ ዘውጽኦም ከም ዝደልዩን ክእመኑ ኣይደለዩን። ብዙሓት ክርስትያን ሎሚ ውን ከምኡ ኣሎዉ።

ጳውሎስ ኣብ ሮማውያን ምዕራፍ 6 “ድሮ” ካብ ባርነት ሓጥያት ናጻ ከም ዝኮንና ይነግረና “ከም እዙዛት ባሮት ኮይንኩም ገዛእ ርእስኩም ንሓደ ሰብ እንተ ኣግዛእኩም ባሮት ናይቲ እትግዝእዎ ሰብ ምካንኩም ዶ ኣይትፈልጡም ኢኩም? ከምኡ ከኣ ምሓጥያት እንተ ተኣዘዝኩም ናብ ሞት ከመርሓኩም እዩ፣ ንእግዚኣብሄር እንተ ተኣዘዝኩም ግና ናብ ጽድቂ ክመርሓኩም እዩ። ቀደም ባሮት ሓጥያት እካ እንተነበርኩም ነቲ ድሪ ዝተዋህበኩም ትምህርቲ ካብ ልቢ ስለ ዝተኣዘዝኩምዎ። ካብ ሓጥያት ሓራ ወጺእኩም ከኣ ንጽድቂ ስለ ዝተገዛእኩም ንኣምላኽ ምስጋና ይኩኖ። (ሮማውያን 6፣16-18) ኣብዚ ምዕራፍ ምርጫና ኣብ መግዛእቲ ከንብረና ከም ዝክእል የጠንቅቀና።

ናጻ ከም ዝወጻና “ናይ ሕሉፍ”ሓቂ እዩ። ሓራ ክንወጽእ (ንመጻኢ) ከም ንደሊ ውን ሓቂ እዩ፣ ብሕጊ ባራዩ ናይ ሓጥያትን ናይ ሰይጣንን ኣይኮንናን ሓንሳእ ንየሱስ ጎይታና ምስ ገበርናዮ ናጻ ኢና። እንተኮነ እዚ ኣብ መስርህ እነረጋግጾ ናይ ሓቂ መርኣያ እዩ። በብቕሩብ ኣብ ህይወትና እንሰርሖ ሓቂ።

“እምበኣርከስ ኣቱም ፍቁራተይ ከምቲ ኩሉ ሳዕ እተኣዘዝክምዎ ሕጂ ከኣ ኣብ ቅድመይ ጥራይ ዘይኮነስ ኣውራ እካድኣ ብድሕረይ ብፍርሓትን ብራዕድን ምእንቲ ናይ ገዛእ ርእስኩም ድሕነት ስርሑ፣ ከመይ ነቲ ብፍቅሩ ዝመደቦ ምእንቲ ክትደልዩን ክትገብሩን ኣምላኽ በዕሉ እዩ ኣባካትኩም ዝዓይይ” (ፊልጲ 2፣12-13) ኣብ መዓልቲ ሕነ ምስ ኣምላኽ ክንትሓባበር ኣሎና።

**መዓልቲ ሕነ ጽፉፍ መስርሕ ኣይኮነን። መብዛሕቲኡ ጊዜ ስቃይን ጸገምን ዘሎዎ እዩ፣**

ጽቡቅ ኣብነት ናይዚ ሓቀኛ ታሪክ እብራውያን ካብ ባርነት ግብጺ ወጺኦም ብምድረበዳታት ናብታ ኣምላኽ ዝተመጻብዓሎም መሬት ክከዱ ከሎዉ እዩ፣ እዚ ዛንታ ኣብ መጽሓፍ ዘጽኣት ተጻሒፉ ኣሎ።

እስራኤላውያን ንልዕሊ 400 ዓመታት ባሮት ግብጽውያን ነበሩ። ግብጺ ምስሊ እታ ንሕና ቅድሚ የሱስ ዘድሕነና ባሮታ ዝነበርና “ዓለም” እያ፣ እዚ ባርነት ማዕረ ክንደይ ኣብ ውሽጢ ነፍሲ እቶም እብራውያን ኣትዩ ከም ዝነበረ ክንሓስቦ ንክእል ኣይመስለንን። ወለዶ ድሕሪ ወለዶ መንነት ኣይነበሮምን። ሰብኡት ማዓስ ኣንስቶም ከም ዝውሰዳ። ኣዴታት መኣስ ውሉደን ከም ዝውሰዱ ኣይፈልጡን ነበሩ መሰል ኮነ ካልእ ኣይነበሮምን።

ኣምላኽ ግን መገላገሊ ሰደደ። ሙሴ ምስቲ ሓላፊ ባሮት ፈርኦን ገጠመ። ብተመሳሳሊ የሱስ መጺኡ ምስቲ ናይ ባርነት ጎይታና ሰይጣን ገጠመ። ኣምላኽ ነብስና ባዕልና ሓራ ከነውጽኣ ከም ዘይንክእል እንታይ ደኣ ምስቲ መራሒ ባርነትና ሰይጣን ዝገጥመልና ንደሊ ምንባርና ይፈልጥ ነይሩ።

እብራውያን ካብቲ መራሒ ባርነቶም ዝነበረ ፈርኦን ናጻ ወጺኦም ብቀይሕ ባሕሪ ክሰግሩ ከለዉ ብመንገዲ “ሓያል ፈጣሪ” እዮም ተመሪሖም ፈርኦን ኣብ ልዕሊኦም ስልጣን ኣይነበሮን። ልክዕ ከምኡ ንሕና ብክርስቶስ ምስ ተጠመቅና ካብ ኢድ ሰይጣን ሓራ ወጺእና።

ኣምላኽ ብቀጥታ ናብታ ናይ መብጸኣኣ መሬት ኣይወሰዶምን። ብምድረ በዳታት መርሖም። እቶም ኣካል መደብ ኣምላኽ ንናትና ሓራ ምውጻእ ዝኮኡ ምደበዳታት ህይወትና ከመጹ እዮም፣ ብእምነት ምምልላስ ክንመሃር ኣሎና። ብዘይካ ካሌብን እያሱን እቶም እብራውያን ብእምነት ኣይመላለሱን ነበሩ። ብዘይካ እዞም ክልተ ከኣ ኩሎም ኣብቲ ምድረበዳ ሞቱ፣ ውልዶም ግን ናብታ ናይ መብጸዓ መሬት ኣተዉ። እዚ ምስሊ ንሞት ኣረጊት ባህርና ኣብ “ምድረበዳናን” ካብ መብጸዓ ኣምላኽ ዝረከብናዮ ሓድሽ ምውላድን እዩ። (2ጴጥሮስ 1፣3)

እያሱን ካሌብን ፍሉያት ነበሩ። መንገዲ ህይወቶም እንተ ተመሂርናዮ ወላ እቶም ካልኦት ናብ ገዝኦም ምስከዱ ንኣምላኽ ክርእይዎን ክሰምዕዎን ኣዝዮም ጽሙኣት ስለ ዝነበሩ ኣብ ዙርያ "ናይ ኣኬባ ዳስ" ይጸንሑ ነበሩ፣ መንገዲ ህይወቶም ብባህሪ እምነት ይምህር። ብእምነት እተመልአ ቃላት ይዛረብ እምነቶምን ቃሎምን ከኣ ናብ ናይ መብጸዓ መሬት ወዶም፣ ወላ ሓደ እብራዊ ካብ ናቶም ወለዶ ከምኡ ኣይረከበን። ኩሎም ነቶም "ንጉዓት" ርእዮም ኣሉታዊ ብፍርሒ እተመልአ ቃላት ክዛረቡ ከለዉ በዓል እያሱ ግን ኣብ ኣምላኮምጸንዑ። ( ዘህ 13፡14)

**ካብ ብሉይ ኪዳን ተመሃሩ**

ኣብ እብራውያን ምዕራፍ 3ን 4ን ኣምላኽ ንኣመንቲ ሓዲሽ ኪዳን ካብ መንገድታት ናይ ብሉይ ኪዳን ዉሉድ ኣምላኽ ክመሃሩ ከም ዘጠንቅቅ ርኢና ኣሎና።

ኣምላኽ ንእስራኤላውያን ኣብቲ በረካ ዝቀረበሎም መንገዲ ጽቡቅ መንገዲ ነበረ፣ ማይ ካብ ከውሒ። ማና ካብ ሰማይ (ዘጽኣት 16፣15) ክዳውንቶምን ሳእኖምን ኣይበለየን። ኣምላኽ ነቲ መሪር ዒላ ኣብ ማራ ናብ ጥዑም ዝስተ ማይ ለወጦ (ዘጽኣት 15)። እንተኮነ ገና ኣንጻር ሙሴን ኣምላኽን የግርምሩሙ ነበሩ፣ ምክንያቱ ኣብቲ ዘይርኣ ኣምላኽ እንዳ ኣምለክካ ምንባር ኣይለመዱን ናብ ጣኦታት ኣማልክትን ባርነትን ክምለሱ ደለዩ።

እዞም እብራውያን ንነዊሕ እዋን ባርያ ምካን ብቀሊሉ ክሰዓር ዘይከኣል ናይ ባርነት ወልፊ ከም ዘስዕበልና የርእዩና። ኣምላኽ ብከመይ በቲ ናይ ምስዓር መስርሕ ከም ዘሕልፈና ይፈልጥ እዩ፣ ንሕና ግን ብዙሕ እዋን ነቲ ናይ ኣምላኽ መንገዲ ኣይንፈትዎን ኢና።

ምልክታት ናይ ኣተሓሳስባ ባርነት እብታይ እዩ? እንተኮነ በዚ ክትሓልፍ ከለካ ዝኮነ ምልክት ባርነት ምስ ዝርከበካ። ኣምላኽ ከኔነን ሕፍረትን ክሰመዓካ ከም ዘይደሊ ፍለጥ ነዚ ዘይርአ በርነት ፈሊጥኩም ሓራ ከውጽኣኩም ጥራይ እዩ ዝደሊ። ንነብስካ ኣብ ኣፍደገ ቤት ማሕቡስ ምስ የሱስ ሓራ እተውጽኣካ መፍትሕ ኣብ ኢድካ ሕዝካ ከለካ ሞ ሕሰባ። በቲ ምልክታት። ወልፍታት ዘይግቡእ ባህሪ ወይ ካልእ ኣይትሕፈር ካቡ ጥራይ ናጻ ከውጽኣካ ኣፍቅደሉ!

ብባነትካ ናይ ተወርሶ ክከውን ዓቢ ተከእሎ ኣሎ ወላ ውን ንስካ ጠንቂ እንተኮንካ ። ፍቕሪ ኣምላኽ ክትፈልጥ ኣሎካ። ፍቅሩ ናብኡ ንክትመጽእ እንበር ንክኩንነካ ኣይጥቀመሉን እዩ። ኣምላኽ ኣይከስስን እዩ ግን ነቲ ክስና ይወስዶ! ንድሕነትካ ናብኡ ጉየ ንክሕውየካካ እዉን ኣፍቅደሉ! ክክ ዘለካዮ እዩ ዝወሰደካ ኣዝዩ ስለ ዘፍቅረካ ብከምኡ ኣይገድፈካን እዩ!

ሓደ ካብቲ ዘዘንግዕ ዓይነት ባርነት። ባርነት ንገዛእ ርእስካ ወይ ስስዐ እዩ። ንስሱዕ ባህርና እንተ ቀጺልናዮ ባሮት ናይ ኣረጊትን ውዱቅን ባህሪ ናይ ስጋና ኢና ንከውን።

**መንነት ዘይምህላው እቲ ቀዳማይ ጠንቂ ባርነት እዩ፣**

ባራዩ መንነቶም ካብ ጎይታ ወጻኢ እዮም ዝረክብዎ። ብከምኡ እዮም ሰባት ኣብ ባህሊ ኣመሪካ ጽብቅቲ ማኪና ክገዝኡ። ምስ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሰባት ክመሓዘው። ዝተፈላለየ ፋሽን ክዳውንቲ ኪክደኑ። ኣባል ናይ ሓደ ተዋሳእቲ ዝድግፍ ክለብ ክኮኑ እትርእይዎም፣ እንታይነቶም ብትርኢቶም። ወይ እንታይ ዓይነት ማኪና ይውንኑ። ወይ ምስ መን ይመሓዘዉ ክፈርድዋ ይፍትኑ።

መንነት ብከመይ ክንረክቦ ይግበኣና? ኣምላኽ መንነትና ብዝምድና ክንረክቦ ከም ዝፈጠረና ይኣምን፣ ዓርኪ ጸላዊ እዩ፣ መንነትና ካብቲ ድልየትና ዝገብረልና ካብኡ ንረክቦ። ኣምላኽ መታን መንነትና ካብኡ ክንረክቦ ምስኡ ክንተዓራረክ እዩ ዝደልየና፣ እዚ መንነት እዚ ክብረት ተዘይኮይኑ ዝኮነ ካልእ ኣይህበካን እዩ።

ኣብ ቀዳማይ ክፍለዘመን ሮማውያን ንሰባት ካብ ገዝኦም ወሲዶም ባራዩ ይገብርዎም ነበሩ፣ ስድራቤታት ናዘልኣለም ተፈላለያ። ወዶም ደቆም የሕዋቶም ኣሓቶም ወይ በዓልቲቤቶም ይፈላለዩ ነበሩ። ኣንስትን ሰብኡትን ይዕመጹ ነበሩ። ጠቅላላ መንነት ኣይነበሮምን።

**ብናይ ሓደ ተግባር ዝርከብ ማንነት ፍሉይ ባርነት እዩ፣**

ብዓይኒ እቲ ባርያ ህይወቱ ሕጂ ፍልይቲ እያ፣ ናቱ መንነት ኣይነበሮን። ሓንቲ መዐቀኒት ንመንነቱ ተግባራቱ ኣብ ስርሑ ጥራይ እያ። ጎይትኡ ብስርሑ ደስ ኢልዎ እንተ ርኢዎ ወይ ከምኡ ባርያ ወላ ኣብ ገለ ደረጃ ሓላፍነት ዝርከብ ሰብ ስርሑ እንተ "ኣድኒቅዎ"ብዛዕባ ነብሱ ጽቡቅ ይስምዖ።

ፎርሙላ ህይወቱ ከምዚ እያ (ከመይ ሰሪሐ) + (ብዛዕባ ስርሐይ እንታይ ይስመዓካ) = (ብቅዓተይ)

ወዲ ሰብ ብቅዓቱ ካብ ዘይኩነታዊ ፍቅሪ ክረክቦ እዩ ብኣምላኽ እተፈጥረ፣ ሕጂ ልክዕ እቲ ኣንጻር እዩ ኣጋጢሙ። ሰባት ኩሉ ፍቅሪ ኣብ ተግባራቶም ከም ዝሙርኮስ እዮም ዝኣምኑ፣ ዝገደደ ከኣ ጎይተቶም ኣብ ስርሖም እንታይ ይስምዖም የተሓሳስቦም።

**ግን ኣገደስቲ ሰባት ካብ ከምዚ ድዮም ዝመጹ?**

ሓደ ባርያ ብስርሑ ኣዝዩ ንኡድ ተዘይኮይኑ ኩነኔ ይስምዖ። እዚ ባርያ ካልእ ጽቡቅ ስራሕ ዘይሰርሕ ሰብ ምስ ዝረክብ ቀልጢፉ ይኩንኖን ይንዕቆን። እቲ ባርያ ነቲ ካልእ ሰብ ኣነኣኢሱ ንነብሱ ዋጋ ከም ዘለዋ ይሓስባ፣ ኣምላኽ ነቶም ንካልኦት ዝፈርዱ እቲ ስቃይ መታን ከስምዖም ሓያል ሕጊ ገይሩ። ብፍርድኩም ጥንቁቃት ኩኑ በቲ ዝፈረድኩሞ ፍርዲ ወይ ዉን ካብኡ ዝበኣሰ ክትፍረዱ ኢኩም። የሱስ ኣብ ማቲዎስ 7፣1 "ኣይትፍረዱ ከይትፍረዱ" ድሒሩ ኣብ ፍቅዲ 3ን 4ን ምስ ናይ ካልኦት እትፈርድዎ ዘሎኩም ጉድለት በሰር ኣወዳዲርካ እቲ እትፈርድዎ ዘሎኩም ሰብ ጌገኛ ክከውን ይክእል እዩ ፍርድኩም ግን ዝገደደ እዩ።

ያእቆብ 4፣11 ከምዚ ይብል "ኣቱም የሕዋተይ የድሕንኩም ንሓድሕድኩም ኣይትነቃቀፉ እቲ ንሓው ዝነቅፍ ወይ ኣብ ልዕሊ ሓዉ ዝፈርድ ንሕጊ እዩ ዝነቅፍ ኣብ ልዕሊ ሕጊ ይፈርድ፣ ብሕጊ ክትፈርዶ ከለካ ግን ትፈርዶ እንበር ትሕልዎ ኣይኮንክካን ዘሎካ"

ባራዩ "መሐጎስቲ ሰባት" እዮም (ኤፌ 6፣15) ብቀጻሊ ንምሕጋስን። ደገፍ ናይ ካልኦት ሰባት ንምርካብን ቀጻሊ ይፍትኑ፣ ስርሖም ካልእ ትርጉም የብሉን እንተ ሓለፍቶም ስድርኦም ወይ መምሃራኖም ብስርሖም ተሓጉሶም ብዛዕባ ነብሶም ጽቡቅ ይስምዖም፣ ተዘይኮይኑ "ወላሓደ" ኣይስምዖምን ኩሉ ግዜ መንነት ዝህብዎም ኣዕሩክን ዝናን ክረክቡ ይፍትኑ።

ባራዩ "ንምርኣይ ዓይኒ" ጥራይ ይሰርሑ (ኤፌሶን 6።5) ክርኣዩ ከለዉ ኣበርቲዖም ይሰርሑ እቶም ሓለፍቶም ሕቅኦም ምስ ዝጠውዩሎም ተስፋ ይቆርጹ ነቶም ጎይተቶም የካፍእዎምን ከውድቅዎም ይጽዕሩን።

**ባራዩ የማርሩ እዮም።** ጸገማቶም ንካልእ ሰብ የላግብሉ ኣብ ሓሳቦም ጸገም እንተኣጋጢሙ ናይ ካልእ ሰብ ጉድለት ገይሮም ይሓስብዎ። እዚ ከኣ ሕሜታን ዉርደትን የስዕብ።

**ገለ ባራዩ ኣብ ምልውዋጥ ንፉዓት ይኮኑ።-** ንሰባት ብከመይ የሕጉስዎም ወይ "ተመሊሶም መታን ከፍቅርዎም"። "ንከፍቅርዎም" ይመሃሩ።

**ባራዩ ንሓለፍቶም ምእዛዝ ኣይፈትዉን።-** መራሒኦም ሕማቅ ከም ዝኮነን ንሓላፊኦም ክጸልእዎን ይማሃሩ።

**ባራዩ ንካልኦት ክቆጻጸሩ ይፍትኑ።-** ንካልእኦት ሰባት ከም ድልየቶም ክቆጻጸሩ ክልውጥዎምን ይፍትኑ። ገለ ባራዩ ቆየቃ ምግዓር ተጠቂሞም ንካልኦት ክርግጹ ይፍትኑ።

**ባራዩ ንርእሶም ኣክብሮት የብሎምን።-** ንናይ ካልኦት ህዝቢ እምነት። ተምሳጥን ዘይሞራላዊ ስነ ምግባር ይጥቀምሉ ብከምቲ እብራውያን ኣብ ምድረበዳ ዝተጠቅምሉ ዝመሳሰል መንገዲ።

**ባራዩ ውሉፋት ይኮኑ።-** እንተድኣ ንመግቢ መድሃኒት ኣልኮል ፖርኖግራፊ ወላ ውን ንነኣሽቱ ነገራት ካም ጋዜጣ ተለቪጂን ኮምፒዩተር ወልፊ ኣሎካ ባርያ ናቱ ኢካ፣ ኣምላኽ ሓራ ከውጽኣካ ሓይሊ ኣሎዎ። ኣብ ኩነኔ ናይ ጉድለትካ ኣይትንበር።

ነዞም መምዘኒታት ተጠቂምካ ነዞም ኣብ ባርነት ዝኣተዉ ክፋላት ህይወትካ ምስ ፍቅሪ ባህሪ እቲ ኣብ ውሽጥካ ዝነብር መንፈስ ቅዱስ ዘይሰማማዕ ፍለዮ።

**(ቆሎሴ 3፣1,4፣1) ከምዚ ይብል**

1. *ደጊም ምስ ክርስቶስ ካብ ሞት ተንሲእኩም ኢኩም እሞ ቅልብኩም ኣብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ነገራት ኣብቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቀሚጥዎ ዘሎ ግበሩ፣*

2. *ኣእምሮኹም ናብቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ዘይኮነስ ናብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ የቕልብ፣*

*3. ከመይ ሞይትኩ ኢኩም ህይወትኩም ውን ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊሩ ኣሎ፣*

*4. እቲ ህይወትኩም ዝኮነ ክርስቶስ ምስ ተገልጸ። ንስኻትኩም ውን ምስኡ ብክብሪ ክትግለጹ ኢኩም፣*

*5. ስለዚ ነቲ ስጋዊ ስሚዒትኩም ማለት ምንዝርና፣ ርክሰት ፍትወት ስጋ፣ ክፉእ ትምኒት፣ እቲ ኣምልኮ ጣኦት ዝኮነ ስስዐ ቅተሉ፣*

*6. ብሰሪ እዚ ነገራት እዚ ቁጥዐ ኣምላኽ ኣብቶም ንእግዚኣብሄር ዘይእዘዝዎ ይወርድ ኣሎ፣*

*7. ንስካትክኩምዉንቅቀድደምን ነገራትዚ እንዳገበርኩም ትነብርሩ ነበርኩም፣*

*8. ሕጂ ግና ንስካትኩም ካብ ቁጥዓ ካብ ሕርቃን ካብ ክፍኣት ስም ሰብ ካብ ምጽላም ካብ ዘጸይፍ ዘበለ ዘረባ ኩሉ ርሓቁ፣*

*9. ካምኡ ዉን ነቲ ኣረጊት ሰብነት ምስ ኩሉ ግብሩ ቀንጢጥኩም።*

*10. ነቲ ንእኡ ምእንቲ ክፈልጥ እቲ ፈጣሪኡ ባሪኡ ዘሐድስ ዘሎ ሰብነት ዝለበስኩም ስለዝኮንኩም ንሓድሕድኩም ኣይትተሓሳሰዉ፣*

*11. ክርስቶስ ኩሉን ካብ ኩሉን እዩ እንበር ኣብኡስ ግሪካውምን ኣይሁዳውን ግዙርን ዘይግዙርን ዝሰልጠነ ኣረማውን ዘይሰልጠነ ኣረማውን ባርያን ጭዋን የለን፣*

*12. እምበኣር ኣምላኽ ከም ዝሓረዮም ቅዱሳንን ሕሩያትን ህዝቢ ኮይንኩም ምሕረት፣ ለውሃት፣ ትሕትና፣ ሕያውነት፣ ትዕግስቲ ልበሱ፣*

*13. ንሓድሕድኩም ተጸዋወሩ። ኣብ ሞንጎኹም ቅር ዘብል ነገር እንተሎ ይቅረ ተበሃሃሉ ከምቲ ጎይታ ይቅረ ዝበለልኩም ይቅረ ተሃሃሉ፣*

*14. ኣብ ልዕሊ እዚ ኩሉ ግና ንኩለን ኣሲሩ ኣብ ፍጻሜ እተብጽሕን ፍቅሪ እያ እሞ ልበስዋ፣*

*15. ናይ ሓደ ሰብነት ኣካላት ኮይንኩም ንሰላም ተጸዊዕኩም ኢኩም እሞ። ሰላም ክርስቶስ ኣብ ልብኩም ይንገስ መማሰውቲ ከኣ ኩኑ፣*

*16. መዝሙርን ቅኔን መንፈሳዊ ዜማን ብምስጋና ንኣምላኽ ብልብኩም እናዘመርኩም ንሓድሕድኩም ክትምህሩን ክትምዕዱን ከልኩም። ቃል ክርስቶስ ብኩሉ መሊኡ ይሕደርኩም፣*

*17. ብቃል ኮነ ወይስ ብግብሪ እትገብርዎ ዘበለ ኩሉ ብስም ጎይታና እየሱስ ግበርዎ፣ ብእኡ ከኣ ንእግዚኣብሄር ኣብ ኣመስግንዎ፣*

*18. ኣትን ኣንስቲ ከምቲ ንጎይታ የሱስ ዝግባእ ገይርክን ንሰብኡትክን ተኣዘዝኦም ፣*

*19. ኣቱም ሰብኡት ነንስትኩም ኣፍቅርወን ከምኡ ዉን ኣይትጨክኑለን፣*

*20. ኣቱም ውሉድ ንጎይታ ባህ ዘብሎ ንሱ እዩም ንወለድኩም ብኩሉ ተኣዘዝዎም፣*

*21. ኣቱም ኣቦታት ሕልንኦም ከይዓርቦም ነቶም ዉሉድኩም ኣይተኮርይዎም፣*

*22. እቱም ገላዉ ነቶም ብስጋ ጎይተትኩም ዝኮኑ። ንገዛ ርእ ንሰብ ባህ ከምተብሉ ገይርኩም ዘይኮነስ ብቅኑዕ ልቢ ንእግዚኣብሄር እናፈራሕኩም ብኩሉ ተኣዘዝዎም፣*

*23. ነቲ ርስቲ ካብ ጎይታ ከም ዓስቢ ከም ትቅበልዎ ዘይኮነስ ንጎይታ ከም እትገብርዎ ገይርኩም ካብ ልቢ ግበርዎ፣*

*24. እቲ እተገልግልዎ ሓቀኛ ጎይታ ክርስቶስ እዩ፣*

*25. እቲ ክፉእ ዝገበረ ኣብ ክንዲ እቲ ክፉእ ግብሩ ክፍደ እዩ፣ ከመይ ኣብ እግዚኣብሄር ኣድልዎ ገጽ የልቦን፣*

*ኣቱም ጎይቶት ኣብ መንግስተ ሰማይ ጎይታ ከም ዘለኩም ፈሊጥኩም ንግዚትኩም እቲ ፍትሓውን ርትዓውን ሃብዎም፣*

እዚ ዓቢ መምዘኒታትንህይወትና ከም መስትያት ክንጥቀመሉ ዘሎና እዩ። እቲ ምስ ኣምላኽ ዘይሰማማዕ ክፋላት ንይቅረ ምባልን ምሕዋይን ናብ ጎይታ ኣምዝእዎ።

የሱስ ከም ውዱእ ስምምዑ ዓወት ሂብና! እቲ ዘድሕነና ኣብ ቃሉ እምነትና እዩ፣ ንጥበብ ዝምድናና ምስ ክርስቶስ ከነብልሖ ይግበኣና። ንዕዑ ሓቂ ንንገሮ ንቃሉ ንስምዓዮ ንመንፈስቅዱስን ንቤተክርስትያንን ንሰዓብ፣ እዚ ምስ እንገብር ህይወቱ ብኣና ናቱ ጨናፍር ተክሊ ወይኒ ይሓልፍ (ዮሃንስ 15)

ናይ ባቢሎን ምስጢር እታ ብመንገዲ ሰይጣን እትምራሕ ዓለም። የሱስ ብዛዕባ መወዳእታ ናይ ባርነት ሜላኣ ኣብ (ራኢ 18፣11-13) ይዛረብ።

"እቶም ኣብ ምድሪ ዝነብሩ ነጋዶ ከኣ። ደጊም ኣቃሕኦም ዝዕድገሎም ስለ ዘየልቦ ክበክዩን ከልቅሱን እዮም፣ ኣቃሕኦም ከኣ ወርቅን ብሩርን ።ክቡር እምንን ሉልን። ሻሽን ቀይሕ ዉጹእ ክዳን ሃርን ቀይሕ ግምጃን። ቁጹይ መኣዛ ዘሎዎ ዘበለ ዕንጨይትን ።ካብ ስኒ ሓርማዝ ዝተሰርሐ ዘበለ ኣቅሓን ብኩቡር ዕንጨይትን። በስራዝን ሓጺንን እምነበረድን ዝተሰርሐ ዘብለ ኣቅሓን። ቃርፋን ቀመምን ዕጣንን ከርበን ጻዕዳ ዕጣንን፣ ወይንን ዘይትን፣ ሓርጭን ስርናይን፣ ከብትን ኣባጊዕን፣ ኣፍራስን ሰረገላታትን ባሮትን ከምኡ ከኣ ካልኦት ሰባት እዩ።"

**ደም የሱስ ናጻ ሰም ክገብረካ እዩ! ስዓቦ**

[1] http://www.isob-bible.org/openlessons.htm

[2] Purloin – to steal something especially when the theft breaks another's trust.

[3] H. Clay Trumbull. The Blood Covenant. Impact Books Inc. Kirkwood, MO., 1975, pages 221-223.

[4] Assay: an examination and analysis of something, chemical testing carried out to determine the composition or a substance of the concentration of various components in a substance, a sample of material for analysis.

# ምዕራፍ 13

## ዕምቆት ዝምድና ኣትሒትካ ኣይትርአ

ዶክተር ማርክ ሩትላንድ ብዛዕባ ኣብ ንእስነቱ ዛንታ የዕሊሉ ነይሩ። ቅድሚ ምድሓኑ ዘጋጠመ እዩ ዝከውን፣ ንሱን የዕርክቱን ኣብ ሜሪላንድ እንዳተጋዕዙ ኣብ ሓደ ቤት መግቢ ኣላገሱ (መታን ንምዝንታዉ ክጥዕመና ኣስማት ናይዞም ሰባት ባዕለይ ዝሃብክዎም እዩ)። ኣብቲ ቤት መግቢ ዝፈልጥዎ ሰብ ማለት ኤዲ ምስ ዓርኩ ኮፍ ኢሎም ርኣይዎም፣ ሓደ ሰኪሩ ዝነበረ ዓርኪ ሩትላንድ ኣብቲ ኮፍ መበሊ ምስ ኤዲን ዓርኩን ኮፍ በለ፣ ቶኒ እቲ ሰክራም ምስታ ዓርኩ ምትንካፍ ጀመረ። ኤዲ ብዙሕ ግዜ ከቃርጽ ነገሮ ኣብ መወዳእታ ቶኒ ነታ ጋል ሰዓማ ኤዲ ከኣ ኢዱ ዓሚኩ ብቬትሮ ክሳብ ዝወጽእ ኣበርቲዑ ንቶኒ ዘበጦ፣

እቶም ኣወዳት ነቲ ዝደሚ ዝነበረ ቶኒ እንዳሓከሙ ይጉዓዙ ነበሩ። ሩትላንድ ከምዚ በሎ "ኤዲ ከጠንቅቀካ ከሎ ኣይሰማዕካዮን ዲካ?" ቶኒ ከኣ ሰሚዐዮ እንበር ነቲ ዕምቆት ዝምድንኦም ግን ኣትሒተ ርእየዮ!" ክብል መለሰሉ።

**እብራውያን ኣብ ግብጺ ባራዩ ነበሩ፣**

እብራውያን ንኪዳኖም ረስዕዎ እንተኮነ ኣምላኽ ነቲ ደም ኪዳን ኣይረስዖን፣ ናብርሃምን ዘርኡን ባህርታት ክልውጦም ከም ዝተሰማምዐ ዘከሮ። ንእብራውያን በረከት ኩለን ሃገራት ክገብሮምን ጻላኢኦም ክስዕረሎምን ዝኣተዎ ኪዳኑ ይዝክሮ እዩ። ደሓር ከም ዝተረጋገጸ ማለት እቲ ናይ መወዳእታ ገንሸል ኣምላኽን እቲ ናይ መወዳእታ መስዋእትድ ኦም ኪዳን ብመስመር እብራውያን። እቲ መሲሕ የሱስ እዩ በጺሑና።

ንየሱስ ከምቲ ጽሑፋት ዝገልጽዎ ገይርና ክንርድኦ ኣገዳሲ እዩ፣ ሰብ "ንኣምላኽ ኣብ ሓሳቡ ብናቱ ምስሊ" ይክእልን ብዙሕ ግዜ ገይርዎን እዩ፣ ኦሪት ዘህሉቅ ኣምላኽ ንስድራ ቤቱን። ንህዝቡን ብፍላይ ንደም ኪዳኑ እሙን ምካኑ የርእየና።

ኣብ ልዕሊኡ ከምዚ ይብል " ድማ ኣነ ኣምላኽ ኣቦካ ኣምላኽ ኣብርሃም ኣምላኽ ኢሳቅ ኣምላኽ ያቆብ ከኣ እየ በለ ኡስሲሴድምማንናኣከ ከይጥምት ፈሪሄ  እሞ ገጹ ከደነ። እግዚኣብሄር ድማ ጸበባ እቲ ኣብ ግብጺ ዘሎ ህዝበይ ፈሊጠ እየ እሞ ስቃዮም ኣጸቢቀ ርኣኹ እቲ ብሰሪ መጨነቅቶም ዘእውይዎ ከኣ ሰሚዐ ኣሎኹ ሰልዚ ካብ ኢድ ግብጻውያን ከድሕኖም ወሪደ ኣሎኹ። ካብታ ምድሪ እቲኣ ናብታ ጽብቅትን ርሕብትን ጸባን መዕርን እተውሕዝ ምድሪ ናብታ ቦታ ከነኣናውያንን ሄታውያንን ኣሞራውያንን ፈረዝውያንን ሃዋውያንን ደቡሳውያንን ከደይቦም እየ፣ ሕጂ ድማ እንሆ ኣውያት ደቂ እስራኤል ናባይ መጸ። እቲ ግብጻውያን ዘጥቅዕዎ ጥቃዒት ርኤኩ እምበኣር ሕጂ ንዓ ንህዝበይ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ከተውጽኦም ናብ ፈርኦን ክልእከካ እየ በለ" (ዘጽኣት 3፣6-10)

ሰይጣን ኩሉ ግዜ ንቃልን ድሌትን ኣምላኽ ይቃወሞ እዩ፣ ሰይጣንን ፈርኦንን ነቲ ዝምድና ኣነኣኣስዎ።

(ዘጽኣት 5፣22-6, 8) "ሙሴ ከኣ ናብ እግዚኣብሄር ተመሊሱ ጎይታይ ከመይ ነዚ ህዝቢ እዚ ኣክፋእካሉ። ስለምንታይ ነዚ ዝልኣክካኒ ድማ በለ ካብታ ናብ ፈርኦን ከይደ ብስምካ እተዛረብኩላ ነዚ ህዝቢ ኣክፍእሉ ንህዝብካ ድማ ከቶ ኣየድሓንካዮን በሎ ኣምላኽ ድማ ንሙሴ እቲ ንፈርኦን ዝገብሮ ሕጂ ክትርእይ ኢካ፣ ብሓያል ኢድ ክሓድጎም እዩ፣ ኣረ ብሕያል ኢድ ካብ ሃገሩ ክሰጎም እዩ በሎ። ኣምላኽ ድማ ንሙሴ ተዛረቦ በሎ ከኣ ኣነ እግዚኣብሄር እየ ናብርሃምን ምይስሃቅን ንያእቆብን ከምቲ ኩሉ ዝክእል ኣምላኽ ተገለጸሎም ብስም እዚኣብሄር ግና ኣይተፈለጥኩሎምን። እታ ተሰዲዶማ ዝነበሩ ምድሪ ስደቶም ሃገር ከንኣን ክህቦም ምሳታቶም ኪዳነይ ኣቆምኩ፣ ኣነ ድማ ቁዝማ እቶም ግብጻውያን ባሮት ዝገበርዎም ደቂ እስራኤል ሰሚዐ ኪዳነይ ዘከርኩ። ስለዚ ንደቅ ኢስራኤል በሎም ኣነ እግዚኣብሄር እየ ካብ ትሕቲ እቲ ከቢድ ዕዮ ግብጻውያን ከውጻኣኣኩም እየ፣ ካብ ባርነቶም ከኣ ሓራ ከውጻኣኩም እየ ብዝርግሕቲ ቅልጽምን ብዓበይቲ ፍርድታትን ከድሕነኩም እየ። ህዝበይ ክትኮኑ ድማ እወስደኩም ኣምላኽ ከኣ ክኮነኩም ካብ ትሕቲ እቲ ከቢድ ዕዮ ግብጻውያን ዘውጻእከኩም ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከም ዝኮንኩ ድማ ክትፈልጡ ኢኩም፣ ናብታ ንኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ክህቦም ኢደይ ዝዘርግሕኩላ ምድሪ ከኣ ከእትወኩም እየ ንሳ ድማ ንርስቲ ክህበኩም እየ ኣነ እግዚኣብሄር እየ፣"

ኣምላኽ "ኣነ ኣምላኽ ኣቦኩም፣ ኣምላኽ ኣብርሃም ኣምላኽ ኢሳቅ ኣምላኽ ያእቆብ" ክብል ከሎ "ኣምላኮም ነይረ" ማለቱ ኣይመስለንን ኣን "እዚ ስመይ ኢዩ ሪኢኩም ነቲ ጉድጋድ ደም ኪዳን ምስ ኣብርሃም ክሰግሮ ከሎኩ ሽመይ ናብ 'ኣምላኽ ኣብርሃም' ተቀይሩ ኣብራም መስቀሉ ብግዝረት ከልዕል ከሎ ከኣ ሽሙ ናብ ኣብርሃም ተቀይርሩ" ማለቱ እዩ።

ኣምላኽ ናብ ዓሚቅ ናይ ደም ኪዳን ዝምዳን ምስ ኣብርሃምን ዘርኡን ንእብራውያን ኣብ ግብጺ ባሮት ዝነበሩን ንዓይን ንዓኩምን ወሲኽካ እዩ ኣትዩ።

ኣስተብህሉ ኣብ ዘጽኣት ምዕራፍ 3 ኣብ ላዕሊ ዝተጻሕፈ።ኣምላኽ ናይ ደም ዓልየቶም ምካኑ ነገሮም፣ ንሲቃዮምን ግፍዖምን ርእዮ። ንታሕቲ ወርኢዱ ከኣ ናጻ ኣውጽኦም።

**ንስካትኩም ዉን ዘመዱ ኢኩም**

ወላካ ንፈጣሪ ኣምላኽ ዘመዱ እንተኮንካ ገና ባርያ ክትከውን ትክእል ኢካ። ነቲ ምእንታካ ክብል ኣብ ክንዳካ ባርያ ዝኮነ ወላ እካ ካብ ምውታት ተንሲኡ ሓድሽ ህይወት እንተሃበካ። ሓድሽ ህይወት ልዕሊ ዕብልልና እቲ ባርያ ገባሪ ሰይጣን ነቲ ሓድሽ ምውላድ ምስ ተቀበልካ ናብ ሓድሽ ዕሌት ትውለድ። ነጻ ካብ ባርነት ሰይጣን ገና ግን ተረፍ ሕሉፍ ህይወትካ ዝኮነ ባርነት ክስመዓካ ይክእል እዩ፣ ካብኡ ዘይንእስ ናይ ኣምላኽ ቀረባ ዘመድ ስለ ዝኮንካ። ካብ መግዛእቲ ዓለምን ስጋኻንናጻ ሰብ መታን ክገብረካ ናባካ ይመጽእ እዩ፣

ንእስራኤል ቦክሪ ውሉደይ ይብሎ። ንፈርኦን ንቦክሪ ውሉደይ ናጻ ተዘይሰዲድካዮ ንቦክሪ ፈርኦን ካም ዝቀትልንገርሮ ይብል። ደሓር ንእስራኤል ሰበይተይ ኢልዋ። ንዓና ነብሰይ መርዕተይ ሰበይተይ ደቀይ ኢሉ ይጽወዓና። ኣቦና ሙካኑ ይነግረና።

ማዕረ ክንደይ ንፉዕ ወይ ሕማቅ ሙካንካ ከም ዘየገድሶ ፍለጥ። ኣምላኽ ናይ ደም ዘመዱ ብሙካንካ ጥራይ ከድሕነካ ይደሊ እዩ።

"ንሱ ግና ስልጣኑ ምእንቲ ከፍልጥሲ ምእንቲ ስሙ ኢሉ ኣድሓኖም" (መዝሙር ዳዊት 106፣8)

ስልጣን ንሰበይቲ ወይ መርዓት ኣምላኽ ኣብ ማሕቡስ ከንብራ ኣይክእልን እዩ፣ ንናይ ደም ዘመድክኩም ኣብ ማሕቡስ ምስ እትርእይዎ። እሞ ከኣ ናጻ ክትለቅዎ ሓይሊ ምስ ዝህልወኩም እንዳተሳቀየ ሱቅ ኢልኩም'ዶ ምርኣኩኦ? ኖ!

**ኣብ ውሽጢ ስም እንታይ ኣሎ?**

ስም ብርግጽ ካብ ዝበዝሑ ምዕራባውያን ባህልታት ዝርድእዎ ዝያዳ ትርጉ ኣሎዎ፣ ዝበዝሐ እዋን ኣብ ጽሑፋትን ምብራቃዊ ባህሊን ሽም ካብ መጸውዒ ንላዕሊ ትርጉም ኣሎዎ። ስም ማለት ናይቲ ሰብ መሰረትን ጠባዩን መጸበቂኡን እዩ።

ኣምላኽ ንነብሱ ብጠባዩ ጥራይ ዘይኮነስ ብናይ ደም ዝምድና ዉን ይፈልያ እዩ፣ ሓንቲ ሰበይቲ ምስ እትምርዖ ስማ ይቅየር፣ ክልተ ሰባት ናብ ደም ኪዳን ምስ ዝኣትዉ ናይ ክልቲኦም ኣስማት መታን ጠባይ ሓድሕዶም ክገልጽ ይቅየር እዩ፣

**ኣምላኽ እቲ ናይ መወዳእታ ስሙ "እቲ ዘሎኩ እየ ዘሎኩ" እዩ ኢሉ።**

"ሙሴ ድማ ንኣምላኽ እንሆ ናብ ደቂ እስራኤል መጺኤ ኣምላኽ ኣቦታትኩም ናባካትኩም ሊኢኩኒ ምስ በልክዎም ስሙ መን እዩ እንተበሉንስ እንተይ ክብሎም እየ በሎ ኣምላኽ ከኣ ንሙሴ እቲ ዘለኩ እየ ዘሎኩ በሎ በለ ድማ ንደቂ እስራኤል ከምዚ በሎም እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም ኣምላኽ ኣብርሃም ኣምላኽ ኢሳቅ ኣምላኽ ያቆብ ከኣ ናባካትኩም ለኣኪኒ እዚ ንውሉድ ወለዶ ስመይ እዩ ንውሉድ ወለዶ ከኣ እዚ መዘከርታይ እዩ" (ዘጽኣት 3፣13-15)

እዚ ደፊረ ክገልጾ ዘይክእል ብዙሕ ትርጉም ኣሎዎ፣ እንተኮነ ሓደ ካብ ትርጉም ኣምላኽ "ኣነ እቲ ክኮኖ እትደልዩኒ እየ" ይብል ከም ዘሎ እየ ዝኣምን።

ኣብ ዘጻኣት ምዕራፍ 7 ኣሮንን ሙሴን ስ ፈርኦንን ጠቢባቱን ክጋጠሙ ከሎዉ ኣብ መጀመርታ ማዕረ ሓይሊ ከም ዘለዎም ይመስል፣ ኣሮን ንበትሩ ናብ መሬት ደርበያ ተመን ኮነት ንኣም ምዕራፍ 4 ኣምላኽ ንሙሴ ዘርኣዮ ይመሳሰል። ካብኡ እንታይ ከም ዘጋጠመ ተዓዘቡ እታ ናይ ኣሮን በትሪ ንኩለን በትርታት ወሓጠተን። ኣምላኽ ኣብ መስርሕ ምሕሳር ጣኦታት ግብጺ ነይሩ። እዚ መርኣያ ሓይሊ እዩ፣ ዝኮነ ሰብ ወይ "ጣኦት" ናይ ትንሳኤ ሓይሊ ድሕነት የሉስ የብሉን።

“ድሕሪዚ ድማ ሙሴን ኣሮንን ናብ ፈርኦን ኣትዮም በልዎ። ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ንህዝበይ ኣብ በረካ በዓል ክገብሩለይ ሕደጎም ፈርኦን ድማ እቲ ቃሉ ሰሚዐ ኣይሓድግን በለ ንሳቶም ድማ ኣምላኽ እብራውያን ተራኺቡና እዩ እሞ ፌራ ወይ ሴፍ ምእንቲ ከዮሃርደልናስ መንገዲ ሰለስተ መዓልቲ ናብ በረካ ከይድና ንኣምላኽና ክንሰውኣሉ በጃካ ሕደገና በልዎ ንጉስ ግብጺ ከኣ ዎ ሙሴን ኣሮንን ስለምንታይ ነዚ ህዝቢ ካብ ዕይኡ ተብኩርዎ ኣሎኩም ናብ ዕዮኩም ኪዱ በሎም፣ ፈርኦን ድማ እንሆ እዚ ህዝቢ ሕጂ ኣብዛ ሃገር በዚሑ እዩ፣ ካብ ዕዮኦም ከኣ ትዕርፍዎም ኣሎኩም በለ።” (ዘጽኣት 4፣1-5)

እቲ ዝዓበየ “ድሌት” ንዓና ዘሎና ናይ ትንሳኤ እዩ። ንሕና ኣብ ብሓጥያትን ሞትን ዝተንብጠት ፕላኔት ኢና እንነብር። ኣብ ልዕሊኣ ኢና ዓቢና የሱስ ንኣብ ጽልዋ መንግስትና ንዝገጥመና ኩሉ ሞት ክንስዕሮ ብናይ ትንሳኤ ሓይሉ ኣዚዙና እዩ።

“እየሱስ ከኣ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ በኣይ ዝኣምንሲ እንተሞተካ ብህይወት ክነብር እዩ።” (ዮሃንስ 11፣25)

“ገጹ ክርእዩ እዮም ስሙ ውን ኣብ ግንባሮም ክጸሓፍ እዩ፣” (ራኢ 22፣4)

ትንሳኤ ህይወት ኣብ ውሽጥካ ኣሎካ ካብ “ባርነት ግብጺ” ጥራይ ዘድሕን ዘይኮነስ። እቲ ኣብ ውሽጥኩም ዘሎ ትንሳኤ ህይወት ንቀዳማይ መግዛእትኩም ናብ በረከት ክቅይረልኩም እዩ፣ ኣምላኽ ንጸገም ኣየጥፍኦን እዩ እንታይ ደኣ ናብ ሉል እዩ ዝልውጦ።

ህይወትኩም ከም ዝነብር ዘሎ ምዉት ይመስልዶ? ምናልባት ኣምላኽ ንመስርሕ ሞትን ትንሳኤን ናጻ ከውጽኣኩም እዩ ዝጥቀመሉ።

ኣብ ኢድካ እንታይ ኣሎ? እቲ ዝተንስአ ቃል ኣምላኽ እዩ ኣብ ጥቃኩም ወላ ዉን ኣብ ኣፍኩም ዘሎ። (ሮማ ምዕራፍ 10)

ነዚ ሓሳብ ብዘይ ብዙሕ ጸገም ንምርዳእ ቀሊል መንገዲ እንሃለ። ኣብ ዘጽኣት ምዕራፍ 4 ሙሴ ነቲ ኣምላኽ ክሰርሖ ዝሃቦ ስራሕ ዝከውን ሓይሊ ከም ዘሎዎ ርግጸኛ ኣይነበረን። ኣምላኽ ነታ ኣብ ኢዱ ዝነበረት በትሪ ናብ ምድሪ ክድርብያ ነጊርዎ። ከምኡ ምስገበረ ናብ ተመን ተለወጠት ከም እንደገና ከልዕላ ምስ ነገሮ ከኣ ናብ በትሪ ተለወጠት።

**እዚ ኩሉ መልእኽቲ ኣብ ሓንቲ ፍረ እዩ ዝጠቃለል።**

እታ በትሪ እቲ ቃል እያ። እዚ ኣብ ጽሑፋት ተሓቢሩ ኣሎ እቲ ቃል የሱስ ዉን እዩምእንታና ክብል ኣብ መስቀል (እቲ ተመን) ሓጥያት ዝኮነ። ሙሴ ነቲ እኩይ ተመን ምስ ኣልዓሎ ናብ ቃል ወይ በረከት ተለዊጡ። የሱስ ነቲ እኩይ ካብቲ ተመን መጽዩ ብትንሳኤ ንበረከት ለዊጥዎ። ሓጥያትና ኮይኑ ሞይቱን ተንሲኡን፣ ናይ ትንሳኤ ባህሪኡ ሂቡ። እዚ ኩሉ ዓይነት ኣብ ህይወትና ዘሎ”ሞት” ናብ ባረከት ዝቅይር ሓይሊ ሂቡና!

ብምኽንያት መስቀል ክርስቶስ ዝሓዝናዮ እኩይ ናብ በረከት ከም ዝቅየር ርግጸኛታት ክንከውን ንክእል ኢና። ማሪቆስ 16፣18 (ብኣሕጽሮት) ከምዚ ይብል”ተመን (እኩይ) ክአተልዕሉ ኣይክጎድኣኩምን ግን ናብ ፈወስቲ ክቅይረኩም እ።”

ብዙሕ ግዜ ናይ ሓደ “ሞት” ኣብ ህይወትና ምስ እንርኢ። ናይ ትንሳኤ ሓይሊ ከም ዘሎና ኣይርድኣናን እዩ። “ሞት” ናብ ህይወትን በረከትን ዝቅይር ስሙን ትንሳኤን ኣሎና።

ብሞትን ትንሳኤን ምስ እትሓልፍ ሰዓሪ ኢካ። ምስዓር ንተጻራሪ ዓብሊልካ ኣብ ኩናት ምስዓር ንዓወት ናይ መወዳእታን ምሉእን ምግባር ማለት እዩ፣ ዕብልላ ኣብ ኩናት ወይ ወራር። ኣብ ዝኮነ ቅልስ ንተጻራሪ ምስዓ ወይ ንመሰናክል ምስጋር የጠቃልል።

ዓወት ናይ ክርስቶስ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሰይጣን እዩ፣ ራኢ 12።11 ንሕና ኣብ ህይወት ንዕዑ ምስ እንስዕሮ። ናብ መግዛእቲ ይከይድ ንሕና ናጻ ንሱ ከኣ እሱር ይከውን። እዚ ንክልተ ገጻት ናይ ኪዳን የርእየና። ንዓና ዓመተ ዕልልታ ንሰይጣን ከኣ መዓልቲ ሕነ። (ኢሰያስ 61)

**እዮብ ሰዓሪ እዩ ነይሩ።**

ኣምላኽ ምርኮኡ ናብኡ ተገምጢሉ በለ። ወይ እቶም ዝገዝእዎ ጋኔን ኣብ ክንድኡ ናብ መግዛእቲ ኣተዉ፣

እዮብ 42፣10 ከምዚ ይብል "እዮብ ምእንቲ ፈተውቱ ምስ ጸለየ እግዚኣብሄር ንምርኮ እዮብ መለሰ፣ እግዚኣብሄር ከኣ ንእዮብ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝነበሮ ዕጽፊ ገይሩ ወሰኮ"

ብርሃን ንጸልማት ይውሕጦ ህይወት ከኣ ንሞት ትውሕጣ።

ናይ ኣሮን ተመን ንናይ ፈርኦን ተመን ወሓጦ። ሓቂ ንሓሶት ትውሕጣ። ምትላልን ጉርሕን ብክውንነትን ሓቅን ይወሓጣ፣ እታ ካብ ባርነት ሰይጣን ሓራ ንወጻላ ሓንቲ መንገዲ "ብሙማት" እያከም እብራውያን ብቀይሕ ባሕሪ ክሓልፉ ከለዉ። የሱስ ብመስቀል ክሓልፍ ከሎ ሰይጣን ተሳዕረ። በቲ ክውንነት የሱስ ካብ ምዉታት ክትንስእ ከሎ ሓድሽ ዘርኢ ኣብ ትሕቲ ዕብለላ ሰይጣን ዘየለ ምካኑ እዩ ስዒሩ፣ ሞት ካብ ሰይጣን የድሕነና ምኽንያቱ ንዓና ትንሳኤ ኣሎና ንዕዑ ግን የብሉን።

ብፈተና ምስ እትሰዓር ባርያ ኢካ ትኸውን። እንተኾነ ብህላውነቱን ቃሉን ምስ ኣምላኽ ምስ እትቀውም ንስዕረት ሰይጣን ኣብ ጽልዋ መንግስትካ ምሉእን ዋጋ ዘለዎን ትገብሮ፣ ባራዩ ትገብሮም ኣብ ናይ መወዳእታ ባርነቶም ተንብሮም፣

"ዝተሳዕረ ሰብ ባርያ ናይቲ ዝሰዓሮ እዩ ዝከውን ንሳቶም ግን ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ክፉእ ኣመል ባሮት ከለዉ "ሓራ ክትወጹ ኢኹም" እናበሉ የተስፍውዎም" (2ጴጥሮስ 2፡19)

ናጻ ኣብ ሙካን ተራካ እንታይ እዩ?

ኣስተባሂልኩሞ ከም ዘለኩም ኩሉ ናይ ደም ዘመድ የሱስ ካብ ባርነትን መግዛእትን ናጻ ኣይኮነን፣ እንተኾነ ኣምላኽ ኣብ ማሕቡስ ክትጸንሑ ደው ኢሉ ኣይረኣየን። መውጽኢ መፍትሕ ይህበኩም ኣሎ፣ እዚ ኩሉ ኣብ ዝምድና ምስኡ ኣሎ ብክዉን ነቲ ብተግባር ነቲ ዝምድና እንተሓሊኩሞ ብክውን ሓራ ክትኮኑ ኢኹም ፣ ኣብ ዝቅጽል ምዕራፋት ከም እንርእዮ ኣምላኽ ንእብራውያን ናብ በረካ ከይዶም ከምልክዎን ምስ መስዋእቲ ደም ኪዳን ክገጥሙን እዩ ናጻ ዘውጽኦም ነይሩ፣ ወጀሃላይ ኪኪዱን ካብኡ ናጻ ክኮኑን ኢሉ ኣይኮነን ናጻ ኣውጺእዎም፣ ኣብ ዝስዕብ ምዕራፋትክፋል ደም ኪዳን ጽንብል ፋሲካ ናይ ዘይቦክዐ እንጀራ ምስንካት ከም ዝነበረ ከተስተብሀሉ ኢኹም እዚ ሓጥያት ዘይምህላው የመልክት። ንሶም ክትንስኡን ንግብጺ ብዘይምጽባይ ክገድፍዋን ናብ ኣምልኮ ኣምላኽ ክከዱን ነይርዎም።

ሕጂ ንስኩምን ኣምላኽን ኣዝማድ ካም ዝኮንኩም ስለ እንፈልጥ። ብክያትኩም ከም ዝሰምዕን ቃንዛኩም ከም ዝስምዖን ካብ መግዛእትን ባርነትን ሓራ ምውጻእኩም ተልእኩኡ ምካኑ። ንህይወትኩም ብህይወቱ ከም ዝቀየሮ። ብደም ኪዳንን ብመስቀልን ብትንሳኤን ልዕሊ ሞት ፍጡራት ድህሪ ደጊም ባሮቶም ከም ዘይኮንኩም ገይርኩም እዩ። ሕጂ ናትና እጃም ነዚ ናይ ደም ኪዳን እንታይ እዩ ኢልኩም ክትሓቱ ከድልየኩም እዩ።

የሱስ ነዚ ዝምድና እንተሓሊኩም ናጻ ክትኮኑ ኢኹም ኢሉ። ብካልእ ኣበሃህላ ቃሉ እንተሓሊኩም ደቀ መዛሙርቱ ክትኮኑ ኢኹም፣ ኣብ ቃሉ ዝነብሩ ሰባት ነቲ ቃል ዝእዘዝዎ ንነብሶም ብየሱስ። ብቃል ስርዓት ክትሕዝ ዘፍቅዱ። ኣብ ባርነት ነዊሕ ክጸንሑ ኣይክእሉን እዮም።

ጽሑፋትከ ብዛዕባ ነዚ ናጽነት ንምርካብ ተራኩም እንታይ ይብሉ እስከ ንርኣዮም። "በቲ ኣምላኽናን ጎይታናን እየሱስ ዘለኩም ፍልጠት ጸጋን ሰላምን ይብዝሓልኩም። ነቲ ናብ ክብሩን ሕያውነቱን ዝጸውዓና ብምፍላጥና መለኮታዊ ሓይሉ ኩሉ እቲ ንህይወትን መንፈሳውነትን ዘድልየና ሂቡና ኣሎ።" (2ጴጥሮስ 1፣2-3)

ዮሃንስ 8፣31-37 ከምዚ ይብል "ስለዚ እየሱስ ነቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኣይሁድ "ንስካትኩም ኣብ ቃለይ እንተጸናዕኩም ብሓቂ ደቀመዛሙርተይ ኢኹም፣ ንሓቂ ክትፈልጥዋ ኢኹም እታ ሓቂ ድማ ሓራ ከተውጽኣኩም እያ" በሎም ንሳቶም ከኣ "ንሕና ዘርኢ ኣብርሃም ኢና። ባሮት ኮይንና ዝተገዛእናዮ ከቶ የብልናን ከመይ ኢልካ ደኣ ሓራ ክትወጹ ኢኹም እትብለና ዘሎካ" ኢሎም መለሱሉ። እየሱስ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም "ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ሓጥያት ዝገብር ዘበለ ንሱ ባርያ ሓጥያት እዩ። ባርያ ከኣ ኣብ ቤት ንኩሉ ግዜ ኣይነብርን እዩ ውሉድ ግና ንኩሉ ግዜ ኣብኡ ነባሪ እዩ፣ ውሉድ ሓራ እንተኣውጽኣኩም ብሓቂ ዉጹኣት ሓራ ክትኮኑ ኢኹም ንስካትኩም ዘርኢ ኣብርሃም ምካንኩምሲ እፈልጥ እየ ቃለይ ኣባካትኩም ስለዘይሓደረ ግና ክትቀትሉኒ ትደልዩ ኣሎኹም"

ኩሉ ነገር ብዛዕባ ዝምድና እዩ። ናጽነት ብደም ኪዳን እዩ ናባና ዝመጽእ በቲ የሱስ ንዓና ዝገበሮ ናጽነት መጀመርታ ክፋል ናይ ስርሑ ኣባና እዩ፣ ከምቲ ዝዘተናዮ ተልእኩኡ ናባና ናይ ስድራ ዝምድና ስለ ዘሎና እዩ ናጻ ኣውጺኡና።

እንተኾነ ዝኮነ ሰብ ብምልኡ ወይ ክፋል ናይቲ ስም ክትቀመሉ ይክእል፣ እቲ ዘድልዮም ናጽነት ኩሉ ብዛዕባ ዝምድና እዩ፣ የሱስ ኣብ ምዕራፍ 15 ቃሉ እንተሓሊናን ብቀጻሊ ንዕኡ ብምእዛዝናን ፈሪይቲ ጩንፈር ከም ንከውን ነጊርና ኣሎ። እዚ ከዉን እዩ ፀሃቂ ክንላገብ ንክእል ኢና ብወገንና ግን ናይ ዝምድና ክእለት የድሊ፣ ዝምድናካ ሓያል እንተኮይኑ ስሙ

ዉን ኣባካ ሓያል እንተኮይኑ ደም ኪዳን ብሕጋዊ ጥራይ ዘይኮነ ብተግባር ብሩህ ይከውን። ዮሃንስ 15 ነዚ ብሩህ ይገብሮ ሓላፍነትና ብቀሊሉ ንዝምድናና ምስ የሱስ ምዕቃብ ሙካኑን ኩሉ እቲ ዝተረፈ ከኣ እቲ ናይ ምትንሳእ ሓይሉ ከም ዝገብሮ ይነግረና፣ ናይ "ወይኑ ፈሳሲ"ናብ ዉሽጥኩም ከውሕዝ እዩ። ጨናፍሩ ንስኩም ከኣ ምሉኣት ክትኮኑ ኢኩም፣ የሱስ ንዝምድና ከም ቆልዓ ይገልጾ። ንክሕይል ስድራ ዘድልዮ ጥራይ ዘይኮነ ግን ቦትኡ ዝፈልጥ ኣክብሮትን ምእዛዝን ዘቀድም እዩ።

ኣምላኽ ንቃሉ ልዕሊ ስሙ እዩ ተዛሪብሉ ብርግጽ ቃሉ ስሙ ኣብ ልዕሊ ዓለሙ ዝነብር እዩ፣ ምስኡ ምዕእልታዊ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ኣብ ሓቂ ምስ ምንባርጽልውኡ ኣብ ህይወትና ይውስክን ናይ ጸልኢ ጽልዋ የጉድልን፣ ቃል ዝርዳእ ሰብ ሙካን ንዓና ካብ ምዉት ሕእንጎል ሰብ (ስጋዊ) ናብ ህሉው ኣተሓሳስብኡ ሰብ (መንፈሳዊ) ይልውጠና (ሮሜ 8) "ንቃልካ ሓለፋ ኩሉ ስምካ የዕቢካዮ ኢካ እሞ ናብ ቅዱስ መቅደስካ ኣቢለ ክሰግድ ንስምካ ዉን ስለ ሓቅካን ሳህልካን ኢለ ከመስግኖ እየ።" (መዝሙር 138፣2)

**ዝምድናን ስነስርዓትን ክእለትን**

እዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ሸውዓተ ስነስርዓትን ክእለትን ዝምድና። ምስ ኣምላኽ ልባዊ ዕርክነት ክንምስርት ምስ እንደሊ ክነተግብሮም ዘሎና እዮም። ኣብ ዝሕእለፉ ምዕራፋት ዉን ኣጠቃሊልናዮም ኣሎና ኣብዚ ከኣ ብዝያዳ ክነብርሆም ኢና፣ምሉእ ትምህርቲ ኣብዚ ኣርእስቲ ምስ እትደልዩ ግና። the flowing river lesson ኢልኩም ኣብ www.isobible.org/flowing river.htm ተወከሱ፣

1. ምርጫኩም ድዩ? ነቲ ዝምድና ንምድላይ ጽኑዕ ውሳኔ ውሰዱ። ንነብስካ ምሉእ ብምሉእ ንኣምላኽ ምሃብ። ሮሜ 12፣1-2 ኣንብብ፣ እዚ ናትና ናይ ደም ኪዳን ግብረመልሲ ነቲ ናይ ዘልኣለም ብኣምላኽ ዝተዋህበና ደም ኪዳን እዩ። መስቀልኩም ብካልእ ኣበሃህላ "ዝሓርር መስዋእትኩም" ኣልዕሉ።

2. መጀመርታ ንኣምላኽ ምዝራብ ግዜ ምውሳድ የድልየና። እቲ ቀዳማይ መስመር ናይ ዝርርብና ሓቀኛ ልባዊ ቅንዕናና ክከውን ኣሎዎ፣ ኣብ መስቀል ሓጢኣትና። ስጋውነትና። ኩሉ ስምዒታትና ኣብኡ ገዲፍና ክከውን ኣሎዎ፣ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝተፈላለየ ዓይነት ባርነት ርኢና። መግዛእትኩም ኣሚንኩም ከም ጸላኢኩም እንተ ርኢኩሞ ጥራይ ኢኩም ናጻ ክትኮኑ እትክእሉ፣ ሓቂ ጥራይ እያ ናጻ እተውጽኣኩም።

1ቆሮንጦስ ንእምነትና ብዘይመንዝረ ቅንዕና ክንዕቅቦ ይሕብረና። እብራውያን ንብረቶም ጠርኒፎም ቀልጢፎም ካብ ግብጺ ከወጹ ነይሮዎም። ብተመሳሳሊ ንነገራት እዛ ዓለም ሕቆና ክንህቦ ኣሎና፣

1ቆሮንጦስ 5።7-8 ከምዚ ይብል "ከምቲ ሕጂ ዘሎክምዎ ዘይቦክዐ ሓድሽ ብሑቅ ምእንቲ ክትኮኑ ነቲ ኣረጊት መባኩዕቲ ኣጽሪኩም ደርብይዎ። ከመይ ገንሸል ፋሲካና ክርስቶስ ተሰዊኡ እዩ።"

8 ስለዚ ቡቲ ኣረጊት መባኩዕቲ ወይ መባኩዕቲ እከይን ሕሰምን ዘይኮነ ብዘይቦክዐ እንጀራ ማለት ብቕንዕናን ሓቅን በዓልና ነክብር።

ኣብዚ ናይ ሓቂ ግዜ ይቅረ ከም ዝበልካን ይቅረ ከም ዝተባህለልካን ርግጸኛ ኩን። ብዘይ ናይ ክልቲኡ ወገን ይቅረ ምባል ፈጺምካ ናጻ ኣይትከውንን ኢካ!

3 ንምስማዕ ግዜ ምውሳድ የድልየና።- መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ከነንብብ ወይ መንፈሳዊ ሲዲን ካስሴትን ካብ እሙናት ኣገልገልቲ ምስማዕ ኣገዳሲ እዩ፣ ሓደ ካብ ዘድንቖም ዶችቶር ማርክ ሩትላንድ እዩ። ነቲ ቃል ብምስማዕ ሓሳብናን ልብናን ክንከቦ ኣሎና፣ መጀመርታ ንየሱስ ምስ ተቀበልክዎ ሓሙሽተ ወይ ልዕሊኡ ሰዓታት ብቕቃሉ የሕልፍ ነይረ። እዚ መሰረት ኣብ ህይወተይ ዓቢ ተራ ነይርዎ ካብ ብዙሕ መግዛእትን ዘይከኣል ኩነታትን ብዙሓት ኣጋንንትን ኣገላጊሉኒ እዩ። ኣብ መግዛእቲ ምንባረይ ወይ መግዛእቲ እንታይ እዩ ኣይፈልጥን ነይረ፣ ቡቲ ቃል ምስ መላእኩን ምስ ተኣዘዝክዎን። በብቅሩብ ካብ ሓጥያት ምስ ተመለስኩ መቁሐይ ብዓቢኡ ከወርድ ኣርኣየኒ።

እቲ ቃል ልዕሊ ሓያል ተፈጥሮ እዩ። እቲ ቃል ብህይወቱን ንጡፍን ኣሎ፣ ንዓካን ንኣምላኽ ከኣ ፍረ ዘምጽእ ዘርኢ እዩ፣ ዝበዝሕ ግዜ ኣብቲ ቃል ምስ ተሕልፍ ነፍስካ ኣዝያ ዕውትቲ ክትከውን እያ፣ እዚ ከኣ ኩሉ ዓይነት ምዕባለ ከምጸኣልካ እዩ።

ንኣምልኮ ብምምስጋን መዝሙርን ግዜ ምሃቡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሽዩ ምክንያቱ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ከምዚ እዋን ስለ ዝግለጽ።

4 ሕጂ እዉን እንደገና ንምዝራብ ግዜ የድልየኩም እዩ። እንተኮነ ሕጂ ቃሉ ምዝራብ እዩ ዘድልየኩም እቲ እተስተንትንዎ። ነቲ ቃል ኣስተንቲንኩም ምስ እትዛረብዎ ሓያል እዩ፣ ንስካ እትሰምዖ ኣምላኽ ይሰምዖ ሰይጣን ይሰምዖ። ሰይጣን ምስ ዝሰምዖ ንዓካ ዘይኮነ ንየሱስ ጥራይ እዩ ዝርእዮ፣ እቲ ዝገዝኦ ቃል፣

የሱስ ሊቀካህን ናይ ንስሓና እዩ። ቃል ኣምላኽ ምስ ዝሰበክን ኣብ ልዕሊ ዝኮነ ሰብ ምስ ዝጽለን ሓያል እዩ! የሱስ ንኩሉ ነገር ብቃሉ እዩ ፈጢርዎ፣ የሱስ እቲ ቃል እዩ። የሱስ ልክዕ ንሱ ከም ዝብሎ ዘሎ ንቃሉ ክንጥቀመሉ ስልጣን ሂቡና እዩ።

ዮሃንስ 1፣1-3 ከምዚ ይብል "ቃል ብቅድሚ ነበረ። እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ እቲ ቃል ዉን ኣምላኽ ነበረ፣ ንሱ ብቅድሚ ኣብ ኣምላኽ ነበረ ብእኡ ኩሉ ተፈጥረ ካብቲ ዝተፈጥረ ዘበለ ድማ ብዘይካ ብእኡ ሓንቲ እካ ዝተፈጥረ የለን።"

ኣብ ዘጽኣት 12 ንእስራኤላያን በዓል ገንሸል ምስ ተመሓደረሎም። እስራኤላውያን ኣብ ልዳቶም ደም ንጹህ ገንሸል ምልክት ክገብሩ። እቲ መልኣከ ሞት ከኣ ከይኀድኦም ከም ዝሓልፎም ተነጊርዎም የሱስ ገንሸል ኣምላኽ እዩ ንሕና ከኣ ንደሙ ኣብ ልዳትናን ኣብ ልዳት ፍቁራትናን እንጽልየሎምን ክንገብሮ ንክእል ኢና፣ ግን ብከመይ?

ቃል ኣፍና ባዕሉ ናቲ ደም ክገብሮ እዩ፣ ኣስተብህሉ ኣብ ዘጽኣት 12 እቲ ደም ኣብ ጋበላ ከሎ ዝኮነ ኣይገበረን። ኣብ ልዳቶም ብዕትርቲ ስምዕዛ ምስ ለከይዎ ግን ኣምላኽን ሰይጣንን ክርእይዎ ይክእሉ እዮም። ስምዕዛ ተራ ጻህያይ እዩ። ብዙሕ ዋጋ ዘሎዎ ዉን ኣይመስለንን። ልክዕ ከምኡ ቃላት ኣፍና ብዙሕ ዋጋ ዘለዎ ኣይመስለን እዩ ኣብ ቃል ኣምላኽ እንተ ኣጥሚዕናዮ (ማለት የሱስ ባዕሉ) ከም ደም ምስ እንጥቀመሉ ኣምላኽን ሰይጣንን ይርእዮ።

ኣምላኽ ንንስሕእና ወሲዱ ሓያል ይገብሮ፣ እብራውያን 3፣1 ከምዚ ይብል "እምበኣር ኣቱም ኣብ ሰማያዊ መጸዋዕታ ግደ ዘለኩም ቅዱሳን የሕዋትና። ኣብቲ ናይ እምነት ሃዋርያን ሊቀ ካህናትን ዝኮነ ኢየሱስ ኣቕልቡ።"

ናይ ኣምላኽ ቃል ምስ እንዛረብ የሱስ ናብ ኣቦ ወሲዱ ንከተግብሮ ይሓቶ፣ ዮሃንስ 16፣23 ከምዚ ይብል "በታ መዓልቲ እቲኣ ሓንቲካ ኣይክትሓቱንን ኢኩም። ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኩ ንኣብ ብስመይ ለምንዎ ዝለመንክምዎ ዘበልኩም ኩሉ ክህበኩም እዩ።"

ካብኡ ናብ ዕረፍቲ ክንኣቱ ነቲ ቃል ከኣ ዝተረፈ ስራሕ ንክሰርሖ ክንሃድጎ ንክእል ኢና።

እብራውያን 4፣1 "እምበኣር እግዚኣብሄር ናብቲ ዘዳለዎ ስፍራ ዕረፍቲ ከም እንኣቱ ተስፋ ሂቡና ኣሎ፣ ግና ምናልባሽ ሓደ ካባካትኩም ናብዚ ዕረፍቲ እዚ ከይኣተወ ዝተርፍ ከይህሉ ንፍራሕ።"

ስርሑ ካብ ምስራት ዓለም ኣትሒዙ ተወዲኡ ነይሩ። ስለዚ ንሕና ክንኣምን እዩ ዘሎና "ንሕና እዞም እንኣምን ናብቲ እግዚኣብሄር ዘተሰፈዎ ዕረፍቲ ክንኣቱ ኢና፣ ግና ሽሕ እካ ብግብሪ ኣምላኽ ኣብ ምፍጣር ዓለም ምዱብ እንተ ነበረ እቲ ጽሑፍ "ናብቲ ኣነ ዘዳለክዎ ስፍራ ዕረፍቲ ኣይክኣትዉን ኢለ ብቁጥዐይ መሓልኩ ይብል።" (እብራውያን 4፣13)

"ቃል ኣምላኽ ህያውን ዝዓይይን እዩ። ነፍስን መንፈስን መገጣጠምን ኣንጉዕን ክሳብ ዝፈላሊ ዝቆርጽ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዝበልሐ እዩ። ምሕላንን ሓሳብ ልብን ከኣ ፈልዩ ዝፈልጥ እዩ" (እብራውያን 4፣12)

መላእክቲ ቃል ኣምላኽ ምስ ዝሰምዑ ይሰርሑ እዮም "ኣቱም መላእክቲ ንድምዚ ቃሉ እትእዘዙ ንቃሉ እትፍጽሙ ሓያላትን ስልጡናትን ንእግዚኣብሄር ባርክዎ።" (መዝሙር 103፣20)

ጋኔናት ይሃድሙ! መዝሙር 149፣5-9 ከምዚ ይብል "ቅዱሳን ብክብሪ ይተሓጎሱ ኣብ መደቀሲኦም እልል ይበሉ። ንሳቶም ኣብ ኣህዛብ ሕነ ንምፍዳይ ንህዝብታት ከኣ ንምቅጻዕ ንነገስታቶም ብሰንሰለት። ንኩቡራቶም ብሞቑሕ ሓጺን ንምእሳር ነቲ ጽሑፍ ፍርዲ ኣብኣቶም ክፍጽምዎስ። ምስጋና እግዚኣብሄር ኣብ ጎረርኦም ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዉን ኣብ ኢዶም ይኩን እዚ ንኩሎም ቁዱሳኑ ክብሪ እዩ ሃሌሉያ።"

5 ንኣምላኽ ተኣዘዞ፣- ንኣምላኽ ዝኮነ ነገር ቀሊል ክህበካ ሕተቶ። ንእሽቶ ነገር ምዓልታዊ እንተኣዘዝካዮ እዚ እዕቢ ነገር እዩ። (ዮሃንስ 14፣21-23)

6 ቁርባን፣- ብቀጻሊ ቁርባን ዉሰድ ብዙሃት ሰባት መዓልታዊ ይወስዶ እዮም።

7 ኣብ ማሕበር ጽናሕ፣- ኣብ ማሕበር ኣባል ሙካን ብሓያል ናይ መጽሓፍ ቁዱስ እምነት።

ብመንፈስ ዝመልኡ ኣመንቲ ንምሕዳስን ምትብባዕን ኣገዳሲ እዩ።

**ንዝምድናካ ብፍላይ ከምኡ ምስ ዘይስምዓካ ህያውን ጽቡቅን ጌርካ ዓቅቦ፣**

# ምዕራፍ 14

# ኣብ ህይወትካ ማዕበል ኣጋጢሙካ ይፈልጥዶ?

## ንደም እቲ ገንሸል ተጠቀመሉ!

"ፍርድኻ ካብ ሰማይ ኣስማዕካ። ምድሪ ፈርሐት ሱቕውን በለት" (መዝሙር 76፣8)

እዛ ዓለም ብጸገም ትልሎ ኣላ፣ ብዙሓት ካብዚ ዝገደደ ጸገም ከም ዘጋጥም ይእምቱ፣ ሓቆም ከኮኑ ይከእሉ እዮም። ግን እዚ ንሓደ ኣብ ሀይቲ ዝነብር ሰብ ካብቲ ንኹል ንብረቱን ስድርኡን ዝወሰደሉ ዕልቅልቅ መታን ክድሕን ኣብ ዝባን ናሕሲ ደው ዝበለ ንገር። ወይ ነታ ኣብኡ ዘላ ኣደ ምዉት ውላዳ ኣብቲ ዕልቅልቅ ጸንበለል ክብል ዝረኣየትን መሓውር ውላዳ ብሰንኪ ጉድለት ጽሬት ዝተቆርጸ ንገራ። ወይ ንሓደ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ቤት ማሕቡስ ዝነብር ፓስተር ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ሓደ ካብ ማሕበሩ ናብቲ ማሕቡስ ኣትዩ ንየሱስ ንክክሕድ ክሳብ ሞት ክግረፍ ዝርኢ ንገር። ወይ ንኣብ ኣመሪካ ብዘይ ረብሕ ሰብኣይ እትሳቀ ንበይና ደቃ እተዕቢ ኣደ ንገራ፣ ንዕዖም እዚ እዩ እቲ ናይ መወዳእታ ዓብይ ጸገሞም፣

እዚ ብቀጻሊ እንዳገደደ ዝከይድ ዘሎ ይመስል፣ ንኣሪት ዘጽኣትን መጽሓፍ ኢሉ ምሳካ ስለምንታይ ከምዚ ይከውን ኣሎ ገለ ሓበሬታ ክህበና ይከእል እዩ። ክልቲኦም መጻሕፍቲ ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ጣኦት ዓለም ይመጽእ ከም ዘሎ ይሕብሩና። ንሓድሕዶም ተመሳሰልቲ እዮም። ኣብ ኦሪት ዘጽኣት ዓሰርተ ፍርድታት ኣሎ ኣብ ራእይ ከኣ ሸውዓተ፣ ዓሰርተ ቁጽሪ ናይ ዓለም ክከውን ከሎ ሸውዓተ ከኣቁጽሪ ምልኡነት ኣምላኽ እዩ፣ ኣብ ክልቲኡ ፍርዲ ንህዝቢ ኣምላኽ ናጽነቶምን ውርሽኦምን ምሃብን። ኣብ ልዕሊ ጣኦታት ዓለም ሕነ ምፍዳይን እዩ። እዚ ናይ ኣምላኽ መንገዲ እዩ ኢሰያስ 61። ተልእኮ ናቅይ የሱስ ዝገልጽ ጽሑፍ ዓመተ እልልታ። እታ ዓመት ባራዩ ናጻ ዝተለቀቁላ ምስ መዓልቲ ሕነ ከም ትከይድ ይገልጸልና፣ ከምኡ ውን ኣብ ለዋውያን 25ን 26ን ርእ፣ ሓደ ዓይነት ፍርዲ ሕነ ኣብ ልዕሊ ጸላእትኩም ዝፈዲ ኣብ ልዕሌኩም ከኣ ህይወት የምጽእ።

**ናይ ደም ኪዳን ብከምዚ ዝስዕብ ይሰርሕ፣**

ኣምላኽ ንዓናን ንጸላእትናን ዕላማታቱ ብፍርዲ እዩ ዘምጽኦ፣ ፍርድታት ንነብሶም ከም ኣብ ህይወትና ማዕበል እዮም ዝገልጽዋ፣ ነዚ ከተረጋግጽ ማዪዎስ ምዕራፍ 24 ኣንብብ፣ ፍርድታት ማዕበል ነቶም ብደም ዝተሸፈኑ ጭኩናት ምግልጋል ከምጽእኡ ይህቅኑ። እንተኮነ ነቶም ብደም ዘይተሸፈኑ ጣኦታት ዓለምን ነቶም ንዕዖም ዘምልኩን። ሕነ ናይቲ ኪዳን ኣብ ልዕሊኦም እዩ፣ ኣብ ኦሪትዘፍጥረት ዘጋጠመ ነዚ ንዓና ውን ኣብ ህይወትና መርኣያ እዩ።

ብርቱዕ ሕማም፣ ጸገም፣ ሽግር ኩሉ ጊዜ ዝቀትሉና ይመስሉ እዮም፣ ንድሕሪት ዝስሕብ በዓል ቤት፣ ሕማም፣ ፍትሕ፣ ቁጠባዊ ጸገም፣ ኩናት፣ ግብረሽበራን ኩሎም ነዚኦም ዝመሳሰሉ ክዕብልሉልና እዮም፣ እንተኮነ ንሓቒ እንተፈሊጥናያ በረከት ኣምላኽ ኣብ ውሽጢ እቲ ማዕበል ክንቅበል ኢና።

እቲ ሓቂ እንታይ እዩ? ፍርድታት ንዓና ውርሻና ዘምጻኣልናን ንጸላእትና ንሰዕረሉን መንገዲ ኣምላኽ እዩ፣ ነዚ እንተፈሊጥና። ንደም እቲ ገንሸል ከምቲ እብራውያን ዝገበርዎ ክንጥቀመሉ ክእለት ኣለና። ከምኡውን ናጻ ሰባት ክንከውን ክንስዕር ኢና።

እብራውያን ካብቲ ንግብጺ ዘጥቀዐ ብርቱዕ ሕማም ሕልዋት ከምዝነበሩ ኣስተብህሉ፣ ኣብ ጥቃ እታ ዝተጠቅዐት ከተማ ኣብ ጎሸን ነበሩ። እቲ ተላጋቢ ሕማም ግን ኣይጸለዎምን፣ ፍርሒ ተሰሚዕዎም ኔሩ ይከውን ግን እቲ ሕማም ኣብ ጥቅኦም ኣይቀረበን፣ ብእብራይስጢ ጎሸን ማለት ቀልዑ ኣንዳወሰክካ ምህናጽ ማለት እዩ ። ብርግጽ ከምኡ እዩ ከኣ ኣጋጢሙ እብራውያን ካብ 70 ናብ ብዙሕ ሚልዮናት ተባዚሖም፣

እስራኤላውያን ኣብ ጊዜ ፍርዲ ግብጻውያን ከም ዝፈርሑን ዘንቀጥቀጡን ርግጸኛ እየ፣ ንጸገማትና ከም ክንፈርሖ ዘሎና ነገር ገይርና ንርእዮ። ግን ከም ናይ ኣምላኽ ስራሕ ንዓና ውርሻና ንሰይጣን ውን ውርሽኡ ዝህቦ ዘሎ ገይራና ክንርእዮ የድልየና እዩ።

እብራውያን ካልኦት ኣማልክቲ ስለ ዝነበርዎም። ንሶም ውን ንፍርዲ ኣምላኽ ተቃሊዖም ነበሩ እቲ ደም ግን ኣድሒንዎም፣ ብቁዕ ጸጋ! ንኪዳኑ ዘኪሩ እቲ ደም ኣብ ማዕጾ ከምዚ ዝብል ምልክት ነበረ "እቲ ፍርዲ ድሮ ኣብዚ ኣጋጢሙ።"

ብመሰረትደም ኪዳን ምስ ኣብርሃም ኩሉ መዓት ኣምላኽ ናብ የሱስ ወረደ። እዚ እዩ እቲ ናይቲ ገንሸል መልእኽቲ! ኣነን ንስኩምን ኩሉ ፍርዲ ኣምላኽ ይግበኣና ነይሩ! ኣብ ክንዳና ግን የሱስ ናብቲ ናይ ደም ኪዳን ጉድጋድ ምስ ኣብርሃም ሰጊሙ። ንሓጥያታዊ ባህርና። ሕማቅ ልማዳትና ። ዉርደታትና። ትሑት ርእሰ ኣክብሮትና ናቱን ናይ ዘርኡን ክወስደሉ ተመባጽዐ። ኩሉ ከኣ ናብኡ ወረደ፣

እቲ ማዕበል፣ ብርቱዕ ሕማም፣ ሽግር ናይ ህይወትና ክጎድኣና ኣይክእልን እዩ። ንሕና ንናይ ኣምላኽ መዓትን ናይ ሰይጣን መትቃዕትን እተቃላዕና ህዝቢ ነበር። እንተኮነ ሕጂ ብክርስቶስ ሓደሽቲ ፍጡራት ኢና። ሓደሽቲ ዓሌት ህዝቢ። እቲ ደም ኪዳን እዩ ለዊጡና፣

መጽሓፍ ራኢይ ምስ ኦሪት ዘጽኣት ኣብ ብዙሕ መንገድታት ተመሳሰልቲ እዮም፣

**ነቲ ገንሸል ኣብ ግምት የእትውዎ።**

"ኣብ ማእከል እቲ ዝፋን ተሓሪዱ ከም ዝነበረ ዝመስል ገንሸል ደው ኢሉ ርኣኩ፣ እቶም ኣርባዕተ እንስሳን እቶ ኣሕሉቅን ድማ ኣብ ዙርይኡ ነበሩ" (ራኢ 5፣6)

ኣመንቲ ብማሕተም እተሓትሙን ሕልዋትን እዮም።

"ንቶም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ኣብ ገግንባሮም ማሕተም ክሳብ ንገብረሎም ንምድሪ ንባሕሪ ወይ ነእዋም ኣይትጉድኡ።" (ራኢ 7፣3)

እቲ "ጥበብ ዓለም" ዓነወ

"እቲ ሻብዓይ መልኣከ ዉን ጽዋኡ ኣብ ኣየር ኣፍሰሰ፣ ካብቲ ኣብ መቅደስ ዘሎ ዝፋን ከኣ "ተፈጸመ" ዝብል ብርቱዕ ድምጺ ወጸ፣ በርቅን ደሃይ ነጎዳን ድማ ኮነ፣ ከምኡ ዝበለ ዓቢ ምንቅጥቃጥ ምድሪ። ሰብ ኣብ ምድሪ ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ከቶ ኣይተራእየን። ብርቱዕ ምንቅጥቃት ምድሪ ኮነ፣ እታ ዓባይ ከተማ ከኣ ኣብ ሰለስተ ተቆራረጸት። ከተመታት ኣህዛብ ዉን ዓነዋ፣ ኣምላኽ ከኣ ሓጥያት ዓባይ ባቢሎን ዘከረ። ነቲ ናይ መዓቱ ቁጥዓ ዝኮነ ጽዋእወይኒ ከኣ ኣስተያ። ደሴታት ኩለን ጠፍኣ እምባታት እዉን ኣብ ዝነበርዎ ቦታ ኣይነበሩ።" ( ራኢ 16፣17-20)

**ኣመንቲ ኣባል ሰራዊት የሱስ ኮኑ፣**

"ሽዑ ሰማይ ተከፊቱ ርኣኩ ኣብኡ ከኣ ኣምበላይ ፈረስ ነበረ። እቲ ዝተወጥሖ ከኣ እሙንን ሓቀኛን ይበሃል ንሱ ከኣ ብቅንዕናን ዝዳንን ዝዋጋእን እዩ። የዒንቱ ከም ሃልሃልታ ሓዊ እየን ኣብ ርእሲኡ ዉን ዘውድታት ኣለዎ ብዘይካኡ ሓደ እካ ዘይፈልጦ ኣብ ሰብነቱ ዝተጻሕፈ ስም ኣለዎ ኣብ ደም ዝተኣልከ ኪዳን ተወንዚፉ ነበረ። ስሙ ውን "ቃል ኣምላኽ" እዩ ኣብ ሰማይ ዘሎ ሰራዊት ከኣ ጻዕዳን ጽሩይን ሻሽ ተከዲኖም ኣብ ኣምበሌታት ኣፍራስ ተወጢሖም ሰዓብዎ፣" ( ራኢ 19፣11-14)

**ኣገልግሎት ድሕሪ ስዕረት የጋጥም**

"ብድሕርዚ እቲ መልኣከ ካብቲ ናይ ኣምላኽን ገንሸልን ዝፋን ዝወጽእ ከም እምነበረድ ምጽራዩ ሩባ ማይ ሂወት ኣርኣየኒ፣ብማእከል እቲ ኣደባባይ ይውሕዝ ነበረ እቲ ሩባ ብክልተ ጎቦኡ ድማ ኣብ ወወርሒ እናፈረየት። ኣብ ዓመት ዓሰርተ ክልተ ግዜ ፍረ እትህብ ኦም ሂወት ነበረት፣ ቆጽሊ እታ ኦም እቲኣ ንኩሉ ህዝቢ ዝፍውስ ነበረ ድሕሪ ደጊምሲ ርጉም ዘበለ ኣብኣኩቶ ኣይክህልውን እዩ፣ ናይ ኣምላኽን ናይቲ ገንሸልን ዝፋን ክከውን እዩ እቶም ኣገልገልቱ ከምልክዎ እዮም። ገጹ ክርእዩ እዮም ስሙ ውን ኣብ ግንባሮም ክጸሓፍ እዩ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከብርሃሎም እዩ እም ድሒ ደጊምሲ ለይቲ ኣይክከውንን። ብርሃን ቀንዴልን ብርሃን ጸሓይን'ውን ኣይከድልዮምን እዩ። ንዘልኣለም ኣለም'ውን ክነግሱ እዮም።"(ራኢ 22፣1-5)

**ነቲ ደም ተጥቀምሉ !**

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ዝተገልጸ ንክእለት ዝምድናኩም ምስ ኣምላኽ ኣብሊሒኩም ሓዝዎ፣ ኣብ ክርስቶስ መን ምኮንካ ፍለጥ ንሂወትካ ምስዚ ፍልጠት ኣመዛዚንካ ንበሮ ንቃል ኣምላኽ ኣንጻር ሰይጣን ተጥጠቀመሉ ንግንሸል "ብዘይ መንዘረ ንጽህናን፣ ቅንዕናን" ዓቅቦ፣

ኣብ ዘጸኣት 11-15 ዘሎ ጽሑፋት ንነብስኩም ኣብ ጫማ ናይ ሓደ ናይ ባርነት ኣተሕሳስባ ዝነበሮ ጌርኩም ሕሰብዋ እቲ ደም ገንሸል ካብ መግዛእትኩም ናዛ ዓለም ነጻ ከውጽኣኩም ከሎ ረኣይዎ። ንየሱስ ከም ገንሸል ንሰይጣን ኣብዚ ተዋስኦ ኣብ ቦታ ፈርኦን ገይርኩም ረኣይዎ። ንነብስኩም ኣብ ውሽጢ ሳእኒ እስራኤላውያን ድሕሪ ካብ ግብጺ ምግልጋሎም ኣቀምጥዋ ሓደ ኣብነት ንስኩም ተማሒርኩምን ነቲ ሓድሽ ምውላድ ምስ ተመኮርኩም ዘርኢ እዩ።

ንናይ ኣምላኽ ሓይልን ንዓኩም ሓራ ከውጽእ ጽኑዕ ተልእኩኡን ኣስተብህሉ፣ ንተኣዛዝነት እብራውያን ንስርዓተ ቅዳሴ ገንሸል ክቅጽሉ ረኣዩ። ደም ኪዳን፣ካብኡ ናይ ፈርኦን ድክመት ኣብ ፈተነ ንናጽነቶም ደው ምባል ረኣዩ። ብተወሳኺ ንተከእሎታት እብራውያን ንፍርሒ ምጥርጣርን ኢዶም ምሃብን ኣስተብህሉ!

ዕጫ ኩሎም እስራኤላውያን ኣብቲ በረካታት ኣዕሚቁኩም ሕሰቡ። ብዘይካ እያሱን ካሌብን ኩሎም ነታ ናይ መብጸዓ መሬት ከይወረሱ ኣብ በረካታት ሞቱ፣

ምናልባት ሰይጣን ካብ ዘጽኣት ተማሂሩ ይከውን። ምናልባት ካብኡ ተማሂሩ እዩ ንኣመንቲ ኣታሊሉ ማዕበልን ሽግርን ኣብ ህይወቶም ንጥፍኣቶም ምካኑ ኣምላኽ ብኣኦም ተቀጢዑ ብኣኦም ከም ዘይግደስን ክሓስቡ ዝገብሮም ዘሎ። እቲ ንሕና ካብ እያሱን ካሌብን መታን መብጸዓታትና ክንወርስ ከም ኣብነት ክንጥቀመሉ ዘሎና ጠባይ። ንሳቶም ጥራይ ኣብ እምነቶምን ።ንኣምላኽ ብቀጻሊ ኣብ ምስዓብን ምቅጻሎም እዩ፣ እዚ ከኣ ንክሰምዖም ኣክኢልዎም እዩ። ናብ ትሕትናን ተኣዛዝነት ዘምርሐ እምነት ኣስዒቡ። ኩሉ ጊዜ ናብ ዝዓበየ ራኢይ ናይ ገጹን ዝዓበየ ራኢይ ኣብ ዓለሙን ነዚዑደት መመሊሱ ዘወሃህድ እዩ፣ (ዝተወከስናዮ ዘጽኣት 33፣11, ዘህሉቅ13፣30, 14፣24, 14፣38, 32፣12)

ናይ መወዳእታ ሓንቲ መዓት እቲ ገንሸል ።

ዘጽኣት 11፣1-10

*1. እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ናብ ልዕሊ ፈርኦንን ናብ ልዕሊ ግብጽን ገና ሓደ መዓት ከምጽእ እየ፣ ድሕሪዚ ካብዚ ክትወጹ ክሓድገኩም እዩ፣ እቲ ክሓድገኩም ከሎ ድማ ደፊኡ ከውጽኣኩም እዩ፣*

*2. እምበኣር ኣብ እዝኒ ህዝቢ ተዛረብ። ነፍሲወከፍ ሰብኣይ ካብ ጎረብየቱ። ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲ ከኣ ካብ ጎረብየታ ኣቕሓ ወርቅን ኣቕሓ ብሩርን ይለምን በሎ፣*

*3. እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ህዝቢ ኣብ ቅድሚ ግብጻውያን ሞገስ ሃቦ፣ ሙሴ እቲ ሰብኣይ ድማ ኣብ ሃገር ግብጺ ኣብ ቅድሚ ገላዉ ፈርኦን ኣብ ቅድሚ ህዝቢን ኣዝዩ ዓቢ ነበረ፣*

*4. ሙሴ ድማ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ በለ። ኣነ ፍርቂ ለይቲ ኣቢለ ኣብ ማእከል ግብጺ ክወጽእ እየ፣*

*5. ኩሉ በኲሪ ሃገረ ግብጺ ከኣ ካብ በኲሪ እቲ ዝፋኑ ዝቕመጥ ዘሎ ክሳብ በኲሪ ኢታ ኣብ ድህሪ መትሓን ዘላ ግዝእቲ። ኩሉ በኲሪ እንስሳ ድማ ክመውት እዩ፣*

*6. ኣብ ኩሉ ሃገረ ግብጺ ከኣ ከምኡ ዝበለ ኮቶ ዘይኮነ መሊሱ ድማ ከምኡ ዝበለ ዘይከውን ዓቢ ዋይዋይታ ክከውን እዩ፣*

*7. እግዚኣብሄር ግና ኣብ ሞንጎ ግብጻውያን ኣብ ሞንጎ ኢስራኤ ከም ዝፈሊ ክትፈልጡ። ናብ ኩሎም ደቂ እስራኤል ካብ ሰብ ክሳብ እንስሳ። ከልቢ ልሳኑ ኣይወሳውሰን፣*

*8. እዞም ገላዉካ ኩሎም ናባይ ክወርዱ እዮም። ኣብ ቅድመይ ሰጊዶምለይ ድማ ንስካን እቲ ዝስዕበካ ኩሉ ህዝብን ዉጻእ ክብሉ እዮም፣ ድሕሪዚ ክወጽእ እየ በለ፣ ካብ ፈርኦን ከኣ ብቁጥዐ ተናዲዱ ወጸ፣*

*9. እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ። ተኣምራተይ ኣብ ምድሪ ግብጺ ምእንቲ ክበዝሕ ፈርኦን ኣይሰምዓኩምን እዩ በሎ፣*

*10. ሙሴን ኣሮንን ከኣ እዚ ኩሉ ተኣምራት እዚ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ገበርዎ፣ እግዚኣብሄር ድማ ንልቢ ፈርኦን ኣትረሮ። ንሱ ከኣ ንደቂ እስራኤል ካብ ሃገሩ ኣይሰደዶምን፣*

ኣምላኽ ንሙሴ ንኩሎም እብራውያን ስድራቤትታት ጎደሎ ዘይብሉ ገንሸል ወሲዶም ክሓርዱ ክእዝዞም ነገሮ ፣ ነቲ ደም ናይቲ ገንሸል ወሲዶም ኣብ ማዕጾ ክገብርዎ ኣዘዞም። ኣብ ክልተ ሸነኩ ኣብ ላዕላይ ሸነክ ነቲ ተክሊ ስምዕዛ ኣብ ደም ኣጥሚያም ኣብ ማዕጸኦም ነጸግዎ፣ ካብኡ ነቲ ገንሸል ተቢሶም ሚስ ዘይቦክዐ እንጀራን መሪር ሓምልን በልዕዎ፣

ዘጽኣት 12'12-13

12 በዛ ለይቲ እዚኣ ብምድሪ ግብጺ ክሓልፍ እየ ፣ ካብ ሰብ ክሳእ እንስሳ ንኩሉ ቦክሪ ሃገር ግብጺ ክወቅዕ እየ፣ ኣብ ኩሎም ኣማልክቲ ግብጺ ከኣ ፍርድታት ክገብር እየ ኣነ እግዚኣብሄር እየ፣

13 ንምድሪ ግብጺ ምስ ዝወቅ ድማ ኣብተን ዘለኩመን ኣባይቲ እቲ ደም ምልክት ይኩንኩም። ነቲ ደም ርእየ ክሓልፈኩም እዩ፣ እቲ ዘጥፍእ መኣኣት ዉን ኣብካትኩም ኣይከውንን፣

ሓድሽ ኪዳን ማዕረ ነዚ ሓሳብ ንትእዛዝ ዘይቦክዐ ከም ዘሎና ምስትብሃላገዳሲ እዩ፣ 1ቈረ 5፣8 ከምዚ ይብል "ስለዚ በቲ ኣረጊት መባኩዕቲ ወይ ብመባኩዕቲ እከይን ሕሰምን ዘይኮነ፣ ብዘይቦክዐ እንጀራ፣ ማለት ብቅንዕናን ብሓቅን ባዓልና ነክብር፣"

ዘጽኣት 12፣20-22

20 ገለ እካ ቡኩዕ ኣይትብልዑ ኣብ ኩሉ እትነብርዎ ቅጫ ብልዑ፣

21 ሙሴ ድማ ንኩሎም ዓበይቲ እስራኤል ጸዊዑ በሎም። ነንማይ ቤትኩም ገንሸል ሓሪድኩም ዉሰዱ እሞ ፋሲካ ሕረዱ፣

22 ዕትርቲ ስምዕዛ ውሰዱ። ኣብቲ ጭሕሎ ዘሎ ደም ከኣ ጥምዕዎ። ነቲ ላዕለዋይ ልዳትን ንክልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን። በቲ ኣብ ጭሕሎ ዘሎ ደም ልከይዎ ፣ ክሳዕ ብጊሓት ድማ ካባካትኩም ሓደ እካ ካብ ኣፍ ቤቱ ኣይውጻእ፣

ኣብ ናትና ፍሉይ ኩነታት ኣምላኽ ዝሃበና ቃል ምስንዛረብ ንሕና "ነቲ ደም ካብ ጭሕሎ ብስምዕዛ ንነጽጎ" ከም ዘለና ይኣምን፣

ዘጽኣት 12፣23

እግዚኣብሄር ንግብጻውያን ክወቅዕ ክሓልፍ እዩሞ ነቲ ደም ኣብ ላኣላይ ልዳትን ኣብ ክልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን ምስ ርኣየ እግዚኣብሄር ነታ ደገ ክሓልፋ እዩ። ነቲ ዘጥፍእ ድማ ናብ ቤትኩም ኣትዩ ክወቅዓኩም ኣይሓድጎን፣

ዘጽኣት 12፣30-38

*30 ሽዑ ፈርኦን ንሶምን ኩሎም ግብጻውያንን ብለይቲ ተስኡ ፣ ምዉት ዘይብላ ቤት ኣይነበረትን ኣሞ ኣብ ግብጺ ብርቱዕ ዋይዋይታ ኮነ፣*

*31 ንሙሴን ኣሮንን ብለይቲ ጸዊዑ ድማ ንስካትኩምን ደቂ እስራኤልን ተንስኡ እሞ ካብ ማእከል ህዝበይ ዉጹ፣ ከምቲ ዝበልኩሙም ኪዱ ንእግዚኣብሄር ኣገልግሉ፣*

*32 ከምቲ ዝበልክኩም ድማ ኣባጊዕኩምን ኣሓኩምን ውሰዱ ኪዱ እሞ ንዓይ ከኣ መርቁኒ በለ፣*

*33 እቶም ግብጻውያን ድማ ኩላትና ክንመውት ኢና ኢሎም ነቶም ህዝቢ ቀልጢፎም ካብታ ሃገ ከውጽእዎም ሃወክዎም፣*

*34 እቶም ህዝቢ ድማ ነቲ ብሒቖም ገና ከይቦክዐ ወሰድዎ። ነቲ መልወሲኦም ድማ ብክዳኖም ጠቕሊሎም ኣብ ምንኩቦም ጸርዎ፣*

*35 ደቂ እስራኤል ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎም ገበሩ፣ ካብ ግብጻውያን ኣቓሑ ብሩርን ኣቓሑ ወርቅን ክዳውንትን ለመኑ፣*

*36 እግዚኣብሄር ድማ ነቶ ህዝቢ ዝደለይዎ ኩሉ ክህብዎም ኣብ ቅድሚ ሰብ ግብጺ ሞገስ ሃቦም። ንሰብ ግብጺ ከኣ ገፈፍዎም፣*

*37 ደቂ እስራኤል ድማ ብዘይ ቆልዑ ሽዱሽተ ምኢቲ ዝኣክል ኣጋር ኣብ ራዕምሴስ ናብ ስኮት ተጉዓዙ፣*

*38 ምስኦም ድማ ብዙሕ ሕውስዋስ ህዝብን ኣባጊዕን ኣሓን ኣዝየን ብዙሓት ማል ደየበ፣*

እዞም ብዙሕ ሕውስዋስ ህዝቢ ኣብ ኣምላኽ እስራኤል ዝኣመኑ ግብጻውያን ይውክል ኢለ ይኣምን፣ ኣንተኮነ ኣምላኽ ነዞም ብዙሕ ሕውስዋስ ህዝቢ ክግዘኣ ደለዮም፣

**እስራኤላውያን ንጉዕዝኦም ካብ ግብጺ ጀመርዎ።**

ዘጽኣት 14 ኣምላኽ ንሙሴ ነቶም ህዝቢ ኣውጺኡ ኣብ ጺ-ሃሒዎት ዝበሃል ኣንጻር ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ቦታ ከስፍሮም ነገሮ። እዚ ካብቲ ቀንዲ መንገዶም ወጻኢ ነበረ። ብርግጽ ዝሓጸረ ማንገዲ ካብ ግብጺ ዉን ኣይነበረን። ግን ኣምላኽ ፈርኦን እንደገና ሓሳቡ ቀይሩ ከም ዝስዕቦም ይፈልጥ ነይሩ። እዚ ዘልሙድ መንገዲ ንስዕረት ፈርኦን ከም ዝኮነ ይፈልጥ ነይሩ።

ፈርኦን ሕነ ክፈዲ ምስ 600 ምሩጻት ፈረሰኛታቱን ኩሎም ናይ ግብጺ ፈረሰኛታትን ሰዓቦም፣ እቶም እስራኤላውያን ርእየሞም ኣዝዮም ፈርሑ ንሙሴ ድማ “ኣብ ግብጺ መቃብር ስለ እተሳእነ ዲካ ናብዚ በረካ ክንመውት ዘምጻእካና? ስለምንታይ ከምዚ ገበርካና ካብ ግብጺ ኣውጻእካና?” በልዎ። (ዘጽኣት 14፣9)

ኣብ ዘጽኣት 14 ሙሴ ነቲ ህዝቢ ከምዚ በሎ “ኣይትፍርሁ፣ ጽንዑ (ደው በሉ። ተኣማመኑ፣ ኣይትፍርሁ) ንምሕረት ኣምላኽ ርኣዩ ሎሚ መዓልቲ ንዓኩም ክሰርሕ እዩ”፣ “ነዞም

ግብጻውያን ሎሚ ርኢክሞም ኣሎኩም። ድሕሪ ሕጂ ግን ፍጹም ኣይክትርእይዎምን ኢኩም” በሎም፣

መልኣከ እግዚኣብሄር ድማ ብቅድምን ድሕርን ህዝቢ እስራኤል ብዓንዲ ደበና ከደ፣ እዚ ደበና ንእስራኤላውያን ብርሃን ንግብጻውያን ድማ ጸልማት ኮኖም፣

ሙሴ ንካልኣይ ግዜ ኢዱን በትሩን ኣብ ልዕሊ እቲ ባሕሪ ዘርግሐ። እቲ ባሕሪ ከኣ ንድሕሪት ተመሊሱ ንኩሎም ሰራዊት ፈርኦን ኣጥሓሎም። ኣብቲ ሰልሚ ከኣ ሰጠሙ፣ እዚ ተኣምር እዩንእስራኤላውያን ንቁጽ ምድሪ ንግብጻውያን ግን ሰልሚ!

**ናጻ ምውጻእን ምምስጋን ንኣምላኽን**

እስራኤላውያን ኣብቲ ስግር በጺሖም ጻላእቶም ጠፊኦም ምስ ርኣይዎም። ክዝምሩ ጀመሩ ብ “መዝሙር ሙሴ” እንፈልጦ መዝሙር ዘመሩ፣

ዘጽኣት 15፣1-21

*1 ሽዑ ሙሴን ደቂ እስራኤልን እዚ መዝሙር እዚ ንእግዚኣብሄር ከምዚ ኢሎም ዘመርሉ፣ ንሱ ኣዝዩ ክብ ኢሉ እዩ እሞ፣ ንእግዚኣብሄር ኣሎኩ፣*

*2 እግዚኣብሄር ሓይለይን መዝሙረይን እ*

*ምድሓን ከኣ ኮነኒ*

*እዚ ኣምላኸይ እዩ ም ከክብሮ እየ*

*ኣምላኽ ኣቦይ እዩ ክብ ከብሎ እየ*

*3 እግዚኣብሄር ተዋጋኢ እዩ*

*ስሙ እግዚኣሄር እዩ*

*4 ንሰረገላታት ፈርኦንን ሰራዊቱን ናብ ባሕሪ ደርበዮም*

*እቶም ሕሩያት ሓለቓታቱ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ጠሓሉ*

*5 መዓሙቕ ከደኖም*

*ከም እምኒ ናብ ታሕቲ ወረዱ፣*

*6 ጎይታይ የማነይትካ ብሓይላ ከበረት*

*ጎይታይ የማነይትካ ንጸላኢ ቀጥቀጠቶ*

*7 ብዕቤት ግርማካ ዝተንስኡካ ጨፍለቕካዮም*

*ቍጥዓካ ሰደድካ ከም ሓሰር በልዓቶም*

*8 ብትንፋስ ኣፍንጫካ ማያት ተኮመሩ*

*ወሓዝቲ ከኣ ከም ኵምራ ደው በሉ*

*ማያት መዓሙቕ ድማ ኣብ ብሕሪ ረግኡ፣*

*9 እቲ ጸላኢ ድማ ገስጊሰ ከረክቦም እየ ። ምርኮ ከመቅል እየ*

*ነፍሰይ ከኣ ብእኦም ትጸግብ*

*ሴፈይ እመልሕ ኢደይ ድማ ተጥፍኦም በለ ፣*

*10 ብንፋስካ ኣንፈስካ*

*ባሕሪ ድማ ኣጎልበቦም*

*ከም ዓረር ኣብ ብርቱዕ ማያት ጠሓሉ፣*

*11 ዎ እግዚኣብሄር ኣብ ምንጎ መላእኽቲ ከማካ ዝበለ መን እዩ።*

*ብምስጋና እተፈራህካ ገባሪ ተኣምራት*

*ብቕድስና ከማካ ዝከበረ መን እዩ፣*

*12 የማነይትካ ዘርጋሕካ*

*ምድሪ ወሓጠቶም*

*13 ነቲ እተበጀኻዮ ህዝቢ ብምሕረትካ መራሕካ*

*ብሓይልካ ናብ ቅዱስ ማሕደርካ መራሕካዮም*

*14 ህዝብታት ሰሚዓም ተንበድበዱ*

*ኣብ ፍልስጤም ዝነበሩ ጭንቀት ሓዞም*

*15 ሽዑ ሓለቃ ኤዶም ተሸበሩ*

*ነቶም ሓያላት ሞኣብ ራዕዲ ሓዞም*

*ኣብ ከነኣን ዝነበሩ ኩሎም መከኩ*

*16 ዎ እግዚኣብሄር ህዝብካ ክሳዕ ዝሓልፍ*

*እቲ ዘጥረካዮ ህዝቢ ክሳዕ ዝሓልፍ*

*ስምባድን ፍርሃትን ወደቆም*

*ብሓይሊ ቅልጽምካ ከኣ ከም እምኒ ትም በሉ፣*

*17 ዎ እግዚኣብሄር ናብታ ንማሕበርካ ዝገበርካያ ቦታ*

*ጎይታይ ናብታ ኣእዳውካ ዘዳለውኣ መቅደስ*

*ኣብ ከረን ርስትካ ተእትዎምን ትተክሎምን*

*18 እግዚእኣብሄር ንወርትግ ንዘልኣለም ይነግስ፣*

*19 ኣፍራስ ፈርኦን ምስ ሰረገላታቱን ፈረሰኛታቱን ናብ ባሕሪ ኣተዉ። እግዚኣብሄር ድማ ንማያት ባሕሪ ናብ ልዕሊኦም መለሶ። ደቂ እስራኤል ግና ብማእከል ባሕሪ ብንቁጽ ሓለፉ፣*

*ንሱ ኣዝዩ ክብ ዝበለ እዩ*

*ንፈረስን ፈረሰኛን ናብ ባሕሪ ደርቢይዎም እዩ እሞ።*

*ንእግዚኣብሄር ዘምርሉ*

*20 ነብያት ሚርያም ሓብቲ ኣሮን ከኣ ከበሮ ብኢዳ ወሰደት። ኩለን ኣንስቲ ድማ ብከበሮን ሳዕሲዒትን ደድሕሪኣ ወጻ፣*

*21 ሚርያም ከኣ መለሰትሎም*

ንማዕበላት ኣብ ውሽጢ ህይወትኩም ከም ከዕንዉኩም ዝመጹ ጸላእትኩም ዘይኮነስ ከም ናጻ ናይ ምውጻእ ህያብ ካብ ኣምላኽ ርኣይዎም።

ንማዕበላትኩም ከም ዓርክኩም ርኣይዎም። ንኣብቲ ማዕበል ዝዘሎ ፍርዲ ርኣይዎ፣ ፍርድታት ውርሻ ኣምላኽ ዝህበኩም መክሰብኩም እዮም።

# ምዕራፍ 15

# እቲ ዘይተገዝረ ፍሊስጤምኩም መን እዩ?

### ውግእ ምስ ናይ ህይወትኩም ሓሳባት

ዳዊት ንጎልያድ ዘይተገዝረ ፍሊስጤም ኢሉ እዩ ጸውዒዎ። ነሳምኤል 17፣36 ከምዚ ይብል "ግልያካ ኣንበሳን ድብን ቀቲሉ እዩ። እዚ ዘይግዙር ፍልስጤማዊ እዚ ከኣ ንሰራዊት እቲ ህያው ኣምላኽ ጸሪፉ እዩ እሞ ከም ሓደ ካባታቶም ክከውን እዩ በለ።"

**ዘይተገዝረ ዝብል ቃል ዘይምህላው ደም ኪዳን ምስ ኣምላኽ ይውክል፣**

ነዚ ክውንነት ናይ ጎልያድን ዳዊትን ምስ ደም ኪዳን እንዳዛመድና ክንመሃሮ ከሎና ኣብ ሓደ ካብ ቀዳሞት "ዘይተገዝሩ ጸላእትና" ማለት ሓሳባትና ክንጸቅጥ ኢና፣ጎልያድ ኣብ ልዕሊ እስራኤላውያን "ናይ ሓሳብ ቦምብታት" ይስንዱ ነበረ ፍርሕን ራዕድን ኣብ ልዕሊ እቶም ምስ እግዚኣብሄር ናይ ደም ኪዳን ዘሎዎም እስራኤላውያን ይፈጥር ነበረ፣ ኣምላኽ ከኣ ናቶም ተዋጋኢ ነበረ። እንተኮነ ንቓላት ጎልያድ ይኣምንዎን ይፈርሕዎን ነበሩ።

ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ቅልስና ኣብ ጉዕዞ። ምስ ጎይታ ንሓሶትን ሓሳባትን ስርዓተ እምነትን ምስዓር እዩ። ኣብ ኣረጊት ባህርና፣ ኣእምሮና ይቆጻጸረና ነበረ ሕጂ ኣብ ሓድሽ ባህርና ግና መንፈስና ክቆጻጸረና እዩ ዝግብኦ፣ ንሓሳባትና ምሩክ ናይ ሓቂ ክንገብሮ ኣሎና።

እንተኮነ መብዛሕቲኡ ጊዜ ንኣረጊት ሓሳባትና ኣይንገድፎን ኢና፣ መልእኽቲ ናይ ሓሶት ሓሳባትና ሰምዕና ከም ሓቂ ንወስዶን ነቲ ዝስዕብ ስሚዒታት ተቀቢልና ስጉምቲ ንወስድ። ሽዑ ተግባራትና። ልማድና ሓያል ሰይጣናዊ መሳርሒ ይኮኑቀልጢፍና ከኣ እሱራት ጸላኢ ንከውን።

**ብሓሳብና ዝምራሕ ህይወትና መሳርሒ ጸላኢ ክከውን ይክእል እዩ**

ኣብዛ ዝሓለፈት ምዕራፍ ደም ኪዳን ብከመይ ነማዕብሎን ምስ ምግዛር ዝመጸ ጸገማትን ከም ዝዛመድ ርኢና ኣሎና። ሕጂ ከኣ ካልእ ጸላኢ ዝጥቀመሉ ዳርጋ ዝዓበየ መእተዊ ማለት ሕሳባትና ተግባር ናይ ደም ኪዳን ክንርኢ ኢና።

2ቆሮ 10፣3-6 ከምዚ ይብል "ከመይ ስጋ ለቢስና እካ እንተነበርና ብስጋዊ መንገዲ ኣይንዋጋእን ኢና፣ ኣጽዋር ውግእና ድማ ጽኑዕ ዕርድታት ዘፍርስ መለኮታዊ ሓይሊ ዘለዎ ኣጽዋር እዩ እንበር ስጋዊ ኣይኮነን ንዝከራከረና ንረትዖ ነቲ ፍልጠት ኣምላኽ ብትዕቢት ዝቃረን ኩሉ ነፍርስ። ንኩሉ ሓሳብ ማሪክና ድማ ንክርስቶስ ከም ዝግዝኦ ንገብር፣ ንስካትኩም ብምእዛዝ ፍጹማት ምስ ኮንኩም ነቲ ዘይእዘዝ ዘበለ ክንቀጽዖ ድልዋት ኢና፣"

ኣስተብህሉ ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጽሑፍ። እቶም ኣጽዋር ኣንጻር ሓሳባትና ዝዋግኡ እዮም። ብተወሳኺ እዚ ጽሑፍ "ክርክር" ኢሉ ጠቂስዎ ዘሎ ንሓሳባትናን። ምክንያታትናን ሙካኑ ኣስተብህሉ። ጽኑዕ ዕርድታት ኢሉ ኣስፊርዎ ዘሎ ከኣ ንጋኔናዊ ዕርዲ ዘገልግሉ ሓሳባት እዩ፣ ብዙሓት ካብዞም ክርክራትን ጽኑዕ ዕርድታትን ውጽኢት ሕሉፍ ህይወትና ክኮኑ ይክእሉ እዮም፣ ግን እዚ ጽሑፍ ን"ፍልጠት ኣምላኽ" ብትዕቢት ዝቃረን ይጠቅስ እዩ። እዚ ብሰይጣን ዝተበገሰ ሓሳባት ማለት እዩ እዚኦም ናብ ኣእምሮና ዝዓለሙ ጊንጢ ሓሳባት እዮም ጸላኢና ነዚኦም ሓሳባት ወሲድና ክሳብ ልማድና ዝኮኑ ከነተግብሮም ይደልየና። ሽዑ ክሳብ ጽኑዕ ዕርዲ ዝገብሮም ኮፍ ኢሉ ክርእየና ይክእል፣

ኣፌሶን ምዕራፍ 6 "ንፍልጠት ኣምላኽ ብትዕቢት ዝቃረኖ" ሓሳባት ብከምዚ ኣስፊርዎ ኣሎ። ኤፌ 6፣11-13 "ንፍሕሶ ሰይጣን ተቃዊምኩም ምእንቲ ክትክእሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ብምልኡ ልበሱ ከመይ ቅልስና ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን። ምስቶም ንዘመን ጸልማት ዘማሓድሩ ገዛእቲ ዓለምን ምስቶም ክፍኣት መናፍስትን ኣብ ሰማያት ዘለዉ እንበር ምስ ሰብ ኣይኮንናን እንበኣር በታ ክፍእቲ መዓልቲ ተቃዊምኩም ምእንቲ ክትክእሉስ ኩሉ ስዕ|ርኩም ከኣ ደው ክትብሉስ ምሉእ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ።"

**ጽኑዕ ዕርዲ ከም ሓቂ ዝእመን ናይ ሓሶት ፍልጠት ዕርዲ እዩ፣**

ሓድሽ ምውላደ ምስ ተቀበልና መንፈስና ከም ዝሕደስን። እዚ መሬታዊ ስጋና ምስ ሓለፈ ከኣ ሓድሽ ነብሲ ከም እንረክብ ንፈልጥ ኢና፣ ኣብዚ እዋን "ሳልሳይ" ነብስና ኣብ ናይ ምሕዳስ መስርሕ እዩ ዘሎ፣ ሓድሽ ኪዳን ነዚ "ምሕዳስ እእምሮናን ነብስናን" ኢሉ ይጽውዖ ነብስና ብኣእምሮና ፍቃድናን ስሚዒታትናን ዝቆመ እዩ።

**ኣጽዋርና ንምክልካል ናይ ኪዳን መሰልናን ንዕኡን "ንምፍላጥን" እዩ**

ኣብ ላዕሊ ኣብቲ ተጠቂሱ ዘሎ ጽሑፍ 2ቆ̄ረ10 ቅልስና ንኣምላኽ ንምፍላጥ ወይ ምስኡ ኣዕሩክ ንምኮን ከምዝብል ኣስተብህሉ፣ "… ነቲ ንፍልጠት ኣምላኽ ብትብዓት ዝቃረን"

ንኣምላኽ ምፍላጥ ኩሉ ነገር እዩ። ምፍላጥ እታ ንውልቃዊ ዕርክነት እትገልጽ ቃል እያ። ካብ ትምህርታዊ ግና ናይ ቀረባ ውልቃዊ ፍልጠት እዩ፣ ነዚ ንምርካብ ኣብ ቅልስ ኢና ዘሎና። እዚ ቅልስ ከኣ ኣብ ውሽጢ ኣእምሮናን ሓሳብናን እዩ እቲ ዝዓበየ ስራሕ ኣእምሮና ምሩክ ኣምላኽ ዝሃበና መሳርሒ ምግባሩ እዩ። ድሮ የሱስ ንሰይጣን ስዒርዎ ንዓና ምሉእ ናይ ደም ኪዳን ሂቡና እዩ። ቅልስና ንሰይጣን ምስዓር ዘይኮነስ ነቲ ቅኑዕ ውርሻና ምክልካል እዩ፣ ብተወሳኺ የሱስ ዓራቂ ደም ኪዳን እዩ፣ ናይ ደም ኪዳን መሰልና ከም እንረክብ ከረጋግጽ ኩሉ ግዜ ምሳና እዩ ግን ስሙ ቃል ምኮኑ ኣይንረስዕ።

ንዓና ነገስታትን ካህናትን ጌሩና እዩ። ነገስታት ቅልስ የካይዱ። ካህናት ከኣ ንሰባት ም ኣምላኽ ከምኡውን ንኣምላኽ ናብ ሰባት የቃርቡ ወይ ከኣ የገልግሉ፣ ብዘይ ቅልስ ሓሳብና ምሉእነት ኣብ ህይወትና ኮነ ንካልኦት ከነገልግል ኣይንክእልን ኢና፣

ምስኡ ርክብ እንተኣቆሪጽካ። ከም ወስከ ዘይብሉ ወደ መዝሙዝር ኣብ ረብሓ ዘይብሉ ሓሳብካ ኢካ ትነብር፣ ንኩሉ ብምሕረቱ ክህበካ ዝደልይ ነገራት ባዶ ክትገብሮ ትክእል ኢካ፣

"እምበኣር ከስ ንስካትኩም ድሕሪ ደጊም ከምቲ ኣህዛብ በቲ ኮንቱ ዝኮነ ሓሳባት ዝነብሩ ዝነበሩ ከይትነብሩ ብጎይታ እነግረኩምን ኣስመዓኩምን ኣሎኹ" (ኤፌ4፣17) "በተሓሳሰባኩም ውን ተሓደሱ" (ኤፌ 4፣23)

ንየሱስ "ትፈልጥዎ" እንተሃሊኩም። ኣብ ዓለም ህልው ትገብርዎን ንመደባት ሰይጣን ትቃወሙን ኣሎኹም፣ ግን ሰይጣን ንሓሳብኩም እንተተቆጻጺርዎ ንየሱስ ኣይትፈልጥዎን መደባት ሰይጣን ከኣ ይዕወት ማለት እዩ፣ የሱስ ንገሊኦም ኣብ ማቴ 7፣23 "ኣይፈልጠኩምን ነበርኩ" ከምዝበሎም ዘክሩ፣

በጃኹም ንምሕረትን ጸጋ ኣምላኽ። ነቲ ኣብ መስቀል እተፈጸመ ስራሕ ናይ የሱስ ድሕነት ብስራሕ ሕጋውነት ወይ መደባት ብምቅራብ ከነነኣእሶ ንፍትን ከምዘየለና ፍለጡ። ኣምላኽ ኮፍ ኢሉ ከመይ ከም ዝሰራሕና ይርእየና ንብል ኣይኮናን ዘሎና ኣይፋልን! ኩል ባዕሉ ጌርዎ እዩ እንተኮነ ክንሰዕር ከም ዘለና ነጊሩና እዩ ምስዓር ከም ኣብ ኩናት ማለት እዩ፣ ሓድሽ ምውላድና ናጻ እዩ ግን ናትና ኣብ ሂወት ኣምላኽ ምልጋብ። ምሉእት ክገብረና። ንክብሩ ክጥቀመልና። ናይ መንግስቱ ዕላማታት ናብ ዓለም ንምምጻእን የክእሎ፣ ምስኡ ለጊብካ ንምጽናሕን ንሓሳብና ናብ ዓለሙ ምልጋብን። ንናይ ሰይጣን ናይ ሓሳብ ቦምብታት ምቅዋምን የድልየና፣ ናይ ሰይጣን ስራሕ ንሓሳባትና ምውሳድን ካብ ናይ ኣምላኽ ህይወት ምፍላይናን እዩ፣

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ምኩናን። ምፍራድን ትህኪትን ንጹር እዩ፣ ኣብ ናይ ኣምላኽ ነገራት ህኩይ ሙካን ንዘልኣለም ክጸልወና ይክእል።

**ንዕኡ ምፍላጥ! እዚ ሕእድሽ ደም ኪዳን ብዛዕባ ንዕኡ ምፍላጥ እዩ፣**

ምእላይ ሓጥያት ንዕኡ ምፍላጥ የክእለና፣ ኤርምያስ ነዚ ተነብዩሉ ኣሎ፣ ትንቢት ኤርምያስ 24፣7ን 31፣34 ከምዚ ይብል "እግዚኣብሄር ሙካነይ ክፈልጡንስ ልቢ ክህቦም እየ። ብምሉእ ልቦም ናባይ ክምለሱ እዮም እሞ ንሳቶም ህዝበይ ክኮኑ እዮም። ኣነ ውን ኣምላኮም ክከውን እየ።"

"ኣነ ኣበሳኦም ይቅረ ክብለሎም ሓጥያቶም ድማ ድሕሪዚ ኣይክዝክርን እየ እሞ ካብ ንእሽቲኦም ክሳዕ ዓቢኦም ኩላቶም ክፈልጡኒ እዮም። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ነፍሲ ወከፍ ውን ንሓዉ። ንእግዚኣብሄር ፍለጦ ኢሎም ድሕሪዚ ንሓድሕዶም ኣይክመሃሩን እዮም ይብል እግዚኣብሄር"

ኣብ ሓድሽ ኪዳን ውን ተረጋጊጹ ኣሎ። እብራውያን 8፣6-13 ከምዚ ይብል "ሕጂ ግን እታ የሱስ ሞንጎኛ ኮይኑ ዘገልግለላ ኪዳን ካብታ ኣረጊት ዝበለጸትን ኣብ ዝበለጸ ተስፋ ዝተመርኮሰትን ስለ ዝኮነት እቲ ንዕኡ ዝተዋህቦ ኣገልግሎት ካብቲ ናቶም ዝበለጸ እዩ፣ እታ ቀዳመይቲ ኪዳን ኣበር እንተ ዘይርከባ እታ ካልኤይቲ ኣይመድለየትን ነይራ ምክንያቱ እግዚኣብሄር ንቶም ህዝቢ ኣበር ስለ ዝረከበሎም ከምዚ በለ። "እንሆ ምስ ህዝቢ እስራኤልን ምስ ህዝቢ ይሁዳን ሓድሽ ኪዳን ዝኣትወለን መዓልታት ከመጻ እየን ይብል እግዚኣብሄር ከምታ ብኢዶም ሒዘ ካብ ምድሪ ግብጺ ከውጽኦም ከለኩ ምስ ኣቦታቶም ዝኣተኽዎ ኪዳን ኣይኮነን ንሳቶም ብኪዳነይ ኣይጸንዑን እሞ ኣነ ዉን ብኣኣቶም ምግዳስ ገደፍክዎ ይብል እግዚኣብሄር። እንሆ ድሕሪ እተን መዓልታት እቲኤን ምስ እስራኤል ዝኣተኽዎ ኪዳን እዚ እዩ።

ንሕግታተይ ኣብ ኣእምርኦም ከእትዎ ኣብ ልቦም ውን ክጽህፎ እየ ኣነ ኣምላኽ ክኮኖም እየ ንሳቶም እዉን ህዝቢ ክኮኑኒ እዮም ይብል እግዚኣብሄር ካብ ንእሽቲኦም ክሳብ ዓቢኦም ክፈልጡኒ ስለ ዝኮኑ 'ንእዝጊ ፍለጦ' ኢሉ ነፍሲ ወከፍ ንሓው ኣይክነግሮን እዩ ከመይ ንክፍኣቶም ክመርሕ እየ ንሓጥያቶም እዉን ድሕሪዚ ኣይክዝክሮን እየ ነዚ ኪዳን እዚ "ሓድሽ" ኢሉ ብምጽውዑ ነቲ ቀዳማይ ኣረጊት ገበሮ፣ እቲ ዝኣረገን ዝበለየን ከኣ ቀልጢፉ ጠፉኣይ እዩ፣

ጳውሎስ ቤተክርስትያን ንኣምላኽ ክትፈልጦን ክትምኮሮን ጸልዩ

ኤፌሶን 3፣16-20 ከምዚ ይብል።

*16 ከምቲ ብዝሒ ክቡ መንፈሱ ብውሽጥኹም ብሓይሊ መታን ክበርትዓኩም ይጸሊ ኣሎኹ፣*

*17 ክርስቶስ ኣብ ልብኹም ብእምነት መታን ክሓድር ኣብ ፍቕሪ ሱር ኪትሰዱን ክትስረቱን፣*

*18 ምስ ኩሎም ቁዱሳን ኮይንኩም ውን ምግፋሑን ምንዋሑን ምዕማቑን ቁመቱን እንታይ ሙካኑ ምስትውዓል ምእንቲ ክትክእሉ፣*

*19 ነታ ንፍልጠት ሕልፍ እትብላ ፍቕሪ ክርስቶስ ድማ ክትፈልጥዎ ክሳብ ኩሉ ምልኣት ኣምላኽ ከኣ ምእንቲ ክትመልኡ ይጸሊ ኣሎኹ፣*

*20 ሕጂ ከኣ በቲ ኣብ ውሽጥና ዝዓይይ ሓይሊ ገይሩ ካብቲ ንሕና እንልምኖን እንሓስቦን ዘበለ እምብዛ ኣዕዚዙ ክገብር ዝከኣሎ ኣምላኽ፣*

**ኣብነታት ናይ ዘበላሸዉ ሓሳባት**

ኣንጻር ሓቀኛ ባህርያት ኣምላኽ። ኣንጻር ሓቀኛ መንነትና ኣብ ክርስቶስ ወይ ኣንጻር ካልኦትን ዝኮኑ ሓሳባት ክንቅበል ንክእል ኢና፣ እዚ ኣንጻር ከምዚ ዝብል ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ። የሱስ ከኣ "ንእግዚኣብሂር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብካን ብምሉእ ነፍስካን ብኩሉ ኣእሙሮካን ኣፍቅሮ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እዚኣ እያ፣ እታ እትመስላ ካልኤይታ ድማ ንብጻይካ ከም ነፍስካ ኣፍቅሮ እትብል እያ።" (ማቴዎስ 22፣37-39) ሰይጣን ናይ ሓሳብ ቦምብታት። ብዛዕባ ባህሪ ኣምላኽ ዝሕሱ። ኣንጻር መንነትና ኣብ ክርስቶስን። ኣንጻር ጎረባብትና ኣሉታዊ ነገራት ክንዛረብ ዝገብሩናን ይትኩሰልና እዩ።

ምናልባት ከምዚ ዝበሉ ገለ ሓሳባት ዉን ክመጹ ይክእሉ እዮም "የሕፍርካ ኣምላኽ ክውክለካ ብቁዕ ሰብ ኣይኮንካን ኣዚካ ክፉእ ሰብ ኢካ"። ኣምላኽ "ብስንብራቱ ሓዊካ" ክብል ከሎ ሓቁ ድዩ። "ድሓን እዩ ኣምላኽ ንሰብኣዊ ባህርካን ልብካን ይርድኦ እዩ ስለዚ ከይተጠዓስካ እንተ ቀጸልካ ጸገም የለን"። "ኣነ ተራ ሰብ ሓጥያተኛ ብጻጋ ዝደሓንኩ እየ ናብ መንግስተ ሰማያት ከኣ ይከይድ ኣሎኹ"። "ኣነ ከምዞም ካልኦት ሰባት ንፉዕ ክከውን ኣይክእልን እየ ከምኦም ክዕወት ኣይክእልን እየ" እዚኦም ውሑዳት እዮም፣ ንሓሳብኩም ብቃል ኣምላኽ ምፍራድ ከድልየኩም እዩ። ሰይጣን ንሄዋን ሓሳቡ ወሲዳ ንቃል ኣምላኽ ክትጠራጠር መንቀሊ ሓሳብ ከም ዝሃባ ዘክር።

**ዘርኢ ናይ ኣሉታ ሓሳባት ሓንሳብ ካብ ውዱቕ ሕሉፍና ክመጹ ይክእሉ እዮም**

ሕርቃን፣ ፍርሓት፣ ሕፍረት፣ ምንጻግ፣ ትሑት ርእሰ ምክባር፣ ሓገዝ ዘይምህላው፣ ተስፋ ምቁራጽ፣ ዘይምትብባ፣ ጽምዋ ኩሎም ኣሉታዊ ስርዓተ እምነት ስምዒታት ተግባራት ጽኑዕ ዕርዲ ከመንጭው ወይ ውጽኢት ናቱ ክኮኑ ይክእሉ እዮም። መብዛሕቲኡ ግዜ ኣብ ከምዚ ኣሉታዊ ስርዓታት እምነት እንወድቕ ብሰንኪ ዘይሰርሐ ወይ ዝተሰብረ ምሕዝነት ኣብ ሂወት እዩ፣ካብ ዉዱቕ ዝምድና ዘለዎም ስድራቤታት ወይ ሂወት እንተመጺእካ ብፍላይ ምስ ኣቦ ወይ ቀዳሞት ኣቦታትካ ዝወደቀ ዝምድና ዝተሞኮሩ እንተኮይኖም ናትካ ስርዓተ እምነት ኣብኡ ከሎ " ጌጋ" እዩ ዝከውን፣

ተክእሎታት ንዘሕዝን ፍጻሜ። ምስዚ ዑደት እቲ ኣምላኽ ዝህበና ብፍጹም ሓቀኛ ሓጎስ ክንረክበሉ ኣይንክእልን ኢና፣ ንኣምላኽ ከነክብሮ ኮነ ንመንግስቱ ፍረ ከነፍሪ ኣይንክእልን ኢና። ካብዚ ዝከፍአ ከኣ ነዞም ናባና ዝሓለፉ ሓሰባትን ዘርኦምን እንተ "ዘይቀተልናዮም" "ዕንቅፋትና" ክኮኑ ይክእሉ እዮም። ሰሎሙን ወዲ ዳዊት እቲ ዝለበመ ሰብ ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ፣ ብርግጽ ሓደ ካብ ዝሃብተሙ ውን እዩ ኔሩ ኣምላኽ እቲ ዝዓበየ ልቦና ሂብዎ እዩ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ምሳሌታት ባዕሉ እዩ ጽሒፍዎ። እንተኮነ ንናይ ዘይተፈቓርነት ሓሳቡ ክጻወሮ ስለዘይከኣለ ልዕሊ ሽሕ መብዛሕቲኣን ኣምለኽቲ ጣኦት ዝነበራ ኣንስትን ኣንስቲ ወሰንን ነበረኦ፣ ንዕኡ ንጣኦታት ሰይጣን ከምልክ ከኣ ምክንያት ኮነኦ፣ ማርክ ሩት ላንድ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርቱ ነዚ ሓቀኛ ዘሕዝን ፍጻሜ ሰምይዎ ኣሎ። "ንዘሕዝን ፍጻሜ" ሓደ ካብ ዝለዕለን ዝከበረን ቦታ ብዘይ ምክንያት ዝወደቀ ክብል ገሊጽዎ ኣሎ። ንስኩም ኣባል ሓድሽ ወለዶ ስለዝኮንኩም ካብ ሰለሙን

ዝለዓልኩምን ዝከበርኩምን ኢኩም፣ሰለሙን ኣብ ግጉይ ቦታት ፍቅሪ ክረክብ ይፍትን ኔሩ፣ ዶክተር ሩትላንድ ሰለሙን ዘይፍትው ምንባሩ ከምዘይኣምን ግን ጽምኣት ፍቅሪ ከም ዝነበሮ ገሊጹ ኣሎ፣

ብዙሓት ሰባት ነዞም ስምዒታት ከምቲ ሰለሙን ዝገበሮ ብገጋ መንገዲ "ክፍውስዎም" ይሓስቡ እዮም። መብዛሕቲኤ እዚኦም ኣብ ሕሉፍ ርክብካ እዮም ዝስዕቡ ምናልባት ብሕማቅ ወይ ዘይምህላው ፍቅሪ ምስ ኣቦካ ይስዕቡ እዮም፣ ወይ ውን ምናልባት ካብ እተፍቅሮም መሳቱካ ፍቅሪ ተነጺግካ ትከውን ፣ ካብ ናይ ዘርእካ መርገም ናባካ ብስድራካ ዝሰገረ ሕጂ ኣባካ ዝገሃድ ዘሎ እንተኮነ እንታይ ከምዘጋጥመካ ዘሎ ዘይትፈልጥ ውን ክከውን ይክእል እዩ!

ንኣሉታዊን ኣዕናውን ሓሳባት ኣብ ውሽጢ ደም ኪዳን ብከመይ ንምክቶም ?

ዝበዛሕና ንዛንታ ዳዊትን ጎልያድን ሰሚዕናዮ ኣሎና ካብ ነጥቢ ምግልጋል ካብ ዘይስነስርዓታዊ ሓሳብና ዝተበገሰ መግዛእትና እንደገና እስከ ንርኣዮ፣

እስራኤላውያን "ዝተቆራረጸ" ዘይተኣዛዝነት ንኣምላኽ ኔርዎም፣ ሳኡል ንጉስ ነበረ ፍሊስጤማውያን ንህዝቢ ኣምላኽ የፈራርሕዎም ነበሩ። ኩሎም እቶም ህዝቢ ንሳኡል ወሲኽካ ይፈርሑ ነበሩ።

ነዚ ርኢካ ሓደ ንእሽተይ ዳዊት እቲ ጎሳ ገለ ነገር ብዛዕባ ደም ዝርዳእ ዝነበረ ግና ኣይፈርሐን፣ እንተወሓደ ገለ ክፋል ብዛዕባ ኣንበሳን ድቢን ክቀትል ከሎ ሓራ እተውጽአ ዝነበረት ኢድ ናይ ኪዳን ኣምላኽ ተማሂሩ ክከውን ኣለዎ፣ኣዚ ንእሽተይ ጅግንነት ኣይኮነንእንተኮነ ዳዊት ንኣምላኽ ዝሰምዓሉን ዝምልሰሉን መንገዲ ኔርዎ እዩ። (መዝ 23, 32, 51)

እምነት ዘረባ ኣምላኽ ብምስማዕ ከም ዝመጽእ ኩሉና ንፈልጥ ኢና፣ ዳዊት ኣብ ደም ኪዳን ምስ ኣምላኽ እምነት ነይርዎ እዩ፣ ንናትና "ጎልያዳታት" ክንቀትል ካብ ዳዊት ትምህርቲ ንመሃር፣

እስራኤል ንኩሎም ጸላእቶም ክስዕረሎም ዝተመጻብዓሎም ናይ ደም ኪዳን ምስ ኣምላኽ ነይርዎም እዩ፣ እዚ ናይ ሓሶት ስርዓተ እምነት ንጎልያድ ንክረግሞምን ፍርሒ ከእትወሎምን ልዳት ከፈተሉ፣

ዳዊት ነቲ ኣጽዋር ስጋ ዝኮነ ናይ ሳኡል ድርዒ ምጥቃም ኣበየ። ሳኡል ንኣረጊት ባህሪ ማለት ስጋና ዘይተሓደሰ "ንጉስና" ይውክል፣ ናይ ሓደ ድርዒ ንናይ ኪዳን ንብረትውን ይውክል እዩ፣ ክልተ ኣብ ደም ኪዳን ክኣትው ከለው ድርዕታት ይለዋወጡ፣ መብዛሕቲኤ ግዜ ክሳብ ዝጠልመና ኣብ ናይ ስጋና ሓይሊ ኢና እንምርኮስ፣ ዳዊት ግን ካልእ ድርዒ ከምዘለዎ ይፈልጥ ነበረ። ፣ሳሚኤል 17፣38-39 ከምዚ ይብል "ሳኡል ድማ ንዳዊት ክዳውንቱ ከደኖ፣ ኣብ ርእሱ ከኣ ቁራዕ ርእሲ ኣስራዚ ገበረሉ ድርዒውን ከደኖ፣ ዳዊት ድማ ሴፍ ኣብ ልዕሊ ክዳኑ ተዓጥቀ ምካድ ኣይፈተነን ነበረ እሞ ክከይድ ጀመረ፣ ዳዊት ከኣ ንሳኡል ፈቲነዮ ኣይፈልጥን እየ እሞ ምስ እዝስ ክከይድ ኣይክእልን እየ በሎ። ዳዊት ድማ ካብኡ ኣራገፎ፣"

ዳዊት ንምፍራሕ ሰይጣን። ጎልያድ ነጺግዎ። ሰይጣን ንጡፍን ህልውን ምኮኑ ከረጋግጸልኩም ይክእል እየ፣ንዓኩም ኣብ ባርነትን መግዛእትን ከንብረኩም ናቱ መደባት ኣለዎ! ፣ሳሜኤል 17፣46-47 ከምዚ ይብል "ሎሚ መዓልቲ እግዚኣብሄር ንዓካ ኣሕሊፉ ኣብ ኢደይ ክህበኒ እዩ ። ኣነ ከኣ ክቀትለካ ርእስካውን ካባካ ክወስዳ እየ። ሬሳ ሰራዊት ፍልስጢኤማውያን ከኣ በዛ መዓልቲ እዚኣ ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት ምድርን ክህቦም እየ እሞ ኣብ እስራኤል ። ኣምላኽ ከምዘሎ ኩላ ምድሪ ክትፈልጥ እያ፣"

ዳዊት ንዘይምትብባዕ ስድርኡ ማለት ኢልያብ ሓው ነጺግዎ። ኣባላት ስድራቤትና ወላውን ናይ የሱስ ነፍስታት ዝኮኑ ዘይከተባብዑና ይክእሉ እዮም ፣ እዞም መራሕትና ክኮኑ ዝግብኦም ሰባት ግና ብምኽንያት ናይ ገዛእ ርእሶም መግዛእቲ ተስፋ ብምቁራጽ ኣብ ናቶም ደረጃ ከብጽሑና ይፍትኑ እዮም፣ 1 ሳሚኤል 17፣28 ከምዚ ይብል " ኤልያብ እቲ ዓቢ ሓው ድማ ምስቶም ሰባት ክዛረብ ከሎ ሰሚዕዎ ኩርያ ኤልያብ ኣብ ዳዊት ነዲዱ። እንታይ ክትገብር ናብዚ ወረድካ። እተን ሒደት ኣባጊዕካ ኣብ በረካ ንመን ገደፍካየን። ውግእ ምእንቲ ክትርኢ ኢካ ወሪድካ ዘሎካ'ሞ ትዕቢትካን ክፍኣት ልብካን ኣነ ፈሊጠዮ ኣለኩ በሎ፣"

**ዳዊት ኣብ ቃል ኣምልካ። ኣብ ናይ ደም ኪዳን ኣመነ**

ነዚ ብከመይ ንፈልጦ? ንእምነቱ ኣብቲ ደም ኣብ ሳሚኤል 17፣36,45-47 ከምዚ ክብል ይገልጾ "ጊልያካ ኣንበሳን ድብን ቀቲሉ እዩ። እዚ ዘይግዙር ፍልስጤማኢ እዚ ከኣ ንሰራዊት ልዑል ኣምላኽ ጸሪፉ እዩ እሞ ከም ሓደ ካባታቶም ክከውን እዩ በሎ" ዳዊት ከኣ ነቲ ፍልስጤማዊ በሎ። ንስካ ብሴፍን ብኩናትን ብመዝረቅን ትመጸኒ ኣሎካ። ኣነ ግና ብስም

እግዚኣብሄር ጎይታ ሰራዊት። እቲ ንስካ እተባጭዎ ዘሎካ ኣምላኽ ጭፍራ እስራኤል እመጸካ ኣሎኩ፣ ሎሚመዓልቲ እግዚኣብሄር ንዓካ እሕሊፉ ኣብ ኢደይ ክህበኒ እዩ፣ ኣነ ከኣ ክቀትለካ ርእስካውን ካባካ ክወስዳ እየ..."

ዳዊት "ስም" ኣምላኽ ነበሮ። ኣምላኽ ስሙ ኣብ ደም ኪዳን እስራኤል ከም ዝሃቦም ነዚ ዓቢ ቁም ነገር ይፈልጥ ነበረ፣ ጎልያድ እቲ ፍልስጤማዊ ምስ ኣምላኽ ኪዳን ከምዘይነበሮ ይፈልጥ ነበር፣ ፍሊስጤማውያን ኣብ ብዙሕ መዳያት ዝበለጹ ተዋጋእቲ፣ ዝበለጸ ባህልን፣ ሓያል ህዝብን ነበሩ፣ እዚ ግን ንዳዊት ዝኮነ ፍልልይ ኣይፈጠረሉን። ምክንያቱ ዋጋ ልውውጥ ናይ ደም ኪዳን ይፈልጥ ስለዝነበረ፣

ዳዊት ሓሙሽተ ለመጽቲ ኣእማንን ወንጭፍን ተጠቀመ። 1ሳሚኤል 17፣40 ከምዚ ይብል "በትሩ ኣብ ኢዱ ሒዙ ካብቲ ሩባ ከኣ ሓሙሽተ ልሙጻት እኣማን ሓርዩ ናብቲ ክንሲ ከሎ ምስኡ ዝነበረ ቁርባባሻን ማሕፉዳን ኣንበሮ ወንጪፉውን ኣብ ኢዱ ሒዙ ናብቲ ፍሊስጤማዊ ኣቢሉ ቀረበ"፣

ሓሙሽተ ንክብሪ እትገልጽ ቃል እያ። ከውሕታትን ኣእማንን መብዛሕቲኡ ግዜ ንቃል ይውክል ምናልባት እዚ ናይ ጸጋ ቃል ንናይ ዳዊት ምርጫ ንሓሙሽተ እምኒ ዝውክል እዩ፣ መብዛሕቲኡ ግዜ ክርስቶስ ብተምሳል እምኒ ወይ ከውሒ እዩ ዝውከል፣

ግብሪ ሃዋርያት 20፣32 ከምዚ ይብል "ሕጂ ድማ ንኣምላኽን ነቲ ክሓንጸኩምን ምስ ኩላቶም ቅዱሳን ከረስትየኩምን ዝከእል ቃል ጸጋኡን ኣማሕጽነኩም ኣለኩ፣"

ሉቃስ 6፣47-48 ከምዚ ይብል "እቲ ናባይ ዚመጽእን ንቃለይ ሰሚዑ ዝገብሮን ዘበለ ኩሉ ንመን ከም ዝመስል ከርእየኩም እየ፣ ንሱ ቤት ክሰርሕ ከሎ ኣዕሚቑ ዝኮዓተን መሰረቱውን ኣብ ከውሒ ዝመስረተን ሰብኣይ እዩ ዝመስል ብርቱዕ ውሒጅ ምስ መጸ ። ነቲ ቤት ደፍኦ ብጽኑዕ ስለ ዝተነድቀ ከኣ ምንቅናቁ ሰኣነ፣"

ዘይከም ሓው። ዳዊት ኣብ በረካታት ኣባጊዕ እናጎሰየ ዘማዕበሎ ምስ ኣምላኽ ውልቃዊ ዝምድና ነበሮ፣ንሱ እዩ መዝሙር 23 ዝጸሓፈ፣ ብርግጽ ኣብ ግዜ ዝርርቡ ምስ ኣምላኽ ዳዊት ብዛዕባ ደም ኪዳን ተማህረ፣ ዳዊት ብከመይ ሓሳቡ ብምሉእ ራኢይ ናይ ተክእሎታት ሓደጋን ። ኣሉታዊ ኩነታትን ይቆጻጸር ከም ዝነበረ ኣስተባህሉ ፣ ዳዊት ቃል እምነት ይዛረብን ልሙጽ እምኒ ኣብ ሓሳባቱ ይውንጭፍን ነበረ፣

መዝሙር 23፣1-6 ከምዚ ይብል "እግዚኣብሄር ጎሳየይ እዩ፣ ዚጎድለኒ የብለይን፣ ኣብ ልሙዕ ሸካ የሃዕለኒ ናብ ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ። ንሱ ንነፍሰይ የህድኣ ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ ምርሓኒ በትርካን ሙርክስካን የጸናንዓኒ እዩ። ንስካ ምሳይ ኢካ እሞ ብርባርባ ድና ሞት እኳ እንተከድኩ ክፉእ ኣይፈርህን እየ፣ ንስካ ኣብ ቅድሚ ገጽ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ። ንርእሰይ ብዘይቲ ትለክዮ ጽውኤይ ይጅርብብ ኣሎ፣ ብሓቂ ሳህልን ምሕረትን ብኩሉ ዕድመይ ኪስዕበካ እየ። ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ንዘልኣለም ክነብር እየ"፣

ዳዊት ነቶም ልሙጻት ኣእማን ካብ ሩባ ዝመረጸሉ ምክንያት ምናልባት ንምውንጫፍ ምቹኣት ስለዝኮናን ዕላመኣን ብብቅዓት ከሃርማ ዝክእላን ስለ ዝኮና ይከውን፣ ናትና ልሙጻት ኣእማን ከኣ እዞም ኣምላኽ ንዓና ዝገለጾም ቃላት እዮም። እዞም ኣብ ሓሳብናን። ተዘክሮታትናን መጽናዕትናን ዝለመዱ ቃላት፣ ገለ ኣእማን "ከነልምጽ" የድልየና እዩ "ልሙጻት ኣእማን ናይ ጸጋ" ሓጥያትና፣ ጋኔንን፣ ኣሉታዊ ሓሳብናን ከነውድቀሉ ንክእል፣

**ንሓሳብካ ምሩክ ግበሮ ። ነቲ ደም ተጠቀመሉ!**

ቃል ምስ እትሰምዑ ከም ዘርኢ ይዝራእ። እዚ ከኣ ናይ ህይወት ሓቂ እዩ! ቃላት ሓሳባት ይኮኡ ካብኡ ፍረ ይፈርዩ፣ሰይጣን ውን ሓሳባት ዝኮኑ ቃላት ይዘርእ እዩ። "እቶም ሰብ ደቂሶም ከለው መጺኡ ኣብቲ ማእከል ስርናይ ክርዳድ ዘሪኡ ከደ፣" ማቲዎስ 13፣25 እዞም ሓሳባት ብከውንነት ናይ ሰይጣን ፍረ ዝሓዙ እዮም።ኣረጊት ባህርካን ሰይጣንን ነዞም ሓሳባት ንክትዘራረብ ይደፋፍኣካ፣ እዚ ኩሉ ኣንጻር መስርሕ ኣምላኽ ንዝኮነ "ዘርኢ ማይ ምስታይ" እዩ። ንሕና ቃሉ ኣብ ልብና ክኣቱ ከነፍቅደሉ ንቃሉ ዓው ኢልና ክንዛረብን ኢና።

ተፈጢርና፣ ብዙሓት ንኣሉታዊ ሓሳቦም ዝሰምዖም ሰብ ንከረክቡ ኮለል ይብሉ እዮም፣ ኣብ ክንድኡ ነዚኦም ናብ የሱስ ናብ መስቀሉ ውሰዶም፣ ግን ብከመይ? ከም ሓጥያት ኣብ የሱስ ተነስሓዮም ምስኡ ከኣ ሓቀኛ ኩን ከመይ ከም ዝስመዓካ ንገሮ። ምስኡ ክትዛረብ ከሎካ እዚ ዘይግቡእ ሓሳባት ምኮኑ ከም ትፈልጥ ኣፍልጦ፣ ይቅረ ስለዝበለልካን ዘንጽሃካን ኣመስግኖ፣

ሕጂ ነቲ ቃል። ልሙጽ እምንካ ውሰዶ። ኣብ ወንጭፍ ናይ ኣፍካ ኣቀምጦ። ኩሉ ግዜ ሓሳብካ ንህይወትካ ብኣሉታዊ መንገዲ ክመልኦ ክጅምር ከሎ ናብ ጎልያድካ ተዛረቦ።

ንኩሉ ሓሳብካ ምሩክ ግበሮ። ከመጹካ ከለው ንኣምላኽ ሃቦም። መጀመርታ ግን ነቶም ንጸገምካ ዘንቀሉን። ዘየተባብዑካን ይቅረ በለሎም ንናይ ውልቅካ ናይ ስጋ ሓይሊ ከኣ ሕቆካ ሃቦ፣ ሽዑ ነታ እምንካ ነቲ ንጉዕካ ህረማ ከተውድቃ ከላ ክትርኢ ኢካ፣ ካብኡ ነቲ ናይ መንፈስ ሴፍ ወሲድካ ንናይ ጎልያድ ርእሲ ቁረጾ!

*መደምደምታ።* የሱስ ንሓጢኣትና ዝኣሊ ናይ ደም ኪዳን ሂቡና እዩ። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ረብሓ ናይዚ ንክንፈልጦን። ኣዕርከቱ ክንከውንን ዘክእለና ምኮኑ እዩ፣ ኣብዚ ሕጂ እዋን ንፈልጦ እንተሎና። ሓይሉ ኣብ ውሽጥና ይሰርሕ እዩ ንዓናን ንካልኦትን ኣብ ዓለም ዝነብሩን። ሰይጣን ሓሳባትና ካብ ኣምላኽ ክፈልየና ከም ዝክእል ስለ ዝፈልጥ። ኣብኣ እዩ "ዓበይቲ ኣጽዋራቱ" ዘጻውደልና፣

### ገለ ናይ ውግእ ስርዓታት እንታይ እዮም?

ንኣእምሮካ ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣንብሮም፣ ነቲ ቃል ኣስተንትኖ፣ ንልብካ ብቅኑዕ ንስሓ ኣብ ኣምላኽ ናይ ምንሳሕ ልማድ ይሃልካ፣ ናቲ ካብ ኣፍካ ዝወጽእ ቃላት ተጠንቀቀሉ፣ ናይ ምስጋና ኣምልኮ፣ ባርኮትን ህይወት ንበር። ጣዕሳ ካብ ዘይኣምላካዊ ህይወትና ወይ ልማድና ንጉልባብ ዘይምርዳእና ንናይ ኣምላኽ ቃል ኣልጊሱ ነቲ ቃል ኣብ ኣእምሮናን ልብናን ህሉው ክገብሮ እዩ፣ 2ቆረ 3፣16

### ድርዒ ኣምላኽ ኣብ ኣኤፌሶን ምዕራፍ 6 ንረክቦ

*1. ኣንጻር ሰይጣን ደው በል፣- እዚ ማለት ንምክልካል ናይ ዓወት ኣንፈትካ ማለት ኣዩ፣*

*2. ቅናት ሓቂ ተዓጠቅ፣- ሓቅነትን ምሉእነትን ኣብ ህይወትካ ይሃልካ፣*

*3. ናይ ቅንዕና ድርዒ፣- ኣፍልቢ፣ ምፍላጥ ቅንዕናና፣ ኣብኡ መን ምኮናንምፍላጥ፣ ቀጻሊ ነዚ ጉዳይ ምጽናዕን ምርግጋጽን እዚ ጉዳይ፣*

*4. ነኢጋርካ መግቦ ፣- ብምቅርራብ ናይ ሰላም ወንጌል*

*5. ልዕሊ ኩሉ ነቲ ጨካን ቅስቲ ምክልካሉ ምእንቲ ክትክእሉ ናይ እምነት ዋልታኩም ኣልዕሉ፣ እምነት ብቃል እዩ ዝመጽእ፣*

*6. ናይ ምድሓን ቁራዕ ርእሲ፣- እዚ ንምክልካል ብኣእምሮኩም እዩ ዝከውን፣*

*7. ናይ መንፈስ ሴፍ፣- ቃል ኣምላኽ፣*

*8. ኩሉ ግዜ ብመንፈስ ምጽላይ፣- ብምዕቃብን ቀረብን ኣስተብሃሊ ምኮን። ንዝተናውሕ እዋን ብመንፈስ ቅዱስ ምጽላይ ኣዝዩ ሓይሊ ዝህብ ኣዩ፣ ልዕሊ ተፈጥራዊ ውጽኢታት ኣብ ህይወትኩም ከምጽኣልኩም እዩ!!*

"ሓሳበይ ኣባካ ምሩክ ይገብሮ ኣለኩ። ንስካኸ ንዓይ ልክዕ ከምኡ ትገብረለይዶ?" ሕጂ ንልምዲ ኣረጊት ዘይተሓደሰሓሳባትካ ኣብምስባር። እቲ ዳዊት ዝወሰዶ መንገዲ ሰዓቡ፣ ናይ ኪዳን ሓሰብቲ ኩኑ!

### ዳዊት ንምፍርራሕ ሰይጣን። ጎልያድ ነጺግዎ

ዳዊት ንዘይምትብባዕ ስድርኡ ማለት ኤልያብ ሓው ነጺግዎ

ዳዊት ኣብ ቃል ኣምላኽን ናይ ደም ኪዳንን ኣመነ፣

ዳዊት "ስም" ኣምላኽ ነበሮ

ዳዊት ሓሙሽተ ለመጽቲ ኣእማን ወንጭፍን ተጠቀመ። ሓሙስተ ንጺጋ ዝውክል ቃል ኣዩ።

ንዛንታ ዳዊትን ጎልያድን ኣብ 1ሳሚኤል 17፣1-58 ኣንብብ

# ምዕራፍ 16

## ካብ ሎ-ድባር ናብ እዮርሳሌም

ሎ-ድባር ማለት እንጀራ ዘይብሉ ቦታ ማለት እዩ፣ የሱስ እንጀራ ህይወት እዩ። እቲ ቃል ናትና እንጌራ እዩ፣ ሎ-ድባር ንዓና እንጀራ ዘይብሉ ቦታ ማለት እዩ፣ መፊቦሸት ኣብ ሎ-ድባር ይነብር ነበረ ወላኮ ብዓይኒ ሓቂ ሕጋዊ ተቀባሊ ደም ኪዳን ምስ ንጉስ እንተነበረ ቃል ስለ ዘይነበሮ ግን ይቅምስል ነበረ።

የሱስ ነቲ ቃል ምስ ናይ ፍቅሪ ኪዳኑ ኣላጊብዎ እዩ። "እቲ ካብኡ ዝበልዕ ዘበለ ምእንቲ ከይመውት ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ እዚ እዩ። እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ህያው እንጌራ ኣነ እየ። ካብዚ እንጌራ እዚ ዝበልዕ ዘበለ ንዘልኣለም ክነብር እዩ፣ እዚ ኣነ ምእንቲ ህይወት ዓለም ዝህቦ እንጌራ ከኣ ስጋይ እዩ።" (ዮሃንስ 6፣50, 51) ድሒሩ ከኣ ኣብ ጥቅሲ 6፣63 ቃሉ ስግኡን ደሙን ኣመሓላላፊ ናይ ኪዳን ከምዝኮነ ይዛረብ።

የሱስ እቲቃል ቀንዲ ጉዳይ ከም ዝኮነ ኣነጺርዎ እዩ "የሱስ ግና ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወጽእ ኩሉ ቃል ደኣ እምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ ዝብል ጽሑፍ እሎ ኢሉ መለሰሉ።" (ማቴ4፣4)

መብዛሕቲኦም ሰባት ኪዳን ብፍላይ ድማ ናይ ደም ኪዳን ኣይርድኦምን እዩ። እቲ ዝዓበየ ሓላፍነት ዝስከም ዝሓየለ ዝምድና እዩ! ብተወሳኪ ዝበዝሑ ሰባት ንደም ኪዳን ምስ ቃል ኣምላኽ ኣየዛምድዎን እዮም።

ዳዊት ንመፊቦሸት ብኪዳን ፍቅሪ እዩ ባሪክዎ። ቃል ንኪዳን ፍቅሪ ቸሲድ። ቸሲድ ናይ እብራይስጢ ቃል እዩ። ትርጉሙ ከኣ ኪዳን ፍቅሪ እዩ፣ ብቆንቆ ግሪክ ኪዳን ፍቅሪ ኣጋፐ ይበሃል። እቲ ቀዳማይ ኪዳን ንኪዳን ፍቅሪ ትርጊም እዩ ዝህቦ፣ ብልማድ ፍቅሪ፣ ሕያውነት ወይ ምሕረት ኢሉ ይጽዋዕ፣ እዚ ብደም ኪዳን ጥራይ እዩ ክግለጽ ዝከኣል፣ "ብሓቂ ሳህልን ምሕረትን ብኩሉ ዕድመይ ኪስዕባኒ እየን። ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ንዘልኣለም ክነብር እየ፣"(መዝ 23።6)

"ዳዊት ድማ ካብ ቤት ሳኦልሲ ምእንቲ ዮናታን ኢለ ምሕረት ዝገብረሉ ገለ ሓድሽ ደኮን ይህሉ በለ" (2 ሳሚኤል 9፣1) እዚ ቃል ዳዊት እዩ ቃል ናይ የሱስውን እዩ። ኤፌሶን 2፣4 ከምዚ ይብል "ግናከ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኮነ ኣምላኽ ምእንቲ እታ ብኣኣ ጌሩ ዘፍቅረና ዓባይ ፍቅሩ"። ዳዊት ኣብነት ንልቢ ኣምላኽ ንናይ ኪዳን ህዝቡ ክባርኽ ኩሉ ግዜ ከም ዝብህግ ዘርእየና እዩ።ዳዊት ጨካን ተዋጋኢ እዩ ኔሩ ግን ንናይ ደም ኪዳን ስድርኡ ክባርኽ ጻውዒት ኣቅሪቡ።

**መፊቦሸት መን እዩ ነይሩ?**

ኩሉ ብሓያል ፍቅሪ ዮናታንን ዳዊትን እዩ ዝጅመር። ዮናታን ወዲ ንጉስ ሳኦል ነበረ። ሳኦል ዳዊት ቅቡእ ንጉስ ብምንባሩ ይቀንኣሉ ነበረ ክቀትሎ ከኣ ይፍትን ነበረ ብኣንጻር እዚ ዳዊትን ዮናታንን ሓያል ምትሕልላይን ኣብ ነንሓድሕዶም ዓሚቅ ፍቅሪ ነበሮም፣ ምስእዚ ናይ ሕጂ ህይወትና ከነመሳስሎ ኣይንክእልን ይመስለኒ። ኣብቲ እዋን ዝተፈልየ ባህሊ እዩ ነይሩ፣

ዮናታን ኣቦ መፊቦሸት ምስ ዳዊት ክዳን ተኣታትዩ ነበረ። 1ሳሚ18፣1-4 "ኮነ ድማ ንሱ ምስ ሳኦል ዘረብኡ ምስ ወደአ ነብሲ ዮናታን ምስ ነብሲ ዳዊት ተኣሰረት። ዮናታን ከኣ ከም ነብሱ ጌሩ ፈተዎ። ሳኦል ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ወሰዶ ናብ ቤት ኣብኡ ክምለስ ኣይፈቀደሉን። ዮናታን ድማ ንዳዊት ከም ነፍሱ ጌሩ ስለ ዝፍተዎ ኪዳን ተኣታተው። ዮናታን ከኣ እቲ ተከዲንዎ ዝነበረ ባርኖስ ኣውጺኡ ንዳዊት ሃቦ ክዳውንቱ ድማ ከሳዕ ሴፉን ቀስቱን ከሳዕ ቅናቱን ሃቦ" ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትና ዝጠቀስናዮ ብከመይ ኣጽዋራት ኣብ ደም ኪዳን ይለዋወጡ ክምዝነበሩ ኣስተብህሉ፣

ኣብ 1ሳሚ ተጻሒፉ ከምዘሎ ዮናታን ንዳዊት ብቀጻሊ ካብ ናይ ኣብኡ መዓት ይከላከለሉን ቀጻሊ ይሕልዎን ነበረ። ኣብኡ ሳኦል ንዮናታን ውላዱ ክስብ ክቀትሎ ኣፈራርሖ፣

ዳዊት ልቢ ኣምላኽ ዝተሰምየ ክሳዕ ክንድዚ ኣክብሮት ኣብ ልዕሊ ደም ኪዳን ስለዝነበሮ ኢለ እየ ዝኣምን።

ዳዊት ንጎልያድ ክበኣስ ከሎ ሳኦል ንዳዊት ቅናት ድርዑ ከም ዝሃቦ ትዝክሩዶ? እዚ ናይ ኪዳን ተግባር እዩ፣ እንተኮነ ዳዊት ነቲ ገጂፍ ሰብ ክቀትል ናይ ኪዳን ዝምድና ክኣትው ኣይደለየን ምክንያቱ ምስ ኣምላኽ እቲ ፈጣሪ ኪዳን ስለዝነበሮ! ንጎልያድ "ዘይተገዝረ ፍሊስጤም" ኢሉ እዩ ጸዊዕዎ ብካልእ ኣበሃህላ "ንስካ ገጂፍ ሰብ ክትከውን ትክእል ኢካ ከምቲ ንዓይ ዘሎኒ ግን ምስ ናተይ ኣምላኽ ኪዳን የብልካን" እዩ ኢልዎ።

እዚ ዝስዕብ ገለ ታሪካዊ ድሕረ ባይታ ብዛዕባ ውግእ ምስ ፍልስጥየማውያንን። ኣብታ ዝተከፋፈለት መንግስትን እዩ።

ኣብቲ እዋን ሓያል ውግእ ኣብ ሞንጎ እስራኤልን ፍልስጥየምን ነበረ፣ ብተወሳኺ ኣብቲ እዋን ካብ ቅንኢ ተበጊሱ ሳኦል ንዳዊት ክቀትሎ ይፍትን ነበረ። ወላካ ዳዊት ቁቡእ ንጉስ እንተነበረ ንሳኦል ከም ንጉስ ተቀቢሉ የክብሮን ይእዘዞን ነበረ። ሓያለ እዋን ወላ እካ ንሳኦል ክቀትሎ ዕድል እንተረከበ ኣብ ልዕሊ ናይ ሳኦል ስልጣን ኣክብሮት ስለዝነበሮ ግን ኣይወዓሎን። ምናልባት ነቲ ንግስነት ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ምስ ወዲ ሳኦል ዮናታን ዝኣተዎ ኪዳን ኢሉ ውን ይከውን።

ኣብ ካልኣይ ሳሙኤል 1፣1 ሳኦል ንስዕረቱ ብፍልስጤማውያን ምስ ረኣየንኣማላካይት ክቀትሎ ሓተቶ፣ ዳዊት ብዛዕባ ኣማውታ ሳኦልን ዮናታንን ሰምዐ።

ድሕሪ ሞት ሳኦልን ዮናታንን ዳዊት ንጉስ ይሁዳ ኮነ። ስድራቤት ሳኦል ግን ንኢሽቦሸት ንጉስ እስራኤል ገይሮም ቀብእዎ፣ ኣብኔር ሓላፊ ሰራዊት ሳኦል ነበረ። ንሱ ንኢሽቦሸት (ትርጉም ስሙ ጃህራ ወይ ናይ ኩርዓት ተግባር እዩ) ወዲ ኣርብዓ ዓመት ውላድ ሳኦል ስለ ዝነበረ ንጉስ ገይርዎ።

እቲ ንግስነት ተመቃቀለ ኣብ ሞንጎ እስራኤልን ይሁዳን ከኣ ውግእ ኮነ ፣ ዩኣብ ናይ ዳዊት ኣዛዝ ሰራዊት ነበረ ኣብኔር ከኣ ናይ እስራኤል ፣ መረርቲ ዉግኣት ከኣ የሕለፉ ከም ኣብ 2ሳምኤል ምዕራፍ 2-3 ተጠቂሱ ዘሎ እዚ ዉግእ መቀጸልታ ንናይ ሳኦልን ስድርኡን ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ዳዊት ከም ዝነበረ እየ ዝኣምን፣

ዩኣብ ንኣብኔር ቀተሎ። ኣብኔር ግን ንዳዊት ብዛዕባ ሰላም ክዛረቦ እንዳመጸ እዩ እተቀትለ ዳዊት ብዛዕባ ሞት ሳኦልን ዮናታንን ጥራይ ዘይኮነስ ብዛዕባ ሞት ኣብኔር ዉን ሕማቅ ተሰምዖ፣ ዳዊት ግን ብከመይ እዩ ንክቀትልዎ ዝደልዩ ዝነበሩ ሰባት ኣክብሮትን ፍቅርን ዝነበሮ?

ኢሽቦሸት ተቀትለ (2 ሳምኤል 4) ዳዊት ከኣ ናይ ክልቲኡ ግዝኣታት ንጉስ ኮነ።

በዚ ደማዊ ድሕረባይታ ኣብታ መፊቦሸት ዝነበራ ቤት ፍርሒ ወደቃ እታ ሞግዚቱ ሒዛቶ እንዳሃደመት ከላ ከኣ ወደቃ እሞ ስንኩል ኮነ፣ እዚ ሓደጋ ፍርሒ ዳዊት እካ እንተኣስዓቦ ዳዊት ግን ንክጎድኦም ኣይሰዓቦምን ፣ ዳዊት ብዛዕባ ሞት ኣብኔር የልቅስ ነበረ (2ሳምኤል 3፣33) እዚ ልቢ ናይ ቸሲድ ወይ ኪዳን ፍቅሪ ነበረ።

በዚ ታሪካዊ ድሕረባይታ እዩ ንጉስ ዳዊት ንሓደ ካብ ቤት ሳኦል ክባርክ ዝጸውዐ

ድሕሪ እዚ ኩሉ ካብ ቤት ሳኦል ዝረከቦ ዉርደት ዳዊት ንሓደ ካብ ወለዶ ሳኦል ክባርክ ምህንጣዩስ ክትሓስብዎ ትክእሉዶ?

2ሳምኤል 9፣1-13 ከምዚ ይብል "ዳዊት ድማ ካብ ቤት ሳኦል ምእንቲ ዮናታን ኢለ ምሕረት ዝገብረሉ ገለ ሓድጊ ዶኮን ይህሉ በለ፣ ጺባ ዝስሙ ሰብኣይ ከኣ ኣገልጋሊ ቤት ሳኦል ነበረ። ንዕኡ ናብ ዳዊት ምስጸውዕዎ ንጉስ ድማ ንስካ ዲካ ጺባ በሎ ንሱ ጊልያካ ንሱ እዩ በለ ንጉስ ድማ ምሕረት ኣምላኽ ክገብረሉስ ካብ ቤት ሳኦልዶ ገለ የለን በለ ጺባ ከኣ ንንጉስ የእጋሩ እተጎድአ እባ ሕእደ ወዲ ዮናታን ኣሎ በሎ ንጉስ ድማ ኣበይ ኣሎ ንሱ በሎ ጺባ ከኣ ንንጉስ እንሆ ንሱ ኣብ ቤት ማኪር ወዲ ዓማኤል ኣብ ሎ-ድባር ኣሎ በሎ፣ ሽዕኡ ንጉስ ዳዊት ልኢኩ ካብ ቤት ማኪር ወዲ ዓማኤል ካብ ሎ-ድባር ኣምጽአ መፊቦሸት ወዲ ዮናታን ወዲ ሳኦል ናብ ዳዊት መጺኡ ብገጹ ተደፍኡ ፍግም በለ፣

ማኪር ማለት ሽቃጢ። ነጋዳይ ከም ንጋል ናብ መርዓ ባርነት ምሻጥ ማለት እዩ ዓማኤል ማለት ዓሌት ናይ ኣምላኽ ህዝቢ ማለት እዩ ንክልትኤን ኣብ ሓደ ጠርኒፍና ናይ ኣምላኽ ህዝቢ ንባርነት እተሸጥና ክንከውን ከም ንክእል የርእየና እዚ ሎ-ድባር እዩ፣ቀረብ ዘይብሉ ቦታ እንኳራ ኣምላኽ ዘይብሉ ወላ እካ ውሉድ ኣምላኽ እንተኮንና ብሰንኪ ትዕቢትና ባርያ ሰይጣን ዝኮንናሉ ቦታ

"ዳዊት ድማ ንመፊቦሸት በሎ ንሱ ከኣ እኔኩ ግልያካ በለ ዳዊት ድማ ምእንቲ ዮናታን ኣቦካ ኢለ ብርግጽ ምሕረት ክገብረልካ እየ እሞ ኣይትፍራሕ ግራሁ ኣቦካ ሳኦል ዉን ክመልሰልካ እየ ንስካ ከኣ ንሓዋሩ ኣብ መኣደይ እንኳራ ክትበልዕ ኢካ በሎ ንሱ ከኣ ፍግም ኢሉ ናብ ከማይ ዝበለ ምውት ከልቢ ገጽካ ክትመልስሲ ጊልያካ እንታይ እዩ በለ። ሽዑ ንጉስ። ንጺባ ጊልያ ሳኦል ጸዊዑ ናይ ሳኦልን ናይ ብዘላ ቤቱን ዝኮነ ኩሉ ንወዲ ጎይታካ ሂበዮ ኣለኩ፣ንስካን ደቅካን ግዙኣትካን ድማ ንወዲ ጎይታካ ዝብላዕ እንኳራ ክኮናስ እቲ መሬት ሓሪስኩም ንዕኡ እእትውሉ፣ መፊቦሸት ወዲ ጎይታካ ግና ወርትግ ኣብ መኣደይ ክበልዕ እዩ በሎ ንጺባ ከኣ 15 ኣወዳትን 20 ግዙኣትን ነበርዎ ጺባ ድማ ንንጉስ ከምቲ ጎይታይ ንጉስ ንጊልያኡ ዝኣዘዞ ኩሉ ከምኡ ክገብር እዩ በሎ ንጉስ መሊሱ መፊቦሸትሲ ከም ሓደ ካብ ደቂ ንጉስ ኣብ መኣደይ ክበልዕ እዩ በለ። መፊቦሸት ሚካ ዝስሙ ንእሽቶ ወዲ ነበሮ ኣብ ቤት ጺባ ዝነብሩ ኩሎም ድማ ገላው መፊቦሸት ኮኑ፣ መፊቦሸት ከኣ ወርትግ ኣብ መኣዲ ንጉስ ይበልዕ ነበረ እሞ ኣብ የሩሳሌም ይቅመጥ ነበር። ንሱ ከኣ ክልቲኡ ሓንካስ ነበረ፣"

ናይ መፊቦሸት ስንክልና ምስሊ ነዚ ናትና መንፈሳዊ ስንክልና እዩ፣ ትርጉም ስሙ ኣላዪናይ ምድንጋራትን ሕፍረትን ከም ሓደ ዝብትንን ዝሰባብርን ማለት እዩ፣ ብግሉጽ ኣምላኽ ነዚ ስም እዚ ሓደ ንዮርሳሌም በጺሑ ምስ ንጉስ ናይ ደም ኪዳን ከም ዘለዎ ዝተረድአ ኩሉ ዝሓለፈ ሕፍረት ንዘልኣለም ከም ዝእለየሉ ከርእየና እዩ ተጠቂምሉ፣ ሕፍረት ቀታሊ እዩ ምክንያቱ ኣንጻር እቲ ኣምላኽ ክትኮኖ ዝሰርሓካ ስለ ዘታልል ሕፍረት ንኩሉ ነገራትካ ኣጥቂዑ ፈጺምካ ብቑዕ ወይ ንፉእ ከም ዘይትከውን ይነግረካ፣ ገለ ሕማቅ ነገር ጌርካ በደል ክስምዓካ ይክእል እዩ ግን ኣምላኽ ናብ ሕፍረት ኣየቃልዓካን እዩ። ናቱ ከምዝኮንካን ቅኑዕ ውላዱ ከምዝኮንካን እዩ ዝነግረካ።

መፊቦሸት ወዲ ዮናታን ከምዝነበረ ዘከር ወዲ ወዱ ነቲ ንዳዊት ክቀትሎ ዝፍትን ዝነበረ ሳኦል፣ ኣብ ትሕቲ መሰሉ እዩ ዝነብር ኔሩ ምስቲ ንጉስ ኪዳን ኔርዎ ንሱ ግን ኣይፈለጠን ኣብ ሎ-ድባር ማለት ኣብ እንጌራ ዘይብሉ ቦታ ይነብር ኔሩ፣ ንንጉስ ይሁዳን እስራኤልን ዳዊት እንዳፈርሐ ይነብር ኔሩ፣ መጉዚቱ ሒዛቶ ምስ ስድርኡ እንዳሃደመት እያ ኣውዲቃቶ ካብ መዓት ናይ ዳዊት ይሃድሙ ይመስሎም ኔሩ እንተኮነ ተጋግዮም እዮም ኔሮም።

እንጌራ ህይወት ቃል ኣምላኽ እዩ። ነቲ ቃል እንተዘይፈለጥናዮ ኣብ ሎ-ድባር ንነብር እንተኣሎና መን ምኮና ኣይንፈልጥን ኢና።

ሓደ መዓልቲ እቲ ናይ ፍቅሪ ኪዳን ክጻወሮ ክሳብ ዘይክእል ኣበርቲዑ ተንከፎ። ንገለ ሰብ ክባርክ ጥራይ ነይርዎ። ስለዚ ምእንቲ ኪዳኑ ምስ ዮናታን ካብ ዓሌት ሳኦል ገለ ዝደሓነ ሰብ እንተሎ ሓተተ።

ንመፊቦሸት  ፍቅሩ መታን ክገልጸሉ ልኢክሉ። የሱስ ንዓና ፍቅሩ ክነግረና ይልእከልና ኣሎ። ንዓናውን ንካልኦት ፍቅሩ ክንነግር ይልእከና ኣሎ። ንኩሉም ዝተላእከሉ ሰራዊት ምስ ኣጽዋሮም ምስ ተላእከሉ ንመፊቦሸት ኣብ ቅድሚ ልዳቱ ምስ ረኣዮም ዝተሰምዖ ፍርሒ ከግምት ጥራይ እየ ዝክእል።

ዳዊት መፊቦሸት ዝተረፈ ህይወቱ ብጺባን ስድርኡን ከምዝግልገል ኣረጋገጸሉ፣ ነቲ ሕርሻ ንመፊቦሸት የካይደሉ ነበሩ፣ ድሮ ዳዊት ንሃብቲ ሳኦል ወኒንዎ ነበረ። እቶም ዝተረፉ ስድራ ሳኦል ኣብ ምድረበዳ ጠፊኦም ነበሩ። ዳዊት ነቲ ሃብቲ ክወስዶ ይክእል ነይሩ ንሱ ግን ንኪዳን ፍቅሩ ከተግብር እዩ መሪጹ ንቸሲድ።

ዳዊት ንኩሉ ናይ ንጉስ ሓላፍነቱ ነዚ ኪዳን ኣተግቢሩሉ እዩ። መፊቦሸት ከኣ ንዝተረፈ ህይወቱ ኣብ መኣዲ ናይ ዳዊት በልዐ።

ንመፊቦሸት እዚ ይግበኦ'ዶ ኔሩ? ስለምንታይ ኢና ምስ ንጉስ ናይ ደም ኪዳን እንደሊ?

ካብ መጀመርታ ፍጥረት ኣትሒዙ ወናኒ ደም ኪዳን ነበረ፣ ኣዳም እቲ ዝሰበሮ ደም ኪዳን ምስ ኣምላኽ ነበሮ። ብዙሓት ጥንታውያን ልምድታት ናይ ደም ኪዳን ኣሕዋቶም ካብ ኣደ ዝወለደቶም  ኣሕዋት ንላዕሊ ከምዝቀርብዎም ክሳብ ሎሚ ይኣምኑ፣ ደም ኪዳን ንሂወት እቶም ክልተ ሰብ ኪዳን ሓዋዊሱ ሓደ ሓድሽ ሂወት ይፈጥረሎም።

ኢድካ ሓሪድካ'ዶ ደም ትሰቲ? ኣይፋሉን! መንፈሳዊ ደም ብቃላት እዩ ዝመሓላለፍ!

ዮሃንስ 6፣63 ከምዚ ይብል። "ህያው ዝገብር መንፈስ እዩ ስጋስ ገለ'ኳ ኣይጠቅምን እዩ። እዘን ኣነ ዝነገርኩኩም ቃላት መንፈስ እየን ህይወትውን እየን፣" የሱስ ኣብዚ ምዕራፍ ንድካታት መርገሞም ክኣልዩ ነጊርዎም። ደሙ ክሰትዩን ስጋኡ ክበልዑን የድልዮም ኔሩ ንሱ ከኣ ነቲ ምትሕልላፍ መንፈሳዊ ይቅይሮ። ስጋ ገለ ከምዘየርብሕ ቃሉ ግን መንፈስን ህይወትን ከምዝኮነ ነጊሩ፣ ኣብ የዉንስ 6 ዘሎ ዛንታ ኣንብቡ።

ቃላት እቲ እንኮ መራከቢ ህይወት ኣብ ሞንጎ መንፈስን ተፈጥራዊ ግዝኣትን እዩ።    ሉቃስ 4፣4 ከምዚ ይብል "የሱስ ከኣ ሰብ ብኩሉ ቃል ኣምላኽ እንበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ ኢሉ መለሰሎም።"

የሱስ ነዓይን ንዓኩምን ቢኪዳን ፍቅሩ ክባርከና ይህንጠ ኣሎ። ኤፌ 2፣4 ከምዚ ይብል "ግና ከ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኮነ ኣምላኽ ምእንቲ እታ ብኣኣ ገይሩ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቅሩ" ቀዳማይ ህይወቱ፣ ደሙ፣ በረከቱ ዘመሓላልፈሉ መንገዲ ቃሉ እዩ። ንበረከቱ ከም ኣብ መስመር ናይ ካፊተርያ ኣይዕድሎን እዩ፣ ሎሚ ምወላ የድልየኒ። ዝመጽእ ዘሎ ሰሙን ምሕዋይ ይደሊ ...ወዘተ ኣይፋሉን፣ ንነብሱ ።ቀንዲ ህይወቱ እዩ ዝዕድለና እዚ በረከት እዩ! እዚ ብመንፈስ ቅዱስ እተቀብለ ቃሉ እዩ ዝገብሮ፣ በረከቱ ነቶም መሳኪን ከም ቆልዓ ዓይነትን ንደለይቱን ይህቦም ካብ ዕቡያት ፈላጣት ሃይማኖት ዝኮኑ ሰባት ከኣ ይሓብኦ።

ንኩሉ ኣብዚ ህይወት ክንገብሮ እንደልን ኩሉ ኣምላካዊ ጠባይ ከነማዕብል ዘድልየና መብጽዕኡ በቲ ቃል ብምሃብ የመሓላልፈልና እዩ። ካብኡ ንሕና ክሳብ ሓይሉ ነቲ ስራሕ ዝገብሮ ኣብቲ ቃል ንቀውም፣ እዚ ደም ኪዳን እዩ! እዚ ናቱ ሕእይሊ እንበር ናትና ኣይኮነን ! እዚ ከኣ ጸጋ እዩ!

2ጴጥሮስ 1፤3, 4 ከምዚ ይብል "ነቲ ናብ ክብሩን ሕያውነቱን ዝጸውዓና ብምፍላጥና መሎኮታዊ ሓይሉ ኩሉ እቲ ንህይወትን መንፈሳውነትን ዘድልየና ሂቡና ኣሎ፣ በዚ እታ ክብርትን ዓባይን ተስፋ ረኪብና፣ ንስካትኩም ድማ ካብቲ ንዓለም ኣበላሽይዋ ዘሎ ትምኒት ስጋ ወጺእኩም ተካፈልቲ መሎኮታዊ ባህሪኡ ኮይንኩም"

ኣጥቢቅኩም ስምዑ! እዚ የሱስ ንዓና ዝገለጾ ሕቡእ ምስጢር እዩ፣ "ንሱ ከኣ ከምዚ በሎም "ምስጢር መንግስቲ ኣምላኽ ምፍላጥ ንዓካትኩም እዩ ተዋሂቡ ዘሎ ነቶም ብወጻኢ ዘሎዉ ግና ኩሉ ብምስላ እዩ ዝወሃቦም" (ማርቆስ 4፤11) እቲ ምስጢር እንበር ዝኮነ ምስጢር ከም ዘይበለ ኣስተውዕሉ፣

ብከመይ ካብ ሎ-ድባር ናብ እዮርሳሌም ከም እትግዕዙ ኣብዚ እንሀለ

እዚ ምሳሌ ኣብ ማርቆስ ምዕራፍ 4፤1-20 ሓደ ካብ ኣዝዩ ኣገደስቲ ጽሑፋት እዩ፣

**ብከመይ ቃል ኣምላኽ መክሰባት ኪዳን ናባና ከም ዘመሓላልፎ የርእየና፣**

*1. እየሱስ ከም ብሓድሽ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኮይኑ ክምህር ጀመረ ኣብ ባሕሪ ናብ ጃልባ ደኣይቡ ክሳዕ ዝቅመጥ ብዙሕ ህዝቢ ናብኡ ተኣከበ። ኩሉ እቲ ህዝቢ ከኣ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኣብ ምድሪ ነበረ*

*2. ብምስላታት ገይሩ ብዙሕ ነገራት መሃሮም። ክምህሮም ከሎ ድማ ከምዚ በሎም*

*3. "ስምዑ እንሆ ዘራኢ ክዘርእ ወፈረ*

*4. ክዘርእ ከሎ ገለ ኣብ ጥቃ መንገዲ ወደቀ የዕዋፍ መጺኣን ድማ በልዕኦ*

*5. ገሊኡ ድማ ብዙሕ መሬት ኣብ ዘይብሉ ከውሒ ወደቀ ዕምቆት መሬት ስለ ዘይብሉ ከኣ ቀልጢፉ በቖለ፣*

*6. ጸሓይ ምስ በረቀ ግና ሃገገ ሱር ስለዘይብሉ ውን ሓረረ፣*

*7. ገሊኡ ከኣ ኣብ ማእከል እሾክ ወደቀ እቲ እሾክ ከኣ ዓብዩ ሓነቖ ፍረ ውን ኣይሃበን፣*

*8. ገልኡ ድማ ኣብ ጽቡቅ መሬት ወደቀ በቖለ ዓበየ ፈረየ ገሊኡ ሰላሳ ገሊኡ ሱሳ ገሊኡ ከኣ ሚእቲ ሃባ፣*

*9. እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ"*

*10. ንበይኑ ምስ ኮነ ከኣ እቶም ኣብ ዙርይኡ ዝነበሩ ምስቶም ዓሰርተ ክልተ ኮይኖም ብዛዕባ እቲ ምስላታት ሓተትዎ፣*

*11. ንሱ ከኣ ከምዚ በሎም "ምስጢር መንግስቲ ኣምላኽ ምፍላጥ ንዓካትኩም እዩ ተዋሂቡ ዘሎ ነቶም ብወጻኢ ዘሎዉ ግና፣*

*12. ምርኣይ ክርእዩ ግን ኣይክርድኦምን ምስማዕ ክሰምዑ ግን ኣይክስተውዕሉን ተመሊሶም ውን ምሕረት ምእንቲ ከይረክቡስ ኩሉ ብምስላ እዩ ክከውን፣"*

*13. ከምዚ ድማ በሎም "ነዚ ምስላ እዚዶ ኣየስተዋኣልኩሞን ከመይ ገይርኩም ደኣ ንኩሉ ምስላታት ክትርድእዎ ኢኩም፣*

*14. እቲ ዘራኢ ነቲ ቃል እዩ ዝዘርርእ፣*

*15. [ቀዳማይ ኩነታት ልቢ፣ ተሪር ልቢ፣ እዚኣቶም እቶም ኣብቲ ቃል እተዘርአ ወሰን መንገዲ ዘሎዉ እዮም። ምስ ሰምዑ ብኡ ንብኡ ሰይጣን መጺኡ ነቲ ኣብ ልቦም እተዘርአ ቃል ይወስዶ።*

ሰይጣን ህሉው እዩ! እታ ቅንዲ መሳርሒቱ ቃል ምስራቅ እያ ንሱ ሓሳውን መታለልን እዩ እቲ ቃል ከምዝስዕሮ ይፈልጥ እዩ ስለዚ ንኩሎም ሰባት ብሓፈሻ ወላ ንክርስትያናት ኣብ ቃል ኣምላኽ ምንባር ከምዘየድልዮም ይሕብሮም። ንሱ ከም ናይ ሕጊ መጽሓፍ ንህይወት መምር። ንፋዓት ክርስትያናት ክንከውን ከነንብቦ እንግደድ ነገር ነቲ ሓያል ተፈጥራዊ ብቅዓት ናይ ዓለም ይሓብኦ።

*16. [ካልኣይ ኩነታት ልቢ፣ ዘይዓሚቅ ልቢ] "ከምኡ ከኣ እቶም ኣብ ከውሒ እተዘርኡ እዚኣቶም እዮም። ነቲ ቃል ምስ ሰምዕዎ ብኡብኡ ብሓጎስ ይቕበልዎ፣*

*17. ንግዚኡ እምበር ሱር የብሎምን ደሓር ግን ስለቲ ቃል መከራ ወይ ስደት ምስኮነ ቀልጢፎም ይከሕዱ*

ነቲ ቃል ድሕሪ ምቅባል ሽግራትን ምስጎግን ክመጹ እዮም። ሰይጣን ነቲ ቃል ከምዘይሰማዕናዮ ጌሩ ከሕስበና ይፍትን፣ ብምስጎግ በቲ ቃል ከም እንሓፍር ይገብረና "ረኣዩ እቲ ቃል ኣይሰርሕን እዩ ይብለና፣" እንተኮነ እዚ ጽሑፍ ህይወት ምኮኑ እንተፈሊጥኩም ክትሰግርዎ ትክእሉ ኢኹም፣ኣብቲ ቃል ምስትሙርኮሱ ገለ ዓይነት ሽግር ክመጻእኩም እዩ!

*18. [ሳልሳይ ኩነታት ልቢ፣ ዓለማዊ ልቢ] እቶም ኣብ እሾክ እተዘርኡ ድማ እቶም ነቲ ቃል ዝሰምዕዎ እዮም*

*19. እንተኮነ ሓልዮት እዛ ዓለም እዚኣ ምዕሻው ሃብትን ካልእ ትምኒትን ኣትዩ ነቲ ቃል ይሓንቆ። ፍረ ዘይብሉ ድማ ይከውን።*

*20. [ራብዓይ ኩነታት ልቢ፣ ቅኑዕ ልቢ]እቶም ኣብ ጽቡቕ እተዘርኡ ድማ እቶም ነቲ ቃል ሰሚዖም ዝቕበልዎ ገሊኦም 30 ገሊኦም 100 ዝፈርዩ እዮም፣" ምስዚ ትመዓራረ ጥቅሲ ሉቃ 8፣15 ከምዚ ይብል "እቲ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ ዝወደቀ ድማ ምስላ ናይቶም ነቲ ቃል ሰሚዖም ኣብ ቅኑዕን ጽቡቕን ልቢ ዝዓቅርዎ ብትዕግስቲውን ፍረ ዝፈርዩ እዩ፣"*

ምስ ክርስቶስ ብጸሎትን ቃሉን ዕርክነት ክንለማመድ ከለና። ነቲ ዘርኢ ቃል ኣብ ናይ ልብና ምድሪ ይዘርኦ ። ዕላማታቱ ከኣ ብኣና ኣብ መስርሕ ፍረ ምፍራይ ይግለጽ፣

**ሰለስቲኡ መስርሕ ቃል ኣብዛ ትስዕብ ጥቕሲ ተገሊፁ ኣሎ፣**

ኮፍ ምባል፣ ምካድ፣ ደው ምባል፣ ኮፍ ምባል ኣንፈትና ኣብ ክርስቶስ ከም ኣብ ኤፌሶን 2፣6 ተገሊፁ ዘሎ ይውክል፣ ንሕና ምስእዚ ወለሓደ እንገብሮ የብልናን መንነትና እዩ፣ምካድ ኣብ ኤፌሶን 4 ተገሊጹ ኣሎ ሕጂ መን ምኮና ንፈልጥ ኢና ክንከይድ ወይ ንሂወትና ብመንጽር መን ምኮና ክንመርሓ ኣሎና፣እዚ ናትና ሓላፍነት እዩ ንመንገዲ ህይወትና ምስ ዘይንዕቅኖን ዘይንናሳሕን መታን ህይወትና ናብቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ክርስቶስ ክትምለስ ጸጋ ኣምላኽ ብሓይሉ ይቀልዖ፣ ደው ምባል ኣብ ኤፌሶን ምዕራፍ 6 ተገሊጹ ኣሎ ነቲ ኣብ ልብና ተዘሪኡ ዘሎ ቃል ክንዕቅቦ ኣብ ቅልስ ከምዘለና ይሕብረና፣ ቅኑዕ ንነብር እንተዘየለና ደው ክንብል ኣይንክእልን ኢና ከምኡ ከኣ መን ምኮና እንተዘይፈለጥና ቅኑዕ ክንነብር ኣይንክእልን ኢና፣ ኩሉ ኣብ ነንሓድሕዱ ዝተኣሳሰረ እዩ።

ቃል ናትና ዘርኢ ወይ መብጽዓ እዩ። መታን ንሰይጣን ካብ ምስራቅ ዘርእና ክንክልክሎ ክንከይድን ደው ክንብልን ኣሎና፣ እዞም ሰለስተ ምስ ዝሕወሱ ናይ ጠባይ ፍረ፣ ንናይ ግዝያዊ ድሌትናን፣ ንካልኦት ነዚ ንግስነት ንክበጽሑን ፍረ ይህቡ።

**እዚ እዩ ናይ ምስዓር መስርሕ**

እዚ ዝያዳ ስቃይ እዩ ዝሓትት። ዘርእታት ወላ እኮ እንተዘይተሰምዐ ዝያዳ ግፍዒ እዩ ዝሰርሕ። "ካብ ዘመን ዮሃንስ መጥመቅ ክሳዕ ሎሚ መንግስተ ሰማያት ትግፋዕ ኣላ። ገፋዕቲ ድማ ይዝርፍዋ ኣለዉ" (ማቲዎስ 11፣12) ግፍዒ እትብል ቃል ብመግለጺ ግሪክ ንዓይነት ግፍዒ ሓደ ነገር ኮኣቢ ከሎ ዝስዕብ ይግምግም ፣

እቲ ቃል ኣብ ልብካ ከም እተዘርአ ምፍላጥ ልክዕ ከም ጥንስቲ ሙካን እዩ፣ ንኣምላኽ ቅድሚ ዓወት ምርካብካ ስለ እተዓወትካ ከተመስግኖ ትክእል ኢካ ልክዕ ከምቲ ጥንስቲ ሰበይቲ ዉላዳ ቅድሚ ምርኣያ እተመስግኖ ከተመስግኖ ትክእል ኢካ፣ ኣብ ውሽጥካ ከም ዘሎ እንተፈሊጥካ ተከናከኖ ፍረ ከኣ ክህበካ እዩ፣

እምነት ብምስማዕ ቃል ኣምላኽ እዩዝመጽእ። ንእምነት ኣበርቲዕና ብምዕያይ ክንፈጥሮ ኣይንክእልን ኢና፣ እምነት ቃል ኣብ ልብካ ምስ ተዘርአ እዩ ዝመጽእ ሰይጣን ነቲ ቃል ክሰርቆን ብምጥርጣር ምንጻሉን ክፍትን እዩ። ግን ደው ክትብል ትኽእል ኢካ!

እብራውያን 11፣1 እምነት ተስፋ እንገብረሉ ነገር፣ መርትዖ ናይ ገና ዘይተራእየ ነገራት ከም ዝኮነ ይገልጸልና እቲ መርትዖ ቃል እዩ እቲ ዘርኢ ኣብ ልብኩም ከም ዘሎ ትፈልጡ ኢኹም

እዚ ኩሉ ነገራት ዘይሃይማኖታውን ቀሊል ነገርን ይመስል ከምኡ ኢዩ ከኣ። ንፈላጣትን ሃይማኖተኛታትን ኣይኮነን እዚ ንህንጡያት ከም ቆልዓ ዝኮኑ ሰባት እዩ፣ የሱስ ባዕሉ ውን መንግስቱ ካብ ለባማት ሓቢኡ ንቆልዑ ከም ዝገለጸ ይነግረና እዩ፣ ኣነ ሰባት ካብ ሓደ ክሓስቦ ዝክእል ዝከፍአ ኩነታት ዘሕለፉን ነዚ መንገዲ ህይወት ተከቲሎም ኣብ ህይወቶም ፍረ ዘፍረዩን ርእየ ኣሎኹ፣

ኣምላኽ "ነዞም ኣብ ኩናት ዘሎዉ ኣፍሪቃውያን ክባርኮም ኣይክእልን እየ ኣብኡ ስራሕ የለን" ዝብልዶ ይመስለኩም? ወይ "ኩነታትካ ንዓይ ኣዝዩ ኣጸጋምን ዝተሓላለከን እዩ" ዝብልዶ ይመስለኩም?

ሓደ ንእሽተይ ዓሳ ማይ ባሕሪ ከይውዳእ ይፈርሕዶ? ጭሩ ገበላ ብዛዕባ ክትነፍረሉ እትክእል እኹል ኣየር ትሸገርዶ?

ኣይፋሉን ኣምላኽ "ኣብ ሎ-ድባር ክትመውት ኢካ ግን ከም መፊቦሸት ዝገበሮ ናብ እየሩሳሌም ንዓ ኣብ መኣዲ ንጉስ ንቃል እቲ ኪዳን ተመገብ፣" ይብለና ኣሎ፣

ንቃል ኣምላኽ ኣብ ልብካ ክዝራእ እንተ ዘይኣማንካ ኩሉ ድልየታትካ ከተማልእ ኣብ ሎ-ድባር ትነብር ኣሎካ ናብ የርሳሌም ክትነዝ የድልየካ ኣሎ!

ሕጂ ንብረትካ ጠርንፍ ካብ ሎ-ድባር ናብ የሩሳሌም ገዓዝ። ክትባረክን ንበረከት ክትከውንን ኢካ፣

**ናይ መፊቦሸት ናይ መወዳእታ መዓልታት**

ኣብ 2ሳምኤል 16፣1-4 ብከመይ ጺባ ባርያ መፊቦሸት ኩሉ እቲ ናይ ሳኦል ኣበሓጎ መፊቦሸት ዝነበረ ውርሽኡ ክሰርቆ ፈቲኑን ተዓዊቱን ዝገልጽ ዛንታ ኣሎ፣ ጺባ ንዳዊት ብዛዕባ መፊቦሸት ዝፋኑ ክገልጽ ከም ዝፈተነ ነገሮ ዳዊት ንሓንሳእ ክሳብ ነፊቦሸት ብኣካል ዝረክቦ ነቲ ዝተነግሮ ኣሚንዎ ነበረ። ከም ኣብ 2ሳሚኤል 19፣24-30 ተገሊጹ ዘሎ እቲ ጺባ ዝነገሮ ምትላል ተገልጸ ንናይ መፊቦሸት ውርሻ መታን ክመልሰሉ ኣብ ሞንጎ ጺባን መፊቦሸትን ብማዕረ ክምቀል ዳዊት ኣዘዘ። መፊቦሸት ብኣዝዩ ዘገርም ሓሳባት ንዳዊት ኩሉ እቲ ዉርሻ ጺባ ክወስዶ ንሱ ዝደልዮ ምስ ዳዊት ሙካን ጥራይ ሙካኑ ነገሮ፣ ዳዊት ናብ ስልጣን ምምላሱ ሕጉስ ነይሩ ንዕኡ ምስ ዳዊት ሙካን ጥራይ እኹል ነበረ፣

ድሕሪ ደጊም ንዓይ ምስ ጣኦታት እንታይ ኣሎኒ?

ምስቲ ንጉስ የሱስ ግዜ ምስ የሕለፍካ። ኩሉ ንብረትካ ትገድፎ። ምስኡ ሙካን ጥራይ እኹል እዩ! ደም ኪዳን ክገብረልካ ዝክእል እዚ እዩ!!!

# ምዕራፍ 17

# ደም ኪዳንን ዕላምኡን ኣብ ህይወትና

ኲላትና ንህይወትና ተስፋን ዕላማን ንደሊ ኢና። ኣነ ኣብ መወዳእታ እቲ ኣብ ህይወተይ ክበጽሖ ኢለ ዝሓሰብ መደባትን ዕላማታትን ከም ዝበጻሕኩ ይፈልጥ እየ፣ ስለምንታይ ከምዚ ከም ዝኮንኩን ናይ ኣምላኽ ዕላማ ኣብ ልዕለይ እንታይ ምኮኑን ክፈልጥ ኩሉ ግዜ ይፍትን እየ፣ ኣብ ሰላሳ ዓመተይ ሓደ ካብ ቁጠባዊ ሕልምታተይ ምስ ረኸብኩ ። ካብቲ ዝነበርክዎ ዝገደደ ባዶነት ተሰምዓኒ። ነቲ ገና ዘይረከብክዎ ኣምላኽ ክረክብ ዝያዳ ተሃንጠኩ፣ ንሰብ ድንቂ ገይሩ እዩ ፈጢርዎ ። ኣብ ስርዓተ ዙረት ደምና፣ ሓንጎልና ኮታ ኩሉ ኣሰራርሓና እሞ ንተዓዘብ። ኣነ ኣምላኽ ከምዚ ገይሩ እንተሰሪሑና ብከመይ እዮም ሰባት ኣብ ዘይጠቅም ነገራት ህይወቶም ዘጥፍኡ ይገርመኒ እዩ፣ ክበኪ ሰሚዑኒ ግን ድሕሪ ሸሞንተ ዓመት እንታይነቱ ገለጸለይ፣

**ኩልና ንተስፋ ንህይወትና ዕላማ ንደሊ ኢና**

ሓደ ሰብ ሓደ መዓልቲ “ብዘይ ፍቅሪ ብዘይ እምነት ክነብር ይክእል እዩ። ብዘይ ተስፋ ግን ኣይክእልን እዩ” ክብለኒ ሰሚዐዮ። ገለ ክብሎ ዝደለዮ ነገር ዘለዎ ይመስለኒ፣

ተስፋ እንታይ እዩ? ምስ ዕላማታት ናይ ህይወት ብከመይ ነተሓሕዝ? መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትርጉም ናይ ተስፋ ከምዚ ንሕና ብልማድ “እዚ ክሰርሓለይ ተስፋ ይገብር” እንብሎ ኣይኮነን፣

መጽሓፍ ቅዱሳዊ ተስፋ ማለት ጽቡቅ ነገር ምጽባይ ብሕጎስ ምቅባል እዩ፣

ተስፋ ልክዕ ከም ምህንድስናዊ ስእሊ ናይ ብሕጂ እትህነጽ ህንጻ እዩ፣ እቲ ነዳፊ ነቲ ዲዛይን ድሕሪ ምንዳፉ ወይ ምስኣሉ ኣቲ ሃንጺ ሓይሉ ሓዊሱ ነዚ ምስሊ ክፈጥሮ ኣለዎ።

**ናይ ኣምላኽ መደብ ንህይወትና ዘይኮነ ናይ ባዕልና ተስፋ ክንፈጥር ንክእል ኢና**

ከምቲ ኩሉኩም ምናልባት ገይርኩም ትፈልጡ፣ ናይ ባዕለይ ራኢታት ይፈጥር እየ። እቲ ጸገም ኩሎም ናይ ኣምላኽ መደብ ንህይወተይ ዘይምንባሮም ኣዩ፣ ገለ ብናይ ገዛእ ርእሰይ ሓይልይ ክገብሮም ዝክእል ብምንባረይ ዝሰዓቡ ክኮኑ ከለው ዝበዝሑ ግን ከምኡ ኣይነበሩን። ግን ወላ በቶም ዘተግበርክዎም ሕጉስ ኣይነበርኩን ምክንያቱ ናይ ኣምላኽ ኢሉ ተስፋን ይፈልጦ ስለዘይነበርኩ።

ገላትያ 6፣7 ከምዚ ይብል “ኣይትጠበሩ ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ። ሰብ ነቲ ዚዘርኦ እዩ ዚዓጽድ፣” ሕማቅ ዘርኢ ስለ ዝዘራእኩ ሕማቅ “ነገር” ዓጺደ ኣሎኩ፣ ንሕልምታተይን ራኢይን ይነብሮም ኣይነበርኩ። ዘይቅሱንን ነገራት ክቅይር ሓይሊ ዝይብለይ ኮይኑ ከኣ ተሰምዓኒ፣

ናይ ባዕልና ተስፋ ክንፈጥር ከሎና። ሕማቅ ዘርኢ ንህይወትና ኢና ንዘርእ ማለት ሓጥያት ኢና ንዘርእ፣ ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ብሰንኪ ሕጊ ወለዶኣዊ መርገም ንሕና ዝዘራእናዮ ሕማቅ ዘርኢ ጥራይ ዘይኮነ ቀዳሞት ኣቦታት ዝዘርእዎውን ኣና ኣንዓጽድ፣

ናይ ባዕልና ተስፋ ምፍጣር ንሰይጣን ናብ ጉዳይና ክኣቱ የኽእሎ፣ እዞም ሕማቅ  ዘርእታት። ሓደ መጀመርያ ርእዩ ካብ ክሓስቦ ዝክእል ዝዓበየ ዕንወት ከምጽእ ዝክእል ሓይሊ ኣለዎም ንሰይጣንን ተሓባበርቱን ኣብ ህይወትናን ህይወት ደቅናን ዕንወት መርገምን ከምጽኡ መርገጺ እግርን ሕጋዊ መሰልን ይፈጥሩሎም፣

ያቆብ ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 30, 31 ኣብ ከምዚ ዝመሳሰል ኩነታት ኣትዩ ነበረ፣

ከምቲ ያቆብ ዝገበሮ ኣብ ህይወትካ ሕማቅ ዘርኢ ዘሪእካ ሕጂ ሕማቅ ነገር ትዓጽድ እንተኣሎካ ኣይትሸገር። ደም ኪዳን ንነገራት ከዐርዮም እዩ፣

ከምቲ ያቆብ ዝገበሮ ናትና መወዳእታ ክንበጽሖ ኣሎና። ያቆብ ዝዘርኦ እዩ ዓጺዱ። ካብ ናይ ኣምላኽ መደብ ተኣልዩ ነበረ። ካብ ሓሳብ ኣምላኽ ግን ኣይተኣልየን፣

ብኣምላኽ ምልክት ምስ ተገብረልና ኣብቲ ብሕማቅ ምርጫና እንእትዎ መሓቡስ መጺኡ ንድሕነትና ራኢን ቃልን ይህበና። ያቆብ ከም ናይ ኪዳን ሰብ ምልክት ተገይርሉ ነበረ። ኣምላኽ ንናይ ኪዳን ውሉድ ብቁዕ መደብ ኣለዎ፣ እዚ ኣቀዲሙ እተመደበ መንገዲ "ምሉእ ህይወት" ተባሂሉ እዩ ዝፅዋዕ፣ እዚ ንኩልና ዝሰማማዕ እዩ፣ ኣምላኽ ኣብ ናይ ያቆብ ህይወት በቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ዘርኢ ዝዓጽዶ ዝነበረ መግዛእቲ ጣልቃ ብምእታው ናጻ ዘውጽኦ ራኢ‚ይ ሃቦ፣ እቲ ራኢ ንናይ ያቆብ ህይወት ኣየናይ ኣምላኽ ከም ዝፍጸመሉ ዘርኢ ሓይሊ ኣብ ውሽጡ ነበሮ።

ኤፌሶን 2፣10 ከምዚ ይብል "ከመይ ንሕና ነቲ ኣምላኽ ኣቀዲሙ ዘዳለወልና ሰናይ ተግባራት እናፈጸምና ምእንቲ ክነንብር ብክርስቶስ የሱስ ዝፈጠረና ፍጡራት ኣምላኽ ኢና፣"

**እዚ ብከመይ ይሰርሕ?**

ዋላ'ኮ ኣምላኽ ተስፋ ንመጻኢ ራኢ እንተሃበኒ ኣነ ከተግብሮ ግን ሓይሊ የብለይን ክትብል ትክእል ኢካ፣ ጽቡቕ!

እዚ ብከመይ ይሰርሕ ኣብዚ ተገሊጹ ኣሎ፣ እብራውያን 11፣1-2 ከምዚ ይብል፣ "እምነት ነቲ ብተስፋ እንጽበዮ ነገር ከም እንረክቦ ዜረጋግጽ ነቲ ዘይረአ ነገር ከኣ ከም ዘሎ ዘረድእ እዩ፣ነቶም ናይ ቀደም ሰብውን ብእምነቶም እዩ ዝተመስከረሎም፣"

1, **ተስፋ**፣- ዝምድናና ምስ ኣምላኽ ኣብ ቃሉ ምስ ዝገለጽናዮን ብሕጂ እንገልጾን ክእለት ዝምድና ተሓዊሱ ኣምላኽ ቃል/ዘርኢ ኣብ ልብና ክዘርኦ እዩ፣ ብከምዚ እዩ ዝሰርሕ "ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣዚኩም ብተስፋ ምእንቲ ክትህብትሙስ እቲ ዝኣመንኩምዎ ናይ ተስፋ ኣምላኽ ኩሉ ሓጎስን ሰላምን ይምላእኩም፣" (ሮሜ 15፣13)

እቲ ዘርኢ እንታይ ከምዝውክል ክትፈልጦ ወይ ዘይክትፈልጦ ትክእልኢካ። ንጹር መብጽዓ ከም "ብዛዕባ ኩሉ ቁጠባዊ ድልየታትካ ባዕለይ ክሓልየልካ እየ" ምባል ክከውን ይክእል ወይ ከም ናይ መጻኢካ ጉዳይ ዘይግሉጽ ክከውን ይክእል፣

2. ***እምነት***፣- እቲ ኣብ ልብካ ዝተዘርአ ዘርኢ ነቲ ዝውክሎ ከፉሪ ክእለት ኣለዎ። ሓንቲ ንእሽተይ ዘርኢ ዓባይ ኦም ከተፍሪ ክእለት ኣለዎ። ንእሽተይ ዘርኢ ዕፉን ዓቢ ተክሊ ከተፍሪ ክእለት ኣለዎ። እታ ንእሽተይ ዘርኢ እንተ ከፊትካ ርኢካያ ስእሊ እታ እተፍርያ ዓባይ ኦም ክትርኢ ከም ዝከኣል ተነጊረ ኣሎኩ፣ንዓካ እዚ ቃል ካብቲ ኣምላኽ ዘፍርዮ እምነት ነቲ ተግባር ስም (ዋንነት) ተስፋ ወይ እቲ ኣምላኽ ንዓካ ዘለዎ ራኢ ዝፈረየ እዩ ዝመጸካ፣

3. **ምሕላውን ምእዛዝን**፣- ዝስዕብ ስጉምቲ ነቲ ምስ ምንዋሕ ግዜ ዝፍጠር ምጥርጣርን። ንሰይጣን ካብ ምስራቅ ዘርእካ ምቅዋምን እዩ፣ "ነፍሲ ወከፍኩም እቲ ተስፋኩም ምእንቲ ክፍጸመልኩም ክሳዕ መወዳእታ ከምዚ ዝዓይነቱ ትግሃት ክትርእዩ ንደሊ ኣሎና፣ ነቶም ብእምነትን ብትዕግስትን ነታ ተስፋ ዝወርስዋ ምእንቲ ክትመስልዎም እምበር ሃካያት ክትኮኑ ኣይንደልን ኢና፣" (እብራውያን 6፣11,12)

**ጽቡቕ ዜና ኣሎ!**

ምስ ዕላማታት ሂወትካ ክትቃለስ ጸኒሕካ ክትከውን ትክእል ኢካ፣ ሕጂ ግን ኣምላኽ እቲ ዕላማ ናይ ተስፋ ወይ ራኢ ጥራይ ዘይኮነ። ነዚ ንምግባር ዘክእል ሓይሉውን ከምዝህበካ እዩዝዛረብ ዘሎ፣ እዚ እዩ እቲ ጽቡቕ ዜና!

መዝሙር 37 ብከመይ ተስፋን ድሌትን ከም ዝመጽእ የርእየና። እቲ ሓይሊ ከኣ ንኩሉ ከም ዘሕልፎ ይመባጽዓልና

***መጀመርታ ድሌት ይህበካ***

መዝሙር 37፣4 ከምዚ ይብል "ብእግዚኣብሄር ውን ተሓጎስ። ልብካ ዝደልዮ ንሱ ክህበካ እዩ" ብእግዚኣብሄር ተሓጎስ ዝብል ቃል ንምህላው ዕርክነታዊ ዝምድና ምስ ጎይታ ከም ዝግምግም ይእመን ኣለኩ፣ ነዚ ምስ እትገብር እቲ መብጽዓ እቲ ንሱ ክትደልዮ ዝደልየካ ድሌት ከም ዝህበካ እዩ። ኩሉ ካብ ኣብ ልብካ ዝህበካ ወጻኢ እትደልዮ ይህበካ ማለት ኣይመስለንን። ግን እቲ ንሱ ንዓካ ዝደልዮ ትምኒት ክትምነ ሓይሊ ይህበካ፣

**ካብ ናቱ ሓይሊ ይህበካ**

መዝ 37፥5 ከምዚ ይብል "መንገድኻ ንእግዚኣብሄር ኣአማዕቁቦ ። ኣብኡ ተወከል ንሱውን ከሳልጠልካ ኣዩ" መንገድካ ኣማዕቁቦ ንኣምላኽ ምእዛዝ ምፍቃር ይግምግም ። ካብኡ ኣብቲ ዝምድናን ኣብ ናቱ ባህርን ምስ ኣመንካ ። ድሌታትካ ንክፍጸም ሓይሊ ከምጸኣልካ እዩ፣ ራኢካ፣ ድሌትን፣ ሕልምካን ክትነብሮም ሓይሊ ክህልወካ ኣየድልን እዩ! ነቶም ብዘይብኡኡ ህይወትና ክትሰርሕ ከም ዘይትክእል እንፈልጥ እዚ ጽቡቅ ዜና እዩ፣ ነቶም ተስፋ ዘይብሎም ሓቀኛ ተስፋ ዝህብ እዩ!

**እዚ ንናይ ያቆብ ህይወት ብከመይ ሰሪሕሉ?**

ያቆብ ብዙሕ ሕማቅ ዘርኢ ኣብ ህይወቱ ዘሪኡ እዩ። ንሱን ኣዲኡን ንናይ ቦክሪ ውላድ ምርቃ ካብ ኤሳው ክምንጥሉ ነቡኡ ኣታሊልዎ እዩ። ያቆብ መታለሊ ነበር። ወላ'ኳ ናይ ኣምላኽ መደብ ንሱ ናይ ቦክሪ ምርቃ ክወስድ እንተነበረ። ያቆብ ነዚ ክረክብ ዘይኣምላካዊ መትከላት እዩ ተጠቂሙ፣

ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 30-31 ብዙሕ ሕማቅ ፍረ ይዓጽድ ነበረ፣ ካብ ዝዓዮ ዝነበረ ንላዕሊ ዘዕዮ ዝነበረ ኣኩኡ ላባን ተቆሪኑ። ንራሄል ጎሉ ኣፍቂርዋ ምስ ኣቡኣ ከኣ ንሸውዓተ ዓመት ምእንቲ ንዓኣ ክምርዖ ምስኡ ክሰርሕ ተሰማመዐ እንተኮነ ግና ነታ ዓባይ ጎሉ ማለት ልያ ሂቡ የዐሺዎ እንደገና ምእንቲ ራሄል ሸውዓተ ዓመት ክሰርሕ ተሰማመዐ፣

ኣንጻር ሕማቅ ዘርኡን። መደባት ሰይጣን ንመሰል ውልድነት ካብ ያቆብ ክሰርቅ ፈተነ ግና ኣብ መወዳእታ እተን ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመት መደባት ኣምላኽ ንያቆብ ምሉእነት ሃበኦ፣ ንክብሩ ከኣ ናብ ቦትኡ ከብጽሖ ከኣለ፣

**ኣምላኽ ንዳዊት ናብ ዕላምኡን ትዕድልቱን ከብጽሖ ሕልሚ ሃቦ**

ቆንቆ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልብና ብሕልሚ፣ ብምብራህ ቃሉን ካልእን ስእሊ ምፍጣር መታን ኣብ "ግራት ልብና" ክጽሕፎም፣ እዚ ስእሊ ልብና "ተስፋናን ድሌት ልብናን" ይከውን ንነብስና እቲ ኣምላኽ ንዓና ዝደልዮ እትደሊ ኮይና ንረክባ፣ ኩሉ ግዜ ኣምላኽ ንመጻኢና ዝሓስቦ ክትርዳእ ዘይምፍታን ጽቡቅ እዩ። ምክንያቱ ርእስና ከነታልልን። ንሲጋዊ ዘይኣምላካዊ ድሌታትና ኢልና ንናይ ኣምላኽ ተስፋ ክንዘርጎን፣ ስለእንክእል፣ ኣምላኽ ኣብ ልብና ተስፋ ከም ዝዘርእ ምፍላጥን "ንሓይልና" ካብቲ ምስሊ ኣውጺእና ኩሉ ብሓይሉ ክገብሮ ክንገድፎ ይግበኣና። ከምቲ ኣብርሃም ንእስማዔል ክወልድ ከሎ ዝገበሮ ንኣምላኽ "ከነሕዝን" የብልናን፣

እዚ ዝስዕብ ሕልሚ ናይ ያቆብ እዩ። እቲ ምሕረተኛ ኣምላኽ ኣብ ናይ ያቆብ ህይወት ጣልቃ ኣተወ

"መልኣክ ኣምላኽ ድማ ብሕልሚ ያእቆብ በለኒ ኣነ ከኣ እኔኹ ብልኩ ንሱውን ዓይንኻ ቆሕ ኣብል እሞ እዞም ነዘን ጤለበጊዕ ዝሰርወን ዘለው ኩሎም ተባዕትዮ ዑፌታትን ጻነጹታትን ጨቦሬታትን ርኤ፣ እቲ ላባን ዝገበረካ ኩሉ ርኤዮ ኣለኹ፣ እቲ ኣብቲ ሓወልቲ ዝቀባእካሉን ኣብኡ ድማ መብጽዓ እተመጻባዕካሉ ኣምላኽ ቤት-ኤል ኣነ እየ፣ ሕጂ ተንስእ'ሞ ካብዛ ምድሪ እዚኣ ወጺእካ ናብታ እተወለድካላ ሃገር ተመለስ በለኒ" (ዘፍ31፥11-13)

ያቆብ ከምቲ ኣብ ዘፍ 30፥25-43 ዝተነግረ ምስ ለባን ውዕል ኣተወ። ምስ ለባን ብዘይተወሰነ ዓስቢ ክሰርሕ ተሰማምዐ። ዓስቡ ግን ጸነጺትን ቡሬታትን ውላድ ከብቲ ክኮና ተሰማምዐ፣ ነዚ ኣገዳሲ ዝገብሮ ያቆብ ነቶም። ኣብቲ ሞጎስ ዝነበሩ ጸነጺትን ቡሬታትን መንገዲ ሰለስተ መዓልቲ ኣርሒቁ ክጎስየን ተሰማምዐ። ላባን ብከመይ ብዘይ ከምኡ ዝነብራ ጸነጸትን ቡሬታትን ይቆብ ከምኣን ከውልድ ይክእል ስለ ዘይተረደኦ ቀልጢፉ ነቲ ሓሳብ ተቀበሎ፣

ያቆብ ከኣ ክርዋሕን ሉዝን ሑዳን ካብ ዝበሃል ኣእዋም ጥሉል ኣባትር ወሲዱ ካብኡ ቅላጥ ወሲዱ ነቲ ኣባትር ዕሮርባይ ገበሮ

ነዘን ኣባትር እተን ሓያላት ከብቲ ማይ ክሰትያ ከለዋ እቲ በትሪ ኣብ ቅድሚኤን የንብረለን ነበር ኣብተን ሕማቃት ግና ከምኡ ኣይገበረለንን፣ ነፍሲ ወከፍ እዋን እተን ከብቲ ክበልዓ ወይ ክሰትያ ከለዋ ካብቲ በትሪ ራኢ ይረክባ ነበራ፣

"ያእቆብ ድማ ልኢኹ ንራሄልን ንልያን ልኢኹ ናብተን ሞጋሲኡ ናብ መሮር ጸውዐን በለን ከኣ ገጽ ኣቦኩን ከም ቀደሙ ምሳይ ከምዘይኮነ ኣነ እርኢ ኣሎኹ ኣምላኽ ኣቦይ ግና ምሳይ ነበረ፣ ነቦክን ብምሉእ ሓይለይ ከም ዘገልገልክዎ ከኣ ትፈልጣ ኢክን፣ ኣቦክን ደኣ ዓስበይ ዓሰርተ ሳዕ እናለዋወጠ ኣታለለኒ፣ እግዚኣብሄር ግና ክፉእ ክገብረኒ ኣየፍቀደሉን ንሱ ዓምቦሬታት ዘበላ ዓስብካ ይኩና ምስ በለኒ ኩለን ሞገሴታት ዓምቦሬታት ወለዳ፣ ዓስብካ ዑፌታት ይኩና ምስ በለኒ ከኣ ኩለን ሞጎሴታት ዑፌታት ወለዳ። ኣምላኽ ከምዚ ገይሩ ማል ኣቦክን ኣግዲፉ ንዓይ ሃበኒ፣ ኮነ ከኣ በቲ እትን

ሞጎሴ ዝትለዋሉ ግዜ ዓይነይ እንተኣበልኩ ብሕልሚ ርኤኩ እንሆ ነተን ጠለበጊዕ ዝሰርወን ተባዕትዮ ዑፌታት ጸነጺትን ጨበሬታትን ነበሩ።" (ዘፍ 31፥4-10)

ያቆብ ሃብታም ኮነ። እተን ከብቲ ጸነጺትን ቡሬታትን ብብዝሒ ክወልዳ ጀመራ። እቲ ጽሑፍ ከምዚ ይብል "እቲ ሰብኣይ ድማ ኣዝዩ ሃብታም ብዙሓት መጎሴታትን ገለውን ኣግራድን ኣግማልን ኣእዱግን ነበሮ፣"(ዘፍ30።43)። እዚ ንያቆብ ንላባን ሓዲጉ ምስ ኣንስቱ ናብ መሬቱን ትዕድልቱን ክምለስ ኣክኢልዎ እዩ፣ ነዚ ዛንታ ብምልኡ ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 30-31 ኣንብብዎ፣ካብዚ ያቆብ ናብ ምርካብ እቲ ዝበደሎ ሓውን። እቲ ስሙ ናብ እስራኤል እተቀየረሉ ቅልስ ምስ ኣምላኽ እዩ ሰጊሩ፣

ምስ ኣምላኽ ብቀጻሊ ኣብ ዕርክነታዊ ዝምድና ምቅጻልን ልብና ብቅንዕና ምስ እንዕቅቦን። ዘርኢ ኣምላኽ ኣብ ልብና ክዝራእ ምስ ነፍቅድን። ካብ ኩሉ ሽግርና ኣልዩ ናብቲ ናይ ኣምላኽ ዕላማ ከም እንኣቱ እዚ መጸናኒዒና እዩ፣

**ኣምላኽ ምስኡ ተሓጋገዝትን ፈጠርትን ክንከውን እዩ ዝደልየና፣**

ንኣዳም ተሓጋጋዚ ፈጣሪ ክከውን ደልይዎ። ኣዳም ግን ኣብ ቃል ኣምላኽ ክቅጽል ኣይከኣለን፣ ናይ ባዕሉ ተስፋን ኢሉ ብናቱ ሓያል ኣእምሮ ከፍሪ እዩ ወሲኑ፣

**ንምፍጣር ዘክእል ሓይሊ**

"እምበኣር ከም ፍቁራት ዉሉድ ኣምላኽ ምሰሉ።" (ኤፌሶን 5፥1)

ሓድሽ ነገር ምፍጣር ንኣረጊት ነገር ምልዋጥ። ምክንያቱ ኣነን ንስኩምን ብተምሳል ኣምላኽ ስለ እተፈጠርና ኩሉ ነገር ክንገብሮ እንፍትን ነገር እዚ እዩ። ኣብዚ ዕውታት ክንከውን ግን ብዛዕባዚ ካብቲ ፈጣሪ ሰማያዊ ኣቦና ብዛዕብኡ ክንመሃር ኣሎና፣

ኣብቲ ቀዳማይ ፍጥረት ኣምላኽ እቲ ኩሉ ዝፈጠሮ ከም ዝተበላሸወ ረኣየ። ነዚ ምስ ረኣየ መደቡ እንታይ ከምዝነበረ ተዛረበ። እንታይ ከም ዝረኣየ ዘይኮነስ ከመይ ክከውን ይደልዮ ከም ዝነበረ እዩዝተዛረበ። "ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ ምድሪ ድማ በረካን ጥራያን ነበረት። ጸልማት ከኣ ኣብ ልዕሊ መዓሙቅ ነበረ። መንፈስ ኣምላኽ ድማ ኣብ ልዕሊ ማያት ይዝምቢ ነበረ፣ ኣምላኽ ከኣ ብርሃን ይኩን በለ ብርሃን ድማ ኮነ፣" (ዘፍ1፥1-3)

ትፈልጡ ብድንገት ናብ ፍጥረት መጺኡ "ደሓን እንታይ ትፈልጥ! ብርሃን ኣሎ" ኣይበለን። ኣይፋሉን ቅድሚ ንዓለም እንደገና ምፍጣሩ መጀመርታ ዝደልዮ ውጽኢት ነይርዎ(ውሽጣዊ ሓሳብ ወይ ምስሊ እንታይ ክፈጥር ከምዝደሊ) ደሓር "ብርሃን ይኩን!" በለ ብርሃን ከኣ ኮነ፣

ኣሰራርሕኡ ኣብ ሮማውያን 4፥17 ከምዚ ይብል "እዚ ድማ "ኣቦ ብዙሓት ኣህዛብ ገይረካ እየ" ዚብል ተጻሒፉ ስለዘሎ እዩ፣ ኣብርሃም ኣብቅድሚ እቱ ዝኣመኖ ኣምላኽ ኣቦና እዩ። እዚ ኣምላኽ ኣዚ ንዝሞቱ ህይወት ዝህብ ንዘየለው'ውን ናብ ህላዌ ዝጽውዕ እዩ፣"

ኣብ ሓቀኛ ዝምድናኩም ምስ የሱስ ክትቅችሉ ከሎኩም። መራሒት ኢዱ ናብ ዕላማኩም ክትወስደኩም ክፍለጠኩም እዩ፣ ኣብ ልብኩም ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበኩም ድሌታትን ኢሉ ክሰመዓኩም እዩ፣ ኣብ መጀመርታ ብቅኑዕ ዘይክትርድኦም ትክእል ኢካ፣ እንተኮነ ኣምላኽ ንኩሉ ሓጎጽጎጽ የሕሊፉ ንኩሉ ጌጋታትካን ውድቀታትካን ናብ ቅኑዕ መገዲ ከሳግሮ እዩ፣ እዚ መገዲ ናብ ዕላማታትካ ክመርሓካ እዩ ጥራሕ ብልብካ እመኖ፣

እንተኮነ ሰይጣን ተስፋ ከቁርጸኩም ከምዝፍትን ተረድኡ። መርገምን ሕማቅ ዘራኢ ናይ ሓጥያት ኣብ ሕሉፍኩምን ሕሉፍ ወለድኩምን ከምጽእ። ክፈጥርን ገለ ሓይሊ ኣለዎ፣ እዚ ኣብ ህይወትኩም እንዳተገልጸ ከሎ ግን እንታይ ይግበር ከምዘሎ ክትፈልጡ የድልየኩም እዩ፣ ከምቲ ንያቆብን ንህይወትኩምውን ይቅይራ ከምዘሎ ክትፈልጡ ኣለኩም፣ ኣብቲ መብጽዓን ተስፋን ጽንዑ መታን ኣብ መወዳእታ ኣብ ተመክሮ ህይወትኩም እዚ ግሁድ ክከውን። የሱስ መታን በረከት ክንወርስ ምእንታና መርገም ኮነ፣

እዚ ኩሉ የሱስ ንሓጥያት ኣብ መስቀል ስለ ዝጸሮ ጥራይ እዩ ዝከኣል ኮይኑ። ብዘይ ምቅይያር ደም ኪዳን። ኣብ ሰብ ዝሰርሖ መደብኩም ተቀርቂርኩም ጥራይ ክትተርፉ ኢኩም፣

ኣብዚ ኣብ ተስፋ ናይ ምጽናዕ ግዜ። ስራሕኩም ብቀጻሊ ቃል ኣምላኽ ምንሳሕን እቲ ኣምላኽ ዝሃበኩም መብጽዓ ምሕላውን እዩ፣ ነቶም ብቀጻሊ ዝሰርሑ ጽሑፋት ብእምነት **ምዝራብውን የጠቃልል እዩ፣**

ያቆብ እቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ሕልሚ ኣመኖ። ኣዝዩ ስለዝኣመኖ። ነቲ ኣባትር ወሲዱ ካብኡ ቅላጥ ወሲዱ ነቲ ኣባትር ዕሮርባይ ገበሮ እተን ከብቲ ክሰትያ ከለዋ ከኣ መታን ዕሮርባይን ጸነጺትን ክወልዳ ኣብ ቅድሚኣን ኣንበረለን፣

ቅድሚ ልዕሊ 20 ዓመት ናተይ ግሮሰሪ ከለኒ። ስራሕ ኣዝዩ ስለ ዝዘሓለ ኣብቲ ናይ መካይን ደው መበሊ ቦታ ጉራጉራ ስእሊ ገበርኩ ኩሉ ግዜ ናብቲ ግሮሰሪ ክከይድ ከሎኩ ከኣ ይርእዮ ነበርኩ፣ ኣብ መወዳእታ ካብቲ ስራሕ ኣውጺኡ ኣብቲ ናይ ምርጭኡ ስራሕ ኣእተወኒ ፣ ካብኡ ድሕሪ ብዙሕ ፈተነታት ካብ ሰይጣንን ሰዓብቱን እቲ ስራሕ ክሳብ ሎሚ ጽቡቅ ኣሎኩ፣

እብራውያን 6፣11-19 ከምዚ ይብል "ነፍሲ ወከፍኩም እቲ ተስፋኩም ምእንቲ ክፍጸመልኩም ክሳዕ መወዳእታ ከምዚ ዝዓይነቱ ትግሃት ክትርእዩ ንደሊ ኣሎና፣ ነቶም ብእምነትን ብትዕግስትን ነታ ተስፋ ዚወርስዎ ምእንቲ ክትመስልዎም እምበር ሃካያት ክትኮኑ ኣይንደልን ኢና፣ ኣምላኽ ናብርሃም ተስፋ ክህቦ ከሎ ካብ ስሙ ዚዓቢ ዚምሕለሉ ካልእ ስለ ዘይተረክበ። "ብሓቂ ክባርከካን ከብዝሓካን እየ፣" እናበለ ብስሙ መሓለሉ፣ ኣብርሃም ድማ ብትዕግስቲ ተጸበዮ እሞ ነታ ተስፋ ከኣ ረከባ፣ ሰባት በቲ ካብአ ዝዓቢ ይምሕሉ። እቲ ማሕላ ከኣ ነቲ ዝተባህለ ተጽንዖ ንኩሉ ምጉቶም ድማ ይድምድሞ ስለዚ ከኣ ኣምላኽ እቲ ምክሩ ከም ዘይልወጥ ነቶም ወረስቲ ተስፋ ብግህዶ ከርእዮም ምስ ደለየ ብማሕላ ኣረጋገጸሎም፣ እምበኣር ንሕና በዘን ክልተ ዘይልወጣ ነገራት ማለት ተስፍኡን ማሕልኡን ኣምላኽ ከኣ ብእኣን ኪሕሱ ዘይከኣሎ ነታ ኣብ ቅድሜና ዘላ ተስፋ ንምውራስ ናብኡ ተማዕቁብና ዘለና። ነቅ ዘይብል ምጽንናዕ ክንሰርሕ ኢና፣ እዛ ተስፋ እዚኣ ናይ ህይወትና መልህቅ እያ፣ ድልድልትን ጽንዕትን እያ። ብመጋረጃ ሓሊፉ ከኣ ናብታ ውሽጣዊት መቅደስ እትበጽሕ እያ"

ንስካውን ከምኡ ግበር እሞ ነቲ መብጽዓ ክትወርስ ኢካ

# ምዕራፍ 18

## ናይ የሱስ ደም ዝፈሰሰ ንመንፈስ ቅዱስ እዩ

### እግዚኣብሄር ንሰብ ዝፈጠሮ ምስኡ ሕብረት ክገብር እዩ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ዝብል ንረክብ። ብዘይ ናይ ደም ኪዳን ምስ እግዚኣብሄር። ሕብረት የብልናን። ሓደ ወይ ክልተ ኪዳናት ኣብ ህይወት እንተተሰይሩ። ሰባት ተግባራውያን ክኮኑ ኣይክእሉን። እዚ እዩ ከኣ ጠንቂ ናይ ጸገማትና። ወልፍታትና። ዘይኣምላካዊ ጠባይትናን መከራናን፣

ብክልቲኡ ወገናት ናይ ደም ኪዳን ደም ኣንተዘይፍሰሱ ውይ ሞት እንተዘይሃለወ። ኪዳን ክፍተር ኣይክእልን እዩ፣ ኣብዚ መጽሓፍ ብዛዕባ መስቀልናን መስቀሉን ኢና ተዛሪብና። ምስቀና ከነልዕል ኣሎና። ንሱ ከኣ ደም ብምፍሳስና እዩ ዝቁጸር። ናይ እግዚኣብሄር መብጽዓ ኢና ኔርና። ነፍሱ ክህበና ምእንቲ ብኪዳን ክንነብር፣

ምቅይያር ሓጢያታዊ ባህርና ምስቲ ፍጹምን ቅኑዕን ናይ እግዚኣብሄር ባህርይ ብደም ኪዳን እዩ ዝፍጸም። እዚ ግን ጥራሕ ኣይኮነን ብደም ኪዳን ዝግበር። መሰረት ናይ ዝምድናና መቀጸሊ እዩ። ምኽንያቱ ሓደ ዓይነት ዓሌት ስለዘይኮኑ። ዘይኣመነ ሰብ ምስ እግዚኣብሄር ውሱን ዝኮነ ቅርርብ እዩ ዘለዎ ምኽንያቱ ዘርኢ ናይ እግዚኣብሄር ስለዘይኮነ ግና ብገለ ገይሩ ነቲ ሰብ ናብ ናቱ ዘርኢ ከምጽኦ ይክእል እዩ፣

### መንፈስ ቅዱስ ክንረክብ ፡፡ ናይ የሱስ ደም ፈሰሰ

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብዛዕባ ታሪኽ ኣብርሃም። ኣብ ካናለ ናይ ደም ኪዳን ርኢና ኔርና ኣብኡ ከኣ ክልተ ቅርጺ ናይ ኣምላኽነት ዘለዎም በቲ ካናለ ክኸዱ ርኢና። እቲ ሃደ የሱስ ኣክንዲ ኣብርሃም ኮይኑ ኪዳን ምስ መልኮታዊ ባህርይ ኣትዩ። ሎሚ ድማ ኣብ ክንዳይን ክንዳካን ኮይኑ ኪዳን ኣትዩ፣ ኣብርሃም ነቲ ኪዳን ክኣትው ባዕሉ እንተዝፍትን ምወደቀ ነይሩ ግና የሱስ ነቲ ምውድቁ ተቀበለሉ። ንዓና ከኣ ሓገዘና፣

ኣብቲ ካናለ እንታይ ኣጋጢሙ ? እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ባህርይኡ ተለዋዊጡ። ንኣብራም እቲ ጠባይ ናይ ኣምላኽን መንፈስ ቅዱስን ብየሱስ ተዋህቦ፣ የሱስ ከኣ ሓጥያትና፣ ባህርይ ናይ ኣዳም፣ ንዓይ፣ ንዓካ። ንኣብራም ናብ ግሃነም ክኣትው ዝግበኣና እቲ ናይ ቀደም ባህርይና ወሰደልና፣

ኣብ ገላ 3፣13-14,29 ብዛዕባ እዚ ይዛረብ ከምዚ ከኣ ይብል "ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ። እቲ በረከት ኣብርሃምውን ብየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ኪከውንሲ ኣብ ዕንጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ። ተጽሒፉ ኣሎ እሞ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኮይኑ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና።" "ናይ ክርስቶስ ካብ ኮንኩም ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም ኢኹም ከምቲ ተስፋውን ወረስቲ ኢኹም፣"

### ብጀካ ጥምቀት ብመንፈስ ቅዱስ ንካልእነገር ኣይትቅሰን

ማቴ3፣11 "ኣነስ ንንስሓ ብማይ ኤጥምቀኩም ኣለኹ። ኣቲ ድሕረይ ዚመጽእ ግና ካባይ ይሕይል እዩ። ኣነስ ኣሳእኑ ክጸውር እኳ ኣይበቅዕን፣ ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ኬጥምቀኩም እዩ፣" ምጥማቅ ማለት ምሉእ ብምሉእ ምጥሓል እዩ፥ ንሓደ ነገር ክሳዕ ዝመውት ኣብ ፈሳሲ ምጥማዕ፥ ምቅያርን፥ እንደገና ናብ ህይወት ምምላስ ብካልእ መልክዕ፣

### "ምጥማቅ" ብስምምዕ ከምዚ ኢሎም ተርገምዎ።

ገጣማይ ናይ ግሪክ ብ200 B.ቸ ኒካንደር ዝተባህለ ዝመጸት ቃል እያ ። ንመግቢ እዩ ከኣ ዝጥቀመሉ ነይሩ ምስርሒ ጥርሺ(መዐቀቢ ዘገልግል ሕቡር ጨውን ኣቸቶን)፣ ጥርሺ ክትሰርሕ መጀመርያ እቶም ኣሕምልቲ ኣብ ውዑይ ማይ ከተጥልቆም ይግባእ። ብድሕሪኡ ኣብ ኣቸቶ፣ ክልቲኡ ግዜ ምጥላቅ ነቲ ኣሕምልቲ የድሊ ግና ኣብ ውዑይ ማይ ንቅሩብ ግዜ እዩ። ኣብቲ ካልኣይ ምጥላቕ ግና እቶም ኣሕምልቲ ነባሪ ምቅያር እዮም ዝቅየሩ፣

እዛ ቃል ኣብ ሓዲስ ኪዳን ክጥቀሙላ ከለው። ነቲ ሕብረትናምስ የሱስ ምፍላጥ እዩ ኣምበር እቲ ናይ ማይ ጥምቀት ኣይኮኑን ዝዛረቡ። ንኣብነት ኣብ ማርቆስ 16፣16 "ዝኣመነን እተጠመቀን ኪድሕን እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኩነን እዩ፣" የሱስ ከምዚ ይብልብሓንንልካ ጥራሕ ምቅባል ዘይኮነስ ምሳኡ ሕብረት ክህልወካ ንሓቀኛ ምቕያር ልክዕ ከምቶም ኣሕምልቲ ክትከውን ኣሎካ!

እግዚኣብሄር ማዕበል ናይ ነፍስና ምስ መንፈስ ቅዱስ ንኩልና ወፈየልና። ምብዛሕቲኡ ግዜ ኣመንቲ ነቲ መንፈስ ቅዱስ ከይንቅበሎ ዝዓጽወናመሰናክላት ይርከብ። ምእንቲ ናብ ነፍስና፣ ሓንጎልና፣ ስምዒትናን ድሌታትናን ከይኣትው፣

የሱስ ናብ ህይወተይ ምስ መጸ። ኣብ መጽሓፍ ራእይ ንየሱስ ከም ዕዉት። ምድሕን ረኣክዎ። ኣብዚ ግዜዚ ከኣ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመላእኩ ሰብ ኮይነ። ህይወት ዘለዎ ማይ ናብ ነፍሰይ ክኣትው ተፈለጠኒ፣ “ብኣይ ዚኣምን እቲ ጽሑፍ ከምዝበለ፣ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ህይወት ኪውሕዝ እዩ። የሱስ ገና ስለ ዘይከበረ መንፈስ ቅዱስ ኣይወረደን ነበረ እሞ። እዚ ብዛዕባቲ እቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኪቅበልዎ ዘለዎም መንፈስ እዩ እተዛረበ፣” (ዮሃ 7፣38,39)

መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወተይ እቲ ጉሉሕ ዝገበሮ ስራሕ ካብ መጀመርያ ንየሱስስ ሓቂ ምኮኑ ኣፍለጡኒ። የሱስ ከምዘሎ ይፈልጥ ኔረ ግና ብመንፈስ ቅዱስ “ሓቀኛ ዝርርብ ክዘራረብ” ኣክኢሉኒ እዩ። ሰባት ብዛዕባ ክርስትያን ነቶም ሓሳባትን ዝበዝሐ ግዜ ሓሶት ዝኮነ ምህሮታትን ይህቡኒ ኔሮም እንተኮነ ግና መንፈስ ቅዱስ መምህረይ እዩ፣

ኩሉ ነገር ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ናይ እግዚኣብሄር ክገልፆ ኣይክእልን እየ። ዝተፈላለዩ ሰባት ዝተመኮርሉ ናይ መንፈስ ቅዱስ መገድታት ኣይርድኡንን እዮም። ምስካትኩም ብዛዕባ ውሑዳትን ቀለልትን ነገራት ከካፍለኩም ክፍትን እየ፣

ውሉድ ናይ እግዚኣብሄር ክትከውን እንተኮይንካ። መንፈሱ ምስ መንፈስካ ክሓብር ኣለዎ። እዚ ከኣ ካልኣይ ግዜ ክትውለድ ከለካ እዩዝፍጠር። ልክዕ ከምቲ ኣዳም ምስ እግዚኣብሄር ዝምድና ዝነበሮ ቅድሚ ምዕላው ከምኡ ከኣ ንስካ ዝምድና ክህልወካ እዩ። “ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም እሞ፣ ስጋኩም ቤተ መቅደስ፣ እቲ ኣባካትኩም ዘሎ፣ ካብ ኣምላኽ ኣተቀበልኩም መንፈስ ቅዱስ ምኳኑ። ናይ ርእስኩምውን ከም ዘይኮንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም ስለዚ ብስጋኩም ንኣምላኽ ኣክብርዎ፣” (1ቆረ6፣19)

ንየሱስ ጎይታካ እንተጌርካዮ። መንፈስ ቅዱስ ኣባካ ክዓልብ እዩ።

የሱስ ከምዚ ይብል ኣነ ናብ መንግስተ ሰማያት ምስ ከድኩ። መንፈስ ቅዱስ ብድሕረይ ናብ ዓለም ክመጽእ እዩ፣ ኣቦ እንተዘይብልካ ከመይ ከምዝስመዓካ ይርደኣኣካ እዩ ኣብ ዮሃ14፣18 ከምዚ ይብል “ኣነ ዘክታማት ኣይሓድገኩምን። ናባካትኩ ክመጽእ እየ፣” ንደቀ መዛሙርቱ የሱስ ድሕሪ ምትስኡ። ቅድሚ ምዕራጉ ከምዚ በሎም ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቁ ኢኹም፣

“ምሳታቶም ብሓንሳእ ከሎ ከኣ ዮሃንስ ብማይ እዩ ዘጠመቀኩም። ንስካትኩም ግና ድሕሪ ቅሩብ መዓልቲ ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቁ ኢኹም እሞ። ነቲ ካባይ ዝሰማኩምዎ ተስፋ ኣቦ ተጸበዩ ኢሉ ካብ የሩሳሌም ከይወጹ ኣዘዞም” (ዮሃንስ 1፣5) “መንፈስ ቅዱስ ናባካትኩም ምስ ዚወርድ ግና ሓይሊ ክትቅበሉን ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኩሉ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኮኑኒ ኢኹም በሎም፣” (ዮሃሃንስ 1፣8)

የሱስ። ኣነ ምስ ከድኩ ከይትጭነቁ በሎም። መንፈስ ቅዱስ ኣክንድኡ መጺኡ። የሱስ ከኣ ንዓይ ብርግጽ ከፍልጠኩም እዩ ኢሉ ገለጸሎም፣ ኣብ ዮሃሃንስ 14፣16-26 የሱስ ዝተዛረበዎ ኣንብቡ፣

የሱስ ከኣ ከምዚ በሎም። መንፈስ ቅዱስ ንዓይ ብርግጽ የሱስ ምኮነይ ከፍልጠኩም እዩ።

“እቲ ኣነ ካብ ኣቦ ዝሰደልኩም መጸናንዒ ካብ ኣቦ ዚወጽእ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና ንሱ ኪምስክረለይ እዩ” (ዮሃ15፣26)

“ግናከ እንተከድኩ ከም ዝሕሸኩም ሓቅ እነግረኩም ኣሎኹ። ኣነ እንተዘይከድኩስ እቲ መጸናንዒ ናብካትኩም ኣይመጽእን እዩ እሞ ኣንተከድኩ ግና ንእኡ ክሰደልኩም እየ፣” (ዮሃ16፣7)

የሱስ ነቶም ናቱ ከምዚ በሎም ኣብ ቀረባ ግዜ ክምለስ እየ። ተመሊሱ ከኣ! ከም መንፈስ ቅዱስ ኮይኑ ከኣ ተመልሰ፣ መንፈስ ቅዱስን የሱስን ዝተፈላለዩ ሰባት ኣይኮኑን። ሓደ እዮም ግና ብቅርጺ ዝተፈላለዩ፣ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጢ ሰብነትና ክቅመጥ ይክእል የሱስ ግና ኣብ ሓደ ሰብ ጥራሕ እዩ ክነብር ዝክእል፣

እንተፈሊጥካዮ ቀሊል እዩ ግና ሰይጣን ንሰብኡት ኮነ ነስቲ ዝተሓላለከ ነገር ከምዝኮነ ይእምኖም። ሰባት ኩሉ ግዜ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ካብ ዝመጸ። ሰረት ናይ መጽሓፍ ቅዱስውን ዘይብሉ እዮም ዝኣምኑ፣

ከመይ ኢሉ እዩ ምምላእ ተተግቢሩ ?

ኣብ ዮሃሃንስ 15 ከምዚ ይብል። ምስ ፈጣሪና ዝተኣሳሰርና ኢና። ልክዕ ከምቲ ጨንፈር ኣብ ጉንዲ ዘሎ። ጥርሑ ዝኮነ ጥርሙስ ማይ ካብ ደገ ንምላእ ኣይኮናን፣

እቲ ቀንዲ ነገር ከመይ ኢልካ ምስቲ ጉንዲ ተዛሚድካ ትጸንሕ።

እቲ ምርዋ (ፈሳሲ ኣብ ተክሊ ዝርከብ መግቢ ዘጎዓዕዝ)። እቲ ምርዋ ንመንፈስ ቅዱስ ይውክል። የሱስ ከኣ እቲ ጉንዲ እዩ። ንሕና ከኣ እቶም ጨናፍር፣ ኣብቲ ጉንዲ ግድን ክንጣበቅ የድልየና። የሱስ ንቃለይ እንተተኣዘዝኩም። እዚ እዩ ከጥብቀኩም ዝክእል ምሳይ፣ ምስኡ እንተተላጊብና እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝመጽእ ባርኮት ይወሃበና። ልክዕ ከምቲ ጨናፍር ኣብቲ ጉንዲ እንተለጊቦም ክነብሩ ዝክእሉ፣እቲ ምርዋ ናባና ይፈስስ እሞ እቲ ምትእስሳርና ክብተክ ኣይክእልን፣

ዝተፈላለይ ዓገቲ ምስ መጹ ማለት እቲ ጨንፈር ካብቲ ጉንዲ ምስ ተኣልየ እቲ ምትእስሳርና ምስ መንፈስ ቅዱስ ይብተክ፣

ደረጃታት ናይ ምምላእ ኣሎ ድዩ? ኣነ ደረጃታት ኣሎ እየ ዝብል። ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ተመላእካ ።ኣብ ኩሉ ህይወትካ ለውጢ ከተርኢ ትጅምር። እቲ ፍረ ናይቲ መንፈስ ኣብ ህይወትካ ክገሃድ ይጅምር፣ "እቲ ፍረ መንፈስ ግና ፍቅ፣ ሓጎስ፣ ዕርቂ፣ ዓቅሊ፣ ለውሃት፣ ሕያኣነት፣ እምነት፣ ህድኣት፣ ይኣክለኒ ምባል እዩ፣ነዚ ከምዚ ዝመሰለ ዚጻረሮ ሕጊ የልቦን፣" (ገላ5፣22,23) ነቲ ቃል ኣምላኽ ክትጠምዮ ኢካ፣ የሱስ ከኣ ሓቀኛ ምኮኑ ክትፈልጥ። ክርስትያነትከኣ ካብ ኣእምሮኣዊ ምርዳእ ንላዕሊ ማለት ህያውን፣ ሓቀኛን ምኮኑ ክትፈልጥ ኢካ፣

ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን እንደገና ክውለድ ከሎመንፈስ ቅዱስ ክወርዶ እዩ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ዝተፈላለዩ ተመክሮ ኣለው ንኣብነት ኣብ ኤፌሶን፣ ጳውሎስ፣ ዝኣመኑ ሰባት ግና ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ሰሚዖም ዘይፈልጡ ኢጋጠሞ። "ጳውሎስ ኢዱ ምስ ኣንበረሎም ከኣ መንፈስ ቅዱስ ናባታቶም ወረደ። ሽዑ ብቆንቆታት ተዛረቡን ተነበዩን፣(ግብሪ ሃዋርያት19፣6)፣

ካልእ ከኣ ጴጥሮስ ንዘይኣይሁዳውያን ወንጌል እናሰበከ ዘጋጠሞ "ጴጥሮስ ገና እዚ ቃል እዚ ኪዛረብ ከሎ ኣብቶም ነቲ ቃል ዝሰምዕዎ ኩላቶም መንፈስ ቅዱስ ወረደ፣ እቶም ካብ ወገን ግዝረት ዝኮኑ ምስ ጴጥሮስ ዝመጹ ኣመንቲ ብቆንቆታት ኪዛረቡን ንኣምላኽ ኬመስግኑን ሰምዕዎም እሞ ኣብ ኣህዛብ ድማ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ስለዝፈሰሰ ተገረሙ፣" (ግብሪ ሃዋርያት10፣44-46)

ጳውሎስ ኣብ ኤፌሶን ዘላ ቤተክርስትያን ክባረኩ ጸለየሎም፣ኣብቲ ህሉው ናብርኦም ህላወ ናይ እግዚኣብሄር ክስተማቅሩ ደለየ፣ "እሞ ነታ ንፍልጠት ሕልፍ እትብላ ፍቅሪ ክርስቶስ ክትፈልጥዎ። ክሳዕ ኩሉ ምልኣት ኣምላኽ ምእንቲ ክትመልኡ እጽሊ ኣሎኹ፣ (ኤፌሶን 3፣19)

ካብ ምሉእነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ዝክልክለና ብዙሕ መሰናክላት ኣለው እየ ዝኣምን

እቶም ቀንዲ መሰናክላት።

ትዕቢት (ያዕቆብ4፣6)

ልምድታት ናይ ሃይማኖት (ማርቆስ7፣13)

ፍርሒ (ሉቃስ11፣11-13)

ምጥርጣር (ሉቃስ11፣9-10)

ዘይብቑዕነት (ሉቃስ11፣13)

ካልኦት ገዘፍቲ መሰናክላት

ብምሉእ ነብስካ ንእግዚኣብሄር ዘይምውፋይ

ገለ ሓጥያታት ኣብ ህይወትካ ዘለው ዘይምግዳፍ

ብቃል ኣምላኽ ተኣዚዝካ ዘይምንባር

ኣብ ህይወትካ ሰረት ናይ ሰይጣን ኣብ መንፈሳዊ ጠባይካ ምህላው

ድሌታትካ ክትረክብ ናብ ካልኦት "ኣማልክቲ" ምካድ

ንእግዚኣብሄር እንታይ እዩ ንዓካ ዝጠቕመካ ኣርእየኒ በሎ

**መንፈስ ቅዱስ ክልተ ኣገደስቲ ነገራት ክገብር ኣብ ህይወትካ ድሌት ኣለዎ**

1. የሱስ ናይ ብሓቂ ምኮኑ ከፍልጠካን የሱስ ከኣ ምሉእ ክገብረካን። ካብቶም ዝሓለፉ ባርነትን ማእሰርትን ነጻ ክሰደካን ከም እግዚኣብሄር ከኣ ቅዱስ ክገብረካን፣

2. ንየሱስ ናይ ብሓቂ ምኮኑ ንዓለም ከፍልጦም ብኣካ ገይሩ። ብካልእ ኣዘራርባ ንእግዚኣብሄር ምምስጋንን ምቕላዕን። ናይ የሱስ ኣካላት (ነብሲ) ኣብ ዓለም ቤተክርስትያን ጥራሕ እዩ። እቲ መቕደስ ነብሱ እዩ። ልክዕ ከምቲ ንሱ ናቦ ዝወከሎ ኣብ መሬት ከሎ። ንሕና ከኣ ከምኡ ንየሱስ ኢና ንውክል ስለዚ ንስካ ክፋል ናይ ነብሱ ማለት ቤት መቕደስ ኢካ፣

**እንታይ እዩ ህያብ ናይ ነፍሲ?**

1ቆረንቶስ 12፣ ሮሜ12 ን ኤፌሶን 4 ኣጽንዓዮም። እዚ ዓይነት ህያብ ሓደ ሰብኣዊ መንነትና እዩ። ካልእ ከኣ ኣብ ፍሉይ ኩነታት እግዚኣብሄር ዝመደቦ ግዜ እዩ ዝመጽእ፣ ኣነ በዛ ነብሰይ ብዙሕ ህያባት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ካብ እግዚኣብሄር ተቐበልኩን ንካልኦት ክህብውን ምስክር እየ። ኣነን ሰበይተይን ምስ መንፈስ ቅዱስ ተሓባቢርና ጋኔናት ከነውጽእ ሰባት ክሓውዩን ውጽኢት ርኢና ኢና፣

እቶም ህያብ ዝተቐበሉ። ነቶም ዘይተቐበሉ ገለ ጸገም ከም ዘለዎም ጌሮም ክሓስብዎ የብሎምን ወላ እቶም ዘይተቐበሉ ከማን ነቶም ዝተቐበሉ ርእይቶ ክህብሎም የብሎምን ምኽንያቱ ንእግዚኣብሄር ምንቃፍ ስለዝኮነ!

ምዝራብ እቲ ዝዓበየን ዝከበረን ህያብ እዩ። እግዚኣብሄር ንዘረባ ከም መስበኪ ጥራሕ ዘይኮነ ንሓንጎልካ መቆጻጸርን ንጥቕሙን ይጥቀመሉ እዩ፣ ኣብ ያእቆብ 3፣4-5 ከምዚ ይብል መልሓስሲ ልክዕ ከም መእለይ መርከብ እያ። ነታ መርከብ ናብ ድላያ ትኣልያ፣ ስነፍልጠታውያን ከማን ዘረባ ማእከል ናይ ሓንጎል እዩ። ነቲ ብምሉኡ ሓንጎልካ ከኣ ይቆጻጸር። ነቲ መእለይካ ንየሱስ ክትህቦ እንተደሊካ መልሓስካ ሃቦ። እዚ ከኣ ንሓንጎልካ የሐድሶ። እቲ ናይ እግዚኣብሄር ተግባር ናይ ሰይጣን ከኣ ተጻረሮ። በይንካ ኮንካ ብመልሓስካ ክትጽሊ ከሎካ ንዝተወሰነ ግዜ ብጣዕሚ ጠቓሚእዩ፣ ኣብ ህይወተይ እግዚኣብሄር ተኣምር ኣርእዩኒ፣ ብዙሓት ክርስትያናት ነዚ ህያብ ኣይረከብዎን ምኽንያቱ ብዘይምፍላጦም፣ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ኣዕሚቁ ኣብ Bible Study Magazine, James Montgomery Boice, May 1989." ይምህረና እዩ፣

ሓደ ግዜ ንሓደ ኣይሁድ ዓርከይ ንቤተክርስትያን ተማልእክዎ። እንዳተሰብከ ከሎ። ሓደ ብድሕሬና ዝነበረ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ክዛረብ ጀመረ፣ እቲ ዓርከይ ተጠዊዩ ኣተኩሩ ጠመቶ ክዛረብ ከሎ፣ ዳሕራይ እቲ ኣይሁዳዊ ዓርከይ ንየሱስ ተቐበሎ። ከም ናይ ኣይሁድ መሲህ ከኣ ረኣዮ።

ንገዛ እንዳተመለስና ብዛዕባ እቲ "መስሓቕ ዝኮነ ቆንቆ ዝዛረብ ዝነበረ ሰብኣይ ሓተተኒ። ሽዑ ኣነ ብዛዕባ ኣብ 1 ቆረ 12 ገሊጸሉ። ንሱ ከኣ በለኒ እቲ ዝዛረቦ ዝነበረ ቆንቆእብራይስጥ እዩ። ቆልዓ ከለኩ ኣብ ናይ እብራይስጥ ቤት ትምህርቲ ተማሂረዮ እየ ከዚ እዩ ከኣ ዝብል ኔሩ፣

"ኣብተን ዳሕረዋት መዓልታት ኪኸውን እዩ። ናይ ቤት እግዚኣብሄር ከረን ኣብ ርእሲ ኣኽራን ኪቀውም። ኣብ ዕሊ ኩድኮዶታት ድማ ልዕል ኪብል። ኩሎም ኣህዛብውን ናብኡ ኪውሕዙ እዮም፣ ሕጊ ካብ ጽዮን ቃል እግዚኣብሄር ከኣ ካ የሩሳሌም ኪወጽእ እዩ እሞ ብዙሓት ህዝብታት ኪከዱ። ንዑናይ ናብ ከረን እግዚኣብሄር ናብ ቤት ኣምላኽ ያእቆብ ንደይብ። ንሱ ጎደናታቱ ኪምህረና ብመገድታቱውን ክንመላለስ ኢና ድማ ኪብሉ እዮ። ኣብ መንጎ ኣህዛብ ኪፈርድ ንብዙሓት ህዝብታትውን ኪዳንዮም እዩ። ንሳቶም ከኣ ኣስያፎም ንማሕረሻታት ኩናውቶምውን ንገዘሞታት ኪሰርሕዎ እዮም..."(ኢሳ2፣2-5)፣

ዝኮነ ኮይኑ ብናይ ኣደካ ቆንቆ ምዝራብ ንእግዚኣብሄር ኣገዳሲ እዩ። ካብቲ ንስካ ትሓስቦ ንላዕሊ ቃላትካ ብጣዕሚ ሓያል እዩ። ዝተዛረብካዮ ኩሉ ኣብ መሬት ክትግበር ጥራሕ ዘይኮነ ነቲ ኩሉ ሓሳባትካ ኣብ ሓንጎልካ ዘሎውን

ንዘልእለም ይኣስሮ እዩ፣ ኣሉታዊ ቃላት ንዓካን ንካልኦትናብ ጸልማት እዩ ዘንብረካ ፣ኣወንታውን ኣምላካውን ቃላት ግና ንዓካን ንካልኦትን ነጻ ይሰደካ፣ ሰላም ልክዕ ከም መንግስተ ሰማይ ዝኣተካ ኣብ ልብካ ክትሙከር ኢካ። ኣሉታዊ ቃላት ግና ንልብካ ከም ገሃነም ከንድዶ ኣዩ፣

ኣየናይ ቦታ ናይ ህይወትካ እዩ ግጹምን ምሉእን መንፈስ ቅዱስ ከምዘድልዮ ንእግዚኣብሄር ሕተቶ

ህላወ ናይ እግዚኣብሄር ብመንፈስ ቅዱስ። እቲ ዝዓበየ ከተመዓራርዮ ዝግበኣካ እዩ፣

ጸሎት። “ጎይታ የሱስ፣ ቃል እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ንዓይ ብመንፈስ ክትመልእኒ ድሌትካ እዩ ምእንቲ ኣነን ንስካን ናይ ቀረባ ኣዕሩክ ክንከውን ኣብ ህይወተይ ንክትህልው ከም መግቢ ይጠምየካ ኣሎኩ፣ የሱስ ንቃልካ ኩሉ ይኣምኖ እየ። ንዓይ ዝበልካዮ ኩሉ ይቅበሎ ኣየ። ንዓ የሱስ ብመንፈስ ቅዱስን ሓውን ኣጠምቀኒ፣ ኩሉ ንዓይ ዝበደለኒ ይቅረ ይብለሉ፣ ንነብሰይ ከም መስዋእቲ ይውፍየልካ ኣሎኩ። ገዛኢ ናይ ህይወተይ ኢካ፣ ኩሉ ነገር ብመገድካ ይኩን፣ ኣካላት ናይ ህይወተይ በዓል መልሓሰይ፣ የእዳወይ፣ የእጋረይ፣ የእዛነይ፣ የዕይንተይ ኩሉ የወፍየልካ ኣሎኩ፣ ኩሉ ናተይ ዘበለ ውሰዶ!”

ብዛዕባ እዚ ብዝበለጸ ክትፈልጡ እንተደሊኩም ምዕባይን ሞትን ኣብ ትብል መጽሓፍ ኣብ ምዕራፍ ፲ ኣንብቡ፣

# ምዕራፍ 19

# እቲ ደም

### ብናይ የሱስ ደም። ምፍዋስን ህይወትን ነፍስን ኣካላትን ተቀበልና

እቲ ቀንዲ ውሽጣዊ ቃንዛና ካብ ዝተሰብረ ዝምድና ዝመጸ እዩ። ብዙሓት ሰባት ወላ ክርስትያናት ነቲ ውስታዊ ቃንዛኦም። ብትዕቢትን ባዶ ዝኮነ ውጽኢትን ከዐግስዎ ይፍትኑ። ገለ ካብቲ መዐገሲኦም ከኣ ሓሺሽ፣ ኣልኮል፣ መግቢ፣ ዘሐጉሰካ ዓርክን መሓዛን ምህዳን፣ ክትዕወት ምጽዓርን ገንዘብ ሓይሊ ካልኦትን እቲ ዝርር ብዙሕ እዩ። ብጀካ ንእግዚኣብሄር ነቲ ሐሕማቅ ካብ ውሽጥና ክኣልየልና ምፍቃድ ካልእ ኣማራጺ የብልናን፣ ኣዞም ውሽጣዊ ቃንዛታት ደግያዊ ሕማማት ከስዕቡልና ይክእሉ እዮም፣

እቲ ናይ ፍቅሪ ዝኮነ እግዚኣብሄር። ምሳይን ምሳኩምን ናይ ፍቅሪ ዝምድና ክገብር እንተኮይኑ ነቲ ሓደ ወዱ የሱስ ሕቶኡ ከህቦ ኣለዎ። ብርግጽ እግዚኣብሄር ባዕሉ ነቲ ዝተሰብረ ዝምድና ከዐሪ ንወዱ ክቅጻዕ ኣፍቀደ፣ እዚ ዘሰንብድ ናይ ደም ምፍሳስን ናይ እግዚኣብሄር ሕቶኡ ምሃብን ንየሱስ ምእንቲ ንሕና ክምችኣና፣ ክንፍወስ፣ ብምሉእ ህይወት፣ ነፍስን ፣ ኣካላት ክንምለስ፣

### ምፍዋስ ንነብስና

ኣብ 1ጴጥ1፣9-10 እቶም ነብያታት ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝነበሩ ብዛዕባ ናይ ሰብ ነብሲ ከመይ ኢሉ ድሕነት ከምዝከውን ይድነቁ ነበሩ። ከምዚ ከኣ ይብል "ነቲ መደምደምታ እምነትኩም። ንሱ ድማ ምድሓን ነፍሳትኩም ምስ ረከብኩምዎ ብዘይንገርን ክቡርን ሓጎስ ትሕጎሱ ኢኩም እቶም ብዛዕባ እዚ ምድሓን እቲ ንኣካትኩም እተመደበ ጸጋ እተነበዩ ብዛዕባ እዚ ምድሓን ደለዩን መርመሩን"፣

ምድሓን ነብሲ ማለት ምፍዋስ፣ ምምላስ ናይ ሰብ ሓንጎል ፣ ድሌትን ስምዒትን፣ ናይ የሱስ ደም ከኣ በዚ ምክንያት ተካዕወ፣ 3 ዮሃንስ 2 "ኣታ ፍቁር፣ ከምቲ ነፍስካ ዝጠዓየት፣ ብኩሉ ደሓን ክትህሉን ክትጥዕን እምነየልካ ኣሎኩ፣" ብካልእ ኣዘራርባ ነፍስካ እንተጢዓ፣ እቲ ኩሉ ህይወትካ ብጸጋ ኣምላኽ ክተዓራረ እዩ። እግዚኣብሄር ክባርክ ከሎ ካብ ውሽጢ ንደገ እዩ ዝመርጽ፣ "ግናከ ከምቲ ኣባና ዚገብር ሓይሊ፣ ካብቲ ንሕና እንልምኖን እንሓስቦን ዘበለ እምብዛ ኣዕዚዙ ኪገብር ዚከኣሎ፣" (ኤፌሶን 3፣20)

### የሱስ ሽውዓተ ግዜ ደሙ ኣፍሰሰ

ኣብ ናይ እብራውያን ጽሑፍ ብዛዕባ እዚ ፍጹምነት ተነብዮም፣ ንሕና ከኣ ነዚ ናይ ደም ኪዳን ክንብል ነቲ ጽሑፍ ናብ እብራውያን ኣጽናዕናዮ። ሕጂ ከኣ ኣብዚ ምዕራፍ ከመይ ገይሩ እቲ መንቅብ ዘይብሉ ዕየት ኣምላኽ። የሱስ ነቲ ደም ኪዳን ፍጹም(ምሉእ) ከምዝገብሮ ክንርኢ ኢና፣

ዘሌውውያን16፣14,19 "ካብ ደም እቲ ዝራብዕ ወሲዱ ድማ ናብ መከደን መተዓረቂ ብሸነክ ምብራቁ በጻብዑ ይንጻግ ኣብ ቅድሚ መከደን መተዓረቂ ውን ካብቲ ደም ከኣ በጻብዑ ሾብዓተ ሳዕ ኣብ ልዕሊኡ ይንጸግ። ካብ ርክሰት ደቂ እስራኤል ድማ የንጽሃዮን ይቀድሶን፣"

1. ኣብ ጌተሰማኒ ደሙ ኣፍሰሰ። ኣብ ጌተሰማኒ የሱስ እቲ ዝከፍአ ሞትን መቅጻዕትን ተቀበለ፣ ናቱ ድሌት ብናይ እግዚኣብሄር ድሌት ዓጸዎ። ነቲ ዓላዊ ድሌትና እንደገና ገዝኦ። ብሰንኪ ምሕጣእና ቆሰለ (ኢሳ 53፣3) ውጽኢት ፍረ ምዕላውና ርክሰት እዩ ኮይኑ፣ ነቲ ምዕላውናበቲ ደሙ ኣፍሲሱ ከፈለልና፣ (ምዕላ፣ ዘይምእዛዝ)

2. ኣብቲ ናይ ሓለንጊ ቦታ ደሙ ኣፍሰሰ። ካብ መርገምን ሕማምን ኣድሓነና፣" ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዊና" (ኢሳ 53፣3) (ኣካላዊ ምፍዋስ)

3. በቲ ኣሻኽ ኣክሊል ኣብ ርእሱ ዝተደፍአ ደሙ ኣፍሰሰ። ካብ መርገም ናይ ጥሜት ኣድሓነና። ኣዳምን ሄዋንን ምስ ሓጥኡ ናይ እግዚኣብሄር ጸጋ(ሃብቲ) ኣይረከቡን እኮ ደኣ ኣብቲ ጀርዲኖም ኣሻኽ ቡቅሊ እዩ ቦቂሉ፣

"ንኣዳም ከኣ ቃል ሰበይትካ ስለዝሰማዕካ እሞ ካብታ ካብኣ ኣይትብላዕ ኢለ ዝኣዘዝኩካ ኦም ስለዝበላዕካ ። ምድሪ ብዛዕባካ ርግምቲ ትኩን። ኩሉ ዘበን ህይወትካ እንጌራካ ካብኣ ብጻዕሪ ክትበልዕ ኢካ፣ እሾኩን ተኮርባን ተብቁለልካ

ብቁሊ መሮር ድማ ከትበልዕ ኢካ፣" (ዘፍ3፣17,18) "ካብ እሾክ ኣክሊል ተኒጎም ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ ኣብ የማናይ ኢዱ ዘንጊ ኣትሒዞም ከኣ፣ ኣብ ቅድሚኡ እናተደፍኡ፣ ዎ ንጉስ ኣይሁድ ከመይ ኢካ ኢሎም ኣላገጹሉ፣" (ማቴ27፣29)

4. ካብ ኢዱ ደሙ ኣፍሰሰ (ኣብ ልዕሊ ዝተንከፍናዮ ስልጣን ክህልወና) "ኣክላባት ከቢቦሙኒ። ኣኬባ ገበርቲ እከይ ኣማእኪሎሙኒ። ነእዳወይን ነእጋረይን ሸንኪሮምዎ እዮም፣"(መዝ 22፣16) የሱስ ምስ ተሰቅለ። መስማር ኣብ ኣእዳዉ ወግአ። እግዚኣብሄር ንኣዳምን ሄዋንን ክፈጥሮም ከሎ ኩሉ ነዚ ስልጣን ኣብ ኢዶም ሃቦም፣ ሰይጣን ከኣ ነዚ ስልጣን ወሰዶ። የሱስ ግና እንደገና ዓደገልና (መለሰልና)፣ ኣዳም ንቃል እግዚኣብሄር ክሰምዕ። ብጸይ ክከውን ምስ እግዚኣብሄር ነቲ ስልጣን ውጽኢት ካብ ብጻይነትን ሕግን ክለማመዶ ተዋህቦ፣ ካብዚ ወጻኢ ብዛዕባ ስልጣን ብክርስቶስ ካብ ዕላማ ዝወጸ(ዝረሓቀ) እዩ ብናተይ ኣተሓሳስባ፣"እቲ ንስካ እትዝክሮ ሰብ። እቲ እትሓልየሉ ወዲ ሰብሲ እንታይ እዩ። ካብ መላእኽቲ ቅሩብ ኣንእስካዮ ብኽብርን ጌጽን ከኣ ከለልካዮ፣ ኣብ ልዕሊ ግብሪ ኣእዳውካ ሸምካዮ። ንኩሉ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ገርካዮ። ንብዘለዋ ኩላተን ኣባጊዕን፣ ኣሓን፣ ንእንስሳታት በረካውን" (መዝ 8፣4-7) "ኣትማን ኪሕዙ እዮም። ዚቀትል እንተሰተዩ ከኣ ከቶ ኣይኪጎድኦምን እዩ። ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኬንብሩ። ንሳቶምውን ኪሓውዩ እዮም፣" (ማሪቆስ 16፣18)

5. ካብ እግሩ ደሙ ኣፍሰሰ (ንሰይጣን ምስዓር)። ናይ የሱስ እግሪ ኣብቲ መስቀል ተሰመረ። እዚ ከኣ ብብዙሕ መዳያት ጥቅሚ ኣለዎ። መጀመርያ ኣብቲ ጌጋ መገዲ ንከይድ ዝነበርና ሰባት ኢና ኔርና። ደሓር ግና የሱስ ምስተሰወኣልና። ነቶም ኣመንቲ በቲ ቅኑዕ መገድን ዕላማ ናይ ሂወትን ክከዱ ዕድል ከፈተሎም። እዚ ከማን ናይ ስልጣንን ግዝኣትን ጉዳይ እዩ፣ "እግርኩም ዝረገጸ ዘበለት ቦታ ናትኩም ክትከውን እያ፣" (ዘዳግም 11፣24)

6. ካብ ዝተወግአ ልቡ ደሙ ኣፍሰሰ (ምንጻግ) መብዛሕትኡ ግዜ ምንጻግ። ኣውራ ከኣ ኣብ ግዜ ቁልዕነትና። ቀንዲ ናይ ውሽጥና ቃንዛ እዩ። ጠንቂ ናይ ምንጻግ ከኣ ዝበዝሐ ናይ ኣሉታዊ ኩነታት ኣብ ሂወትና እዩ፣ ምንጻግ ንሓጎስ ተዕንዋ "ዝተሰብረ ልቢ" ከኣ የስዕበልና፣

የሱስ ነቲ ምንጻግና ብምውሳድ ንሓጎስና መሊሱልና። "ብታስዐይቲ ሰዓት፣ የሱስ ኤሌሆ ኤሌሆ ላማ ሰብቅታኒ ኢሉ ብዓብዩ ድምጺ ጨርሔ። እዚ ከኣ ኣምላከይ ኣምላከይ ንምንታይ ሓደግካኒ ማለት እዩ፣" (ማቴ27፣46)

የሱስ ልቡ ተሰይሩ ሞተ "ሓደ ካብቶም ዓቀይቲ ግና ጎድኑ ብኩናት ወግእዎ፣ ብኡብኡ ከኣ ደምን ማይን ወጸ፣" (ዮሃንስ 19፣34) የሱስ ቅድሚ ሓንቲ መዓልቲ ናይ ኣይሁድ ዕረፍቲ መዓልቲ ሕጊ። ኣብ መዓልቲ ዕረፍቲ ዝኾነ ሰብ ከይስቀል ዝብል እዩ ተሰቂሉ። ስለዚ እቶም ዓቀይቲ ናብ ኩሎም እቶም ዝተሰቅሉ እናኸዱ እግሮም ሰበርዎም ምእንቲ ሞቶም ክቀላጠፍ፣ጽሑፍ ግን ከምዚ ዝብል ኣሎ ዝኾነ ዓጽሚ ናይቲ መሲሕ ኣይስበርን እዩ፣ (መዝ 34፣20) ኣብ ካልእ ጽሑፍ ከኣ ከምዚ ዝብል ኣሎ። ናይ ቅኑዕ ሰብ ዓጽሚ ኣይስበርን እዩ። ናይ የሱስ ዓጽሚ ምስባር ኣየድለየን ምኽንያቱ ድሮ ሞይቱ ስለዝነበረ፣ ልቡ ምስ ወግእዎ። ደምን ማይን ተፈላልዮም ፈሰሱ። ስለዚ ልቡ ተሰይሩ እዩ ዝሞተ (ብሕክምናዊ ምልክት እቲ ቲሹ ነቲ ደምን ማይን ፈላልዩ ዝነበረ ተበትከ)።

እቲ ናይ መጀመርያ ናይ የሱስ ዕላማ። ነቲ ዝተሰብረ ልብታትና ምፍዋስ እዩ ኔሩ። "ንድኻታት ከበስሮም ስለዝቀብኣኒ። መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕለይ እዩ፣ ንምሩካት ከምልስ፣ ንዕዉራት ምርኣይ፣ ንግፉዓት ከኣ ምውጻእ ሓራ ክሰብክ።" (ሉቃ 4፣18)

7. ካብቲ ውሽጣዊ ስንብራቱ ደሙ ኣፍሰሰ። ካብቲ ውሽጣዊ ስቅያትናን ዘይፍትሓውን ከውጽኣና ሰንበረ። ስንብራት እንተሃሊዩካ ኣብ ነብስካ ውሽጥካ ይደሚ ኣሎ ማለት እዩ፣ ነቲ ደግያዊ ምሕጣእና ጥራሕ ዘይኮነስ ነቲ ዝወራረስ መርገምናውን ከጥፍእ ቆሰለ፣ (ኢሳ53፣5) "ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቆሰለ፣ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፣ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ መቅጻዕቲ ናብኡ ወረደ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዊና፣"

ዘይሞራላዊ ማለት ሓደ መንፈስና ክሰብረና ክፍትን ከሎ እዩ። ሓደ መንፈሳዊ ሓይሊ እዩ ኣብ ውሽጥና ኣብ ትሕቲ ኣዕናዊ ባህርይ ክንግዛእ ይገብረና ካልእውን ሓንሳብ ሓንሳብ ንዛረበሉ ኢና "ዝወራረስ መርገም" እዩ። እዚ ከኣ ቃንዛን ስንብራትን ሓጥያትን ቀዳሞት ኣቦታትና ዝተሳቀይሉ እዮም።

ኣብ ዘጸኣት 34፣5-8 ከምዚ ይብል መርገም ናብ ዝመጽእ ወለዶታት ይሓልፍ እዩ። “ክሳዕ ሽሕ ወለዶ ጸጋ ዝሕሉ። ዓመጽን ምትሕልላፍ ሓጢኣትን ይቕረ ዝብል ግና ከኣ በዳሊ ከም ንጹህ ዘይርኢ። ሓጢኣት ኣቦታት ደኣ ኣብ ደቅን ኣብ ደቂ ደቅን ክሳዕ ሳልሳይ ክሳዕ ራብዓይ ወለዶ ዚቐጽዕ፣” (ዘጸ 34፣7)

እቲ ፍታሕ ነዚ ዘይሞራላዊ ኣብ ውሽጥና ኮይኑ ዝደፍእ ምብኣስ ዘይኮነ ምስ እግዚኣብሄር ምትሕብባርን ቃሉ ምእማንን እስኪ ኣብ ዘጸኣት 34 ዝበሎ ነስተብህሎ ከምሕርን ክቕጽዕን እየ ክሳዕ ወለዶታት ኢሉ፣ ግርምቢጥ ዝኮነ ሓሳብ ግና እግዚኣብሄር ብወዱ ጌሩ ነቲ ዘይሞራላዊ ነገር ኣክንዳካ በጺሕዎ እዩ! እዚ ከኣ ይቕረ ይበሃል። እዚ ዝኮነሉ ምክንያት ከኣ። እቲ ዝምድና ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን እቲ ኣቦ። የሱስን እቲ ወልድ ስለዝተሰብረ እዩ ኣብቲ መስቀል።

**ዝኮነ እንተኮነ ኣብቲ መብጽዓ ግና እመን**

ኣብ ዘፍ ምዕ15 እግዚኣብሄር ንኣብራም እቶም ክልተ መልኣክቲ በቲ ናይ ደም ኪዳን ካናለ ክሳዕ ዝሓልፉ ኣደቀሶ፣ኩላትና ናይ ጸልማት ግዜ ኣለና። ኣብዚ ግዜ ጸልማት ከኣ መንፈስ ቅዱስ ዘብርሃልና ጥራሕ ክንርኢ ኣሎና፣ እዚ ከኣ ምልክት ናይቲ ኪዳን እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብቲ መስዋእቲ ናይ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ጥራሕ ክንጽጋዕ ዘድልየና እዋናትውን ኣለዋ። ኣብዚ ምዕራፍ ተጻሒፉ ዘሎ። ሓንጎልና ንክኣምኖ ዘሸግሮ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ከኣ። እቲ ምልክት ናይ ደም ኪዳን ኩሉ ሳዕ ከም ፊልም ኣብ ሓንጎልካ ሓዞ።

ሓደ ካብ ስድራቤተይ ናይ ህይወትን ሞትን መጥባሕቲ እናካየደ። ኣነ ንሽዱሽተ ሰዓታት ተመን ኣብ ኣስራዚ ዘንጊ ተሰቒሉ ጥራሕ እየ ዝርኢ። ከምዚ የሱስ ኣብ መስቀል ዝተሰቕለ ንምድሓንና፣ “ሙሴ ከኣ ካብ ኣስራዚ ተመን ገበረ። ኣብ ባላውን ሰቀሎ። ኮነ ከኣ ገለ ተመን ንሰብ እንተነኸሰ ናብቲ ተመን ኣስራዚ ምስ ዝጥምት ይሓዊ ነበረ፣” (ዘሁልቅ 21፣9) ክሳዕ ሕጂ ብሕክምናዊ ሞያ ናይ ምሕዋይ ነቲ ተመን ኣስራዚ ኣብ ፓሎ ዝተሰቕለ ከም ኣርማ ይጥቀምሉ ኣለው።

ሓደ ዓቢ ዛንታ ከመይ ገይሩ የሱስ ካብ ውሽጢ ነብ ደገ ከምዝፍውሰና ክንርእይ ኢና።

ከም ኣብ ማርቆስ ምዕራፍ 2 ተጻሒፉ ዘሎ የሱስ ተኣምራት ገበረ ካብ ዝኮነ ስነ ሃይማኖታዊ ንላዕሊ ጽቡቕ ጌረ ገሊጸዮ ኣሎኩ፣ (ማሪቆስ 2፣1-12)

*1. ድሕሪ ሒደት መዓልታት ድማ ኣብ ቕፍርናሆም ኣተወ እሞ ኣብ ቤት ከምዘሎ ተሰምዔ።*

*2. ብዙ ብዙ ወገፈ ክሳዕ ምክኣል ዝስእኖም ብዙሓት ተኣከቡ። ቃል ድማ ይነግሮም ነበረ።*

*3. ኣርባዕተ ሰብኣይ ዝጸርዎ መጻጉዕ ናብኡ ኣምጽኡ።*

*4. ህዝቢ ስለዝበዝሔ ናብኡ ምእታው እተሰኣኑ ከኣ። ናሕሲ እታ ዘለዋ ቤት ኣፍረሱ ። ምስ ኣፍረሱ ነታ እቲ መጻጉዕ ደቂስዎ ዘሎ ዓራት ኣውረድዎ።*

*5. የሱስ ድማ እምነቶም ርእዩ ነቲ መጻጉዕ ወደየ ሓጥያትካ ተገዲፉልካ በሎ።*

*6. ሓያሎ ካብ ጸሓፍቲ ኣብኡ ተቐሚጦም ነበሩ። ብልቦም ድማ ስለምንታይ እዚ ከምዚ ዝበለ ጸርፊ ይዛረብ ኣሎ።*

*7. ብዘይ ሓደ ኣምላኽ መን እዩ ሓጢኣት ኪሓድግ ዝኽእል ኢሎም ሓሰቡ።*

*8. የሱስ ብልቦም እዚ ከምዝሓሰቡ ብኡ ብኡ ብመንፈስ ፈሊጡ በሎም ንምንታይ እዚ ብልብኩም ትሓስቡ ኣሎኩም።*

*9. ኣየናይ ይቐልል ነዚ መጻጉዕ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ምባልዶ ወይስ ተንስእም ዓራትካ ኣልዒልካ ኪድ ምባል፣*

*10. ወዲ ሰብ ግና ሓጢኣት ኪሓድግ ኣብ ምድሪ ስልጣን ከምዘለዎ ምእንቲ ክትፈልጡ ነቲ መጻጉዕ፣*

*11. ንዓካ እብለካ ኣሎኹ ተንስእ'ሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ናብ ቤትካ ኪድ በሎ፣*

*12. ብኡ ብኡ ተንሲኡ ዓራቱ ኣልዒሉ ኣብ ቅድሚ ኩሎም ወጸ። ኩሎም ተደነቁ እሞ ከምዚ ዝበለስ ከቶ ኣይርኤናን። ኢሎም ንኣምላኽ ኣመስገንዎ፣*

ኣብ ፍቅዲ 5 የሱስ "ወደየ"ኢልዎ ይብል፣ "ወደየ" ብግሪክ ተክኖን ማለት እዩ ትርጉሙ ከኣ ካብ ሓደ ኣቦን ስድራቤትን ዝተወለደ ግና ዝምድና ዝበሃል ምስኦም ዘይብሉ እዩ፣ ኣስተውዕል'ሞ ናይዚ ሰብኣይ ስድራቤት ናብ የሱስ ኣየምጽእዎን እንታይ ደኣ 4 ሰብኡት እምነት ዘለዎም እዮም ኣምጺኦሞ፣ እዚ ከኣ ስእሊ ናይ ብሓቂ ቤተክርስትያን እየ ዝብል ብእምነቶም ንዝለመሱ ሰባት ናብ የሱስ የምጽኡ፣ ተክኖን ማለት ግድን ዝምድና ዘይብሉ ጥራሕ ኣይኮነን ዝተወልደውን ክንብሎ ንክእል ኢና፣ ብእምንቶይ ናይ የሱስ መልእክቲ ከምዚ ዝጠቀስክዎ እዩ ከምኡ እንተዘይከውን የሱስ ካልእ ቃላት ምተጠቀመ፣

ኣካላትካ ኣይለመሰን ይከውን ግና መንፈስካ ወይውን ኣነባብራካ፣ ምናልባት ንሓሸሽ ጠጠው ከተብል (ከተቆርጽ) ለሚስካ ትከውን ። ምናልባትውን ዝምድናካ ከተመሓይሽ ሰዘይከኣልካ ብዙሕ ትበልዕ ትህልው። ምናልባትውን ንነብስካ ተፅንዎ ትህልው። እንዳጠባሕካ ወይውን ካልእ ኣቀንዛዊ ነገራት እናገበርካ ። ምናልባትውን ሕርቃን። ፋሉላዊ ዝሙት ። ጽቅጠት ከተቆርጽ ኣይከኣልካን ትከውን ። እቲ ዝርዝር ብዙሕ እዩ፣ እቲ ደግያዊ ምልማስ ። ውሽጣዊ ምፍዋስ ኣለዎ ምክንያቱ የሱስ ነቲ ናይ መጨረሽታ ዋጋ ስለዝከፈሎ፣

ሽዑ የሱስ "ሓጥያትካ ተገዲፉልካ ኣሎ" በሎ፣ ብካልእ ኣዘራርባ እዞም ዘይሞራላዊ ምስ ስድራቤትካ፣ ኣቦካ፣ ወዲ ዝነበረ ዝምድና በቲክዎ እዩ። እንደገና ግና ብኣይ (ብየሱስ) ቀኒዑ እዩ። እቲ ምንጻግን ዝምድና ምፍራስን። ነቲ ሰብኣይ ዘልመሶ ብየሱስ ኣብቲ መስቀል ተሳዒሩ (ተላዒሉ) እዩ። የሱስ ብቀሊሉ ከምዚ ክብል ምከኣለ "ወደየ ድሕሪ ቅሩብ ዓመታት ናብቲ መስቀል ክከይድ እየ ኣብኡ ከኣ ኣቦይ ሕቆኡ ክህበንን ክነጽገንን እዩ። ስለዚ ነዚ ጼርካዮ ዘለካ ሓጥያት ክሕደገልካን ካባካ ክውሰደልካን እዩ፣"

ኣብ ኢሳ 53፣5 ከምዚ ይብል የሱስ በቲ ሓጥያትና ስምብራት ሰምበረ፣ ዘይሞራላዊ ውሽጣዊ ስቃይ። ስምብራትውን ውሽጣዊ ስቃይ እዩ። እቲ ውሽጣዊ ስቅያትና ብየሱስ ውሽጣዊ ስቅያቱ ተኣለየ፣ ኤርምያስ ከምዚ ይብል "በተን መዓልታት እቲኣተን ከም ብሓድሽ። እቶም ኣቦታት መጺ ዘቢብ በልዑ እሞ ነስናን እቶም ውሉድ ከኸወ። ኣይኪብሉን፣ ሞት ነፍሲ ወከፍሲ ብኣበሳኡ ደኣ ይመውት። እቲ መጺጽ ዘቢብ ዝበልዔ ከኣ ኣስናኑ ይኾኹዎ (ኤርምያስ 31፣29, 30) ብካልእ ኣዘራርባ ነቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘይግበር ዝነበረ ሕጂ ግን ኣብዚ ሓድሽ ኪዳን የሱስ ክስሕቦ እዩ።

እስከ እንታይ ከምተፈጸመ ንርኣ! "ብኡ ብኡ ተንሲኡ ዓራቱ ኣልዒሉ። ኣብ ቅድሚ ኩሎም ወጸ ኩሎም ተደነቁ እሞ ከምዚ ዝበለስ ከቶ ኣይርኤናን ኢሎም ንኣምላኽ ኣመስገንዎ!"

ምፍዋስ ካብ ውሽጢ ጀሚሩ ንደገ እንዳሰርሐ እዩ ዝከይድ

ኣብ ዮሃ3 ጽሑፍ ዘሎ ንዘክር። ከምቲ መንፈስና ዝብልጽግ። ከምኡ ከኣ ንዓና ከበልጽገና እዩ ዝደሊ፣ ግና ነዚ ውሽጣዊ ምፍዋስ ክንረክብ እንተኮይና ነብስና ንእግዚኣብሄር ክነወፊ ኣሎና፣

*መገድታት ኣሎ ነቲ መንፈስ ቅዱስ ክንተሓባበሮ ዘለና ምእንቲ ናብቲ ዝዓሞቀ ውሽጥና ክከይድ። ንሕጂ ከም መእተውን ሓቀኛ ናይ ኣቦ ባህርን መቅጻዕትን ክንርእይ ኢና።*

ኣቦታት መቅጻዕቲ ክገብሩ ይሕተቱ። እዚ ከኣ ሓደ ካብ ምፍዋስ እዩ።

ገለ ቁስልታት ኣለው ኣብቲ ውሽጥና ዝተቀብሩ ነዚ ንምፍዋስ ከኣ ። መድሃኒት ናይ ቃንዛ የድልየና፣ ኣብዚ ግን ሓደ ዘሐጉስ ዜና ኣሎ። የሱስ ነቲ ቁስልታትና ወሲዱ ፈወሰና እዚ ከኣ ትርጉሙ ጸጋ እዩ፣ ግና ንጸጋ ካልእ ዘይተፈልጠ ትርጉም ኣለዎ መቅጻዕቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ብዙሕ ግዜ ምስባር ናይቲ ደጋዊ ሰብና ወይ ስጋዊ ባህርያትና ኢልና ኢና ንጽውዖ፣

ናይ መሬት ኣቦታት ብሓደገኛ ዝኮነ መገዲ እዮም ዝከዱ ምክንያቱ ንደቆም እንተተቀጺኦም። እቶም ቆልዑ ከም ዝተነጽጉ ጌሮም ከይቆጽርዎ ይፈርሑ እዮም፣ብዙሓት ቆልዑ ከኣ ንመቅጻዕቲ ከምኡ ገይሮም እዮም ዝሓስብዎ ወላ እኳ እቶም ኣቦታት ንከምኡ ኢሎም እንተዘይገበርዎ ካልኦት ከኣ ንእግዚኣብሄር ከም ጨካን ቀጻዒ ገይሮም ይርእይዎ፣

ናይ መሬት ኣቦታት ፍጹማት ኣይኮኑን፣ ወላ ነቲ ፍጹም እግዚኣብሄር ንርኣዮ'ሞ። እንታይ ድዩ ኣጋጢምዎ እቲ ናይ መጀመርያ ወዱ። ነቲ መባከኒ ኣቦ'ሞ ንርኣዮ ወዱ ዝዓለዎ። ንኣብኡ ክንከሶ ንክእልዶ? እስከ ናይቲ ዓላዊ ወዲ ሓሳባት ናብቲ ሃንቀው ኢሉ ዝጽበዮ ዝነበረ ኣብኡ ምስተመልሰ ንርአ። ወላ ከይሓሰቦ ነብኡ በቲ ዘጋጠሞ ከሲስዎ'ዶ? ኣይፋልን። ነቲ ዝገበሮ ሓላፍነት ስለዝተሰከመ። ተፈወሰ ወይ ተዓረቀ ደኣ፣

እቲ ቀንዲ ነጥቢ ነቦካ፣ ነዴካ፣ ነቲ ናይ ዘርእካ መርገም ከም ልማድ ወሲድካ እንተከሰስካዮም። ነጻ ኣይትከውንን ኢካ፣ ምክሳስ ካብ ሰይጣን እዩ። ንመጨረሽታ ግዜ ምክሳስ ካብ ነብስካ ተኣልዩ እንተዘይርኢካ ፍጹም ነጻ ኣይትከውንን ኢካ፣

መቅጻዕቲ ንምፍዋስ ይከፍተልና እዩ። ኣብ እብ 12፣ 5-13 ንርአ፣

*5. እቲ ከም ንውሉድ ገይሩ፣ ወደየ፣ ኣግ/ር ነቲ ዜፍቅሮ ይቀጽዖ እዩ'ም። ነቲ ዚቅበሎ ዘበለ ውሉድውን ይገርፎ።*

*6. ስለዚ ቅጽዓት ጎይታ ኣይትንዓቅ። እንተገንሓካውን ሕሊናካ ኣይተዕርብኢሉ ዚዛረበኩም ዘሎ ምዕዶ ከኣ ረሲዕኩምዎ ኣሎኩም*

*7. ቅጽዓት እንተ ተዓገስኩም ኣምላኽ ከም ውሉዱ ገይሩ ይርእየኩም እዩ። ኣቦኡ ዘይቀጽኦ'ከ እንታዎይ ውሉድ እዩ፣*

*8. ብዘይ እታ ኩሎም ዝሓበሩላ ቅጽዓት እንተኮንኩም ግና፣ ዲቃሉ ኣምበር ውሉድ ኣይኮንኩምን፣*

*9. ኣብ ርእሲ እዚውን ዚቀጽዑና ኣቦታት ስጋና ካብ ዚነብሩና እሞ ካብ እንሓፍሮም ብህይወት ምእንቲ ክንነብርሲ። ነቲ ኣቦ መናፍስቲ ኣዚና ክንእዘዞዶ ኣይግብኣናን እዩ፣*

*10. እቲኣቶምሲ ንቅሩብ መዓልቲ ከም እተራእዮም ገይሮም ቀጽዑና። ንሱ ግና ካብ ቅድስናኡ ምእንቲ ክንማቀል ኢሉ ንጥቅምና እዩ ዚቀጽዓና፣*

*11. ቅጽዓት ዘበለስ ንግዚኡ ንጎሂ እምበር ንሓጎስ ከም ዚከውን ኣይመስልን እዩ። ንዓሕራዩ ግና ነቶም ዝለመድዎ ናይ ሰላም ፍረ ጽድቂ እዩ ዚፈሪ፣*

*12. ምእንትዚ ነተን ዘርጋሕጋሕ ዚብላ ኣእዳውን ወለል ዝበለን ኣብራክን ኣቅንዕወን፣*

*13. እቲ ዝሕንክስ ክሓዊ እምበር ካብ መገዲ ምእንቲ ከይወጽእሲ ነእጋርኩም ትክ ዝበለ መገዲ ግበሩ፣*

ኣብ ፍቅዲ 10 ከምዚ ዝብል ኣስተብህል፣ እዚ መቅጻዕቲ ቅድስና የምጻኣልና እዩ። እዚ ከኣ ናይ እግዚኣብሄር ጠባይ(ባህርይ) እዩ። ኣብ ፍቅዲ 11 ከኣ ፍረ ናይ እድብና ሰላም እዩ። ኣብ ፍቅዲ 13 ከኣ ከምዚ ይብል ክንፍወስ ንከውን ኢና፣

ኩሉ ሳዕ ናብ ጸጋም ክንኣቱ ከለና እግዚኣብሄር ይቀጽዓና ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ክከውን ይክእል እዩ ግና ካብ ናይ ሰይጣን መሳርሒታትውን ክንጥንቀቅ ኣለና፣ ተኣፋፊ መስመር ወይ ምርዳእ ክህልወና ኣለዎ ምእንቲ ንሰይጣን ክንነጽጎ ኣብ ሓደ ግዜ ከኣ ናይ እግዚኣብሄር መቅጻዕቲ ነቲ ቁስልና ዘሕውየሉ ከይከውን ክንርድኦ ኣለና።

# ወሰኽ

እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ጽሞቅ ናይ ዝምድናና ስነ ስርዓታት እዩ።

ያዕቆብ 2፣17-22 ከምዚ ይብል እምነት ብዘይ ስራሕ ምዉት እዩ።

**ስነስርዓታትን ክእለታትን ናይ ዝምድና**

እግዚኣብሄር ህይወትካ ኣመዓራሪካን ምስኡ ክትዛመድን ክትፈልጦን ይዕድመካ ኣሎ፣ ብከምዚ ገይሩ እዩ ከኣ ባርኮት ናይ ደም ኪዳን ናብ ህይወትካ ዝፈስስ፣

1. ነቲ ዝምድና ክትስዕቦ ምኾንካ ወስን፣- ምሉእ ህይወትካ ንእግዚኣብሄር ወፍዮ፣ (ሮሜ12፣1-2) እዚ እዩ ከኣ ነቲ ናይ ደም ኪዳን ግብረ መልሲ ንህብ።

2. ቃሉ ክትሰምዕ እኩል ግዜ ሃብ ፣- ቃሉ ናይ ደም ኪዳን መትሓዚ እዩ፣ ኣበየናይ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕቲ ክትኣትው ከምዘለካንመንፈስ ቅዱስ ከርእየካ ሕተቶ፣

3. ንክትዛረብ እኩል ግዜ ሃብ ፣- ቃላትካ ተዛረቦም፣ ገለ ሰባት ሓሳባትካን ስምዒትካን ከኣ ጠቃሚ እዩ፣ ቅንዕና ይሃሉካ ምስቲ ናይ ደም ኪዳን ብጸይካ የሱስ ምእንቲ ኩሉ ሓጥያትካ ናብኡ ከከይድ፣ ብዘይ ቅንዕና ዝምድና ክትገብር ኣይከኣልን እዩ።

4. ክትዛረብ ከሎኻ ግዜ ወሲድካ ተዛረብ፣- ቃላቱ ተዛረቦም፣ መዓልታዊ መዝሙር ዳዊትን ምሳሌን ኣንብብ፣ ሓደ ሰዓቢ 5 ምዕራፋት ናይ መዝሙር ዳዊት ዓው ኢሉ ከንብብ ኣለዎ፣ ስርዓተ ዓውደ ኣዋርሕ ተጠቀም ንኣብነት ኣብ ወርሒ 24። መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 24,54,84,114,144 ኣንብብ፣በዚ ስርዓት ኩሉ መዝሙራትን ምሳሌታትን ክትውድኦ ትክእል። ከምዚ ጌርና እንተኣንቢብና ሓንጎልና ይሕደስ። ንሰይጣን እቲ ቃላት ነንብበሉ። ስምዒትካ ከኣ ምስቲ ጽሑፍ ክዛመድ ይክእል፣ ምሳሌ ኣብ 31 መዓልቲ መዝሙር ዳዊት ከኣ ኣብ 119 መዓልታት ክንውድኦ ንክእል፣ በዚ እንተጀሚርካ እግዚኣብሄር ናብቲ ካልእ ጽሑፋት ቀስ ብቀስ ክመርሓና እዩ። በዚ ከኣ ንምሉእ ሂወትካ ብቀጻሊ ክትባረክ ኢካ፣

5. ንእግዚኣብሄር ተኣዘዞ፣- ንእግዚኣብሄር ገለ ንእሽተይ ነገር ክህበካ ሕተቶ። መዓልታዊ ገለ ነገር ተኣዘዞ። ምናባት ንካልኦት ምትብባዕ ክከውን ይክእል እዩ፣ ምናልባት ካብቲ ወልፍታትካ ትድሕነሉ ወይውን ሓጥያትካ ትንስሓሉ ክከውን ይክእል፣

**እዚ ዓቢ ነገር እዩ!**

ኣብ ዮሃ 14፣21-23 ከምዚ ይብል ቃሉ ምስ እንእዘዝ ዝያዱ ነብሱ የፍልጠና(ይቃለዐና)። ሓንሳብ "ንየሱስ" ኣንተሪእካዮ። እቲ ዝምድና ምስኡ ኣማኒ ጥራሕ ዘይኮንካ ትከውን ግና ወደመዝሙሩውን ትከውን ኢካ፣ ሃዋርያ ፓውሎስ እዚ ድሌት (ሃረርታ ኔርዎ) ኣብ ፍሊጲ 3፣10 ከምዚ ክብል ከሎ "ብዝኾነ ኮይኑ ናብ ትንሳኤ ምውታት እንተ ኣርከብኩ ኢሉ። ብሞቱ እናመሰልክዎ ንእኡን ሓይሊ ትንሳኤኡን ሕብረት መከርኡን ምእንቲ ክፈልጥ ኩሉ ከም ወጽዓ እቆጽሮ ኣሎኹ።"

6. ቁርባን፣- ብስሩዕ ቁርባን ተከታተል(ውሰድ) ብዙሓት ሰባት መዓልታዊ እዮም ዝወስድዎ፣

7.

ኣብቲ ዝምድና ተመላለስ፣- ኣብቲ ዝምድና ምህላውን ምስ ብርቱዕ መጽሓፍ ቅዱስ እምነትን ብጣዕሚ እዩ ጠቃሚ። ኣመንቲ መንፈስ ዝምልኡ ምእንቲ ክተባብዑን ክሕደሱን፣ ንስካ ኣካል ክርስቶስ ኢካ ቦታካ ኣብ ኣካል ክርስቶስ እንተዘይረኺብካዮ ከም ኣጸብዕቲ ካብ ኢድ ዝተፈልየ ኢካ፣

# ምዕራፍ 20

## ናይ ይሁዳ ኣንበሳ

ኩሉ እቲ መርገምና በቲ ደም ናብ ባርኮት ተቀይሩ እዩ!

መዓልታዊ ዘይኮነ ግና ከም ናይ ነብያታት ሕልሚ ኣብ ህይወተይ ይርኢ እየ ንኣብነት ነዛ መጽሓፍ ጽሒፈ ምስ ወዳእኩ። እግዚኣብሄር ሕልሚ ኣርኣየኒ፣

ኣብቲ ሕልመይ ሰበይተይ ኣንበሳ ንገዛና ክትዕድሞ ርኣክዎ። ናይ ብሓቂ ፍርሒ ተሰሚዑኒ  እቲ ኣንበሳ ከጥፍኣኒ ከም ዝክእል ካብ ውሽጠይ ተሰመዓኒ ግና ብሰለማዊ ኩነታት ናብዝን ናብትን ይብል ነበረ፣እቲ ፍርሐይ ከኣ ብእኡ መጠን ዛየደ። ነቲ ኣንበሳ ከህድኦ ሓለንኩ፣

ሽዑ እቲ ኣንበሳ ናብ ጥቃይ ቀሪቡ ብዳሕራዋይ እግሩ ጠጠው በለ። እቲ ናይ ቅድሚት እግሩ ከኣ ኣብ መንኩበይ ሰቀሎ ስለዚ ገጹ ናብ ጥቃ ገጸይ ቀረበ። ፍርሐይ ወሰኸ! ኢደይ ኣብ ኣፍንጭኡ ጌረ "ንፋዕ ወዲ። ንፋዕ ወዲ" በልክዎ ገጹ መስኪን ነበረ ግና ፍርሐይ ኣይጎደለን ጥራሕ ብህይወተይ ዘይበልዓኒ እየ ዘመስግን ኔረ!

ኣነን ሰበይተይን ብዛዕባ እዚ ሕልሚ ንግሆ ሰሓቅና። ድሕሪ ቀትሪ ጎይታ ብዛዕባ እቲ ሕልሚ ተዛረበኒ። ነቲ ሕልሚ ምስተረዳእክዎ ከኣ ብንብዓት ገጸይ ተሓጸብኩ፣

ጎይታ ብዛዕባ እቲ ሕልሚ እንታይ ከምዝበለኒ ብርግጽ'ኾ ኩሉ እንተዘይጸሓፍክዎ ግና ክገልጾ ክፍትን።  መንፈስ ቅዱስ ከኣ ክትርጉመልኩም ክጽሊ እየ፣

ኣብ ራእይ ዮሃንስ 5፣1-14 ከምዚ ይብል

1. ንየሱስ ንሱ ክርስቶስ ምኳኑ ዚኣምን ዘበለ ኩሉ ካብ ኣምላኽ እተወልደ እዩ ንወላዲ ዜፍቅሮ ኩሉ ከኣ ነቲ ካብኡ እተወልደ'ውን የፍቅሮ፣
2. ንኣምላኽ ምስ እነፍቅሮን ትእዛዛቱውን ምስ እንሕሉ ነቶም ውሉድ ኣምላኽ ከምእነፍቅሮም በዚ ኢና እንፈልጥ፣
3. ፍቕሪ ንኣምላኽ ከኣ ትእዛዛቱ ክንሕሉ እዩ እሞ። ትእዛዛቱውን ኣይከብድን እዩ፣
4. ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ኩሉ ንዓለም ይስዕራ። እታ ንዓለም እንስዕረላ ስዕረት ከኣ ንሳ እምነትና እያ፣
5. ንዓለም ዚስዕራከ እቲ ንየሱስ ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምኳኑ ዚኣምኖ እንተዘይኮይኑስ መን እዩ?

ኩላትና። የሱስ እቲ ናይ ይሁዳ ኣንበሳ ምኳኑ ንፈልጥ ኢና፣

ዮሃንስ ብጣዕሚ ዝሓዘነን ዝበከየን ምክንያቱ ነቲ ማሕተም ክፈትሖ ዝክእል ብቁዕ ሰብ ስለዘይረኣየ እዩ። ሽዑ ሓደ ካብቶም ሽማግለታት ካብ ነገደ ይሁዳ ዝኮነ ኣንበሳ ነቲ ማሕተም ኪፈትሖ ስዒሩ ኣሎ በሎ።

ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ዘካርያስ ተገሊፁ ዘሎ። እቲ ማሕተም መርገም፣ ብውርሻ ዝተቀበልናዮ ሓጥያት፣ ናይ ሰይጣን ሓጥያትን እዩ። እቲ መርገም ኣብ መወዳእታ ንዓና ንባርኮትና። ንሰይጣን ከኣ ናይ መጨረሻ ፍርዱ እዩ ዝገልጸልና፣ ስለዚ እዩ ከኣ ዮሃንስ ዝበከየ ምክንያቱ ነቲ ተኣምር (መርገምና ናብ ባርኮት። ሰይጣን ከኣ መቅጻዕቱ ክቅበል ምርኣይ) ክሰርሕ ብቁዕ ዝኮነ ስለዘይተረከበ፣

6. እቲ ብማይን ብደምን ዝመጸ እዚ እዩ ማለት የሱስ ክርስቶስ ብማይን ደምን እምበር ብማይ ጥራይ ኣይኮነን ዝመጸ፣

ኣስተውዕል። ዮሃንስ ነቲ ናይ ኣንበሳ ናይ ነገደ ይሁዳ ኣይኮነን ርእዩ። እንታይ ደኣ ገንሸል እዩ ርእዩ። እታ ዕየትን (ገንሸል) እቲ ኣንበሳን ሓደ እዮም፣

7. እቲ መንፈስውን ሓቂ እዩ'ሞ፣ እቲ መንፈስ እዩ ዝምስክር ዘሎ፣
8. እቶም ዝምስክሩ ከኣ መንፈስን ማይን ደምን ሰለስተ እዮም እሞ ሰለስቲኦም ሓደ እዮም፣
9. እቲ ብዛዕባ ወዱ ዝመስከሮ ምስክር እዚ እቲ ምስክር ኣምላኽ እዩ እሞ ምስክር ሰብ እንቅበል እንተ ኮንናስ። ምስክር ኣምላኽ ካብኡ ይበልጽ እዩ፣
10. ብወዲ ኣምላኽ ዚኣምን እቲ ምስክር ኣብ ውሽጢ ኣለዎ። እቲ ንኣምላኽ ዘይኣምን ነቲ ኣምላኽ ብዛዕባ ወዱ ዝመስከሮ ምስክር ስለ ዘይኣመኖ ንእኡ ሓሳዊ ገይርዎ ኣሎ፣

11. ኣምላኽ ናይ ዘልኣለም ህይወት ከም ዝህበና እቲ ምስክር እዚ እዩ እሞ እዛ ህይወት እዚኣ ኣብ ወዲ ኣላ፣
12. እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት ኣላቶ ወዲ ኣምላኽ ዜብሉ ህይወት የብሉን፣
13. ንኣካትኩም ብስም ወዲ ኣምላኽ እትኣምኑ ዘሎኩም ናይ ዘለኣለም ህይወት ከምዘላትኩም ምእንቲ ክትፈልጡ ኢለ እየ እዚ ጽሒፈልኩም ዘሎኹ፣
14. ከምቲ ፍቃዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተለመናዮ ይሰምዓና እዩ እቲ ኣብኡ ዘሎና ትብዓት ድማ እዚ እዩ፣

**ኣብ ዝኾነ ግዜ ንኣንበሳ ክንርኢ ፍርሒ ኣሎና፣**

ነቲ ክፉእ ኣብ ሕልመይ ከምዘሎ ተሰሚዑኒ ግና እቲ ኣንበሳ ኣይጎዳእን። እቲ ኩሉ ክፉእ ዝተሰመዓኒ እቲ ገንሸል ወይ እቲ ኣንበሳ "ኣፕፊኦም" እዮም። እቲ ገንሸል ነቲ ክፉእ ኣፕፊኡ ናብ ባርኮት ቀይርዎ እቲ መስርሕ ናይ ምቅያር ከኣ ነቲ ኣንበሳ ሕጂ መራሒ ኮይኑ ዘሎ ፈጢርዎ፣

ዝኾነ ኮይኑ ነዚ ምቅይያር ክትግበር ደም ናይ የሱስ ናይቲ ፈጣሪ የድሊ ነበረ፣ እዚ እዩ ከኣ እቲ ዘልኣለማዊ ደም ኪዳን።

ነቲ ናይ ምስቃይ ግብረ መልሲ ክትመርጽ ትክእል ኢካ። ነቲ ገንሸል ነቲ ኩሉ ሓጢኣትካ ከጥፍኦ ኣፍቅደሉ፣

ከምዚ ዝብል ናይ ቀደም ብሂል ኣሎ "እቲ ሓቀኛ ስሙ ናይ ዝኾነ ነገር እንተፈሊጥካ ኣብ ልዕሊኡ ስልጣን ኣሎካ ግና ስሙ እንተዘይፈለጥካ ንዕኡ ስልጣን ኣብ ልዕሌካ ሂብካዮ ኣሎካ፣" ነዚ ኣብ ክርስትያን ኣዘራርባ ከነምጽዖ ከለና ። ኩነታትን ሰባትን ካልእን ሕማቅ ኢልና ዝሰመናዮን ዝራእናዮን። ናይ ብሓቂ ሕማቅ ተመክሮ እዩ ዝኾነና። እቲ ቀንዲ መፍትሒ ጸገማት ኣብ ህይወትና ኣረኣእያና እዩ፣ ንዝኾነ ነገር ርጉጽ ኩን።ሸዑ እቲ መልሲ ከምዝደለካዮ ክከውን እዩ፣

ኣብቲ መስርሕ ምቅይያር እዚ ኩሉ ክግበረልካ እዩ! ብጽሒት ኣብቲ ናይ ይሁዳ ስልጣን ፥ ኣብ ውግእ ኣንጻር ሰይጣን ንየሱስ እቲ ምቅይያር ክገብር እንተኣፍቂድካሉ ክትዕወት ኢካ፥ ምስ ጎይታ ክትከውን። ካብዚ ዝዓቢ ነገር ኣሎ ድዩ? እዚ ዓይነት ዓወት ግን "ብዓወት ምንባር" ጥራሕ እዩ ዝርከብ፣

ነቲ ናይ ኣንበሳ መንፈስ ምሳካ ክትስእ ኣብቲ ናይ ምስዓር ኣፍቅደሉ እሞ ንስካ ከኣ ንካልኦት ክትሕግዝ። ኣብ ራእይ ዮሃ 12፣11 ከምዚ ይብል "ሳላ ደም እቲ ገንሸል ሳላ እቲ ቃል ምስክሮምን ድማ ሰዐርዎ ንህይወቶምውን ክሳዕ ሞት ኣየፍቀርዎን።"

**ራእይ ካብቲ ትሓስቦ ንላዕሊ እዩ ዝገልጸልና፣**

ኣብ መጽሓፍ ራእይ ብዙሕ መልእኽታት ከም ዘሎ እየ ዝኣምን። እዚ ኣነ ኣብዚ ገለጸዮ ዘለኹ ጥራሕ ኣይኮነን ትርጉሙ ካልእ ብዙሕ ኣለዎ።

ካብቶም ካልኦት ዝተርገምዎ ካብኡ ፍልይ ብዝበለ ኣተራጉሞ እየ ክትርጉሞ። ከምቲ እግዚኣብሄር ኣብ ሂወተይ ዝተጠቀመሉ ዓይነት ግብራዊ ዝኾነ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ዝካየድ ዘሎ ኣርኣየኒ፣ ከምቲ ዶክተር ማርክ ሩትላንድ ዝበሎ ራእይ ከምዚ ናይ እብራውያን ኦፔራ ማለት ድራማ ግጥምን ሙዚቃን ዘለዎ እዩ እምበር ናይ ስነ ሃይማኖታዊ ጽሑፍ ኣይኮነን። ግን ናይ መጻኢ ዓለም ታሪክ ትዛረብ ኣይኮነትን ዝብል ዘለኹ እንታይ ደኣ ልዕሊኡ እያ ትዛረብ ናይ ሕጂ ታሪክካ ውን ትገልጽ እያ።

ብዙሕ ግዜ "ጎሓፍ ናብ ወርቂ" ክቕየር ዝብል ቃል ንጥቀም ኢና። ከመይ ገይሩ እዩ እዚ ዝፍጸም? ከመይ እዩ እቲ መስርሕ ጎሓፍ ናብ ወርቂ ዝቕየር? ኣብቲ መወዳእታ ምዕራፍ ናይ ራእይ ዮሃንስ። ንግስነት ናይ እግዚኣብሄር ሰረት ናይ ወርቂ ምኮኑ ንርኢ። ኣብቲ ማእከል ናይቲ መጽሓፍ ከኣ ከኣ ስቅያት ናይ ዮሃንስን ናትናን ። ምዕዋትን ምልዋጥን ነቲ ጎሓፍ ናብ ኣዋርቅ ንርኢ፣

ዮሃንስ ኣብ ደሴት ናይ ፓትሞስ ተሳቀየ። ቅድሚ ምእሳሩ ግና ናይ የሱስ ሃዋርያ እዩ ዝነበረ። ሓደ ግዜ ከኣ ናይ ቀረባ ዓርኩ። የሱስ ኣብ መስቀል ክስቀል ከሎ ንዲኡ ክርእየሉ ተመባጺዖ። የሱስ ድሕሪ ሞቱ ኣብ ግዜ ትንሳኤ ዮሃንስ ብዙሕ ግዜ ረኣዮ። ኣብቲ መጀመርያ ቤተክርስትያን ትድኮነሉ ዝነበረ ግዜ ሓያል ሰባካይ እዩ ዝነበረ።ንሱ ከም ሓደ ካብ ሽማግለታት መልእኽታት ናብ ህዝቢ ጸሓፈ ምእንቲ እቲ ህዝቢ ምስ የሱስ ዝምድና ክገብር፣

ሕሰብዎ'ሞ ዮሃንስ ምስ ተኣሰረ ኣብቲ ባረን ዝበሃል ደሴት እንታይ ተሰሚዕዎ ይከውን። ኣእማን ተሰኪሙ ጎቦ ክድይብን ከውርድን እዚ መዓልታዊ ስርሑ እዩ፣ ምናልባት ደንጺዎ ከምዚ ኢሉ ይከውን "የሱስ እንታይ እዩ ዝከውን ዘሎ?" ጴጥሮስ ተሰቂሉ። ያእቆብ ተሰይፉ። ቤተክርስትያን ከኣ ተሳጎጎትን እንዳ ማሕረድቲ ኮነት። ኩሉ ነገር ጽቡቕ ኣይመስልን ዘሎ። እንታይ እዩ እዚ ኩሉ ነገር? ከምዚ ናይ ዮሃንስ ስምዒት ተሰሚዑኩም ይፈልጥዶ?

ሸዑ ብሃንደበት ሓደ መዓልቲ ንየሱስ ምስ ኩሉ ክብሩ ረኣዮ ግና ከምቲ ቅድም ዝፈልጦ ዘይኮነስ ኣብ ሓውን ዘገርም ትርኢትን ነበሮ። ዮሃንስ ነዚ ምስ ረኣየ ከምዝሞተ ኮይኑ ተሰምዖ። (ራእይ ዮሃንስ 1፣9-18 ኣንብቡ)

የሱስ ንዮሃሃንስ ካብቲ ስቃዩን ስቃይ ቤተክርስትያን ከውጽኦ ጥራሕ ዘይኮነ ተራእይዎ እንታይ ደኣ ኣነን ንስካትኩምን ካብቲ ጸገማትና ብኣምላካዊ ነገር ክንወፅእ፣ ከምዘይሓደገና ከፍልጠና ስለዝደለየ እዩ። ኣብ ስራሕ ከምዘሎ ነቲ ጉሓፍና ናብ ኣዋርቅ ይቅይሮ ኣሎ፣

የሱስ ንዮሃሃንስ ኪቃላዕ ከሎ። ንሱ ፈራድን ገዛእን ምኮኑ እውን ኣርእዮ። ኣነን ንስካትኩምን ከኣ መን ምኮና። ማለት ነጋውስን ኣቅሸሽትን ክንመርሕን ክንገዝእን ከም ዝተሓሰብና። ድልድል ክንከውን ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን እቲ ዝጠፍአ ህዝብን።

ኣብ ምዕራፍ 2ን 3 እታ ቤተክርስትያን ክትጸሪ ከምዘለዎ ምክንያቱ ናብ ውግእ ትከይድ ከምዘላን ክትስዕር ምኮናን ይዛረብ፣ ሓደ ወተሃደር ዝመረተ ካላሽን ዝተሰብረ ናይ ርእሲ ቆቢዕ ጌሩ ክስዕር ኣይክእልን እዩ ነዘን ክልተ ምዕራፋት ኣጽንዓየን ኢካ እግዚኣብሄር ከኣ ብዛዕባ ህይወትካ ከም ዝዛረብ ዘሎ ኣስተውዕለሉ፣

ኣብ ምዕራፍ ናይ ራእይ ዮሃሃንስ ፡፡ ዮሃሃንስ ናይ መንግስተሰማያት ማዕጾ ተከፊቱ ከምዚ ዝብል ድምጺ ከኣ ሰምዐ "ናብዚ ንዓ"። እግዚኣብሄር ንኩነታትና ከመይ ከምዝርእዮ ክንፈልጥ የድልየና ምእንቲ ከምቲ ንሱ ዝርእዮ ንሕና ከኣ ከምኡ ክንርእዮ፣ዮሃሃንስ ፍርዲ ከምዝርኢ ዘሎ ኣስተውዒሉ። ነቲ ፈራዲ እግዚኣብሄር ነቲ ዙፋንን ቀስተደበናን መብጽዓናይቲ ኪዳንውን ረኣዮም።

"ዙፋን" ትብል ቃል ኣብ ራእይ ምዕራፍ 4 ኣብ መጋባእያ ዝጥቀምሉ መናብር ናይ ፈራዶ እዩ፣ እግዚኣብሄር ኣብቲ ዙፋን ከም ፈራዲ እዩ ዘሎ! ካልኡት ብዙሓት ኣብነታት ውን ኣለው እግዚኣብሄር እቲ ፈራዲ ከምዝኮነ ዘርእየና፣ ገሊኦም ከምዝብልዎ 'መጽሓፍ ናይ ራእይን ናይ ፍርዲ ግዜን ንመጻኢ እዩ' ከምቲ ዝብልዎ ሓቂ ይከውን ግና ንሕጂ እዩ እውን! መንግስቲ ኣምላኽ ሕጂ ናብ መሬት ከነምጽኣ ስልጣን ኣለና! ብወገነይ ከምዚ ዓይነት ፍርዲ ተሞኪረ እየ!

ኣብ ምዕራፍ 5 ፡፡ ዮሃሃንስ ነቲ ማሕተም ኣብ የማናይ ኢድ ናይ እግዚኣብሄር ረኣዮ። እቲ ማሕተም መርገም ናይ ኩሉ ዓሌት ሰብ እዩ። ንዓይን ንዓካን ከኣ ብፍሉይ (ዘካ 5፣3) የሱስ ነቲ ማሕተም በብሓደ ፈቲሖ ነቲ ሓጥያትናን መርገምናን ዝከፈሎ እናኣረጋገጸ። ሓደ ንሱ ጥራሕ እዩ ከኣ ከምኡ ክገብር ዝክእል፣ ዮሃሃንስ በከየ ምክንያቱ ወለሓደ ዚበቅዕ የለን ኢሉ ስለዝሓሰበ፣

ሽዑ ዮሃንስ መዝሙር ሰምዐ "ንሳቶም ከኣ ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ቆንቆታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዝኮኑ ሰባት ዕዲግካሉ ኢካ። ንኣምላኽ ዝኮኑ መንግስትን ካህናትን ገቢርካዮም ኣብ ምድሪ ድማ ኪነግሱ እዮም እሞ ንስካ ነቲ መጽሓፍ ክትወስዶ ነቲ መሓትሙውን ክትፈትሖ ብቁዕ ኢካ። እናበሉ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ፣" (ራእይ 5፣9,10)

እቲ ማሕተም በብሓደ ክፍታሕ ምስ ጀመረ። እቲ ፍርዲ ከኣ ኣብ ግብሪ ይውዕል። ፍርዲ ክልተ ወገን እዩ ምስ እግዚኣብሄር። እቲ ሓደ ነቶም ዝተወፈዩን ዝተኣዘዙን ዝተዓወቱን ፡፡ ፍርዲ ከኣ ጥዑም ዜና እዩማለት ሰይጣን ገበነኛ ኮይኑ ክፍረድ ንሕና ግና ንጹሃትን ነጻን! ንጸላእትና ውድቀት ንዓና ከኣ ዓወት።

ኣብ ራእይ ምዕራፍ 6-18 ዘሎ ውድቀትን ጸገማትን በብሓደ ክገልጾ ኣይክእልን እየ። ናይ እግዚኣብሄር ፍርዲ ንዓና ነጻ ዘውጽኣና ጥራሕ ምኮኑ ዝገልጽ፣ እቲ ጸገም መብዛሕቲና ብዛዕባ እቲ ፍርዲ ክንሓስብ ከለና እግዚኣብሄር ከምዝረሰዓና ጌርና ንሓስቦ። ንነብስናውን ከም ግዳይ ጌርና ንቆጽራ። ብሓቂ ክንርእዮ እንተኮይና ግና በቲ ኩሉ ጸገማት ሓራ ኢና ንወጽእ ዘለና። ጥራሕ ብናይ እግዚኣብሄር መገዲ ምርኣይ የድልየና፣

ዘክር። እቲ መዓት ክወርድ ከሎ ንስካ እቲ ምልኣት(ስምዒት) ጥራሕ እዩ ዝስመዓካ። የሱስ ግና ነቲ ማሕተምካ ሒዝዎን። በቲ መርገምካ ከኣ ይውጋእን እዩ ዘሎ፣ ነቲ ኩሉ መርገምካን መቅጻዕትካን ካባካ ኣለዮ።

**ናይ ደም ኪዳን ትእዛዛት። እቶም ሰለስተ ቀንዲ ነገራት ክንዕዘቦም ዘለና፣**

"ሳላ ደም እቲ ገንሸል ሳላ እቲ ቃል ምስክሮምን ድማ ሰዐርዎ ንህይወቶምውን ክሳዕ ሞት ኣየፍቀርዎን፣" (ራእይ12፣11) ከምዚ ከኣ ይብሉ "እቶም ቀንዲ ሰለስተ" መስቀሉ፥ መስቀልካ፥ ቃላት ኣንጻር ነቲ ሰባሪ ናይቲ ኪዳን ወይ ሰይጣን፣ ኣብዚ መጽሓፍ ብኩሉ መዳያት እቲ ቅዲ ናይ ዓወት ተዛሪብናሉ ኢና ንሳቶም ከኣ።

1. ብቀጻሊ ብዛዕባ መስቀሉ ጽሑፋት ምንዳይ ማለት ይሱስ ኣብ ሞቱን ትንሳኤኡን እንታይ ብዓወት ዛዚሙ ምፍላጥ፣
2. ብቀጻሊ ንመረመራ ንነብስካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ምቅራብ ነቲ ናቱ ዘይኮነ ጠባያት ንክፈርዶ ምፍቃድ፣
3. ብቀጻሊ ኣንጻር ሰይጣንን ናይ እግዚኣብሄር ተስፋ ዝኮኑን ቃላት ምዝራብ፣

ከምዚ ትብል ትክእል ኢካ "ከምዚ ጌረ ኣብ ህይወተይ ምሉእ እይፈልጥን እየ። ግዝየ ሓሊፉ እዩ። ኢደይ ክህብ እምበር ዝከውን ኣይኮነን። ኣይፋል ,ኣይፋል! ጳውሎስ ኣብ ሮሜ ምዕራፍ 7 ከምዚ ኢሉ ኔሩ ኣነ ኩሉ ሳዕ ኣንጻር ስጋይን እቲ

ናይ ቀደም ባህርየይን ይቃለስ፣ እንደገና ኣብ ምዕራፍ 8 ከምዚ እነበለ ይዛረብ ብፍጹም ኣይደንጎካን ። ናይ መወዳእታ ፍርዲ ወይ ምኩናን ዝበሃል የለን ነቶም ብመንፈስ ዝጎዓዙ ። ነቶም ብስጋ ዝጎዓዙ ግና ኣይኮነን እዚ ማለት ኩሉ ሳዕ ግዜ ከምዘለና ንምጥዓስን ንምጽራይን፣

ኣብ መወዳእታ ኣብ ራእይ ምዕራፍ 18ን19 እቲ ናይ ዓለም ስርዓት ክወድቅ ንርኢ ። ንሱ ጥራሕ ግና ዘይኮነ እቲ ስርዓት ንዓይን ንዓካትኩምን ከም ጊልያነት ሒዙና ዝጸንሐ ንብዙሕ እዋናት ክወድቅ ንርእይ። ኣብቲ መስርሕ ናይ ምዕዋት እንተሃሊካ ። ጸላእትካ ክሰዓሩ ትርእይ፣

ኣብ ምዕራፍ 19 የሱስ ኣብ ጻዕዳ ፈረስ ተወጢሑ መላእክቲውን ንድሕነትና ክመጽኡ ረኣየ። ምናልባትውን ኣነን ንስካን ምስኡ ተወጢሕና ንካልኦት ነድሕን ንከውን። ብድሕሪኡ ብዛዕባ እቲ ናይ መርዓ ናይቲ ገንሸል ረኣየ።

ኣብ ምዕራፍ 20 ከኣ ሰይጣን ነቶም ዘይኣመንቲ ኣደናጊሩ ኣሰሮምን ኣሰንከሎምን። እዚ ከኣ ከም ስእሊ ናይ መንፈሳዊ ስልጣን ኣብቲ ግዜ ዓወት ዝረከብናዮ ኢና። ሽዑ ኣብ ምዕራፍ 21ን22 እቲ ክብሪ ናይ መንግስቲ እግዚኣብሄር ኣርኣየ። ንዓወት ምስ በቃዕና ዝያዳ ሓቂ ከምዝኮነ ንፈልጥ፣ ኣብ ራእይ 22፣2 ከምዚ ይብል “ብማእከል እቲ ኣደባባይ ይውሕዝ ነቲ ርባ ብክልተ ግቦኡ ድማ ኣብ ወወርሒ እናፈረየት ዓሰርተው ክልተ ፍረ እትህብ ኣኦም ህይወት ኣላ። ቆጽሊ እታ ኣኦም እቲኣ ከኣ ፈውሲ ህዝብታት ኮይኑ ኣሎ፣”

ኣብ ራእይ ምዕራፍ 21። እግዚኣብሄር ንዮሃንስ መንግስቲ እግዚኣብሄርን ሰረቱን ኩሉ ዓይነት ኣዋርቕ ዝሓዘን ኣርኣዮ። ኣነ ከምዚ ዝብል እምነት ኣሎኒ ነፍሲ ወከፍ ግዜ ናብ ናይ ዓወት መስርሕ ክንከይድ ከለና ካልእ ወርቂ ናብቲ መንግስቲ ንውስክ ኣለና። እዚ ከኣ ንእሽተይ ብንእሽተይ ናይ ሰይጣን መንግስቲ ዓሊና ናይ እግዚኣብሄር መንግስቲ ንምስርት ኣለና ማለት እዩ፣

ኣብ መወዳእታ የሱስ ከምዚ ኢሉ “እቲ ዘመን ቀረባ እዩ’ሞ። እቲ ነዚ ቃል ትንቢት እዚ ዜንብብን እቶም ዚሰምዕዎን ነቲ ኣብኡ ተጻሒፉ ዘሎውን ዚሕልውዎን ብጽኣን እዮም፣” (ራእይ1፣3)

ኣብ ናይ ዋችማን ኒ መጽሓፍ ኣርእስታ መኣዲ ናይ በረካ (A Table in the Wilderness) ትብል ከምዚ ዝብል ኣሎ።

“ኣነ የሱስ ኣብተን ማሕበራት እዚ ኪምስክረልኩም ኢሉ ንመልኣከይ ሰዲደዮ ኣሎኩ። ኣነሱር ዳዊትን ዘርኡን እቲ ብሩህ ኮኾብ ጽባሕ እየ፣” (ራእይ 22፣16) ናይ ራእይ መጽሓፍ ንየሱስ ክርስቶስ መቃልዒ እዩ። ነቲ መጋረጃ ቀሊዑ ንየሱስ የርእረካ ። እቲ ቀንዲ ዕላምኡ ብዛዕባ ዝመፅእ ኩነታት ማለት ምልዓል ኣንፃር ክርስትያናት፥ ምሕዳስ ናይ ንግስነት ሮማ፥ ሓጎስ ናይ መልኣከቲ፥እቲ ናይ መወዳእታ ውድቀትናይ ሰይጣን ፥ ናይ ሕማማትና ፈውሲ ማሕተማትን። ጥሩምባታትን ብልቃጣትን ኣይኮነን። ነቲ ህርፋን ናይ ኣእምሮና ከፀግሶ ኣይኮነን እቲ ዕላማ እንታይ ደኣ ነቲ መንፈሳዊ ድሌታትና ከነርውዮ ንሱ ከኣ ንየሱስ ክርስቶስ ብምሉእ ክንቃለዖን ክንፈልጦን። ምክንያቱ የሱስ እዩ ነቲ ኩሉ ሕቶታትና መልሲ፣ መጀመርያ ብዛዕብኡ ንጹር ኩን ብድሕሪኡ ዝመጽእ ነገራት ኩሉ ክንፈልጦ ኢና። ንሱ ከኣ ና ንጊሰ ነገስት ናይ ዓወት ኣምላኽ እዩ፣ ብምሉኡ ብድሕሪት ዝመጽእ ኩነታትውን ውጽኢት ናቱ እዩ፣

ጸገማት ናይ ህይወት ክስዕረካ ምስዝደሊ ወላውን እናገደደ ክከይድ ከሎ። ዘክር እቲ ገንሸል ወላውን እቲ ኣንበሳ ከምዘሎ። ቅድሚ እቲ ጸገም ኔሩ ሕጂውን ምሳካ ኣሎ ብድሕሪ እቲ ጸገምካውን ምሳካ ክህሉ እዩ፣

እስኪ ገምት ድሕሪ ሞትካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ገጽ ንገጽ ደው ምስበልካ። ነቲ ጸገማት ናይ ህይወት ከመይ ከምዝሰገርካዮ ክሓተካ እዩ ። ብእምነት ድዩ ወላስ ብፍርሕን ብጭንቀትን? ንሕና ከኣ ልክዕ ከም ንኣሽቱ ቆልዑ ኣብኡ ክንጸንዕን ተኣማንነት ክህልወና እምበር ክንሓፍር የብልናን። (1ዮሃ 2፣28)

ነቲ ገንሸልን ኣንበሳን ርኣዮ!

# ምዕራፍ 21

# ኢሳይያስ ምዕራፍ 53

ኣብ መላእ እዚ መጽሓፍ ብዙሕ ኣብነትት ብዝተፈላለዩ መዳያት ናይ ደም ኪዳን ርኢና ኢና ። ሕጂ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ እቲ ቅዱስ ጽሑፍ ብዛዕባ እቲ ምስተንክርን ምስጢርን ዝኮነ ደም ኪዳን ካብ ኢሳያስ ምዕራፍ 53 ክዛረብ ክንርእይ ኢና፣

ኣብ መዝሙር ዳዊት 25 እግዚኣብሄር ነቲ ምስጢር ናይ ደምኪዳን ዝቀልዓሎም ነቶም ዝፈርሕዎእዩ ዝብል። ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ምስጢር ሕቡእ ዝኮነ ክሳዕ ገለ ገለ ብቅዓት እተማልእ እዩ። እቲ ቀንዲ ብቅዓት ኣነ ዝብሎ ነቲ ምስጢር ናይ የሱስ ደም ክትፈልጡ ኩነታት ናይ ልቢ እዩ። ክፉት ልብን መሓሪ ልብን ምህላው። ነቲ ዘይምእዛዝካ ምጥዓስ። ሓቀኛ ልቢ ንሓጥያትካ መነስሒ። ንኣፍካን ቃላትካን ምሕላው። ነቲ ምስጢራቱ ንህይወትካ ዝቅይር ክቀልዖ ምርኣይ፣

ነዛ ምዕራፍ ባዕልካ ከትጽንዓ ፈትን። ሓደ ካብቶም ኣደነቅቲ ዝኮኑ ምዕራፋት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኢሳያስ ምዕራፍ 53 ከኣ እያ፣ እዚ ምዕራፍ ብርግጽ "ናይ የሱስ ደም" ምሉእ ብምሉእ ሰረት ዘንበረ እዩ፣

እንሆ እቲ ዘደንቅ ዘለኣለማዊ ጽሑፍ ናይ መሲሕ ካብ ኢሳ ምዕራፍ 53 ። እዚ ንዓካ ንኣንባቢ ዝተዳለወ እዩ። መጀምርያ ነቲ ጽሑፍ ኣንብቦ ዝጸለመን ቁጽሪ ዘለዎን ተጻሒፉ ዘሎ ቃል ትርጉሙ ኣብ ታሕቲ ኣሎ፣ ንእግዚኣብሄር ነቲ ቃላት ኣብ ህይወትካ ከተግብሮ ሕተቶ። ኣብዚ ሓቂ ከኣ ኣብነት ክሰደልካ ለምኖ፣

**ኢሳያስ 53፣ 1-12 ምስ ናይ እብራዊ ትርጉሙ**

*1. ነዚ ምስክርና መን ኣምኖ። ቅልጽም እግዚኣብሄርከ ንመን ተጋህደሉ*
*2. ኣብ ቅድሚኡ ከም ጨንፈርንከምቲ ካብ ንቁጽ ምድሪ ዚወጽእ ሱርን ጨብጨበ መልክዕን ውቃበን ኣይነበሮን፣*
*3. ንዑቅን[i] ብሰብ ድርቡይን[ii] እዩ በዓል ስቃይ። ብሕማም[iii] ልዱይከምቲ ኣብ ቅድሚኡ ገጾም ዚግልበቡሉ ሰብ እተዋረደ እዩ። ንሕናውን ገለእ ኣይቆጸርናዮን ፣*
*4. ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጾሮ[ix]። ንስቃይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ። ንሕና ግና ከም እተወቕዔን[x] ብእግ/ኣ ከም እተቀዝፈን[xi] ከም እተዋረደን[xii] ጌርና ቆጸርናዮ፣*
*5. ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና[ix] ቆሰለ [xiii]። ብሰሪ ኣበሳና[xi] ድማ ተከትከተ[x] ። ንሕና ሰላም[xiii] ምእንቲ ክንረክብ[xii] መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ። ንሕናውን ብስምብራቱ[xiv] ሓዊና[xv]፣*
*6. ኩላትና ከም ኣባጊዕ ተባረርና ነፍሲ ወከፍ ነናብ መገዱ ዘምበለ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኩላትና ኣብኡ ኣውደቖ[xvi]፣*
*7. መከራ[xvii] ጸገበ ርእሱ ኣዋረደ ኣፉውን ኣይከፈተን። ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዚከብከብ ገንሸል ከምታ ኣብ ቅድሚ መቀዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣፉ ኣይከፈተን፣*
*8. ካብ ጥቅዓትን ፍርድን[xviii] ተወሰደ ካብ ምድሪ ህያዋን ከም እተቆርጸ[xix] ካብቶም ወለዶኡ መን ሓሰቦ? ብምኽንያት ገበን ህዝበይ ተቀዝፈ፣*
*9. እኪይ ዘይገበረ ሓሶት ከኣ ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ ክነሱስ መቓብሩ ምስ ረሲኣን ገበሩ። ብሞቱ ግና ምስ ሃብታም ኮነ፣*
*10. እግዚኣብሄር ግና ብመከራ ክሕምሽሾ[xx] ፈተወ። ነፍሱ ንመስዋእቲ ሓጢኣት[xxi] ምስ ወፈያ። ዘርኢ ኪርኢ መዓልትታቱ ኬንውሕ እዩ ፍቓድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ኢዱ ኪሰልጥ እዩ፣*
*11. ጻማ[xxii] ነፍሱ ኪርኢ ኪጸግበውን እዩ። እቲ ጻድቕ ባርያይ ብፍልጠቱ ንብዙሓት ኬጽድቕ ኣበሳኦም ድማ ባዕሉ ኪጸውር[xxiii] እዩ፣*
*12. ነፍሱ ንሞት ስለ ዝወፈያ ምስ በደለኛታት ከኣ ስለእተቆጸረ። ስለዚ ግዲኡ ምስ ዓበይቲ ክመቕሎ እየ። ምርኾውን ምስ ሓያላት ኪመቅል እዩ። ግናከ ሓጢኣት ብዙሓት ጾረ። ምእንቲ በደለኛታት ለመነ[xxiv]፣*

## ትርጉም ናይ ኢሳያስ ምዕራፍ 53

i. ንዑቅ፣- ጽዩፍ፣ ኣትሒትካ ምርኣይ፣ ምንእኣስ፣ ነውራም ሰብ፣ ከንቱ ሰብ፣ ብላሽ ሰብ ተናዒቅካ'ዶ ትፈልጥ'ዶ ? ብካልእ ሰብ ክትርአ ከለካ ብላሽ ሰብ ኮይኑ ተሰሚዑካ ዶ ይፈልጥ? ከንቱ ብምኮንካ ሰብ ንዓካ ከምዘየለካ ርእዩ ሓሊፉካ ይፈልጥዶ? የሱስ ግና ነዚ ሓጥያትካ ወሲዱልካ!

ii. ምንጻግ (ድርቡይ)፣- ምሕዳግ፣ ምቁጣብ፣ ምጥንጣን፣ ምርሕራሕ፣ ምቁራጽ፣ ምግዳፍ

ተነጺግካዶ ትፈልጥ? ናይ ኣቦ ስራሕ ዘይሰርሕ ኣቦ ይህልወካ? ኣቦ ካብ ህይወትካ ወጺኡ ድዩ? የሱስ ነዚ ወሲዱልካ እዩ! ኣክንዳካ ንዕኡ በጺሕዎ እዩ፣

iii. ብሕማም፣- ሕማም፣ ድኩም ምኮን፣ ቅልውላው፣ ስንካለ፣ ናይ ሕማም ምልክትምርኣይ፣ ምቁሳል

ሓሚምካዶ ትፈልጥ? ብውርሻ ሕማም ሓሊፉካዶ ይፈልጥ? የሱስ ነዚ ወሲዱልካ እዩ! ኣብቲ ሓቂ ጥራሕ ጽናዕ!

iv. ጾር፣- ተሸከመ፣ ሓላፍነት ምውሳድ፣ ኣዕዘዘ፣ ኣልዓለ፣ ጸወረ፣ ደጋፊ፣ ሓጋዚ፣ ተሸካሚ

ብኣካን ኣባካን ዝተገብረ ሓጢኣት የሱስ ወሲዱልካ እዩ፣

v. እተወቕዔ፣- ጸፍዐ፣ ሃረመ፣ ዘበጠ፣ ሰዓረ፣ ረትዐ፣ ወደቀ፣ ሞተ

ብህይወት፣ ብኣስራሒካ፣ ብበዓልቤት፣ ብስድራካ ተሰኒፍካ ትፈልጥዶ? ኣብ ህይወትካ ሓደ ድሕሪ ሓደ ጸገማት እናመጹ ኣሸጊሮሙካ ይፈልጡዶ? የሱስ ተሳዒሩልካ እዩ ግና ካብ ሞት ተሲኡ ዓወት ሂቡካ!

vi. እተቀዝፈን፣- ቀተለ፣ ሓረደ፣ ሃረመ፣ ወቅዐ፣ ቆሰለ፣ ኣጥቅዐ፣ ቀጽዐ፣ ገረፈ፣ ኣሳቀየ

እንታይ ዓይነት መቅጻዕቲ ብዝገበርካዮን ዘይገበርካዮን ወሪዱካ ይፈልጥ? የሱስ ንኩሉ መቅጻዕትካ ባዕሉ ወሰዶ ምእንቲ ንስካ ተዓዋቲ ኮይንካ ክትወጽእ፣ ካብቲ ምሩክ ምኮን ብሓሺሽ፣ ዝሙት፣ ጸወታ፣ ምሉእነትካልኦትን ነጻ ሰዲዱካ!

vii. እተዋረደ፣- ጎድአ፣ ወጽዐ፣ ኣሳቀየ፣ ሃሰየ፣ ኣጸበበ፣ ኣበሰ፣ ኣጨነቀ፣ ኣጸገመ፣ ኣሻቀለ፣ ሃወከ፣ ጸበባ፣ ሽግር፣ ረበሻ፣ ህውከት፣ ጸቀጠ፣ ኣሕዘነ፣ ኣዛሕተለ፣ ኣቃዘነ፣ ኣጉሃየ

ሎሚ ጽቕጠት ሓባራዊ ኣብ ኩሉ ሰብ ዝርአ እዩ። ብጽቕጠት ተሳቅካ'ዶ ትፈልጥ? የሱስ ነዚ መቕጻዕቲ ወሲዱ ፍስሃ (ሓጎስ) ሂቡካ እዩ፣

viii. ቆሰለ፣- (እቲ ቀንዲ ቃል ካብ ኣይሁድ ዝመጸ ኮይኑ በቲ ሕጊ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ እዩ ተጀሚሩ) ኣምራሰሐ፣ ኣበላሸወ፣ ኣርከሰ፣ ሓዘን፣ ጎሂ፣ ጣዕሳ፣ ጉድኣት፣ ርኩስ፣ ውርደት፣ ሕፍረት፣ ኣነወረ፣ ወግአ፣ ሰንጠቐ፣ ኣንኮለ

ህይወትካ ኣርኪስካያዶ ትፈልጥ? ብዝሙት ወይ ዓመጽ ተዋሪድካ'ዶ ትፈልጥ? የሱስ ሓጥያትካ ተቀቢሉልካ እዩ ብኩሉ ወገናቱ

ix. ገበንና፣- ሓጥአ፣ በደለ፣ ፈንጠሰ፣ ስሕታን፣ ሓጥያት፣ ዕልወት፣ ኣብያ

ዓሊካ'ዶ ትፈልጥ? ዓለውቲ ቆልዑ ኣለውካ'ዶ የሱስ ነቲ መቕጻዕትካ ናይ ዕልወት ወሲድዎ እዩ። ጥራሕ እመን እሞ ተኣምር ክትርኢ ኢካ፣

x. ተከትከተ፣- ተሰብረ፣ ጨፍለቀ፣ ሓምሸሸ፣ ስንብራት፣ ኣብረሰ፣ ኣዕነወ፣

ብህይወት ተዶቂስካ ትፈልጥዶ? ብህይወት ዝሰንበርካ ኮይኑ ተሰሚዑካ ዶ ይፈልጥ? የሱስ ነዚ ባሕጊጉ ወሲዱልካ እዩ፣

xi. ኣበሳና፣- መቕጻዕቲ፣ ጉድለት፣ ኣበር፣ ኢንታ፣ ጌጋ፣ ገበን፣ እከይ፣ ኣጸገመ፣ ኣጨነቀ፣ ሕማም፣ ተወርሳዊ ሓጢኣት፣ ሳዕቤን ናይ ብውርሻ ዝመሓላለፉ ሓጢኣት፣ ዕዳ

xii. ከንረክብ፣- ምምሃር ምእራም፣ ኣንጽሀ፣ ቀጽዐ፣ ውዕል

ኣብ እብራውያን 12 ከምዚ ይብል ቅጽዓት ዘበለስ ንግዚኡ ንጎሂ እምበር። ንሓጎስ ከምዚከውን ኣይመስልን እዩ። ንዳሕራዩ ግና ነቶም ዝለመድዎ ናይ ሰላም ፍረ ጽድቂ እዩ ዝፈሪ፣

xiii. ሰላም፣- ጽቡቕ ግሩም፣ ድሕንነት፣ ሰላምታ፣ ጸጋ፣ ሃብቲ፣ ብልጽግና፣ ጥዕና፣ ርጉጽ

ህላወ ናይ እግዚኣብሄር ኣብ ህይወትካ ሰላም የምጽእ። ኣብ ህይወትካ ኣብ ዝኾነ ኩነታት ብቃሉን ብመንፈስ ቅዱስን ኣቢሉ ሰላም ይሰደልካ። ነዚ ዝገብረልካ ምኽንያት ነቲ ሰላምካ ዝከልእ ኩሉ ካባካ ስለዝወስደልካ እዩ፣ መለኮታዊ እዩ ግና ህላውነቱ ከንረክብ ከንቃለስን ከንጽዕርን ይግባእ

xiv. ብስምብራቱ፣- ኩርማጅ፣ ጎድአ፣ ሃሰየ፣ ኣሳቀየ፣ ቁስሊ፣ ልሕጻጽ

xv. ሓዊና። ፈወሰ፣ ኣተዓረቀ፣ ሓከመ፣ ኣሕወየ፣ ተከናከነ

xvi. ኣውደቆ፣- ኣዐረየ፣ ጸገነ፣ ኣረመ፣ ነቲ ኩሉ ጭንቀታት ምሕዋይ,

xvii. መከራ(ተጨቆነ)፣- ኣገደደ፣ ሽግር፣ ጸበባ፣ ጭንቂ፣ ጎሂ፣ ገዛኢ፣ ኩብራረ

መከራ ንሓንሳልና ምስ ኣጨነቆ። ኣብዚ ኣተሓሳስባ ደው ክንብል ንክእል ኢና የሱስ ነቲ ኩሉ መከራታትና ወሰደ፣

xviii. ፍርድን፣- መዚ፣ ሾመ፣ መጋባእያ፣ መቕጻዕቲ፣ ፈረደ፣ ወሰነ፣ መደምደምታ፣ ምጉት

ምስ መንፈስ ቅዱስ ንጎዓዝ እንተሃሊና ፍርዲ ወይ ኩነኔ ኣይምልከተናን እዩ፣

xix. እተቖርጸ፣- መቀለ፣ መንጠለ፣ መንዘዐ፣ ኣዕነወ፣ ኣብረሰ፣ ፈለየ፣ ነጸለ፣ ኣወገደ፣ ኣልገሰ

የሱስ ኣብቲ መስቀል ካብ ኣቡኡ ተፈላለየ ምእንታን ንሕና ምስ ኣቦና ክንጽንበር። ብዙሓት ምስ ኣቦታቶም ምሉእ ዘይኮነ ዝምድና እዩ ዘለዎም። ወላ እቶም ዝበለጹ ኣቦታት ኣብ ገለ ገለ ጎደሎ ኣለዎም፣ ኣብቲ ኣብ ዝተሰብረ ናይ ኣቦን ውሉድን ዝምድና ኩሉሳዕ ምንጻግ ኣሎ። የሱስ ግና ነዚ ምንጻግ ካባና ወሰዶ፣

xx. ኪሕምሽሾ(ስንብራት)፣- ኣሳቀየ፣ ቆሰለ፣ ማህረምቲ፣ ምልክት፣ ቃንዛ

ስንብራት ናይ ውሽጢ ቁስሊ እዩ። ብውሽጢ እዩ ከኣ ዝደሚ ግና ብላዕሊ ጸሊምን ሰማያውን ምልክት ይገድፍ። እዚ ከኣ ምልክት ናይ ውሽጣዊ ማህረምቲ ምሕዋይ ዘድልዮ እዩ። እቲ ደግያዊ ምልክት ጸገም የብሉን እቲ ውሽጣዊ ምቁሳል ግና ግድን ምሕዋይ የድልዮ፣

xxi. ሓጢኣት፣- እቲ ቃል ሓጥአ ማለት ጥራሕ ዘይኮነካሕሳ ናይ ሓጢኣትውን የመልክተልና እዩ፣ ገበን፣ በደለ
ሓጥያትና ጥራሕ ዘይኮነ ለጊሱ። ንሱ ዘምፅአ ሳዕቤናቱ(መዘዙ)
xxii. ጻማ (ጻዕሪ) ፣- ዕዮ፣ ዕማም፣ ስራሕ፣ ሕሰም፣ መከራ፣ ጸበባ፣ ጭንቂ፣ ጎሂ፣ ድካም፣ ለፍዐ፣ ደከመ፣ ተጻወረ
xxiii. ኪጻውር፣- ተሰከመ፣ ሓዘ፣ ጻዕሪ፣ ጾር፣ ተጸመመ፣ ናብ ሓደ ሰብ ጾርካ ምስካም።
እዞም ክልተ ቃላት ምጽዋርን ጾርን ንዓካ ተሓሲቡ ዝነበረ ዘስካሕክሕን ዘሰንብድን ሕማቅ ነገራት። የሱስ ካባካ ወሲዱ ኣብ ነብሱ ኣዕለቦ ስለዚ ንስካ ትርእዮ ነገር የለን እዩ ዘመልክተልና፣ ዘክር ግን እዚ ኩሉ በቲ ሓይሊ ናይ ደም እዩ፣
xxiv. ለመነ፣- ገበን ናይ ሓጢኣት፣ መቅጻዕቲ ናይ ሓጢኣት፣ ዕርቂ፣ ኣንጽሀ፣ ኣጽረየ፣ ሓራ ገበረ፣ ተሰከመ፣ ኣጽፈፈ።